# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ቀዳማይ ክፋል) ብኣለና

SATURDAY, 25 SEPTEMBER 2010 22:18



ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ሎሚ ንመጀመርያ ግዜ እጽሕፍ ኣለኹ። ነቲ ብግዱሳት ዜጋታት ኤርትራ ወትሩ ዝጸሓፍ ዝነበረ ሃገራዊ ትሕዝቶ ዝነበሮን ዘለዎን ጽሑፋት ግን ከየንበብኩዎ ኣይሓለፍኩን። ሎሚ ካብ ምንጋጋ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘምለጥኩሉ ግዜ ከም ህዝበይ ዝከኣለኒ ኣበርክቶ ንክገብር ድማ እጅገይ ሰብሲበ ኣለኹ።

እነሆ ድማ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ ምስ ብዙሕ ጉድለታቱን ገፈሉን ኣሃዱ እብል። ሓደ ሰብ ኣንጻር ሓሙሽተ ሚልዮን ከም መንደላይ ተመን ‘ዓራግ ዕጫይ’ ተጠምጢሙና ኣብ ዘለወሉ ግዜ፣ ኩላትና ኣንጻሩ ክንሰምር ታሪኽ ይሓተና ኣሎ።

ኣሕዋተይ! ንሕና ኤርትራውያን ባህርያት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሎሚ ድሕሪ ደርዘናት ዓመታት ኢዩ ተረዲኡና። እቶም ከም ‘ኣባት-ጦር’ ዋርድያ ደንጉዩ ዝርደኦም ወገናትና ድማ ገና የጣቕዕሉ ኣለዉ። “ደርሆስ በምዑት ደቃ ትጻወት” ከም ዝበሃል፣ ህዝቢ እናሃለቐን ሃገር እናባደመትን እንከላ፣ ብኤርትራን ህዝባን ዝጻወቱ ዘለዉ ተበለጽቲን ልቕብቃባትን ድማ ታሪኽ ይጸባጸቦም ኢለ ጥራይ ክሓልፍ።

ኣንጻር ኢሳይያስ ዝተዛረበ፣ ዝጸሓፈ፣ ዝመስከረ ወ.ዘ.ተ... ከም ጸረ-ሃገር ዝቖጽሩ ዓቀይቶት፣ ይዋእ! ኢለ ክርስዖም።ብሓቂ ንኤርትራ ዝጸልእ ኤርትራዊ የለን፣ ንኢሳይያስ ዝጸልአ ዜጋ ከም ጸላኢ ሃገርን ህዝቢን ጌርካ ምርኣይ ድማ ህግደፍ ኣብኩዑ ዝሰንከቶ መርዛም ሃንዛ ኢዩ። እቲ ምንታይ ንወላዲቱ፣ ካብ ማህጸን ንዘውጸኣቶ ኣዲኡ ዝጸልእ ፍጡር ስለዘየለ። ኣብ ከምዚ ዘለናዮ ዋግ-ዋጎ ብርሃን፣ ብዙሕ ጭውጫውታ ይስማዕ ኣሎ። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ 50 ዓመታት ይውሰድሉ፣ ወላ ነቲ ብዕለት 12 ጥቅምቲ 1985 ዓ.ም. ኣብ ማተርኒቲ ዓራርብ ዝተወልደ ናብ ኣብርሃም ወዱ የሰጋግሮ! በዓል ዕላማ ኢዩ።

ድሕሪ ፍጻሜ 2001 ተስፋ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተቓወምቲ ውድባት ኢዩ ነይሩ። እቲ ምንታይ እቶም ተስፋ መጻኢ ወለዶታትና ንክኾኑ ዝመረጽናዮምን ዝተጸበናዮምን መሪሕነት፤ ኣሰር ‘መንካዕን’ ‘የሚንን’ ስለዝሰዓቡ። ኤርትራ ስለ ናጽነት ህዝባ ረዚን ዋጋ ከፊላ ክነሳ፣ ብሰንኪ ሕቡእ ኣጀንዳ ኢሳይያስ ድማ ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ብኣብርሃም ተወልደን ሃብተስላሰ ገብረመድህንን ዝፈለመ ቅንጸላን፣ ከም ጋሻ ውሕጅ እናተሰራሰረ ዝገንፈለ ስሱዕ ስልጣን ኢሳይያስን፤ ምሁርን መስተውዓሊን ዜጋና ጸኒቱ ኢዩ። ጉዳም ኣጀንዳ! ዘዝተወልደ ኣብ ክንዲ ንዩኒቨርሲቲ ናብ ሳዋ፣ ብሒም ዝበለ ጉስጢን መቑሕን፤ ናብ መድፈና ዕራዒሮ ምእታውን ዘዝጸበቦ ድማ ናብ ስደትን ውርደትን!

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘየላቡ ህሞት ብስልጣን... ኣውራጃ...ሃይማኖት... ወገን ምውጣት ፈጺሙ ሰዓቱ ኣይኮነን። ተቓወምቲ ውድባት ‘ክንብርኩት ከይንብርኩት ናብ ማይ ዘለዎ ንብጻሕ’ ከም ዝበሃል፤ ገና ከይተበገሳ ብዛዕባ ስልጣን’ዶ መሪሕነት! ክዋጠጣን ክፈላለያን ተዓዚብና። እቲ ካብ 60ታት ቀጺሉ’ውን ኣብ መጀመርያ 70ታት ኤርትራውያን ንምጽናት ስዉር ኣጀንዳ ሒዙ ዝተበገሰ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ገና ክርዳድ ናብ ውሽጢ ተቓወምቲ ውድባት ይዘርእ ከም ዘሎ ክሰሓት የብሉን።

እቲ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ተቓወምቲ ውድባት ከኣ፣ ጉልሒንጣ ከም ዝኣተዎ ዘራእቲ እናደኸማ'ምበር እናሰወዳ ክኸዳ ኣይተራእያን። ከም ስርኤል ቀትሪ 15 ኮይነን ይረኣሞ፣ ናብ 5 ይቕየራ፤ እንደገና ናብ 7 ጸኒሐን ናብ 3 ይምለሳ። እዚ ዕንኪላሎ'ዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ኢሳይያስ ዝዘርኦ ዝነበረን ዘሎን ክርዳድ ኢዩ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ሽግር፣ ኣብ መብዛሕትአን ውድባትን ሰልፍታትን ጽላሎት ኢሳይያስ ስለዘሎ ኢዩ። ኢሳይያስ በዓል ዕላማ ኢዩ። ከምቲ ብዙሕ ዓመታት ዝጸሓፍ ዝነበረ ንመበቆል ትውልዱ ገዲፍና ናብቲ ቀንዲ ክፍኣቱን ክበጽሖ ዝሓለነ ጥርዚ ሃረምን ከነማዕዱ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣብ 1970 ዓ.ም. ብድሕሪ መስዋእቲ ኣብርሃም ተወልደ፣ ስኑ ነኺሱ በትረ-ስልጣን ንምጭባጥ ዘይደቀሰ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ነቲ ሽዑ ዝነበረ በዱ ልብታት ኤርትራውያን ክርዳድ ንክዘርኣሉን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ቸዝ ክጻወትን ተጓየየ። ኣብቲ ሽዑ ዝካየዱ ዝነበሩ ኣኼባታት እቲ ውሑድ ቁጽሩ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት፣ ምስቲ ብዙሕ ቁጽሪ ዝነበሮ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት፤ ማዕረ ወይ ዝያዳ ኣባላት ከም ዝሳተፉ ይገብር ነበረ። ኣብ ኩሉ ዓመታት ለባማትን ምሁራትን ኤርትራውያን 'ኣንጭዋ ትሕለፍ ምእንቲ ሞጎጎ' ኮይኑዎም ትም ኢሎም ይሓልፍዎ ነይሮም።

ኩሉ ዝሓልፍ ዝነበረ ውሳኔታት ድማ ባዕሉ ሓንጢጡ ዘንብቦ ዝነበረ ኢዩ። በዱ ልብታቶም ተጋደልቲ 1970፣ ናጽነት ኤርትራ ንምጭባጥ ዘይክማህ ድሌት ስለዝነበሮም፣ ነቲ ገደብ-ኣልቦ ስዉር ጉያ-ጉያ ንምልካዊ ስልጣን ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከም ትጉህ ደላይ ናጽነትን ፍትሒን ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ስለዝረኣይዎ፤ ንኹሉ ተበላጺ ውሳኔታት ብዘይ ተቓውሞ የጽድቕዎ ነበሩ።

ቅድሚ 40 ዓመታት ንዝነበሩ ገለ ውሑዳት ውሳኔታት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እምበኣር፣ በብመነጽርና ንርኣዮም። ሽዑ ናብ ባህጊ ህዝቢ ኤርትራ ዝጠመተ ዓይኒ እንተዝነብሮስ፣ ሎሚ ናብ መንገዲ ከድዓት ኣይመላገሰን። እቲ ምንታይ ትልሚ ከም ተላሚኡ ስለዝኾነ።

ኣብ ሰለስተ ኣገደስቲ ኣኼባታት ዝፈለሞ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ፤ ሶዶሕ ዔላ፣ እምባህራንተኽሊን ዝነበሩ ውሳኔታት ከምዞም ዝስዕቡ ነበሩ፦

**'ሀ'**

ኣብ ሰነ 1970 "ሶዶሕ ዔላ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣኼባ ገይሮም። ህ.ሓ.ሓ.ኤ. መስሪቶም፣ ዲሞክራስያዊ ዝኾነ ውሳኔታት ኣሕሊፎም። ምስቲ ኣብ ደገ ምስኦም ኪዳን ዚኣተወ ሓይሊ ዚነበሮም ስልታዊ ዝምድና ኣብሪሆም። ካብ ትሽዓተ ኣባላት ዚቐመ መሪሕነት መረጹ።

ትሕዝቶ ውሳኔታት ናይቲ ካብ 100 ንላዕሊ ዚኾኑ ተጋደልቲ ዚተሳተፉዎ ካብ 26/6 ክሳብ 02/07/1970 ዓ.ም. ዚተገብረ ኣኼባ እዚ ዚስዕብ ነበረ፦

- እቲ ዚተኣኻኸበ ሓይሊ ህዝባዊ ሓይልታት ተባሂሉ ኪጽዋዕ።
- ኣንጻር ቅያዳ-ኣልዓማ መኪቱ ንድልየት ህዝብን ተጋደልትን ብዝውክል ሕንጻጽ ኪዓዪ።
- ናይ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ወገን፣ ስምዒታት ንምድምሳስን ንሓድነት ናይ ሓደ ህዝብን ኪዓዪ።
- ናይ ህዝብን ተጋደልትን ንቕሓት ክብ ንምባል ናይ ምንቕቓሕ ጨንፈር ኪቐውም።
- ምስ ናይ መርገጺ ሓደ ሓደ ኣባላት ብ"ኣማና ዓማ" ከይእመን።
- ምስ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዚህሉ ዝምድና ናይ ስራሕ ምትሕግጋዝ'ምበር /ከምቲ ልሙድ/ ናይ ደገ መራሒን ናይ ውሽጢ ተመራሕን ከይከውን።
- በቲ "ላዕለዋይ ባይቶ" ዚበሃል ኣካል ዘይምእማን።
- ሓፋሽ ተጋደልቲ ዓማ ምቕባል። ሓለፍቲ ዚነበሩ ግን ድሕሪ መጽናዕቲ።

- ንህዝቢ ብረት ምዕጣቕ "ሚሊሽያ'' ምምስራት።
- ሰፊሕ ውድባዊ ጉባኤ ንምግባር፣ ንዕኡ እተሰናድእ ኮሚቲ ምቕራብ።

**'ለ'**

ናይቲ ካብ 30/09 ክሳብ 07/10/1971 ኣብ ''እምባህራ'' ዚተገብረ ኣኼባ ውሳኔታት ቀንዲ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ እዚ ዚስዕብ ነበረ፡-

- ኣብ ኤርትራ ዚግበር ብረታዊ ቃልሲ /ወተሃደራዊ ስራሓት/ መቐጸልታ ናይቲ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስልጣን ንምትካል ዚግበር ፖለቲካዊ ቃልሲ ምዃኑ ምርግጋጽ።
- ኣብ መንጎ ተጋደልትን ህዝብን ዘሎ ዝምድና ንምድልዳል ዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ስራሕ ምምዕባል።
- ካብ ምምቕቓልን ድሑር ዝምድናታትን ሓራ ዚኾነ፣ ኣብ ሰውራዊ መሰረት ሃገራዊ ሓድነት ምምስራት።
- ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘሎ ግርጭት ካልኣዊ ስለዝኾነ ምስ ኩለን ሃገራውያን ሓይልታት ብናይ ሓባር ፕሮግራም ተወሃሂድካ ምስራሕ።
- ናይ ኣማና ዓማ ስራሓት ቀይዲ ከም ዝህልዎ ምግባር።
- ንናይ ቅያዳ ዓማ "ሃገራዊ ጉባኤ'' ምንጻግ።
- ኣብ መንጎ ሰውራ ኤርትራን ህዝብታትን ሰውራታትን ኣፍሪቃን እስያን ላቲን ኣሜሪካን ዝምድና ምድልዳል።
- ሃጸይነትን ጽዮንነትን ምቅዋም።

**'ሐ'**

እቲ ካብ 12-15/08/1971 ኣብ ''ተኸሊ'' ዝተገብረ ኣኼባን ውሳኔታቱን ዚሓንጸጾም ቀንዲ ናይ ፖለቲካ ነጥብታትን እዞም ዚስዕቡ ነበሩ፡-

- ንቅያዳ ዓማን ሕንጻጻቱን ምቅዋም።
- ንናይ ቅያዳ ዓማ ሃገራዊ ጉባኤ ምንጻግ።
- ሃይማኖት፣ ዓሌትን ወገንን መሳርሒ እናገበርካ ዚዝውተር ምክፍፋላትን ምዕምጻጽን ምቅዋም። ኣብኡ ዚተመስረተ ሻርነትን ኪዳንን ድማ ዘይምግባር።
- ናይ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ወገንን ጾታን ፍልልይ ዘይገብር ስሙር ኤርትራዊ ሰልፊ ምህናጽ።
- ምስ ካልኦት ሃገራውያን ሓይልታት ዘዛምድ ናይ ስራሕ መደብ ምቕራብ።
- ንሰብ ብሰብ ዚግበር ምዝማዘን ጭቆናን ዘይብሉ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ምቅላስ።

- ምስ ኣብ ኣፍሪቃን እስያን ላቲን ኣሜሪካን ዚርከቡ ጭኩናት ህዝብታት፣ ገስገስቲ መንግስታትን ተጋድሎታትን ምትሕግጋዝ።
- ጸረ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ባዕዳዊ ግዝኣት ኢትዮጵያን ብዕጥቂ ብረት ምቅላስ።

እምበኣርከስ ነዘን ቅድሚ 40 ዓመታት ኣብ ላዕሊ ተዘርዚረን ዘለዋ ጥንታውያን ውሳኔታት ኣብ እነንብበሉ ግዜ፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ጥሙሕ ምልካዊ ንምኧን ኣብ ከብዱ እናሓቖነ ከም ዝተበገሰ የነጽረልና።

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ካልኣይ ክፋል) ብ ኣለና

TUESDAY, 28 SEPTEMBER 2010 22:51



ስርናይ ዝተተለመት ጽግኢ፣ ስርናይ ኢያ እትፈሪ። ክርዳድ ዝተተለመት ቃድራ ድማ ከም ትልማ ክርዳድ። እነሆ’ምበኣር ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቅድሚ 40 ዓመታት ብዝተለሞ ዘርኢ ክርዳድ ንሕና ኤርትራውያን ክርዳድ ፈሪና።

ኣብ ክንዲ ሰላም ኩናት፣(ምስ የመን፣ ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲ) ኣብ ክንዲ ፍቕሪ ጽልኢ፣ ኣብ ክንዲ ሃገራዊ ሓድነት፣ ኣውራጃዊ፣ ሃይማኖታዊን ብሄራዊን ፍልልይ፣ ኣብ ክንዲ ጽጋብ ጥሜትን ዓጸቦን፣ ኣብ ክንዲ ምትእምማን፣ ምጥርጣርን ጅብሃን ሻዕብያን እናተበሃሃልካ ምንቛት፣ ኣብ ክንዲ ርግኣት ስደት ወ.ዘ.ተ… ፈሪና።

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’ ጽሑፈይ እቲ ሰማይ ጠቀስ ድሌት ንስልጣኑ፣ ካብቲ ዝጅምር ዝነበረ ኣኼባታት ክፋላት ህዝባዊ ሓይልታት ገለ ነገር ተገንዚብና ክንከውን እትስፎ።

እዚ ንስሱዕ ባህግታቱ ዝሓንጸጾ ናይ ቀደም ትልሚ፣ ክሳብ ክንደይ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን የላግጽ ከም ዝነበረ የብርሃልና። እዘን ንኣሽቱ ሕጡበ-ጽሑፋት ካብቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1973 ዝጸሓፎ መጽሓፍ ‘መንካዕ’ ዝተቐንጨላ ኣብነታት ኢየን።

እቲ ውሑድ ቁጽሪ ዝነበሮ 2ይ ክፋል ህዝባዊ ሓይልታት (ኢሳይያስ ዝመስረቶ ሓይሊ) ልዕሊ’ቲ ብዙሕ ሓይሊ ሰብ ዝነበሮ 1ይ ክፋል ህዝባዊ ሓይልታት (በዓል ሮሞዳን መሓመድ ኑር፣ መሓሪ ደበሳይ ወ.ዘ.ተ… ዝመስረትዎ ውድብ) ወኪላት የሳትፍ ነበረ። እስከ ነዛ ኣብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት 1971 ዓ.ም. ንእሽቶ ስስዕቲ ውሳኔ ኢሳይያስ ንመልከት፡-

**<u>ኣብ ናይ ምምሕዳር ሜዳ</u>**

*<< ኩሉ ምምሕዳራት በብዘለዎ ጸኒሑ ካብ ሰለስቲኡ ምምሕዳራት ካብ 57 ኣባላት፣ ካብ ህ.ሓ. 1ይ ወገን = 21፤ ካብ 2ይ ወገን ህ.ሓ. = 25፤ ካብ ሓ.ሓ.ኤ.(ደበል) =11 ዚቖመ ዚለዓለ ሕጋዊ ስልጣን ናይ ሰለስቲኡ ምምሕዳራት ኪኸውን። ኣመሓዳሪት ኮሚተ ዚመርጽ ሕጋዊ ኣካል ምቛሙ፣ (ግዚያዊት ኣመሓዳሪት ኮሚተ) ዚስማ፣ ብመሰረት ማእከላዊ ዲሞክራስያዊ እትምራሕ፣ ናይ ሓባር ኣመሓዳሪትን ዚለዓለት ፈጻሚት ስልጣን እትኸውን፣ ኣቦ መንበርን ጸሓፍን ናይ ነፍስ-ወከፍ ክፍለ- ስራሕ ሓላፍን ዘለዉዋ፣ ካብ 7 ኣባላት፤ ካብ ህ.ሓ.1ይ ወገን = 2፣ ካብ ህ.ሓ.2ይ ወገን= 3፣ ካብ ሓ.ሓ.ኢ. (ደበል) ድማ 2>>*

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንሕና ደቂስና እንከለና፣ ንሱ ትኽስ ኣይበለን። ካብ ግዜ ምስላፉ ክሳብ መደምደምታ ውግእ ሓድ-ሕድ 1981፣ ክሳብ ናጽነት ሃገርና፣ ካብኡ’ውን ክሳብ ውግእ ባድመ፣ ምቕፋድ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባርን ሎሚን ዝነበረ ጉዕዞ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ንምጥቕላሉ ፈጺምካ ዝከኣል ኣይኮነን። ውድቀቱ ኣኺሉ’ዃ እንተኾነ፣ ምስጢራቱ ክሳብ ዝፍለጡ ግን ደርዘናት ዓመታት ክወስድ ኢዩ። እቲ ምንታይ ናይ ሂትለር ምስጢራ’ዃ ክሳብ ሎሚ በብቑሩብ ይፍለጡ ስለዘለዉ።

ዝግ ኢልና ከም እንበጽሖ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ ኢሳይያስ ካልእ ደመኛ ጸላኢ የብሉን። ኣብዚ ሎሚ መሸንቆቓ ናብ ክሳዱ ኣትያ ዒቕ-ዒቕ ኣቢላትሉ ዘላ ወቕቲ፣ ኩላትና ኤርትራውያን ብሓደ ድምጺ ‘ሳቦያ’ ኢልና

እንተዘይኣጽዲፍናዮ፤ ከምታ ን'መንካዕ'፣ 'የሚንን' ጉጅለ 15ን ዝተሰልበጦም መድሎ እንተረኺቡ ንምስልባጥ ድሕር ዝብል ሰብ ኣይኮነን።

ካብዚ ተመኩሮ'ዚ ብምብጋስ ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ልዝብ…ዕርቂ…ሓባራዊ መንግስቲ ምቛም…ብሓባር ምስራሕ ኢሉ ዝሓስብ ጥራይ ዘይኮነስ ዝሓልም'ውን እንተሎ፤ ንበጊዕ ናብ ሰፈር ተኺሉ ኣእቲኻ ንግሆ ዕየት ክትወልደልካ ምጽባይ ከም ማለት ኢዩ ዝቑጸር። ስለዚ ንሕና ኤርትራውያን ነዚ ብበትሪን ዓረርን እናዘበጠን እናቐፈደን ዝበታትነና ዘሎ ውልቀ-ምልካዊ ኣነጻጺርና ሓቀኛ ምስሉ ናብ ዝህቢ ከነቕርብ እዋናዊ ጉዳይና ኢዩ። ጉዳይናን ጉዳይ ኢሳይያስን 'ብየማን ንዝጸፍዓካ ብጸጋም ድግመኒ በሎ' ዝዓይነቱ ኣይኮነን። ቀዳማይን ካልኣይን ሓባሪ ናብ ግንባሩ ኣነጻጺርና እንተተበጊስና ድማ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ጋህዲ ከም ዝኸውን ምንም ጥርጥር የለን። እታ ግናይ ናይ ክፍኣት ቆረበሻ ህግደፍ ከኣ ምስኡ ከም እተብቅዕ ዝተጋህደ ሓቂ ኢዩ።

ክሳብ መዓስ ኢና ትም እንብል? ክሳብ መዓስ ኢና ብስም 'ሉኣላውነት ሃገር' ንኢሳይያስ 'ጽንጽያ ዓይኑ ኣይተንፍርሉ' እንበሃል? ስለምንታይ ኢዩ ንኢሳይያስ ብጎነጽ ምእላይ ወይ ኣንጻሩ ጠበንጃ ምትኳስ ከም ክሕደት ንኢየሱስን ደቀ-መዛሙርቱን፤ ወይ ጥልመት ንመሓመድን ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲንን ዚቑጸር? ስለምንታይ ኢዮም ሰባት ናብ ኢትዮጵያ ምእታው ወይ ንጉዳይ ሃገርና ኣብ ዝምልከት ምስ ኢትዮጵያውያን ዝርርብ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ከም ክድዓት ዝቕጽሩዎ? ኤርትራዊ ደላይ ለውጢ ደኣ ናበይ ከይዱ ይጋባእ? ኢሳይያስ ጠበናጁ ዝዓጠቑ ኢትዮጵያውያን ኣብ ኣንቶረ፤ ናብ ግብረ ሽበራ ዝዋፈሩ ጉጅለ ኣልሸባብ ሶማላውያን ኣብ ከባቢ እምበረሚ ዓዓሊሙ ኣዕጢቑን እናኣበገሰ፣ ስለምንታይ'ዮም ሰባት ኣብ ኢትዮጵያ ምጽጋዕ ከም ፍንፋን ተግባር ዝወስዱዎ? ናበይ ደኣ ንኺድ! ናብ ወርሒ ወይስ ናብ ማርስ? ካብቲ ዝጸናሕናዮ መንቀራቕሮ መዶሻን ኡንከዲኖን ክንወጽኣሉ ዝግባእ መዓልቲ ሎሚ'ዩ።

ከም በዓል ኢሳይያስ ውልቀ-ምልካዊ ንዝሓዝዎ ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ረብሓ ህዝቢ ንምምላስ፤ ክልቲኡ ክፉላት መቃለሲ ማለት ፖለቲካዊን ጎነጻዊን ሽነኻት ቃልሲ ከተናዲ ኢዩ ዝምረጽ። ብዛዕባ ጎነጽ ወይ ጎነጻዊ ቃልሲ ኢለ ክዛረብ እንከለኹ፣ ነታ ካብ ኣፈ-ሙዝ እትወጽእ ዓረር እትመርሕ ፖለቲካዊ ምንጪ ጥራይ ምዃና እኣምን።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2006 ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ጀነራላትን ብዛዕባ 'ተቓወምቲ ውድባትን ኣንፈቶምን' ምስጢራዊ ኣኼባ ገይሩሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡- "… ሃመማ እንተተኣከቡ መኸደን ኣልባ ነይከፍቱ" ክብል መሲሉ ኢዩ። እዚ ውድዓዊ ገምጋም ኢዩ። ምኽንያቱ ተቓወምቲ ውድባት ብሰንኪ እቲ ኣብ መብዛሕትኦን ዘሎ ጽላሎት ኢሳይያስ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመታት ዝገበርኦ ውቕይ ስለዘየለ። ስለዚ ኢሳይያስ ንምእላይ፣ ኣብ ርእሲ እቲ በብኩርንዑ ዝግበር ዝነበረን ዘሎን ፖለቲካዊ ቃልሲን ተቓውሞን፣ ነዚ ዝበሰለ ውድዓዊ ኩነታት ናብ ረብሓ ህዝቢ ንምቕያር፣ መንእሰይ ሰናድር ክዓጥቕ ኣለዎ።

ንሕና ኢና ጸሚምና'ምበር ንሱ'ኮ ዕላምኡ ብዘይ ሕብእብእ ነጊሩና ኢዩ። ምስ ተለቪዥን ኣል-ጀዚራ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ቃለ-ምልልሳት ፡- "…ብዛዕባ ስልጣነይ ንህዝቢ ከረክብ ኢለ ወላ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ሓሲበ ኣይፈልጥን! ምርጫ ምናልባት ድሕሪ ሰላሳ ወይ ኣርባዓ ዓመታት ኢዩ እንተተገብረ…" ክብል ዘይሰምዐ ኤርትራዊ ውሑድ ኢዩ። ስለዚ ዕጭ-ሓንፈፍኩ እናበለና ክነሱ፣ ስለምንታይ ኢና ይተኹበልና'ዶ'ኾን እናበልና ትኳቦ ወይ ካራማ ካብ ኢሳይያስ እንጽበ!

ዝብኢ ንእግርኻ በብቑሩብ እናቕርጠመካ ክሳብ ጸጊቡ ዝኸይድ ክጽመሞ ኢልካ'ዶ ትም ትብል ኢኻ? እቲ ናትና መስደምም ንኣዳም ገረሞ ኢዩ። ኩሉ ጽሑፋተይ ከኣ ንሕቡእ ምስጢራትን ኣጀንዳን ስሱዕ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክፍትሽ፣ ቀጺለ ድማ ናብ እዋናዊ ጉዳይ ሃገርን ህዝቢን ብዓቕመይ ክሳተፍ እየ'ሞ፣ ሃየ ተደጋጊፍና ንኺድ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ፣ ኢሳይያስ ኣብ ጉባኤታት ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ ክንደይ ስሱዕን ተበላጽን ምንባሩ ኣተንቢሀ። ሕልሙ ንስልጣን ጥራይ ስለዝነበረ ድማ ምስ ሓርበኛታት ኣቦታትና ወልደኣብ ወልደማርያምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዝነበሮ ዝምድና ስልታዊ ምንባሩ ካብ ሰነዳቱ ኣንቢብና። ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ካልኣይ ወገን ኣብ ዓላ ክሳብ ምትሕንፋጽ ምስ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ያበልን ዘሕለፎ ናይ ስልጣን ረጽሚ መወዳድርቲ ኣይነበሮን። ናብቲ ሕቡእ ሕልሙ ንምብጻሕ ግን ዘዝተማህረ ክለቅም ስለዝነበሮ፣ ካብ ምቕታል ኣብርሃም ተወልደ ናብ ምርሻን ጉጅለ ''መንካዕ'' ን "የሚንን" ተሰጋጊሩ።

ኢሳይያስ ተባዕ...ጅግና...ተዋጋኣይ...ቆራጽ ወ.ዘ.ተ. ዝብሉ ምንም ናይ ታሪኽ እንዶ ዘይብሎም  ከም ኣቡኣነ ዘበሰማያት ዝደጋግሙ ቁንጮቑንጮ ቆልዑት'ኳ እንተሃለዉ፤ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ግን ፈራሕ፣ ሓሳዊ፣መጣቓሲን ቂመኛን ሰብ'ዩ። ብተፈጥሮኡ መስተውዓሊን ኣርሒቑ ጠማቲን ምኳኑ ኣይከሓድኩዎን፣ ግን እቲ ኩሉ ብልሒን ጥበብን ናብ ገዛእ ጥቕሙ ጥራይ ኢዩ ኣውዒሉዎ።

ብዛዕባ ናይ ውግእ ተራኡ ግን ኣብ ውግእ ሓድ-ሕድ 1973 ገረግር ሱዳን፣ ኣብቲ ኣብ መጀመርታ 1974 ን16 መዓልታት ኣብ ኣልጌን ኣንጻር ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተገብረ፣ (በዓል መብራህቱ ወዲ ገብሩ ዝተሰውኡሉ) ሓያል ውግእ፤ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1974 ሰንበት ወጋሕታ ኣብ ወኪ-ዛግር ዝተኻየደ ውግእ ሓድ-ሕድ ( እኒ ሳልሕ ጠጠው፣ ተኽሉ ሽሪፍ፣ ኣብርሃ ዓንደብርሃን ዝተሰውኡሉ) ዝነበሩ ተጋደልቲ ይመስክሩዎ።

ካብ 1975 ዘመነ-ቦጦሎኒታት ክሳብ ግዜ ናጽነት ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኣብ ዝተገብሩ ውግኣትን ኲናታትን ግን ኣብ ከምዚ ቦታ፣ ብዕለት ክንድዚ ናብ ውግእ ተኻፊሉ ነይሩ ዝብል ሰብ እንተሎ ክሰምዕ ምደለኹ። እቲ ምንታይ ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቲቪ ዘይኮንኩስ ብኣካልን ብቐረባን ስለዝፈልጦ። ሎሚ ብህይወት ካብ ዘለዉ ተጋደልቲ፣ ብፍላይ ኣብ ቅድመ-ግንባራት ሓለፍቲ ዝነበሩ፤ ዘይተተንኮሐን ሓጺን ሩስያ ኣብ ሰብነቱ ዘይተሰከመን የለን። እታ ንኹሉ ተዋጋኣይ ከም ክታበት ፈውሲ ፖልዮ ዝተዋህበት ስከጅ ድኣ ከመይ ገይራ ኢያ ንኢሳይያስ ፈንፊናቶ? ንሱ ይጽናሓልና'ሞ ንቐጽል።

ኣብ ምምራሕ ሰራዊትን ምሕንጻጽ ቅዲ-ኲናትን ማዕረኡን ልዕሊኡን ኣበርክቶ ዝነበሮም፤ ኣብ ውግእ ሓድ-ሕድን ኣንጻር መግዛእቲ ኣብ ዝተገብሩ ውግኣት ዝተሰውኡን ባዕሉ ዝረሸኖምን ዜጋታት ናብ ናጽነት ዘይኣተዉ፣ ገለ ኣብ ዒራ-ዒሮ ዝተሞቕሑ፣ ውሑዳት ዝደስከሉን ገለ ውሑዳት ድማ ኣብ ምምራሕ ጊልያዊ ሰራዊት ዝርከቡን ዜጋታት ኣለዉ። ወላ'ውን መሪሑን ብኣገራሚ ብልሑ ናጽነት ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ እንተዝነብሮን፣ 'ዝኣመነ ብሴፍ ዝኸሓደ ብሴፍ' ኢሉ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ክበታትን መን ኣፍቀደሉ። ናጽነት ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ዜጋታት'ዛ ሃገር ጉልበት፣ ገንዘብ፣ ንብረት ደም፣ ህይወት ኢዮም እኮ ከፊሎም። ስለዚ ናጽነት ጋህዲ ኣብ ምግባር እቲ ዝዓበየ ዋጋ ዝኸፈለ ሰብ እቲ ሂወቱ ዝሰውአ ኢዩ። እቲ እግሩ፣ ኢዱ፣ ዓይኑ ወ.ዘ.ተ... ዝኸፈለ'ኮ ኣበርኪተ ኢሉ ዘይተነየተ! ስለዚ ኢሳይያስ 'እዛ ሃገር እዚኣ ኣነ ስለዘምጻእኩዋ ከም ቃሕታይ' ኢሉ ክድክረና ብከመይ ትም ንብል?

ክመርሕ እየ ወይ ከመሓድር እየ ምባል'ኮ ገበን ኣይኮነን፤ ክግብት እየ፣ ብሒም ንዝበለ ይተሓጎም እናበልኩ ንኩሉ ህዝቢ ክጭፍጭፍ እየ ሃብቲ ሃገር ክቆጻጸር እየ፣ ንህዝቢ ብጥሜት ክህንኩቶ እየ! ምባል ግን እቲ ዝዓበየ በደል ኢዩ። ኢሳይያስ ካብ ኣጀንዳ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈልየ ሕቡእ ዕላማ ስለዝነበሮን ዘለዎን፤ ከምኡ'ውን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰረቖ ሚልዮናት ገንዘብ ስለ ዝሓብአን፣ ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ ሎሚ መላእ ሰብነቱ ብደም ስለዝጨቀወን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክነብር ዝከኣሎ ኣይኮነን። ንህዝቢ ኤርትራ በታቲኑ ምስ ኮረቢትን መንደኺዱኽን ኤርትራ ክሳብ መዋእሉ ክነብር ዝተመነየ ኢሳይያስ ግን፣ ሕልሙ ሕልሚ ደርሆ፣ ድቃሱ ድማ ድቃስ ዓባይ ጤል ከም ዝኾኖ ተገንዚቡዎ ኣሎ።

ቀሰይ ኢሉ ከም ዝበርሃልና፣ ካብ ንግሆኡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ንመስዋእቲ ስለ ናጽነት ኤርትራ ኢሉ ኣይኮነን ናብ በረኻ ዝወጸ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ትዕዝብቲ፣ ንጹር ዕላምኡ ንግስነትን ዶላርን ጥራይ ኢዩ። ስለዝነበረ ኢዩ ድማ ገና ካብ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ካብ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዘጠራቐሞ ዝነበረ ዶላራት ድሕሪ ናጽነት መድቀሲና ዝገበሮ። እቲ ገንዘብ ዝእክብን ናብ ምስጢራዊ ሕሳባት ዘእቱን ዝነበረ ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ /ፓፓዮ/ ድሕሪ ናጽነት ዝተኣሰረ።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ሕቡእ ኣጀንዳታቱ ንምትግባር ድማ ቅድም ቀዳድም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንበይኑ ጎብለል ኮይኑ ክወጽእ ስለዝነበሮ፣ ንውድብ ተ.ሓ.ኤ. ምስጓጉ፤ ደሓር'ውን ነቶም ተዋጊኦም ዘንገሱዎ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. በብቑሩብ ምኹስታሮም ዝብል ውጥን ኣተግበረ።

ንድሕሪት ናብ ተመኩሮ ብረታዊ ቃልሲ  እንተተመሊስና፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዘይካ እታ ንሱ ዝሓልማ ስልጣንን ምግባት ሃብትን ካልእ ውድብ ወይ መሻርኽቲ መሪሕነት የድልዩዎ ኣይነበሩን። ነቲ ኩሉ ክፉእ ዕላማታት ክሃርም ዘኽኣሎ ድማ እዛ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ዘላ ጥውጥዋይ ልቡ ጥራይ ኢያ።

ኣብ ዝኾነ ግዜ ንጹር መንገዲን ቅኑዕ ልቢን ሒዙ ዘይፈልጥ ስሱዕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፣ እነሆ ሎሚ ካብ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ ኣኼባ ወኪ-ዛግርን ስምምዕ 20 ጥቅምትን ዝነበረ ምፍሕፋሕ፤ ቀንዲ ኣላሚኡን ሃንዳሲኡን ኢሳይያስ ጥራይ ከም ዝነበረ በብቑሩብ በሪሁልና። ምስ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሮ ጽልኢን ቅርሕንትትን መዘና ኣይርከቦን። ንተጋደልቲን ህዝቢን ፍልልይ ጀብሃን ሻዕብያን ብናይ ቻይና ፍልልይ ኣብ መንጎ ብማኦ ጸ ቱንግ ዝምራሕ ዴሳዊ ሰልፊ ቻይናን፣ ብዶክተር ሳን ያት ሰን ዝምራሕ ዝነበረ ሰልፊ ኮሚንታንግን ገይሩ እናኣቕረበ ናይ ምብትታን ህቦቡላታት በተነ። ኣብዚ ነቲ ተመኩሮ ንምትንታን ዝከኣል ኣይኮነን። መዓልቱ ሒዙ ይጸሓፍ ይኸውን።

ሓንቲ ንእሽቶ ኣብነት ጥራይ ክጠቅስ፦ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1978 ኣብ ከተማ ከረን ኣኼባ ክልቲኡ መሪሕነታት ንምግባር ይጸዓረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ታሕታይ ዓንሰባ ኣንጻር ወተሃደራት ጸላኢ ዓቢ ዓወት ረኺቦም ዝነበሩሉ ምሸት ኢዩ። ህዝብን ተጋደልትን ናይ ደስታ ጓይላ ኣብ መጻወቲ ኩዕሶ ከተማ ከረን /ጀኮ/ ተኣከበ። ናይ ክልቲኡ ውድባት መሪሕነትን ካድረታትን ድማ ብሓደ ኮፍ ኢሎም ነበሩ።

ብኣናውንሰር ጉጅለ'ቲ ባህሊ ''ሳዕስዒት ንመሪሕነት ክልቲኡ ውድባት ጥራይ" ተባህለ።ናይ ክልቲኡ ውድባት መሪሕነትን ካድረታትን ንዝሓለፈ ቅርሕንቲ ረሲዖም ነጸልኦም ተዓጢቖም ናብ ሳዕስዒት ክኣትዉ ከለዉ፣ ኢሳይያስ ጥራይ ንበይኑ ካብ ምስዕሳዕ ኣበየ።

ሓያለይ መራሕቲ እንተላይ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ኣቶ ሮሞዳን መሓመድ ኑርን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ሓላፊ ወተሃደራዊ ስታፍ ዝነበረ ስዒድ ሳልሕን ብኢዱ ወጢጦም ክልምንዎ እንከለዉ ናይ ዓይኒ ምስክር ነይረ። ንሱ ግን ኣቕበጾም፣ እቲ ቅርሕንቲ ክሳብ ክንደይ ክሒኑ ከም ዝነበረ የብርሃልና። ሕድገት ምእንቲ ህዝብን ስምረትን ምባል ካብ ኢሳይያስ ዘበት! ነቲ ልመናን ምውጣጥን ዝተዓዘባ ሓንቲ ኣደ ናብ ኢሳይያስ ቀሪበን "ኣንታ ኢሳይያስ ወደይ... ንዓ ድኣ ኣይፋልካን!... ምስ ኣሕዋትካ ሳዕስዕ! ርኤኻ'ሞ ሻዕብያ'ኳ ንበይንኹም ነዛ ከረን ናጻ ዘውጻኣኩማ... ሕጂ ድማ ክልቴኹም ምስ እዞም ኣሕዋትካ እንተሰሚርካን እንተተማኺርካን ስጋ'ቦይ ኢለ ጽባሕ ንግሆ ኣስመራ ኣብዛ ኢድኩም ኣላ!..." በለኦ፣

ኢሳይያስ ኣይሸንኳይዶ ምስ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ.፣ ነቶም ናብ ኮረሻ ስልጣን ዝሰቐሉዎ ገዳይም መጓዕዝቱን መሪሕነት ህ.ግ.ሓ. ኤርትራ'ውን በብቑሩብ ዘጥፍኦም ጉሒላ ኢዩ። ነተን ዓባይ ኣደ ድማ "... ኣደይ ዓባይ ቅጫኽን ጥራይ ኣርጉዳ'ምበር ናይ ስምረትሲ ባዕልና ኣሎናዮ" ክብል ብኣቃጫጭ ኢዩ ዝመለሰለን።

ምንም'ኳ ምስ ስዒድ ሳልሕ ካብ ግዜ ጀብሃ ዝነበረ ጽልኢን ህልኽን እንተነበሮም፣ ደሓር'ውን ክልቲኣን ውድባት ኣብ ውግእ ሓድሕድ ድግሰና ፍልፍል፣ ክሳድ ጸሓፍላም (ካብ ተ.ሓ.ኤ. እስራኤል ምስግና፣ ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ከኣ በራኺ ፈንቅል ዝተሰውኡሉ) ውግእ ወኪ-ዛግር ክሳብ ገማግም ዋራን ከወክንን ፊት ንፊት ብጠበንጃ እንተተጋጠማ፣ ስለ ናጽነት 'ኣንጭዋ ትሕለፍ ምእንቲ ሞጎጎ' ምባል ካብ ኢሳይያስ ትጽቢት ዘይግበረሉ ነገዳ ሓጋይ ኢዩ።

እቲ ልቡ ብዘይካ ጥውይዋይ ካልእ ዘይሓስብ ፕረዚደንት፣ በብመድርኹ ክሳገሮም ዝነበሮ ህጉማት ተሳጊሩ ኢዩ። ኣብዚ ሎሚ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊት ምክልኻልን ፎእ መሪሕነትካ፤ ፎእ ተንኮላትካ! ዝብለሉ ዘሎ ሃዋጺ ግዜ፣ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራን ሰራዊት ምክልኻልን በብጉጅለን ዓርከይ-ዓርከኻን ተጎጃጅልሉ ዘሎ ናይ መወዳእታ ሰዓት...መሸንቆቓ ባይቶ ጸጥታ ንክውሰኾ ብስራት ካብ መንግስቲ ሆንግ-ኮንግ ንሰምዓሉ ዘለና ግዜ፣ ሙሉእ እገዳ ናብ ዕለተ ምትግባር እንተተሰጋጊሩ ድማ ናብ ደረጃ ጽላለ ከም ዝበጽሕ ብኣግኡ ንርእዮ ኣሎና።

ከምቲ መንግስቱ ሃይለማርያም 'ኣሰር ሃጺይ ቴዎድሮስ ክስዕብ እየ' እናበለ ንሰራዊቱ ከሕንን ድሕሪ ምጽናሕ፣ ናብ ዚምባብወ ዝሃደመ፤ እቶም 'ኢሳይያስ ጅግናን ተባዕን ኢዩ' እናበልኩም ናይ ዶግማ ሃሌ-ሉያ ተስምዑና ዘለኹም፣ ጽባሕ እታ ገመድ ብርግጽ ክትጸብብ ኢያ'ሞ ኢሳይያስ ከምቶም ስለ ዕላማ ርእሰ ቅትለት ዝፈጸሙ ጀጋኑ ኤርትራውያን፣ ንነብሱ ጋሕ እንተኣቢሉዋ ሓቢርና ንተዓዘብ።

እዚ ብዘይካ ንጽላሎቱ ንካልእ ዘይኣምን ውልቀ-መላኺ ኣብ ስልጣን ንምጽናሕ ድሕሪ ናጽነት ዝመሃዞ እከይ ፍሕሶ፣ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ምብትታን ኢዩ ዝነበረ። ንህግደፍ ሓያል ሰራዊት እንተሎ፣ <በሊሕ ጉራደስ ንሰፈሩ ይቐድድ> ከይኮኖም ነቲ ሓያልን ብዲስፒሊን ዝሰርሐን ሰራዊት ኤርትራ ንሓዋሩ እውን ከም ዘይትንስእ ኮነ ኢሎም ኣዳኺሞሞን ፋሕ-ብትን የእትዮሙሉን ኢዮም።

ንሓይሊ ሰብ ጥራይ ዘይኮኑ ድማ፣ እቲ ዘሕዝን ንሞራልን ስነ-ምግባርን ተጋዳላይን ህዝቢን ፈጺሞም ቆጥቍጦሞ ኢዮም። ምኽንያቱ ኢሳይያስ ኣብ መሪሕነት ክጸንሕ እንተኾይኑ ነቲ ዝነቕሐ ክፋል ተጋዳላይን ህዝብን በታቲኑ ክድርቢ ስለዝነበሮ። ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት ዝበሃል ድማ ከምዚ ኢዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ንግሆ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ እዚ ከም በጊዕ ገርሀኛ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፣ ተኹላ ኮይኑ ክሰራሰር ኢዩ ተዓጢቑ።

ኢሳይያስ ዝደጎሎ ገና ዘይተጋህደ ምስጢራት ኣለዎ። ህድእ ኢልና ናብ እንትንትነሉ ግዜ ድማ እቲ መልሲ ብሩህ ኮይኑ ንረኽቦ። ህዝቢ ኤርትራ ታሪኹን ዝዝከረሉ ቅርስታትን እናጠፍአ ይኸይድ ነይሩን ኣሎን። ኣብ ከተማ ኣስመራ ሓድሽ ኣስማት ጎደናታት ክቕየር ከሎ፣ ናይ ወላ ሓደ ስዉእ ናይ ወላ ሓንቲ ስውእቲ ስም ኣይተዘከረን። እንታይ’ዶ ነይሩዎ’ዩ ጎደና ‘በርሀ ጻዕዳ’ ወይ ጎደና ‘ሳልሕ ጠጠው‘ እንተተባህለ። እቲ ኣስማት ኩሉ ባዕሉ ኢሳይያስ ዝሰመዮ ከም ዝኾነ ድማ ህዝቢ ፈሊጡዎ።

‘ደርሆ ገዛ ውዒላስ ማይ ትህረም‘ ከም ዝበሃል፣ ስራሕ ህግደፍ ናይ ቅድሚትን ናይ ድሕሪትን መኣዝኑ ኣይፍለጥን ኢዩ። መዓልታዊ ዕድል ኤርትራ ንግሆ ኢሳይያስ ኣብ ምትንስኡ ኢዩ ዝውሰን። ተበሪሁዎ እንተተንሲኡ፣ ከምቲ ባሕሪ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ሃዲኣ ትውዕል ዝበሃል፣ ሃገር ድማ ዝግ ኢላ ኢያ ትውዕል ዝብሉ ሰባት ኣለዉ።

ኣብ ምትንስኡ እንተሓሪቑ ጥርሙስ ብላክ ለበል ከም ዝጭልጥ ናይ ቀረባ ሓለውቱ ይምስክሩ። ሽዑ ገለ ሕማቕ ትእዛዝ ከም ዘመሓላልፍ ስለዝፈልጡ ከኣ፣ ነንዝኾብለለ ሓዎምን ዘመዶምን “...ሎሚ ግፋ ክትህሉ’ያ! ሃየ መሕብኢኹም ኣናድዩ” እናበሉ ይነግሩ። ኣብ ኣስመራ ከምዚ ዓይነት ሓበሬታ እናረኸቡ ንዓመታት ዝኾብለሉ ኣባላት ሰራዊት ኣለዉ። ኢሳይያስ ብስኽራን ዝፈለማ መዓልቲ ስኽርቲ መዓልቲ ኮይና ኢያ እትውዕል። ሽዑ ሙሉእ መዓልቲ ኣብ ሃገር ሰላም የለን። ብግፋን ብተፍትሽን ተናዊጻ ትውዕል። ካብ ኣስመራ ክሳብ ባጽዕ ሸሞንተ ናይ መፈተሺ ነቑጣታት ክህሉ ከሎ፤ ካብ ኣስመራ ክሳብ ተሰነይ ድማ ልዕሊ 12 መፈተሺ ብሎኮታት ኣሎ።

ከምኡ’ውን ካብ ኣስመራ ክሳብ ዓዲኂላን ካብ ኣስመራ ክሳብ ሰንዓፈን ናቕፋን ዘሎ ብሎኮታት ብዙሕ ኢዩ። እዚ ከምዚ ናይ ግርህና ይመስል’ምበር ኮነ ኢልካ ዝተገብረ ጉዳይ ኢዩ። ንህዝቢ ራዕድን ሽበራን ንምእታው ቀንዲ ዕላማ ህግደፍ ስለዝኾነ።

እቲ ኩሉ ካብ ግዜ ናጽነት ክሳብ ሕጂ ታሪኽ ተጋዳላይን ታሪኽ ህዝብን ንምሕካኽ ኢሳይያስን ጉጅለኡን ዝገብሩዎ ዝነበሩን ዘለዉን ጸብጻብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለምንታይ ብድሕሪ ናጽነት ጉባኤ ንሃገራዊ ዕርቂ ዘይተገብረ? ኣባላት ኢሰፓ ንዝነበሩ ምሕረት እናተገብረሎም፣ ነቶም ካብ ሳሕል ክሳብ ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰቲ ዝበለዩ ገዳይም እሱራት ተጋደልቲ ምሕረት ዘይተገብረ? መን ይኣምን ክሳብ ሎሚ ኣብ ካልኣይን ሻድሻይን መደበራት ፖሊስ፣ ናይ ሜዳ እሱራት ኣለዉ እንተተባህለ? ደቂ ዕስራ ዓመት ተሰሊፎም፣ ኣብ ሜዳ ዕስራ ዓመት፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ድማ ዕስራ ዓመት፤ ክሳብ ሎሚ ብርሃን ጸሓይ ከይረኣዩ ኣስታት ደቂ ስሳ ዓመት ኮይኖም ዘለዉ ባሕታውያን ደቂ ህዝቢ ኤርትራ’ዮም’ኮ።

ስለምንታይ ሃገራዊ ሓወልቲ ስዉኣት ዘይተገብረ? እቲ መስደምም ከኣ ናይ ክንደይ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ታሪኽ ረጊጽካስ፤ መዘከርታ ሓወልቲ ሩስያዊ ደራሲ ኣለክሳንደር ፑሽኪን ኣብ ኣስመራ ተተኺሉ። እዚ ጥበብ እዚ ከኣ፣ ደርሆ ጻሕቲራ እትረኽቦ ፍሹል ምኽሪ ኢዩ። ኣብቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምትግባር ባይቶ ጸጥታ ትሸባሸበሉ ዝነበረት ግዜ፤ ገለ ካብ መንግስቲ ሩስያ ናይ ቀውፊ (ቬቶ) ድምጺ ኣንጻር ማዕቀብ እንተሓገዘት ካብ ዝብል ሰንኮፍ ጥበብ ዝተበገሰ ኢዩ። ዝግ ኢልና ንርአን ንሕሰብን። ናብ ቀላይ ከይንኣቱ ከኣ ቅድም ንጽላሎትና ንመልከት።

ታሪኽና እናተባሕጎገ ይኸይድ ኣሎ። ሃገር ብታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ፣ ባህሊን ቁጠባዊ መዋቕርን እንተድኣ ዓንያ፣ ሃገር ክትበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ጥንታዊ ናይ ቻይና ዓቢ መንደቕን ቅድሚ 4 ሽሕ ዓመታት ኣብ ሃገር ምስሪ ዝተሰርሑ ናይ ፎርዖን ፒራሚዳትን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ምዕቃብን ክንክንን እንተዘይግበረሎም ነይሩ፣ ሎሚ ኣይምሃለዉን። ኢሳይያስ ግን ንመንነትን ታሪኽን ህዝቢ ኤርትራ ከጥፍእ ዝተዓጥቀ ሰብ ስለዝኾነ፣ ታሪኽና ናብ ኣፈፌት መቓብር በጺሑ ከም ዘሎ ንርኢ ኣሎና። ገለ ግሩሃት ዜጋታት ኢሳይያስ ጸላኢ ናይ ሓደ ኣውራጃ፣ ሃይማኖት፣ ክፋል፣ ደርቢ፣ ገይሮም ስለዝርእዩዎ፤ ነቲ ፈላሊኻ ግዛእ ዝብል ረቂቕ ተንኮላቱ ዘስተውዓሉሉ ኣይመስለንን። ኣብ ግዝኣተ-ኢሳይያስ ዝጠዓማ ኣውራጃ፣ መሰላ ዝረኸበት ብሄር፣ እምነታ ዝተሓለወ ሃይማኖት፣

ሓለፋ ዝረኸበ ወገን፣ ካብ ሃብቲን ሓላፍነትን ኤርትራ ዝተመቓርሐ ማሕበራዊ ጉጅለ የለን። ኢሳይያስ ንዝኾነ ሰብ ክሳብ ዝጥቀመሉ ጥራይ ኢዩ ዝሕዞ። ኣድላይነት ናብ ዘይብሉ ሰዓት ምስ በጽሐ ድማ ከም ዲስፖሳብል ሲሪንጋ ይድርብዮ።

‘በብሓደ ሰብ ወሓደ’ ኢዩ ነገሩ፣ ዕሉል ጉሒላ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፣ ናይ ቀረባን ርሑቕን ውጥናቱ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኤርትራ ኢዩ ጀሚሩዎ። ንኢሳይያስ ውሽጡን ውሻጥኡን ዝፈልጥ ኣብ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ተጋዳላይን ውፉያት ሓፋሽ ውድባትን ጥራይ ስለዝነበሩ፣ ቅድም ቀዳድም ንተጋዳላይን ሓፋሽ ውድባትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ውርሽኡ ምብታንን ነበረ። ስለዚ ነዚ ሃገርን ህዝቢን ንምጽናት እጅገኡ ሰብሲቡ ብድሆ ዝብለና ዘሎ ከዳዕ፣ ከም ሓደ ቅልጽም ሰሚርና ናብ ናይ ታሪኽ ጎዱፍ ንደርብዮ። ጅግና ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብቲ ናይ ናጽነት ሽግ ዝውለዓሉ ዝነበረ ህሞት፡- “…ኣነ ሎሚ ነዛ ሓዊ እኣጉዳ ኣለኹ። ብድሕረይ ብዙሓት ደቂ ሃገረይ ከም ዝስሕንዋ ከኣ ኣይጠራጠርን” ኢሉ ኢዩ ዝተበገሰ። ስለዝኾነ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ከምጽኣ ምኽኑ ስለዝኣመነ ጥራይ ኢዩ ተዓዊቱ። እምነት እንተሎ ዘይከኣል ነገር የለን። ኤርትራውያን ውድባትን ሰልፊታትን ድማ፣ ኢሳይያስ ክወድቕ ምኺኑ፣ ኣብ ሃገርና ከኣ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝሰፈኖ ስርዓት ክንሃንጽ ምኺንና ምስ ዝኣምና ጥራይ’የን ክዕወታ ዝኽእላ።

ተዘክሮታትና ንምሕዳስ ስሱዕ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ሕቡእ ኣጀንድኡ ንምብጻሕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መሬትን ሃገርና ዝገብሮም ዝነበረን ዘሎን መንነት ናይ ምብዳም ስራሕ ክንርኢ ኢና። ሎሚ ብዙሓት ተስፋ ዝተገብረሎም ገዳይም ተጋደልቲን ተቓለስቲ ነበርን ዜጋታትና ናብ ናይ ጥንቲ ቅርሕንቲታቶምን ነበረ-ያ-ነበረ ዝንኦምን ጥሒሎም፣ ‘…ካብ ብበዓል እገለ ዝመጽእ ለውጢስ ኢሳይያስ ይሕሸና’ ክብሉ ንሰምዕ ኣለና። ኣብዚ ኣምላኽ ወይ ረቢ ክሳብ ዝወርድ ናብ ሰይጣን ተጸጊዕና ንጽናሕ ዝዓይነቱ እምነት ዘለናሉ ግዜ ከኣ፤ ርሱን ተራ መንእሰያት ኤርትራውያን ብዝያዳ ይጥለብ ኣሎ።

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ሳልሳይ ክፋል) ብ ኣለና

MONDAY, 04 OCTOBER 2010 00:43



ኢሳይያስ ንዝገበቶ በትረ-ስልጣን ብሰላማዊ መንገዲ ናብ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ክንቅይሮ ኢና ኢልካ ምሕሳብ፤ ድግምጋም ዕሽነት ኤርትራውያን ጥራይ ኢዩ። ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት እዚ ጽሑፍ'ዚ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መሰረቱ ብስስዐን ተንኮልን ዝተበገሰ ስለዝኾነ፤ ኣብ መንጎ እቲ ዝሓለፎ ዓመታትን ሎሚን ናይ ባህሪ ምቕያር ከምጽእ ዘይሕሰብ ኢዩ። ካብ ግዜ ሰብዓታት ክሳብ'ዚ ዘለናዮ መዋእሉ ብተንኮል፣ ታህዲድን ዓመጽን ኢዩ ኣብ ስልጣን ጸኒሑም'ምበር፤ ብምርጫ ሓፋሽ ቆጽሊ ዝወደቖ ሰብ ኣይኮነን።

*እቲ ዝገርም እምበኣር፣ መራሒ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ኣብርሃም ተወልደ (ኣብርሃም ተወልደ ዝብል ቃል ብመራኽቢ ብዙሓን ህግደፍ ኣይተሰምዐን። ስእሊ ኣብርሃም ተወልደ ርእየ ዝብል ድማ የለን። እዚ ኢዩ ስእሊ ኣብርሃም።እዛ ስእሊ እዚኣ ካብ ከብሒ ሓደ ኣባል መሪሕነት ዝሓባእኩዋ ኢያ።)*




ኣብ ዓላ ምስ ተሰውአ፣ እቶም ውሑድ ቁጽሮም ተጋደልቲ ናብ ዓሚቝ ሓዘን ኣትዮም ነበሩ። ኢሳይያስ ናብቲ ኣብ ኣፈልባ ዝነበረ ኣባ ተክለሃይማኖት ዝተባህለ ፈላጥ (ጠንቋላይ) ውዒሉ ኣጋ ምሸት ናብቶም ተጋደልቲ ምስ ተሓወሰ፣ ገና ከይተማኸሩ እንከለዉ ኣኼባ ኣካየደሎም። ኣብቲ ኣኼባ "ድሕሪ መስዋእቲ ኣብርሃም ደኣ ንመን ኢና ሓላፊ ክንመርጽ" ዝብል ሕቶ ኣቕረበ። ኢሳይያስ ትቕብል ኣቢሉ ከም ዋዛ "ሕጋውያን መራሕቲ ክሳብ እንመርጽ ወላ ንግዚኡ ኣነ ዘይጸንሕ" ከም ዝበሎም ጭብጢ ሰነድ ኣሎ። እምበኣርከስ ኢሳይያስ ከምቲ ብዘይ ምርቓን ቆጽሊን እንዳባ ብኢደ ወነኑ ዘውዲ ዝደፍአ ንጉሰ ወዲ እልፉ፤ ባዕሉ ብገዛእ ኢዱን ተንኮሉን ኢዩ ናብ ስልጣን ዝመጸ።

ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ድማ ኣብቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1977 ኣብ ፋሕ-ሳሕል ዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ብዝለዓለ ድምጺ ዝተዓወተ ኣቶ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ኢዩ ዝነበረ። እቲ ድሕሪ ክክልተ ዓመታት ኪካየድ መደብ ዝነበሮ ውድባዊ ጉባኤ ከኣ፣ ኢሳይያስ ክምረጸሉ ዝኽእል ውድዓዊ ኩነታት ስለዘይኣኸለ፣ ናብ

ዓሰርተ ዓመታት (1977-1987) ተመጠጠ። እምበኣር ኢሳይያስ ምክትል ኮይኑ ክሰርሕ ጠላሕ ስለዘይብሉ፣ ወይ ብልዕሊኡ ኮይኑ ትእዛዝ ዝህቦ ሰብ ስለዘይቅበል፤ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ንምድያብ ዘይመሃዞም ጥበባትን ስለያዊ ሽርሒታትን ኣይነበሩን።

ኣብ ምድላው ንካልኣይ ውድባዊ ጉባአ ጎስጓስ ይግበረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ባዕሉ ኢሳይያስ ናብ ሙሉእ ደጀንን ቅድመ-ግንባራትን እናተንቀሳቐሰ ሰፊሕ ሰሚናራት ኣካየደ። ኣባላት 'ሳግም' (በዓል ኢብራሂም ቶቲል፣ ኣብርሃለይ ክፍለ ወ.ዘ.ተ…) ናብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ይጽንበሩ ስለዝነበሩ፤ "ሎሚ ኣጋይሽ ይመጽኡና ኣለዉ፣ ውሻጠና ከነጽሪ ኣለና። ኣንጻር ሰለስተ ሓለፋታት ክትቃለሱ ኣለኩም። ጉልበት ተጋዳላይ ዕርድታት ናብ ምስራሕ ጥራይ ክውዕል ኣለዎ'ምበር፣ ቤት ጽሕፈታት ሓለፍቲ ክትሰርሑ ኣይግባእን።… ንሕና ንኹሉ ጸብጻባትና ኣብ ሰለፍና ኣተርኢስና ኢና ንጽሕፎ ዝነበርና። ስለዚ ቤ/ጽ ስርሑ እንተኢሎሙ'ኹም፣ እምቢ በሉዎም።'' እናበለ ሓያል በይናዊ ጎስጓስ ኣካየደ።

እቲ ዝብሎ ዝነበረ ግን ዘይከውን ነገር ኢዩ። እምቢ ንዝበለ ተጋዳላይ ደሓር መን'ዩ ካብ መቕጻዕቲን ማእሰርቲን ሓላፊኡ ከገላግሎ? ነዚ ዝተገንዘበ መሓመድ ጣሃ ዝተባህለ ተጋዳላይ፦ "ያ ኢሳይያስ! ናሕኑ ኒቃወም፣ ባዕዴን ኣል መስኡሊን የዱጉና ቢል ዓሳያ… ዎ የርቡጡና ራብጣ ሽዲዳ…እንታ ዌን" ኢሉ ብቛንቛ ዓረብ ክዛረብ እዝክር።

ናብ ኩላተን ናይቲ ሕቡእ ሰልፊ (ኤርትራዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ) ዋህዮታት፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክምረጽ ከም ዘለዎ ጎስጓስ ኪካየድ ጀመረ። ኣብ ዞባ ዓንበርቦብ ስምኣን ጉብረድንግል ሓላፊ ጨንፈር ሰልፊ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፤ ኣብቲ ኣነ ዝነበርኩሉ ዋህዮ ብጋህዲ "ተጠንቀቑ ንሮሞዳን ከይትመርጹ፣ ኣብዚ ጉባአ'ዚ ናይ ግድን ኢሳይያስ ክምረጽ ኣለዎ። ንሕና ኣባላት ሰልፊ ከኣ ነቶም ናብ ጉባአ ዝውከሉ ዘይደቂ ሰልፊ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሕጸን ዱሮ ሕጸን ዝርከቡ ነዚ ዕላማ'ዚ በብዝጥዕም ኣገባብ ክንሕብሮም ይግባእ" በለና።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምርጫ ካልኣይ ውድባዊ ጉባአ ብመራኹስን ኢንፊዩኘርን ኣባላት ሰልፊን ሓለፎ። ኣብቲ ጉባአ ካልእ ዝገንፈለ ጉዳይ እንተነይሩ ከኣ ድጉል ግርጭት ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኢዩ። ቅድም ብዛዕባ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ዝበዝሑ ካብ ኣባላት ፖ/ቤ/ጽ "ንኣባል መሪሕነት ክምረጽ የብሉን" ክብሉ እንከለዉ፤ ባዕሉ ኢሳይያስ "ኣንቱም ብጾት ን20 ዓመታት ጠበንጃ ዓጢቑ ዝተጋደለ ሰብሲ ብዘይ ጠቅም ቆሎ ጥጥቑ ካብ ሓላፍነት ውረድ ምባል ግቡእ ኣይኮነን" እናበለ ስለዝተኻላኸለሉ፤ ናብ ኣባል መሪሕነት ተመርጸ።

ካልኣይ ዘሰሓሓበ ጉዳይ ድማ፣ መብዛሕትኦም ኣባላት መሪሕነት "ኣብ ሜላታትና ምትዕጽጻፍ ክንገብር ኣለና" ክብሉ እንከለዉ፤ ኢሳይያስ ግን "ምትዕጽጻፍ…ምትዕጽጻፍ እንተበዚሑ፣ ሓደ መዓልቲ ከኣ ምስባር ኣሎ" ዝብል ሃዳዲ መደረ ምስ ገበረ፣ ብናቱ መደምደምታ ጉባአ ተዓጽወ። ኣብቲ ብድሕሪ ናጽነት ኣብ ናቕፋ ዝተገብረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባአ ከኣ ንመሕለፊ ዝኾኖ ድምጺ ኣይረኸበን። ግን ብዕበጦ-ዕበጦ ከም ዝተመርጸ ኣብቲ ጉባአ ብኣግኡ ተፈሊጡ።

ስለዚ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብሓፋሽ ተጋደልቲን ህዝቢን ዝመጸን ዝተመርጸን ዘይኮነስ፣ ብሜላን ተንኮልን፤ ከምኡ'ውን ንጀጋኑ ደቀባት ኤርትራ ቀንጺሉን ኢዩ ናብ ኮረሻ ስልጣን ዝደየበ። እቲ ብንግሆኡ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ'ምበኣር ክሳብ ሎሚ ክበጽሓ ዝደሊ፣ ግን ከኣ ገና ዘይበጽሓን ኣብ መንጎ ተስፋን ቅብጸትን ተቐርቂሩ ይጓዓዝ ኣሎ። እቲ ረሳሕ ታሪኹ ከም ጽውጽዋይ ዕንኩራይ ጻጸ ኮይኑ ከይርሳዕ ግን በብዓቕምና ብጽሑፍ ናብ ህዝብናን ዳሕረዎት ወለዶን ከነመሓላልፎ ይግባእ። ውሽጢን ውሻጠን ህግደፍ እናፈለጡ፤ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ጉዳት ኢሳይያስ ካብ ምግላጽ፣ ትም ዝመረጹ'ውን ኣለዉ። ግን ንሳቶም'ውን ብመዓልቶም ከጋለጹን ክቕልዑን'ዮም። እቲ ምንታይ ታሪኽ ናይ ህዝቢ ስለዝኾነ።

ሎሚ ሓቀኛ ታሪኽ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምንባብ ከም ክሎሮኪን ፈውሲ ዓሶ ዝመርዎ ሰባት'ኳ እንተሃለዉ፤ ጽባሕ ንግሆ ግን ብግምጣሉ ክኸውን ኢዩ። እቲ ምንታይ፣ ኩሉ ዜጋ ክመሃረሉን ካብቲ ፎእን ፋሉልን ኣከያይዳን ተመኪሩ ንመጻኢ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ውሕሉል ስርዓተ ምምሕዳር መታን ክሃንጽ። ሎሚ'ቶም ውሑዳት ኢሳይያስን ደቀ-መዛሙርቱን ዋናታት ኤርትራ፣ ንሕና'ቶም ብዙሓት ድማ ጓኖት፤ ኣብ ገዛእ ሃገርናን ርስትናን ኢሳይያስ ኣካራያይ፤ ንሕና ተኻረይቲ ኮይንናሉ ዘለና ወቕቲ፤ ጽባሕ ኣርበሽቶ ከም ዝግምጠል ታሪኻዊ ግድነት ኢዩ።

እቶም ብውሽጢን ብደገን ዶላራት እናቕሓሙ ዝሕልዉዎ ዘለዉ ኣኽላባት መታን ኣቐዲሞም ክርድኡ ግን ዕሉል፣ ጉሒላን ሓሳድን ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናይ ግድን ሕማቕ ኣዋድቓ ክወድቕ ምዃኑ ይገንዘቡ። ሕቡእ ተልእኾታት ሒዞም፣ ኢድ ኢሳይያስ ጨቢጦም ኣብ ደገ ንዝነብር ኤርትራዊ ከታልሉን ዕምሪ ጎይታኦም ንከናውሑ ኣብ ሸበድበድ ዘለዉን ከኣ በብቑሩብ ይፍለጡ ኣለዉ። ኣብ ዝስዕብ ጽሑፋተይ ድማ እቶም ናብ ስለያዊ ስራሓት ኢሳይያስ ዝተዋፈሩ ከክንዲ ያሒት ዝኾኑ ጉሒላታታ ብዓቕመይ ኪጋልጾም ክፍትን እየ።

ኣብዚ ሎሚ ኢሳይያስ ከም ዓርጓድ-ደርሆ ዓርቢ ስቕለት ተኣሲሩሉ ዘሎ ግዜ፣ ከምቲ ንመዋእሉ ብደም ብዙሓት ዝፋሰሰ፤ ኤርትራ ከኣ ብደሙ ክትፋስግ ኢያ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ብምዕራብን ምብራቕን ኤርትራ ክልተ ግዜ ናይ ምቕንጻል ፈተነ'ኳ እንተተገብረሉ፣ ኣይሰለጠን። ኢሳይያስ ካብ ግዜ ሰብዓታት ክሳብ ሎሚ ብዙሕ እዋን ብጥይት ተሳሒቱ ኢዩ።

እቶም ናይ ምቕንጻሉ ስጉምቲ ዝወሰዱ ተባዓት ደቂ ህዝቢ ንዕለቱ ተረሺኖም'ኳ እንተኾኑ፤ እቲ ድጉል ናይ ህዝቢ ሓዊ ግን ከም ጻህሪ ሰራው ገሃጽ ይብል ኣሎ። 'ኣይፋል! ንኢሳይያስ ኣይትቕተሉ፣ ወይ ኣንጻር ስርዓት ጎነጻዊ ቃልሲ ከነካይድ ኢና ዝብል ፍልስፍና ካብ ኣፍኩም'ውን ጡፍ በሉዎ... እዚ ሰብኣይ እንተተቐቲሉ ኣስመራ ዳግማዊት ሞቓድሾ ክትከውን ኢያ' ብምባል ንዜጋታት ናይ ኣእምሮ ጀሆታት ንምግባር ዝጓየዩ መራሕቲ ውድባትን ሰልፍታትን ዘለዉ ከኣ፤ ካብ ጻሕሊን ቁርሲ ቡንን ኢሳይያስ ዝጠዓሙን ዝጽበዩ ዘለዉን ጥራይ ኢዮም።

ከምቲ 'ኣልመክቱብ ማየፍደል' ዝበሃል ምስላ ዓረብ፣ ብዘይ ሰዓቱ ዝኸውን ነገር የለን። ግና ኩሉ ባዕሉ ብሰዓቱ ክመጽእ ኢዩ ኢልካ ምጽባይ፣ ዕሽነት'ዩ። ገበነኛ ኢሳይያስ ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ስልጣኑ እፎይ ኢሉ ሓዲሩ ኣይፈልጥን። እቲ ምንታይ ናይ ደም በዓል ዕዳ ስለዝኾነ። እቶም ንኹሉ ባህርያቱ ኣቐዲሞም ዝነቕሕሉ ኤርትራውያን  ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ኣትሒዞም ምስ መክትዎ ኢዮም። ግን ዕሉም ጉሒላ ክበጽሖ ዝወጠኖ ጉዳይ ስለዝነበሮ፣ ገሪብ ብሓኸላ ከም ዝበሃል፣ ኣብ መንጎ ሰራዊትን ህዝብን ሕንፍሽ-ፍሽ እናኣእተወ ጸኒሑ።

ስዉርን ግሁድን ተቓውሞታት እናኣጋጠሞ፣ ብሰንከልከል ኢዩ ናብዚ በጺሑ ዘሎ። ሕጂ'ውን ኣብዚ ህዝባዊ ተቓውሞ ጥርዚ በጺሑሉ ዘሎ እዋን፣ መናውሒ ዕድመ ዝኾኖ ሓድሽ ርኺያሞ ምርካም ዘጸግሞ ኣይኮነን። እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝምነዮን ዓለም'ውን ብተደጋጋሚ እትሓቶ ዘላን ጉዳይ ምእዋጅ ምቑም ሰልፍታት ኪገብሮ ይኽእል ኢዩ። ገለ ካብዞም ኣብ ደገ ኮይኖም ንህዝቢ ዕንክሊል ክብሉ ዝጸንሑ መራሕቲ ሰልፍታት ከኣ፤ "እቲ እንደልዮን ክንቃለሰሉ ዝጸናሕናን ጉዳይ ምቑም ሰልፍታት ብሕጊ ስለዝተኣወጀ፣ ንዑናይ ናብ ኣስመራ'' ኢሎም ክኣትዉ ከም ዝኽእሉ ብእዋኑ ከነስተውዕል ይግባኣና።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብናይ ተንኮላት ዕያር ንዕየረሉ ዘለና ግዜ፣ ምስቲ ብዙሓት ወገናት ዘካይዱዎ ዝነበሩን ዘለዉን ፖለቲካዊ ተጋድሎ፣ ጎድኒ ጎድኑ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ምምራጽ እዋናዊ ሕቶ ኢዩ። ጎነጻዊ ከመይ ኢዩ? ብከመይ ኣገባብ ኢዩ ክትግበር? ኣበየናይ መሬት? በየኖት ሓይልታት ወ.ዘ.ተ... ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ባህርያዊ ኢዩ። እቲ መልሲ ግን፣ ስርዓት ህግደፍ ንምእላይ ውድዓዊ ኩነታት በሲሉ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ፈጋዕ-ጋዕ ኢሉ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፣ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ጎድኒ እዚ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ደው ኪብሉ ከም ዝኽእኩ እቲ ዋና መፍትሕ ናይቲ ጉዳይ ኢዩ።

ኢሳይያስ ብሰላም ስልጣኑ ከረክብ ዘይሕለም ካብ ኮነ፣ ንሕና ድማ ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራይ ለውጢ ከነምጽእ ኢልና ምሕሳብ ክንርስዖ ኣለና። ንኣብነት ኣድማ ተጋደልቲ ግንቦት 20 - 1993፣ ድሕሪ ፈተነ ምንቅስቓስ '73፤ ንኢሳይያስ እታ ዝዓበየት ኣስኳላን ዝሓየለት ማትሪክን ነበረት። ኣብታ ሰዓት እቲኣ ተጋደልቲ  ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዘይ ጃኬት ኮብኪቦም ናብ ኣስመራ ስተድዩም ክወስድዎ ከለዉ፤ ዓቢ ትምህርትን ዕድልን ፈጢሮሙሉ። ኣብቲ ተጋዳላይ ሃይለስላሰ /ሊንጎ/ ከም ኣቦ ዳስ ኮይኑ ነቲ ኣኼባ ዝመርሓሉ ዝነበረ ግዜ፣ ተጋዳላይ 'ኣብ ዱሮ መርዓ ኤርትራ ሕማቕ ከይንረክብ' ብምባል ልቢ ስለዘዕበየ፣ ኢሳይያስ ካብ ጥፍኣት ድሒኑ።

ሽዑ ከም ጲላጦስ  "... ኣነ ዝኾነ ሓላፍነት ኣየድልየንን ኢዩ። ሕጂ እንተተረከብኩምኒ ድማ ሕጉስ እየ!" ክብል ንብዓት ሓርገጽ ነብዐ። ሽዑ ገርህኛታት ኣባላት መሪሕነት ውሽጡን ውሻጠኡን እናፈለጡ ናይ ልቦና መራግእቲ

ኣየትረፉን። ንለውሃትን ግርህናን ህዝብና ግና ጥንቅልዒት ተገምጢሉ ድኣ ረመጽ ተደፊኣሉ'ምበር ካብ ኢሳይያስ ዝተረኽበ ፍትሒስ ዘበት።

እቶም ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝተጋደሉ፣ ስለ መነባብሮ ጥራይ ኣድማ ዝገበሩ ገዳይም ተጋደልቲ ከኣ ተቐፊዱን ተቐንጺሉን። ባዕሉ ዕሉል ሽፍታ ኢሳይያስ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ 4ይ ዓመት ቁ.5 ናይ 17 መስከረም 1994 ሕታም "… ካብ 130 እሱራት **1** ብናጻ ተፋንዩ። ብመጠንቀቕታ ዝተለቁ 4፣ ዝተረፈቱ **19**፣ ዓመትን ፈረቓን ዝተፈርዱ **33**፣ ካብ 7 ክሳብ 10 ዓመታት ዝተፈርዱ 8፣ ልዕሊ 10 ዓመታት ዝተፈርዱ ድማ **8** ነበሩዎም" ኢሉ። ብዛዕባ እቶም ሽዑ ንሽዑ ብትእዛዙ ዝተረሸኑ **47** ገዳይምን ሓለፍቲን ተጋደልቲ ግን ምንም መግለጺ ኣይሃበን።

ሎሚ ንሕና ካብቲ ሽዑ ዝነበረ ተመኩሮ ክንመሃር ይግባእ። ካብ 130 ሰባት ሓደ ጥራይ ናጻ ተለቒቑ ከበሃል እንከሎ ብሩህ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ 20 ናይ ናጽነት ዓመታት ከኣ ከም ወዝቢ ኣብ ሃገራዊ በዓልና ወላ ሓደ 'ምሕረት' ዝተገብረሉ እሱር ኣይተሰምዐን።

ስለዚ ናጻ ካብ ፖለቲካ ዝኾነ ሰራዊት፣ ኣብ ኢንዳስትሪ፣ መጉዓዝያን መስንዓትን ዝሰርሑን ዝተወደቡን ሸቃሎ፣ ብናጻ ማሕበር ዝተወደቡ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲን ኮለጃትን፣ በብጉጅለ ብማሕበራዊ ደርብታቱ ዝተወደበ ህዝቢ ኣብ ዘይብላ፣ ከም ወርሒን ጸሓይን ሓንቲ ጋዜጣን ሓንቲ ተለቪዥንን ጥራይ እትውንን ናይ ዘመነ-ኢሳይያስ ኤርትራ፤ ንጨፍጫፊ ስርዓቱ፤ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ ኢና ክንፈትሖ ዝግባኣና ዝብሉ ዘለዉ ወራዙት ማዕዶ ከኣ፤ 'እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ' ኢለ ጥራይ ክሰግሮም።

'ኣሓ ምስ ሓራዲኣን ማይ ይሰትያ' ከም ዝበሃል፤ እቶም ኣጸቢቖም ንኢሳይያስን ምስጢራቱን ዝፈልጡ ዝነበሩ መሪሕነት ሙሉእ ዕድል ሃገርን ዕድል ወለዶታትን ተኸፊቱሎም ክነሱ፤ ኣንጻሩ ቅልጡፍ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወሰዱን። ኣከያይዳ፣ ናይ መወዳእታ ሽቶን ጉዕዞን ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እናፈለጡ ተገርሁ። ግብረ መልሰም ከም ጓህሪ ቀንጠባራ ስለዝቐሃመ ድማ፣ ኣብ መወዳእታ ሂወቶም ከምኡ ቅሂማ። ግን ብደሞም ዝተተኸለ ፈልሲ ሰላምን ደሞክራሲን ናብ ሙሉእ ዓለም ናብ ዘለዉ ዜጋታት ኤርትራ ልሒሙ'ምበር ኣይቀሃመን። እታ ወሊያማ ዝሓለፉ ናይ ተስፋ ሽግ ድማ መብራህታ ናብ ሙሉእ ኤርትራ ንክርአ ቀሪባ ኢያ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ ከም ዳማ ተጻወተሎም። መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ንህዝብን ሰራዊትን ክሕዙ ኣይከኣሉን። ኢሳይያስ ሓደ ኣንጻር ብዙሓት ንኽዕወተሎም ዘይመሃዞ ውዲታት ኣይነበረን።

ንሓደ ሚኒስተር ክትከውን ኢኻ፣ ንካልእ ድማ ጀነራል ክሽይመካ እየ ወ.ዘ.ተ… እናበለ ተጓየየ። ንመሰጋገሪ መታን ክጥቀመሉ፣ ሃገራዊ ባይቶ ብህጹጽ ኣቕሞ። ድሕሪ ኣድማ ተጋደልቲ ከኣ፣ ኣብ ሳልስቱ ብዕለት 22 ግንቦት ንባይቶ ብህጹጽ ጸዊዑ፣ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከም ዝካየድ ገይሩን ተመሪጹን። ካብ 104 ብቑዕ ድምጽታት ካኣ 99 ድምጽታት ረኺቡ ከም ዝተዓወተ ተኣዊጁ። እቲ ጉያ-ጉያ ኣከያይዳ ንኣዳም ገረሞ ኢዩ ነይሩ።

ኢሳይያስ ገና ዘይበጽሖ ጥጅእ ስለዘለዎ ኢዩ'ምበኣር ክንድዚ ዝኣክል መሰከሕ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝገብር ዘሎ። ህዝቢ ኤርትራ ምምሕዳርካ ኣይንደልን'ዶ ኢሉዎ? ኣብ ውሽጢን ደገን ዘሎ ህዝብና ገንዘብ ኣይንህብን'ዶ ኢሉ? ጓልናን ወድናን ኣይነኽትትን'ዶ ዝበለ ኣሎ'ዩ? ናብ ስልጣኑ ዘቋመተ… ወይ ናብ ውልቃዊ ሕሳባቱ ክጸባጸብ ዝደለየ ዜጋ'ዶ ነይሩን ኣሎን'ዩ? ንሜላን ፖሊሲን መንግስቲ ሃገረ-ኤርትራ ዝኾነነ ወገን'ከ ነይሩ'ዶ?… ብዙሓት ሕቶታት ኣብ እንሓተሉ ግዜ፤ ምንም እንረኽቦ መልሲ የለን።

ስለዚ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ንግሆ ዝተላእኮ ጉዳይ ስለዘለዎ ጥራይ ኢዩ ክንድዚ በደል ዝፍጽም ዘሎ። ኒሕ ገይሩ ልኡኽ ሓሊቦ ከይበሃል ያኢ! ነታ ዝተበገሰላ ልኡኽ፣ ንሞት መባድልቲ ህዝቢ ኤርትራ ብምግባር፤ 'ዓወት ወይ ሞት' ብምባል ነኺሱ ክሕዛ መሪጹ። ንምዝኽኻር ዝኣክል እምበኣር ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ዘስምዓና ዝነበረ ዕጥሸው! 'ዓባይ ኢትዮጵያ' ኣብ ዝቕጽል ራብዓይ ክፋል ጽሑፈይ ተኸታተሉ።

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ራብዓይ ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 08 OCTOBER 2010 21:26




ሕቡእ ታሪኽ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምጅማሩ'ምበር ኣብዚ ግዜ'ዚ ምውድኡ ዝከኣል ኣይኮነን። እቶም ክሳብ ሎሚ ሰሚዕናዮም ዘለና ጉዳያቱ ከኣ ካብ ግምኝ እኳይ ተግባራቱ ሓደ ዕሸር ጥራይ ኢዮም፣ ትሽዓተ ዕስሪት (9/10) ድማ ተሪፎሙና ኣለዉ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ተስፋ እገብር ግን እቶም መዛግብቲ ታሪኹ ተተርኢሶሞ ደቂሶም ዘለዉ ዜጋታት ምስ ኢሳይያስ ንዝኣተዉዎ ማሕላ ጥሒሶም፣ ስለ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክብሉ ተናሲሖም እንተጸሓፍዎ።



ናብ ጉዳይና ንኺድ። ኣብ ሳልሳይ ክፋል ጽሑፈይ፣ ኣብ ምጅማር ተስዓታት ዘስምዓና ዝነበረ ዕጥሸው! ክንድህስስ ምኽንና ኢለ እየ ደምዲመ። ንሱ ግን ካብ ዝብገስ ኣትሒዙ ብዘይካ ክርዳድ፣ ዘርኢ ስርናይ ስለዘይተለመ፤ ካብ ፍልሙ ናይ ጥፍኣት ሓዋርያ ኢዩ። ከምቲ ንሱ ዘይርስዕ ከኣ፣ ንሕና'ውን ነቲ በብዓመቱ ዝገብሮ ዝነበረን ዝበሎን ክንርስዕ ኣይግባኣናን።

እዛ ንርእያ ዘለና ኣረጊት ወረቐት፣ ቀዳመይቲ ገጽ ናይታ ምሁራት ኤርትራውያን ንምጥፋእ፣ ሰባት ንክእምን ኢሉ ባዕሉ ዝጸሓፋ መጽሓፍ "መንካዕ" ኢያ። እዛ 82 ገጻት ዝሓዘት ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1973 ዓ.ም. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝጸሓፋ ተንኮለኛ መጽሓፍ፣ ሎሚ ኣብ ሕቡእ ከብሒ ኢሳይያስ ን37 ዓመታት ተሸጒራ ድሕሪ ምጽናሓ፣ ናብ ጸሓይ ኣዱንያ ወጺኣ ትርከብ።

እነሃ ታሪኽ ንከይመውት በብቑሩብ ምስ ዜጋታት ኤርትራ ንክትላለ ኢላ ካብ ተሓቢኣትሉ ዝነበረት ጉድጓድ ወጺኣ ኣላ። ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ንዘሎ ምስጢራት ኣብ እንነብበሉ ግዜ ድማ፣ ዕላማ ኢሳይያስ ብንጹር ተጋሂዱ ይረኣየና። ለካ ጉዳያታ ስለዝፈልጥ ኢዩ ከኣ፣ እታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ባቕስ ጥራይ ትንበብ ዝነበረት ‘መጽሓፈ-መንካዕ’፤ ኣብ 1982-83 ናብ ደጀንን ቅድመ-ግንባራትን፣ክሳብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ናብ ዝነበራ ኣሃዱታት ህጹጽ ዘዋሪ መልእኽቲ /ሰርኩላር/ ሰዲዱ ከካብ ዝነበረቶ ዝቐረማ።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብድሕሪ 1983 ዓ.ም. ምስ ማንም ሓላፊ /ካድር/ ኣይተራእየትን። መጽሓፍ ‘መንካዕ’ ኣብ ቀረባ ግዜ ከም ዘላታ ብዘይ ዝኾነ ወሰኽ ወይ ምምሕያሽ፣ ናብ ዜጋታት ኤርትራ ንክትዝርጋሕ ተስፋ እገብር። ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ መንካዕን መጽሓፍ መንካዕን ካብ ዝሰምዕ ብዙሕ ዓመታት ገይሩ ኢዩ።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ዝሰለፍ ግዜ ክሳብ ሎሚ ልዋም ድቃስ ኣይደቀሰን፤ ኣብ ከቢድ መዋጥርን ጭንቀትን ዝኣተወለን መድረኻት ግን ኣርባዕተ ኢየን፦

1) 1973 ምንቅስቓስ ምሁራት ተጋደልቲ ‘መንካዕ’ (ናይዝጊ ክፍሉ ዘጠመቖ ስም)

2) 1993 ኣድማ ተጋደልቲ ኣብ ኣስመራ

3) 2001 ምፍጣት ምስ መሪሕነትን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን

4) 2010 መድረኽ ቅብጸት ሕቡእ ሕልሚታት

እቲ ዝዓበየ ውሽጣዊ ምፍጣጥ ምስ ህዝቢ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ይዛይድ ኣሎ። ካብዚ መጻወድያ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣምለጠ ማለት ድማ ዘበት’ዩ። እቲ ካብ ሰብዓታት ክሳብ 1991 ዝነበረ ጉዕዞ ኢሳይያስ ድማ በብመድረኹን እዋኑን ብመዓልቱ ክወጽእ ኢዩ። ሎሚ መድርኽ መቐይሮ ኣብ ደረት-ትርኢት ቀሪቡ ኣብ እንርእየሉ ዘለና ግዜ፣ ክፍኣትን ሕቡእ ታሪኽን ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ምቕራቡ፣ ናብ መንእሰያትን ተረከብቲ ሃገርን ምትሕልላፉን፤ ናይ ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ዕዮ ገዛ ኢዩ። ሽዑ እቶም ምሁራት እንታይ ኢዮም ኢሎም፣ ወይ ከመይ ዝኣመሰለ ርእይቶታት ኢዮም ዘቕረቡ ዝብሉ ሕቶታት ምልዓል ጽቡቕ ኢዩ። ኣብቲ ኢሳይያስ መሸንቆቓ ናብ ክሳዱ ኣትያ ዒቕ-ዒቕ ተብለሉ ዝነበረት ግዜ ካብ ዓቕሊ ጽበት ተበጊሱ ዝጸሓፋ ‘መጽሓፈ-መንካዕ’ ኩሉ እቲ ዝርዝራት ዓቂባቶ ኣላ።

ክሳብ ትዝርጋሕ ግን ገለ ኢሳይያስ ዝበሎ፦

“… ሙሉእ ዓመት ዘቕረቦ ርእይቶታት ከመይ ጌሩ ኣቕሪቡዎ? ኣየቕረብኩን በሃላይ እንተኾይኑ፣ ሃየ። ካብዚ ዚተረፈ፣ ኣፈወርቂ ተኽሉ ሓደ ካብቶም ብዙሕ ርእይቶታት ዘቕረቡ ሰባት ከምዝኾነ ከይዘከርኩዎ ኪሓልፍ ኣይደልን።

ናይ ግርማይ ባህረ ፍጹም ሓሶት ኢዩ። ንምርግጋጽ ድማ እታ ዚነበረት ጋንታ ትተሓተት።”

“[ኣብዚ ውድብ እዚ ምስ ተመስገን በርሀን ኢብራሂምን ተዋቒዐ ፤](#) ሓቂ’ዩ።

ከምኡ ንኽገብር ዘገደደ ኩነታት ነይሩ። እንተኾነ‘ውን ኣነ ከም ሓላፊ መጠን ጌጋ ምፍጻመይ ኣጸቢቑ ይርዳኣኒ ኢዩ። ሎሚ ኣብ ወረቐት ተዘርጊሑ ዘይኮነ፣ ብእዋኑ ሃናጺ ነቐፌታ ከም ዝተቐበልኩሉ ይዝከረኒ። እዚ ግን ብጥቁል ኣቢልካ ንምክፋእ ዚግበር ምጽላም ስለዝኾነ፣ ሃናጺ ኣይኮነን።”

[“ኣልኣሚን ሱራጅ፣](#) ናይ ኣልኣሚን ሱራጅን ናይ ጸጋይ ቀሺን ነገር ባእሲ ደኣ‘ምበር መውቃዕቲ ኣይኮነን። ብምንታይ ጀሚሩ ኣብ ምውቕቓዕ ከም ዚበጽሐ፣ መን መጀመርያ ከምዝሃረመ ብዙሓት ይፈልጥዎ ኢዮም። ካብኡ ዚተረፈ ኣብቲ እዋን‘ቲ ናይ ክልቲኦም ጌጋታት ተገሊጽሎም ብመሪሕነት ዚኣክል ነቐፌታን መጥንቀቕታን ከም ዚተዋህበ ዚዝከር ኢዩ። ኣልኣሚን ከም ተራ ወተሃደር፣ ጸጋይ ድማ ከም ሓደ ካልእ ኣምሲልካ፤ ኣልኣሚን ተወቒዑ ማለት ግን ኣመቱ ፍሉጥ ኢዩ።”

[“ሙሴ ተስፋሚካኤል፣](#) ናይ ሙሴ መውቃዕቲ ብጸጋይ ወዲ ቀሺ ዋና መነቓቕሊ ናይቲ ዘቕረቡዎ ጽሑፍ ስለዝኾነ፤ ናብዚ መመኽነይታ‘ዚ ዝበጽሐ ኩነታት ድማ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጦ /*ንበይኑ ብጽሑፍ ከቕርቦ እየ*/። ብዛዕብኡ ብዙሕ ኪዛረብ ኣይደልን። ከም መውቃዕቲ መጠን /ንበይና በጥቀኣልካ/ ግን ጌጋ ነይሩ። ጸጋይ ድማ ተቐጺዑላ።”

“ብዛዕባ ምፍርራሕ፣ ስልጣን ደልዮም ኢዮም፣ መንግስቲ ኪግልብጡ ደልዮም ኢዮም፣ ዚበለት መሪሕነት እንተድኣ ሃልያ ኣበየናይ ቦታን፣ በየናይ እዋንን ከም ዚኾነ ፈልዮም ይግለጹ። ስልጣን ዚደሊ  ድማ ሰብ ከይበሎ፤ ብግብሩ ፍሉጥ እዩ። ካብኡ ዚተረፈ ሓሊፍካ ብምጽናሕ ባዕልኻ ብዘፍላሕካዮ ወረ፣ መጥርዒ ምርኩስ ጌርካ ናይ ምፍርራሕ ትርጉም ምሃቡ ፈጠራ ኢዩ”።

ሰብ ገበሮ ምድሪ ነገሮ! ዝበሃል ከምዚዩ። ወይ ከምቲ “ተሓቢኣን ይጠንስኦ፣ ሰብ ኣኪበን ይሓርስኦ’’ ዝበሃል፤ ኩሉ’ቲ ኢሳይያስ ብጸልማት ተሓቢኡ ዝመሃዞን ከም ኣባ ጎብየ ርእሱ ቀቢሩ ዝተጓዕዞን ውዲት ኣንጻር ኤርትራን ዜጋታታን ኣብ ቅሉዕ መድረኽ ወጺኡ ኣሎ።

ኣብ ሓደ መጽሓፍ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ዝበሎ ክጠቅስ፡-

“ናይ ታሪኽ ነገር ዘገርም’ዩ። መጻሕፍቲ ታሪኽ ምንባብ ዘይፍቶ ካብ ዝገብሩዎ ምኽንያታት ሓደ፣ እቲ ተንብበ ተራጻሚ ስምዒታት ስለዝፈጥረልካ ኢዩ። ክትፈልጥ ስለትደሊ፣ ነቲ ናይ ምንባብ ፈተነ ንባዕሉ ከም ጠቓሚ ነገር ትወስዶ። ምስቲ ተንብቦ ማዕረ-ማዕረ ማእለያ ዘይብሉ ሕቶታት እናልዓልካ ስለትጉዓዝ ግን፤ ንሓቀኛነት ናይቲ ተንብቦ ትጠራጠረሉ’ሞ፣ ምንባብካ ፋይዳ ዘይብሉ ኮይኑ ይስመዓካ። ካብ ተመኩሮ ሂወት ብዙሕ ስለተዋህልል … ።’’

ስለዚ ምንባብ ‘መጽሓፍ-መንካዕ’ን ሕቡእ ምስጢራት ኢሳይያስ ምፍላጥን ንዓና ከምቲ ዝበሎ ዘይኮነስ…ማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት እናልዓልና ስለእንጓዓዝ ንባህርያቱ መመሊሱ የብርሃልና’ምበር ዘጠራጥር ጉዳይሲ የለን። ተራጻሚ ስምዒታት ግን ክፈጥረልና ኢዩ፤ ጭካነ… ስስዐ… ምስሉይነትን ወረጅ-ማዕዶ ምኧንን!

ስለዚ ኢሳይያስ ኣብ 1973 ዓ.ም. በቲ ኣብ ዒራቕ ወተሃደራዊ ስልጠና ወሲዱ ብደረጃ መኮነን ዝተመረቐ፣ ተመስገን በርሀ /ሎሚ ብሪጋደር ጀነራል/ ዝጀመሮ ምጽፋዕ፤ ጥዑም-ጥዑም ጥዒሙዎ ክሳብ ሎሚ ንሰባት እናጨልገመ ይጓዓዝ ኣሎ። እቶም ክጭልገሙሉ ዘይክእሉ ተባዓት ኤርትራውያን ግን ኣቐዲሙ ስለዘጽንዮም፣ ብስም ‘መንካዕ’ ’የሚን’ ጂ.15 ወ.ዘ.ተ…ጸጸግዮም ኣትሒዞዎም ኢዩ። ንከምዚ ዝኣመሰለ ኣረሜን ዝመርሖ ስርዓት ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ ካብ ሱሩ ክትምሕዎ ይከኣል ኢዩ ኢሎም ከም ዛርቲ ንዓሰርተ ዓመታት ዘጉርዑ መራሕቲ ሰልፍታትን ውድባትን ከኣ ዝግ ኢሎም እንተዝግምግሙ ምሓሸ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓምሳታት ኣብቲ ስለ ሃገሩ ክብል ዓደየ-ዓደየ! ዝብለሉ ዝነበረ ግዜ፤ ፖለቲካዊ ቃልሱ ናብ ዕጹው መንገዲ ምስ በጽሐ’ዩ ነቲ ምረት ተጋድሎ ርዒሙ ብረት ንከልዕል ዝተገደደ። ሎሚ ምብሳል ውድዓዊ ኩነታት ኤርትራ’ምበኣር ኣገባብ ቃልስና ንክንቅይር ደጋጊሙ ይነግረና ኣሎ። ሓለይቲ ህዝቢ ኤርራ ዝመስሉ መራሕቲ ሰልፍታት ኢና በሃልቲ መራጉድቲ በደል ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ደገ ኮይኖም ዝጸሓፍዎ ጸብጻባቶም ቀለሙ ከይነቐጸ ናብ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ /ካብፖ ቦሎ/ ይንበብ ኣሎ። ህድእ ኢልካ ዝርዝርራቱ ክብጻሕ ኢዩ።

ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ቅቡር ኣጀንዳ ኢሳይያስ ንምፍላጥ ርብዒ ጎደል ኣብ ዘለናሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ነቲ ደሙ ዘፍሰሰሉን ኣዕጽምቱ ዝኸስከሰሉን ፍትሒ ንምርካብ ነታ ኣንጻር ህግደፍ ከመዝግባ ዝቕብቅባ ዘሎ ኩዕሶ ሒዙ ናብ ቦታ ‘ኣርያ ሪጎለ’ በጺሑሉ ዘሎ ግዜ፣ ምስቲ ህዝብና ዘካይዶ ዘሎ ርሱን ፖለቲካዊ ጥምጥም፤ ጎነጻዊ ቃልሲ ምድራቡ መተካእታ ዘይብሉ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ሎሚ ነቲ ንሱ ዝፈጠሮ ቁስሊ ምሕዋይ ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ ዕማም ኢዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ጎዛዝዩ ግዳይ ስደትን ሞትን ዝገብር ዘሎ ኢሳይያስ፣ እንታይ ኢዩ ጉዱ? ኢልና ንነብና ምሕታት የድልየና ኣሎ።

ንሱ ጽቡቕ ኣሎ… ወዳጀ ምምሕዳር…ጉዳም ሓልዮት ንህዝቢ… ኣቤት ጽርግያን ዲጋን… ዲሞክራሲን ፍትሒን! ወ.ዘ.ተ… እናበልና እንተድኣ ምስ ስርዓቱ ነስቀሮቁርን ከም ራዛ ንቆጻጸን ኴንና ግን፤ ንሱ ጥዑይ ንሕና ግን ጽሉላት ኢና ናብ ስደት እንነብር ዘለና ማለት ኢዩ። ስለዚ ካብ ጽላለና ንምሕዋይ ክልተ ሸውዓተ ንምሕጻብ ናብ ኤርትራ ንእቶ’ሞ፣ ሕያውነት፣ ፍትሒን ልግሲን ኢሳይያስ ክንርእዮ።  ብድሕሪ ምስጓጉ ኤርትራውያን ካብ ኤርትራ ዝስዕብ ኣጀንዳ’ኳ ኣሎ። ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ንሰምዖ ዝነበርና ዘረባታት ነይሩ ኢዩ። ጸጸኒሑ ከኣ በጨቕ ካብ ምባል ኣየዕረፈን።

ብደቡብ ዶብ ኤርትራ ኣለውሃ ምላሽ፣ ብምዕራብ ድማ ክሳብ ከሰላ ናይ ኤርትራ ብጽሒት ከም ዝኾነ፤ ካብ ገለ ሓለፍቲ ይስማዕ ነይሩ ኢዩ። እዚ በጨቕታ እዚ ከኣ ሰራውር ከም ዘለዎ፣ በቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክጓዓዞ ዝጸንሐ

መንገዲን ሜላታትን መደረብታ ይረክብ። ምብራቕ ባሕሪ ከልኪሉዎ'ምበር ክሳብ ሱዕድያ ምተመጣጠረ። ኢሳይያስ ኣብ 2004 ኣብ ከባቢ ተሰነይ ንዝቐመጡ ተወላዶ ብሄረ-ራሻይዳ ኣኼባ ገይሩሎም ነበረ። ራሻይዳ ድማ "…ንሕና ብዙሕ ንግፋዕ ኣሎና። ሱዳን እንተኣተና ወዮ! ናብ ኤርትራ እንተተመለስና ወዮ!! ጸገምና መወዳእታ ስኢንናሉ። ስለዚ ኤርትራውያን ዲና ወይስ ኣይኮናን?" ክብሉ ሓተቱዎ።

"…ኣይሸንኳይዶ ንስኹም ኣብዚ ምሳና ዘለኹም፣ እቶም ክሳብ ዶብ ምስሪን በረኻታት ሓላይብን ዘለዉ'ውን ኤርትራውያን ኢዮም። ኩሉ እትኸድዎ ቦታታት ድማ ናይ ኤርትራ ኢዩ።" ክብል መለሰሎም፣ ወይ መደንጽ!

'ኣል ጀዓን የሕልም ቢል ዒሽ' ከም ዝብል ምስላ ዓረብ ኢዩ ነገሩ። መብዛሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ ብድሕሪ'ቲ ሓያላት ኤውሮጳውያን ሃገራት ብ1885 ኣብ በርሊን ተኣኪበን ዝገበርኦ ምሽማውን ምሕንጻጽን፤ ብድሕሪኡ ዝተኸለለ ዶባት ኣይነበረን። ሎሚ ነቲ ዘመናዊ ካርታ ኣፍሪቃ ቀዲድካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ማይ ዘይጠዓመ ካርታ ከተምጽእ ዝከኣል ኣይኮነን።

እምበኣርከስ ኢሳይያስ'ውን ገለ እዋናት እንተስ ብገርሁ፣ እንተስ ውሽጣዊ ረስኑ ደጊስዎ፤ ብዛዕባ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዘረባታት ይስንዱ ነይሩ ኢዩ።

ንኣብነት፦ ብ21 ሓምለ 1994 ዓ.ም. ኣብ ጅዳ ንማዕከናት ዜና ሱዕድያን ዓለምን ጋዜጣዊ ዋዕላ ኣካይዱ ነይሩ። ብዕለት 28 ሓምለ 1994 ድማ ናብ ትግርኛ ተተርጕሙ፣ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ናብ ኣንበብቲ ቀሪቡ። ''ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ተኽእሎ ምምስራት ኮንፈደረሽን ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት 'ዶ ከተብርሃልና?'' ኢሎም ምስ ሓተቱዎ፤

"…ሓደ ግዜ'ውን ጋዜጠኛታት ብዛዕባ ምስ ኢትዮጵያ ክስረት ዝኽእል ኮንፈደረሽን ሓቲቶሙኒ ነይሮም። ተኽእሎ ከም ዘሎን ዕድሉ ክፉት ምዃኑን ገሊጸ።'' ክብል ዝመለሰን፤ ቀጺሉ'ውን (ኣብ ኢትዮጵያ /ኣዲስ ኣበባ/ ትሕተም መጽሄት… ምስ ኢትዮጵያውያን ፈደረሽን ንበሎ ኮም-ፈደረሽን ናብ ዝለዓለ ውህደት ገጽና ንኸይድ ኣሎና) ዝበሎን ዋዛ ወይ ተራ ዘረባታት ኮይኑ ኣይኮነን። ከመይሲ ካብ ሓደ መራሒ ሃገር ዝወጹ ቃላት ዲፕሎማስያዊ ዕያራትን መለለዪ ቃናን ስለዝህልዎም።

ካብዚ ተመርኲሶም ኬንያውያን ጋዜጠኛታት ኣብ ናይ19 መጋቢት 1995 ኣብ ናይ ኬንያ ጋዜጣ ስታንዳርድ /**Standard**/ "ምስ ኢትዮጵያ ኮንፈደረሽን ንከተቕውም ገሊጽካ ኔርካ" ኢሎም ሓተትዎ። ኣብቲ ብ8 ሚያዝያ 1995 ኣብ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ' ተተርጕሙ ናብ ህዝቢ ዝቐረበ ጽሑፍ <<…ቅድም ቀዳድም ኮንፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክህልወና'ዩ ከም ዘይበልኩ ከብርህ እፈቱ>> ኢሉ ተገራጫዊ ዘረባታት ሰንደወ። ስለዚ ኢሳይያስ ንህዝቢ ኤርትራ ቡሶላ /ኮምፓስ/ ኣብ ዘይብላ መርከብ ኣሳፊሩ ናብ ክወጾ ዘይክእል ማዕበል ሒዙዎ ንኽኸይድ ካብ ዝምድብ እዋናት ሓሊፉ ኢዩ።

ንኢሳይያስ ኣሉ ምባልን ንእለቱ ምስልባጥን ቀሊል ነገር ኢዩ። እቲ ምንታይ ሓሶት፣ ምድንጋር፣ ክፍኣት ግብሪ ምስ ደሙን ኣንጉዑን ተደዋዊሱ ስለዝኾነ። ሎሚ ኣብ ስሳታት ዕድመኡ ክቕንጥጦ ከኣ ዝከኣል ኣይኮነን። ከምቲ ሓደ ሰብ ተወሊዱ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ሓደ ግዜ ጥራይ ስም ዝወሃቦ፤ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ እቲ ኩሉ ክፍኣቱን ሓሶቱን ምስኡ ዝተጠመቐ ስለዝኾነ፣ ክሳብ ዕለተ-ሞቱ ካብ ደሙ ኣይፍለን ኢዩ። ሜላታት ክቕያይር ኢዩ፣ እቲ ከም ነፋሒቶ ዝቕይሮ ሕብሪ ግን ነባሪ ሂወት ዝሰኹዓሉ ኣይኮነን።

"በዓል ኣመል ኣመሉ ኢሕኣድግ ዎ ደብር ዲብ ኣካኑ" ከም ዝበሃል ምስላ ብሄረ-ትግረ፣ ኢሳይያስ ኣመሉ ካብ ዝሓድግ፤ እቲ ጎቦ መሕደሪኡ ክቕይር ኣለዎ ማለት'ዩ። ኣመል ምስ መግነዝ ኢዩ'ሞ፣ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብፍታዉ ንህዝቢ ኤርትራ ፍትሒ፣ ሰላምን ጽጋብን ክህብ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ሓቂ'ዩ! ጎነጽ ክበሃል እንከሎ ፎእ ቃል'ዩ፣ ግን ዕረ መድሃኒትካ ኢዩ'ሞ ካብ እትመውት ስተዮ ምስ በሉኻ እንታይ ትገብር? ብልክዕ ኣብ እንግምግመሉ ግዜ ድማ፣ ሎሚ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንኢሳይያስ ወኪሉ ክዋጋእ ዝኽእል እንኮ ወተሃደር'ኮ የለን። እቲ መዓልቱ ምስ ኣኸለ ከም ታይም-ቦምብ ንክፍጀር ተቐሪቡ ዘሎ ናይ ህዝቢን ሰራዊትን ድምጺ፣ ኣብ ማዕዶ ኮይኑ ብሪሞት ኮንትሮል ዝትኩሶ ዕጡቕ ሓይሊ ይድለ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ዓጢቑ ዘሎ ሓይሊ ናይ ኢሳይያስ ኣይኮነን። ካብ ደገ ውሁድ ድምጺ ዝጽበ ዘሎ ድጉል ጓህሪ ኢዩ።

ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ማለት ድማ ቀቅድሚ ኣውቶቡሳትን ትራክተራትን እናኸድካ ፈንጅታት ምቕባር ማለት ከም ዘይኮነን፣ ውግእ ኣንጻር ኢሳይያስ’ምበር ሓድሕዳዊ ምቅትታል ኩኑን ምዃኑ ኩላትና ብኣግኡ ክንርድኦ ኣዝዩ ኣድላይ ኢዩ። ኤርትራ ስለ ናጽነታ ክትብል ዝኸፈለቶ ረዚን ዋጋ ኣለዋ። ከምኡ’ውን ዲክታቶር ኢሳይያስ ስለ ዕላምኡ ክብል ኣብ ዝወልዖ ኲናት-ባድመ ዝሃለቑ መንእሰያት ደቂ ህዝቢ ይኣክል! ሎሚ ንሕና ኤርትራውያን ወላ ሓደ ሰብ’ውን ክጎድለና ኣይንደልን።

‘…ኣንጻር’ዚ ሰብኣይ ሰራዊት እንተኣዕጢቕኩም ወይ ሓንቲ ጥይት ኳሕ እንተኢላ፣ ኣዲዮ!… ኤርትራ ኣኺሉዋ ኢዩ’ ዝብሉ ብፍላጥን ብግርህናን ካብ ዝመጻደቑ፤ ዕፋፈቶም ኣብ ወወርሒ ዝቕይሩ ጸለምቲን ጻዓዱን ኣትማን ንጠንቀቕ። ሎሚ ብርግጽ ኣብ ሃገርና ክልተ ግንባራት ኣሎ። ግንባር ህዝቢን ግንባር ህግደፍን። ህዝቢ ኲናማ፣ ህዝብታት ዓፈርን ሳሆን ጠበንጃ ቃሕ ስለዝበሎም ዲዮም ኣንጻር ውልቀ-መላኺ ዓጢቖም ዘለዉ? ዕምሪ ኢሳይያስን ቀረበሻ ክፍኣት ህግደፍን ሓንሳብን ንሓዋሩን ከብቅዑ’ምበኣር ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ርሱን መጋርያ፣ ጓህሪ ወሲኽና ገሃጽ-ሃጽ ከነብሎ ደወል ይሃርም ኣሎ።

ንጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ኢሳይያስ፣ ምስ ሓፋሽ ህዝብና ኣነጻጺርና ኣብ እንግምግመሉ ሰዓት፣ ከምቲ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ኣብ ጀርመን ዝነበረ ካርልፎን ክላውስ ፊጽ ዝተባህለ ናይ ኲናት ፈላስፋ፡- “ምስ ጸላኢኻ ኲናት ቅድሚ ምግባርካ፣ ቅድም ንነብስኻ ፍለጥ። ደሓር ንጸላኢኻ ፍለጦ’ም ሚእቲ ግዜ ተዋጋእ፤ ሚእቲ ግዜ ከኣ ክትዕወት ኢኻ” ዝበሎ፣ ግንባር ኢሳይያስ ድማ ፈጺሙ ዘይንቕነቕ እምባ ማለት ኣይኮነን።

ጎነጽ ንኢሳይያስ፣ ጎነጽ ንህግደፍ’ምበር ንሓድሕድና ንጎናነጽ ማለት ኣይክነን። ኢሳይያስ ዘይወድቕ ሰብ ወይ ስርዓቱ ዘይቅየር ሰማያዊ ሓይሊ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብቲ ኣንጻር ህግደፍ እንገብሮ ቃልሲ፣ ቅድሚ ኩሉ ክንዕወት ምዃንና ክንኣምን ኣሎና። ነዚ እምነት’ዚ ከኣ ከም ሃይማኖት ክንኣምነሉ ይግባእ። ቅድም ቀዳድም ግን ንነብስና ንፍለጥ።

ኢሳይያስ ካብ ህዝቢ ንዝመጾ ኲናት ንምድህላል፣ ካብ 2001-2010 ንዓሰርተ ዓመታት ንኣእምሮ ህዝቢ ኤርትራ ከም ጀሆ ሒዙዎ ጸኒሑ። ኣብቲ ወግሐ-ጸብሐ ሓንሳብ “ወያነ ክትወረና ትቀራረብ ኣላ፤” ጸኒሑ ከኣ “ብጎበጣ ንዝተታሕዘ መሬትና፣ ብሓይሊ ክንመልሶ ንበገስ…” ናይ ኲናት ጥሩምባን ገዓሮን ግን እነሆ ሎሚ ኣብቂዑ። ንሕና ኤርትራውያን ንስደድ፣ ኣብ ምድረ-በዳ ሳሃራን ባሕሪ መዲተራንያን ንመውት፣ ንሳቐ፣ ምስ ስድራናን ደቅናን ንፈላለ፣ ንጕሂ… ኢሳይያስን ጭፍርኡን ከኣ፣ ብረድዮን ተለቪዥንን ‘ኲናት…ኲናት…ኲናት’

‘ሰብ ኣሓ ይሃድሙ፣ ሰብ ቆራብቲ ይዋግኡ’ ዝበሃል ልቦናዊ ኣዘራርባ ኣቦታት ከምዚ ኢዩ። እምበኣርከስ እቶም ኣብ ኤርትራ ሰብ ቆራብቲ ንሓዋሩ ክሃድሙ፣ ንሕና ሰብ ኣሓ ኣንጻር ኢሳይያስ ሎሚ ብሓድነትን ትብዓትን ክንዋጋእ ንበገስ።

ኣከያይዳና ኣብቲ ጠገለ ዘይርከቦ ጉዳይን ታሪኽን ኢሳይያስ፣ ናብ ሰብዓታት ጸኒሕና ናብ ተስዓታት ክንዘልል፤ እንደገና ናብ ሰማንያታት ተመሊስና ከኣ ናብ ዓመተ ሚለንየምን ሎሚን ክንሰግር ይግድደና ኢዩ። እቲ ምንታይ ነቲ ካብ ግዜ ምስላፉ ክሳብ ሕጂ ንዝገበሮ በደልን ጥውይዋይ መንገዱን ትኽ ኢልካ ክኸየድ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ንኣከያይዳይ ኣብዚ ጽሑፍ’ዚ በዚ ዝገለጽኩዎ ጥውይዋይ ንክኸይድ ስለዝግድደኒ፣ ንምዝላለይን ምስግጋረይን ንክትርድኡኒ ተስፋ እገብር። ኢሳይያስ ኣብቲ በዓለገ ታሪኹ ኣይሸንኳይዶ እቶም ፈተውቱን ዘጣቕዕሉንሲ፣ ጸላእቱ’ውን ንክኣምንዎ ዘሸግሮም ታሪኻት ኣለዉዎ።

ኣብ ዝቕጽል ክፋል ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ፣ ካብ ቅድሚ ናጽነት ክሳብ ሎሚ ኢሳይያስ ብዘይካ ንሱ ዝቆጻጸራ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣብ ኤርትራ ክትህሉ ዘፍቅድ ከምዘይኮነ፤ ኣብነት ናይቲ ኣብ መፋርቕ 80ታት ኣብ ገማግም ተከዘ ውድብ መስሪቱ ዝነበረ ተጋዳላይ ጀብሃ-ነበር ተስፋምህረትን ኣንጻር ህግደፍ ብረታዊ ምልዕዓል ንምግባር ብወገን ሑመራ 11 ክላሽናት ሒዙ ዝተበገሰ ገብረብርሃን ዝተባህለ ተቓዋማይን ዝወሰዶ ቅልጡፍ ናይ ምቕንጻል ስጉምቲ ክንርኢ ኢና። ክሳብ ሽዑ እንራኸብ ሰላም ቅነ።

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ሓሙሻይ ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 15 OCTOBER 2010 00:09




እዛ ሓሙሽይቲ ክፋል ናብ መርበብ ኢንተርነት ክሳብ ዝሰደላ ዝነበርኩ ሰዓት፣ ካብ ሙሉእ ዓለም እንኮላይ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ብዙሕ ናይ መተባብዒ ጽሑፋት ተቐቢለ።

ገለ ዜጋታት ንዘቕረቡለይ መኣረምታን ሃናጺ ርእይቶታትን ድማ ብልቢ የመስግኖም። ኣብዚ ተኸታታሊ ጽሑፈይ፣ ቀንዲ ዒላማ ናይዚ ታሪኽ፣ ናብዚ ን40 ዓመታት ጀጋኑ ዜጋታት ኤርትራ እናቐንጸለን፤ ምሁራትና እናኣጽነተን ዝመጸ፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዘተኮረ ኪኸውን ኢዩ። ልክዕ'ዩ እዚ ጽሑፍ ይነውሕ ከም ዘሎ ኣይሰሓትኩዎን፤ ግን ክቡራት ኣሕዋት በብዓቕምና ንክንጽመም ሓደራ እብል።

ሎሚ ብዛዕባ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሩ ምጽሓፍ ንቤተ መዘክር ጥራይ ኢዩ ዝጠቅም። ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሩ ንጉስ ሃይለስለሰ፣ መንግስቱ ሃይለማርያም፣ ኢሰፓ ወ.ዘ.ተ… ኢልና 'ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ፈኑ' ዝዓይነቱ ጽሑፍ ምቕራብ ግዜኡ ኣይኮነን። ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ መግዛእቲ ንምምካት ዕጥቁ ዓጢቑ 'ኣለኹ' ዝበለሉ ዘመነ-60ታት፣ ብመራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ /ጀብሃ/ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ዝተፈጸሙ ጌጋታት ሎሚ ምልዓሎም፣ ኣይሰዓቱን። ኣብዚ ሰንሰለታዊ ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ ጉዳይ ናይቶም ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ገበን ዝፈጸሙ ሰባት፤ ኣብ ግዜ ህዝባዊ መንግስቲ ንህዝቢን ቤት ፍርዲን ዝምልከት ጉዳይ ኢዩ።

ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ጀብሃ ምፍላዩ፣ ኣብ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብርቂ ስጉምቲ ምንባሩ ዚከሓድ ኣይኮነን። ግን ጉሒላ ኢሳይያስ ከምዚ ሎሚ ንባህጊ ህዝቢ ኤርትራ መንጢሉ ፈሊሉ ዘሎ ግዜ፣ ከይተረዳኣና ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ስለ ገዛእ ረብሕኡ ክብል ናይ ስነ-ኣእምሮ ምሩኻት ገይሩና ጸኒሑ ኢዩ።

ስለዚ ቀንዲ ኣተኩሮ ናብ ኢሳይያስ ክጽሕፍ እንከለኹ፤ ንሱ ትማሊን ሎሚን ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝነበረን ዘሎን ኢዩ። ኣብቲ ኢሳይያስ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ገበናት እናፈጸመ ዝጓዓዘሉ ዝነበረ ዓመታት ድማ፣ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፣ ሎሚ'ውን ኣብ ስርዓት ህግደፍ ምስኡ ብማዕረ ዝሕተቱ ሰባት ኣለዉ። ግን ሎሚ ብዛዕብኦም ሚኒስተር እገለ፣ ጀነራል እገለ… ገበነኛታት ኢዮም ምባል፤ ናብ ክትወጽኣሉ ዘይትኽእል ሓሸውየ ምድቕዳቕ ስለዘኸትል ዒላማና ናብዚ ቀንዲ ጸላኢ ምንጽጻር ኣዝዩ ይምረጽ።

ንሕና ነቶም ገበነኛታት ንፈልጦም ኢና፤ ንሳቶም'ውን ገበነኛታት ምዃኖም ይፈልጡ ኢዮም። ተቓወምቲ ኢና…መራሕቲ ሰልፊ /ውድብ/ ኢና ዝብሉ፣ ኣብቲ ናይ ቃጻ ቅንጸላ ዝነበረሉ ግዜ ኣእዳዎም ብደም ዝተለኸዩ ሰባት'ውን ኣብ ደገ ምሳና ኣለዉ። ኣብ ዓዓመት ተጋማጠሊ መርገጺ እናቐያየሩ ሕብርታቶም ዘይልለ ይመስሎም ይኸውን። ግን ዕላመት ከም ዘለዎ ጥሪት ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ የለልዮም ኢዩ። ገለ ሰባት ኣብዚ ህዝቢ ኤርትራ መኣዝኑ ጠፊኡዎ ዘሎ ግዜ፤ ኣንጻር ኩሉ፦

- ኣንጻር ህግደፍ  /ኢሳይያስ/
- ኣንጻር ኢትዮጵያ /ወያነ/
- ኣንጻር ዋዕላ ኣዲስ ኣበባ
- ኣንጻር ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ
- ኣንጻር እገዳ …

ኮይኖም ክረኣዩ ከኣ ናይ ታሪኽ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኢዩ። ኣንጻር ኢሳይያስ ይዛረቡ፣ ግን ነቲ ሰባት ኣቓዲሞም ዝተዛረብዎ ይደግሙ። ኣንጻር ህግደፍ ይጽሕፉ፣ ግን ነቲ ብዙሓት ዜጋታት ዝጸሓፍዎ ጥራይ ይደጋግሙ።

ሓቂ'ዩ! ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብደም ሰባት ጎጽጉጹ ዝኣተወ ኣሰለት ወይ ኣራዊት ኢዩ። 'ውሓጥዮ እንተበልኩዋስ ትጎስሞ' ከም ዝበሃል ከኣ፣ ጸሓይ ኤርትራ ምስ በረቐት'ውን ደም ካብ ምጉሳዕ ኣየዕረፈን። ተሓቢኡ ዝገብሮም ኣነወርቲ ተግባራት ኣለዉዎ። ግን ንግዚኡ ነቲ ሰባት ክኣምንዎ ዝኽእሉ ጉዳያት ጥራይ ምትንታን ይሓይሽ።

ሎሚ ኣይሽንኳይዶ ንኢሳይያስ  ወኪሉ 'እዚ ጸለመ'ዩ! ፈጺሙ ኣይወዓሎን' ኢሉ ክማጎት፤ ኢሳይያስ ባዕሉ'ውን ነዚ ዝቐርበሉ ዘሎ ጭብጢ ንገበናቱ ክከላኸለሉ ኣይክእልን ኢዩ። ኩሉ ዝገበሮን ዝወዓሎን ስለዝኾነ፣ ኣጸቢቑ ይኣምነሉ ኢዩ። ገበነኛ ምኳኑ ስለዝፈልጥ ኢዩ ከኣ፣ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ናብ ሽለው ዝበለ ገደል ገጹ ጥራይ ንክኣዓዝ ዝመረጸ።

ስንጭሮታት ሳሕል /ብሌቓት፣ ፋሕ፣ ቀብር-ውእት/  ሓደ መዓልቲ ኣፍ ክኸፍታ ኢየን። ኢሳይያስን ናይዝጊ ክፍሉን ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ኣገባብ ኣቀታትላ ንምግላጹ'ውን ኣዝዩ ኣሰቃቒ ኢዩ። ከም ብዕራይ ብሓጺን /ሌባ ጎማ/ ናብ ኣራእሶም እናጨፍጨፉ ዝቐተልዎም ዜጋታት'ኳ ነይሮም ኢዮም። ናይዝጊ ክፍሉ ነዚ ጽሑፍ ኣብ ዘንብበሉ ግዜ፣ እታ ኣብ መንጎ ብሌቓትን ፋሕን ዝነበረት ስንጭሮ ሓለዋ ሰውራ ትርኣዮ ትኸውን። በቲ ዝገበሩዎ ኣቀታትላ ዝተጸለሉ ተጋደልቲ'ውን ነይሮም ኢዮም። ንኣብነት ኣብ ምምስራት ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ዋርድያ እሱራት ዝነበረ ኪዳነ ኢሳቕ ዝተባህለ፣ ትውልዲ ዓዱ ኳዜን ተጸሊሉ ደሓር'ውን ተሰዊኡ ኢዩ። ተኽለ ዝተባህለ ተጋዳላይ'ውን ተጸሊሉ። ኣብ ሕክምና ሰበርቀጠ ዝነበሩ ውጉኣት፣ ንተኽለ ዘይፈልጥ የለን።

መዛግብቲ ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ከኣ፣ህዝቢ ኤርትራ ሓደ መዓልቲ ከም ቁርኣንን መጽሓፍ ቅዱስን ደጋጊሙ ከንብቦ ኢዩ። ከምቲ ናይዝጊ ዝበሎ ነቲ ሽዑ ዝጸለለ ኤርትራዊ ግን ካብ ሎሚ ፈውሲ ጽላሊ ኣናዲናሉ ክንጸንሕ፣ ወይ እንዳ ጽሉላት ብኣግኡ ኣግፊሕናዮ ክንጸንሕ ተነጊሩና ኣሎ።

ናይዝጊ ሚኒስተር ሚ/ሪ ዜና ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ንሓለፍቲ እቲ ሚኒስትሪ ኣኼባ ገይሩሎም ነበረ። "…ንዓና ንህዝባዊ ግንባር እቲ ቀንዲ ዘዐወተና ምዕቃብ ምስጢር ምዃኑ ክትፈልጡ ኣለኩም። ምስጢር ናይዚ ሚኒስትሪ ብጥብቂ ዓቅብዎ። ኣነን ኢሳይያስን እንፈልጦ ናይ ሜዳ ምስጢር ንህዝቢ ኤርትራ እንተዝንገሮ፣ ዎላሂ! ብሙሉኡ እዚ ህዝቢ ምተጸለለ" ኢሉ ብዛዕባ እቲ ንሱን ሓለቓኡን ዝፈልጥዎ ምስጢር ኣተንብሀ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከም ሓውሲ ምክትል ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ዓሊ ዓብዱ ከኣ ነታ ናይዝጊ ዝበላ ዘረባ ተሰኪሙ ናብ ኢሳይያስ!። እቲ ቅቡር ምስጢራት ሎሚ ክልቲኦም ጥራይ ዝፈልጥዎ፣ ናይዝጊ ፋሉል ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣልኮል ምስ ሰተየ ክድርጉሖ ስለዝኽእል ድማ፣ ኢሳይያስ ጸዊዑ ኣዘራረቦን ኣጠንቀቖን።

እቲ ካብ ምስላፉ ኣትሒዙ ናይ ኢሳይያስ እሙን ዝኾነን ፋሉላዊ ኣከያይዳ ምኻድ ቃሕ ዝብሎን ናይዝጊ ከኣ፣ ዓሊ ዓብዱ ከም ዝሓሰወሉ ተረድአ። ናብ ቤት ጽሕፈቱ ጸዊዑ ድማ፡- "… ካብዛ ሰዓት እዚኣ ብናተይ ሓላፍነት ኣደስኪለካ ኣለኹ። ኣነ ናይዝጊ ክፍሉ ንሰብኡት ብኾፎም ከም ዝሸኑ ዝገብር ናይ ሰብኣይ ሰብኡት እየ።… ሕጂ ኪድ ናብ ኣያኻ! ኣደስኪሉኒ ኢልካ ጥራዕ" በሎ። በቲ ጉዳይ ዝተሻቐለ ኢሳይያስ ድማ ነቲ ከም ፍቱው ከልቢ መልሚሉን ጸባ እናኣስተየን ዘዕበዮ ዓሊ ዓብዱ ሚኒስተር ዜና፣ ነቲ ኣብ ፈቓዶ ባራት ምስጢራት ሓለዋ ሰውራ ከይብትነሉ ዘስግኦ ናይዝጊ ክፍሉ ድማ ቅድም ኣብ ቤ/ጽ ፕረዚደንት ተኸታታሊ ዞባዊ ምምሕዳራት ደሓር ድማ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ሰደዶ።

ናይዝጊ ምስ ኢሳይያስ በዓል ዓቢ ማሕላ ኢዩ። ቀንዲ የማናይ ኢዱ ስለዝነበረ ከኣ፣ ካብ ግዜ ቃልሲ ክሳብ ናጽነት ቃሕ ከም ዝበሎ ንሰባት እናጸረፈ ክመጽእ ጸኒሑ። ክሳብ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ነታ ግናይ ኮረሻ ኢሳይያስ ደርብዩ ናይ ገዛእ ርእሱ ዘውዲ ዝደፍእ ድማ፣ ናይዝጊ ክፍሉ ብሂወት ይጽናሓልና ኢልና በብእምነትና ንጸልየሉ። እቲ ምንታይ ተንቀሳቓሲ ቤተ-መዘክርና ስለዝኾነ።

ሎሚ ግን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኮይኑ ክጸረፍ ኣይክእልን ኢዩ። ኣስመራ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ እታ ግናይ መልሓሱ ሰበብ ኣምጺኣትሉ ነይራ ኢያ። ቅድም ንክልተ መኮንናት ክፍሊ ሃገራዊ ድሕነት /ኮሎኔል ወልደጋብር ወዲ ሮማን ኮ/ል ጸጉን/ ኣብ ባር ምስ ጸረፎም ኣውዲቖም ጸፋፊዖሞ ኢዮም። እቲ ግዜ ኣይቀደዎን፤ ቀጺሉ ድማ ኢሳይያስ ብሰንኪ ዝጸረፎ፣ ኣብ ኤክስፖ ክሳብ ብፍልይቲ ነፋሪት ናብታ ቅድም ዝተማህረላ ሩስያ ንሕክምና ዝለኣኾ ረጊጺዎ ነይሩ ኢዩ።

ኣብ 1977 ኣብቲ ኢሳይያስ ኣብ ሰሰሙን ንናእዳ ስሙ ክብል ኣብ ፋሕ /ሳሕል/ ዝገብሮ ዝነበረ ሰሚናር፣ ንጉዳይ እታ ሰለሞን ወልደማርያም ኣንጻር ኢሳይያስ ዝጸሓፋ መጽሓፍ ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡ ምስ ወደኣ፣ ካብ ብዙሓት ተጋደልቲ ነቐፌታ ናብ ናይዝጊ ዘነበ። ኢሳይያስ ከኣ ከምቲ ንሓጎስ ክሻ ብዝምልከት ናይ ህዝቢ ስምዕታ ምስ ቀረበሉ ኣብ ዋሺንግቶን ዝበሎ ናይ ሽሕጣን ቃል፤ ካብኡ ብዘይፍለ ናይ ናይዝጊ ከኣ፤ "እዚ ናብ ናይዝጊ ዝቐርብ ዘሎ ነቐፌታ ንጉስ እንተርኣኹ ጥራዕ-ጥራዕ ይመጽኣኒ ዝዓይነቱ ኢዩ። ... ደሓን ግን ባዕለይ ከረድኦ እየ" ክብል መለሰ። መጽሓፍ ሰለሙን ሽዑ ኣብቲ ባዕሉ ዝነበሮ ክፍሊ ዜና ኢያ ተሓቲማ። ኣብ ፋሕ ገለ ጽሑፋት ተዘርጊሑ'ኳ እተነበረ፣ ብትእዛዝ ኢሳይያስ ቀልጢፉ ተኣከበት። ስማ እዝክራ እየ፣ ብዘይካ ምስ ኢሳይያስ ድማ ምስ ማንም ሰብ ክትህሉ ኣይትኽእልን ኢያ። <<ቃታኻ ሓዝ ናብ መን ከም ተነጻጽር ግን ኣቕዲምካ ፍለጥ>> ትብል።

እቲ ከም ዮሴፍ ስታሊን ንምሁራት ዝቐንጽል ኢሳይያስ ካብ ግዜ ምፍላዩ ክሳብ ሎሚ ዝገበሮ በደል መምዘኒ የብሉን። ብዛይካ ንሱ ዝበላ ካልእ ዝበላ ዘይቅበል፣ ብዘይካ እታ ንሱ ዝኣምና ናይ ካልኦት እምነት ናብ ጎዱፍ ዝድርቢ ፈሊጠ-ኩሉ፤ ብዘይካ ንሱ ዝቶጻጸራ ኣፈ-ሙዝ ካብኡ ርሒቓ ንእትህሉ ጠበንጃ ከም መልኣከ-ሞት ዝፈርሓ ኢሳይያስ'ምበኣር በታ ንሱ ዝፈርሓን ዘይተደቅሰን ጉዳይ ክንመጾ መድረኽ ይሓተና ኣሎ።

ነዚ ካብ 2001 ክሳብ ሎሚ ኣንጻሩ ኪካየድ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ከኣ፣ ከም ተኸታታሊ /መሰልሰላ/ ሕብራዊ ፊልም ክዕዘቦ ጸኒሑ ኣሎ። እቲ ምንታይ ኣብዚ ዚካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ትያትሮ ባዕሉ ኣላይ መድረኽ ስለዝኾነ። መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ'ምበኣር ንብላሽ ከይከውን፤ ንኢሳይያስ በታ ፈጺሙ ዘይፈትዋ ኣገባብ ቃልሲ ንክንመጾ ይሕረ ኣሎ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዝበልክዎ፣ 'ጎነጽ' ዘይፍቶ ቃል ኢዩ። ከምቲ ኢሳይያስ ንጉዳይ ናጽነት ኤርትራ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፤ "...ናጽነትና ብወርቂ ፒያቲ ገይሩ ዘቐበለና'ኳ ኣይነበረን" ዝበሎ፣ ሕጂ'ውን ሰላም፣ ፍትሒን ደሞክራሲን ካብ ምንጋጋ ኢሳይያስ ብልማኖ ክንረክብ ኣይከኣልን። ሎሚ ንዓና ንኤርትራውያን ኣብ ቅድሜና ክልተ ምርጫታት ተገቲረን ኣለዋ፦

1) ንኢሳይያስ ኣገባብና ኣመሓይሽና /ቀይርና/ ካብ እንግድዓ ህዝቢ ኤርትራ ምእላይ፤

2) ትም ክሳብ ኤርትራውያን ፈጺሞም ዝጸንቱን ሃገር ነበረት ያ ነበረት ክሳብ እትኸውንን።

ኣብ 'ጎነጽ' ካልእ ኣሰካፊ ጉዳይ'ውን ኣሎ። ኩሉ ግዜ ብጎነጽ /ብወተሃደራዊ መንገዲ/ ስልጣን ዝሕዝ ሓይሊ ናብ ምልኪ ኢዩ ዝመጣጠር። ብኻልእ ወገን'ውን ኢሳይያስ ዝገበሮን ገና'ውን ዝገብሮ ዘሎን ገበን፤ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ወተሃደር ምቕያሩ ኢዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ኤርትራውያን ንምጥፋእ ዝመሃዞ ውዲት ኢዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ካብ ወዲ 18-60 ዓመት ታዕሊም ዘይወሰደን ጠበንጃ ዘይለጉምን ሰብ የለን። ብድሕሪ ምውዳቕ ኢሳይያስ እምበኣር፤ እቲ ናይ ለውጢ ኣባ-ጓይላ ሕድሪ 5 ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ዝስከም ክኸውን ይግባእ።

ሎሚ ንህሉው ኩነታት ሃገርና ኣብ እንግምግመሉ ሰዓት፣ ኢሳይያስን ስርዓቱን ኣብቂዖም ኢዮም። እቲ ብቺሮቶ ዝተለቓቐበ ኣገባብ ኣከያይድኡ ዘይፈልጥ መንግስቲ ድማ፣ ንውድቀት ሓደ ጎደል ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሃዋሲ ኩነታት ነቲ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ኢሳይያስ ፈሊኻ ምቅላዕ ኢዩ ዝምረጽ። ናይ ምቕታል ፈተነ ዘይተገብረሉ ኣይኮነን፣ ሕጂ'ውን ነቶም ልጓም ብረቶም ፈቲሖም ጽቡቕ ኢጋጣሚ ዝጸበዩ ዘለዉ ፈደይቲ ሕነ፤ ኣብ ስግሮም ኮይንና መሳርዕና ትዋሕዋሕ ክብል ነርእዮም።

ይብዛሕ ይውሓድ! ብንጹር ዕላማ ዝምራሕ፤ ሓድነቱ ዘማእከለን ናብ ፍጹም ዓወቱ ንምብጻሕ ዘይክማህ ድሌት ዘለዎን ሰራዊት ኣብ ፊት ኢሳይያስ ኣብ ዝዓጥቀሉ ግዜ፤ ብርግጽ ስርዓት ህግደፍ ባዕሉ ክሃድም ኢዩ። ሎሚ ኤርትራ ከመይ ገይራ ኢያ ትውዕልን ትሓድርን ዘላ እንድዒ! ስርዓተ-ኣልቦነት ነጊሱ፣ ፋሉልነት መለለዪ ህግደፍ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ዋጋ ሓንቲ እኽሊን ሓንቲ ናቕፋን ማዕረ ኮይነናሉ ኣብ ዘለዋ ሰዓት፤ እንታይ ኢና ንጽበ ዘለና? ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ንዝፍጠር ሃጓፍ ኢዩ ከኣ ዕጡቕ ሓይሊ ዝድለ ዘሎ። ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ ዓመታት ሰለስተ ግዜ /ጋሽ-ባርካ፣ መንገዲ ባጽዕ፣ ጥንቅሉሓስ/ ንኢሳይያስ ውልቀ-ቅንጸላ ተፈቲኑስ ኣይተዓወተን። ሕጂ'ውን ናይ ምድግጋም ተኽእሎታት ኣብ ቦትኡ ኣሎ።

ኣብዚ ዓለም ተጻዋዊራን ተኸኣኢላን ትጓዓዘሉ ዘላ ዘመነ-ግሎባልነት፣ ኢሳይያስ ብዘይካ ናተይ ሓሳብ ናታትኩም ቁልቁል ኣፉ ይደፋእ ዝብለሉ ዘሎ ግዜ፣ እንታይ ክንገብር ኢዩ ምርጫና? ተሓቢኡ ኣብ ግዜ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ዝፈጸሞ ገበን፣ ብጋህዲ ኣብ ቅድሚ ዓለም ድማ ኣብ ሚለንየም ዝደገሞ መዘና-ኣልቦ ጥፍኣት ሃገር መምሃሪ ይኹነና። እዚ ብናይ ክፍኣት ግብሪ ምህንድስና ዝተመረቐ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ'ምበኣር፣ ዘፍሰሶ ንጹህ ደም ይኣክል ንበል።

ስለዚ ኢሳይያስ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ በዓል ገዚፍ ናይ ደም ዕዳ ኢዩ። ሎሚ ኣተሓሳስባና ከነስተኻኽለሉ ዝግባኣና፤ ምስ ኢሳይያስ ከኣ ብዛዕባ ጉዳይና ክንጸባጸበሉ ዝግባኣና ግዜ ኢዩ። ንኢሳይያስ ኣብ ክንዲ ጸላኢ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኢልና እንኣምን፣ ጸላኢ ሓደ ኣውራጃ ጥራይ፤ ኣብ ክንዲ ጸረ-ሃይማኖት ህዝብና ምኳኑ ንፈልጥ፣ ጸላኢ ሓደ ሃይማኖት ጥራይ፤ ኣብ ክንዲ ጸላኢ ኩሉ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ምኳኑ እንርዳእ፣ ጸላኢ ሓደ ውድብ ጥራይ፤ ኣምሲልና ንርኢ እንተደኣ ሃሊና ናብቲ እንምነዮ ለውጢ ንምብጻሕ ናብ ቀዳድ ገረወይና ማይ ምምላእ ይሓይሽ።

ደም ዜጋታት ኤርትራ ምፍሳስ ንኢሳይያስ ክፍቀደሉ፣ ንዓና ግን ደም ኢሳይያስ ንክይነፍስስ ዝዓግተና ሕጊን ዓንቀጻትን ባዕልና ፈጢርና። ደምና ደም ኤርትራውያን ደመ-ከልቢ፣ ደም ኢሳይያስ ከኣ ደም ኣንበሳ፤ መን ገበሮ? ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ ጠንቂን ኣበጋግሳን ውግእ ሓድሕድ ንምትንታን መድረኽ ዘየፍቅድ'ኳ እንተኾነ፤ ነቲ ኣብ 1975-77 ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ሰናይ ዝምድና መን'ዩ ንድሕሪት ከም ዝኸይድ ዝገበረ? ኢሳይያስን ሕሩይ ተድላ ባይሩን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ተራኺቦም ክዛተዩ ከለዉ፤ ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ከኣ ኣብ ዑና-ናላይ፣ ሽማንጉስ፣ ገረሚ ወ.ዘ.ተ ብሓባር ጓይላ ክጻወቱ እንከለዉ ይዝከረና ይኸውን።

እናበተኸና ንኺድ…ድሕሪ ፍጻሜ ኩናት ሓድ-ሕድ 1981፣ ነቶም ዝተቐበሎም ተጋደልቲ፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ- ማእከላይ መሪሕነት 'ሳግም' ናብቲ ብወርሒ መጋቢት 1987 ዝተገብረ ካልኣይን ሓድነታዊን ውድባዊ ጉባእ ንክኣትዉ ድሌት ኣይነበሮን። ግን ኣብቲ ብወርሒ ሰነ 1985 ዓ.ም. ዝነበረ ኣኼባ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት፣ ካብ ብዙሓት ኣባላት ፖ/ቤ/ጽ፤ ብፍላይ ካብ ኢብራሂም ዓፋ ተሪር ተቓውሞ ስለዝረኸበ ጥራይ ኢዩ ንክፍቅድ ዝተገደደ። ካብ ምጽንባሮም ክሳብ ሎሚ ከኣ ልዋም ለይቲ ዝሓደረ ሰብ የብሎምን። መራሕቶም በዓል ኢብራሂም ቶቲል፣ ኣብርሃለይ ክፍለ፣ ዘምህረት ዮሃንስ ወ.ዘ.ተ. ገሊኦም ድስኩላት ገሊኦም'ውን ፍርቀ-ፍርቂ ድስኩላት ኮይኖም ይርከቡ።

እቲ ናብ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንክጽንበር እማመ ኣቕሪቡ መልሲ ዘይተዋህቦ፣ ኣብ ከባቢ ተከዘ /ዒላ ተስፋን ማይ ሸግሊን/ ምስ ሰራዊቱ ተፈንጪሉ ዝነበረ ተስፋምህረት ድማ ናይ ምቕንጻል ስጉምቲ ተወስደሉ። ቅድሚ ውግእ ምኽፋት ከኣ ተስፋምህረት ንምቕታል ኢሳይያስ ብዘመሓላለፎ ትእዛዝ፣ ኣብ ማይ ሸግሊ ፈንጂ ተቐበረሉ። ፈንጂ ተተኩሱ፣ ተስፋምህረት ግን ደሓነ። ከም ዘይሞተ ከኣ በቲ ኣብ ጎቦ ቡቢ ዝነበረ መደበር ረድዮ ህዝባዊ ግንባር፣ መልእኽቲ ናብ ኢሳይያስ ተመሓላለፈ።

ወላ'ኳ ብዙሓት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር 'ካብዚ ፈንጂ እንዳ ዓብደላ እንቋዕ ብደሓን ወጻእካ' እንተበሉዎ፣ እቲ ፈንጂ ብኣባላት ክፍሊ ሃንደሳ ህ.ግንባር ከም ዝተጻወደስ ኣይሰሓቶን። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣንጻር ኢሳይያስ ሕነ ክፈዲ ዘይክእለሉ ዝነበረ ርሕቀት ኢዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ኢሳይያስ ናብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ /ሸላሎ/ ክንቀሳቐስ ኢዩ ዝብል ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ኣብ ዝሰምዓሉ ግዜ ከኣ ተስፋምህረት፤ ሕነ ንምፍዳይ ፈንጂ ቀበረ። ኣጋጣሚ እታ ዝተቐብረት ፈንጂ ግን ንበዓል መዓልቲ ወሰደት። ምሕረትኣብ ስብሃትለኣብ ንዝተባህለ ኣባል ማእከላይ

ሽማግለ ህ.ግንባርን ኣቦ መንበር ማሕበር ሓረስቶ ዝነበረን ድማ ሃረመቶ። ንሱ ብከቢድ ምስ ተሃርመ፣ ብሂወቱ ክሳብ ከሰላ በጺሑ'ኳ እንተነበረ፣ ኣብ ከሰላ ዓሪፉ።

ተስፋምህረት ዝቐበራ ፈንጂ ንስብሃትለኣብ ከም ዝቐተለት ምስ ሰምዐ ኣብቲ ብክፍሊ ስለያን ጸጥታን /72/ ዝተጠልፈ ናይ ረድዮ መልእኽቱ ከምዚ ክብል ሓዘኑ ገለጸ፡- " …ኣይይይ መስኪናይ ስብሃትለኣብ! ንዕኡ'ዶ ረኺባቶ! ኣነስ ኢሳይያስ ናብ ድሕሪ መስመር ክመጽእ ኢዩ ዝብል ሓበሬታ ስለዝሰማዕኩ እየ ቀቢረያ። ኣይይይ! ኣብ ክንድኡስ ወላ ንወዲ ማና'ኳ ክትወስድ ነይሩዋ።''

እቲ ኩሉ ናይ ፈንጅታት ድራማ ናብ ኢሳይያስ ምስ በጽሐ ድማ፣ ሓደ ካልእ ስጉምቲ ንምውሳድ ተጓየየ። ምኽንያቱ ብዛዕብኡ ንዝምልከት መርድእ ካብ ተስፋምህረት ስለዝሰምዐ ደቂሱ ክሓድር ዘይከውን ኢዩ። ብድሕሪ'ቲ ጉዳይ ፈንጂታት ሓደ ኢሳይያስ ዝመሃዞ ነገር፣ ቅልጡፍ ቅንጸላ ንተስፋምህረትን ሰራዊቱን ነበረ። ኣብ ግዜ ውግእ መን ይፈልጥ ተስፋምህረት እንተኣምለጠ'ኸ? ንዝብል እንተታት… ድማ ሓደ ተኪአ /ሽፍታ/ ዝተባህለ ኣባል ክፍሊ ስለያ ህ.ግንባር ናብ ተስፋምህረት ኢዱ ከም ዝህብ ተገብረ። ኣብ ወተሃደራዊ ረድዮ 'ነብሪ' ዝብል ኮድ ዝተዋህቦ ተኪአ ሽፍታ ከም ቀንዲ ተሓጋጋዚ ተስፋምህረት ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ።

ተኪአ ሽፍታ ናብ ተስፋምህረት ኢዱ ሂቡ ብምባል ኩሉ ተጋዳላይ ፈንፈኖ። ብዛዕባ ተልእኾ ተኪአ ከኣ ብዘይካ ኢሳይያስን ጴጥሮስ ሰለሞንን ካልእ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ኣንጻር ውድብ ተስፋምህረት መጥቃዕቲ ንክምክያድ ሓላፍነት ዝተዋህቦ መራሕ ቦጦሎኒ ክፍሊ ሃንደሳ ድማ ብርሃነ /በሊሕ/ ዝተባህለ ነበረ።

"ከምዚ ዓይነት ቅልጡፍ መልእኽቲ ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ኣብ ረርብዒ ሰዓት ቀልጥፉ…ቀልጥፉ! ተስፋምህረት ከየምልጠኩም ተጠንቀቑ! ዝኾነ ዋጋ ክፈሉ… እናበለ ሳንቡእና ክሳብ ዝትኮስ ኣዘባዚቡና። ኢሳይያስ ካብ ተስፋምህረት እንታይ ዓይነት ስግኣት ከም ዝነበሮ ክርዳኣኒ ኣይከኣለን" ኢሉ ብርሃነ በሊሕ ኣዕሊሉኒ ነይሩ ኢዩ። ኣብ ዞባ ምዕራብ /ከባቢ ሽላሎ/ ሓላፊ ዝነበረ ኣባል ፖ/ቤ/ጽ ነበር ብርሃነ ገረዝግሄር ናይ ሓለፍቲ ሰልፊ ኣኼባ ገይሩልና ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፤ ብዛዕባ ኣንጻር ዝኾነ ውድብ ብረታዊ ስጉምቲ ምውሳድ፣ ብፍላይ ድማ ኣንጻር ተስፋምህረት ዝግበር ዝነበረ ጸለመ ካብ ክፍሊ ሃንደሳ መራሕ ሓይሊ ዝነበረ ጠዓመ ሰጊድ ተቓዊሙ ነይሩ ኢዩ።

ኩሉ ጸብጻብ ሰልፊ ናብ ኢሳይያስ ኢዩ ዝለኣኽ። ጠዓመ ሰጊድ ብዛዕባ ኣንጻሩ ክውሰድ ዝተደልየ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ኣብ ዝጠርጠረሉ ሰዓት ድማ፤ ናብ ሱዳን ሃደመ። ድሕሪ ተኽላይ ገብረማርያም /ዓደን/፤ ጠዓመ ኣባል ሰልፊ ንክሃድም ናይ መጀመርያ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ዝኾነ ምስጢራት ከየሙሉቐ ዝሰግአ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከኣ ኣብ እግርማይካ ካብ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ /72/ ሓደ ተኸታቲሉ ዝቐንጽሎ ሰብ ተመዘዘሉ። ጠዓመ ንካርቱም ኣተወ፣ እቲ ንክቐንጽሎ ዝተመደበ ሰብ'ውን ደድሕሪኡ ሰዓቦ። ኣብ ካርቱም ወጋሕታ ድማ ቀንጸሎ። ሰባት መታን ከየለልይዎ ከኣ ኣብ ገጹ ኣቺዶ ደፊኦም ቆርበቱ ከም ዝበታተኸ ገበሩዎ። ወጋሕታ ከኣ ናብ ጂረፍ ዝተባህለ እንዳ ጎሓፍ ደርበይዎ።

ኣንጻር ተስፋምህረት ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ሰዓት ተወዲኡ ኢዩ። ኣብቲ ወጋሕታ ዝተገብረ ህጁም ኣንጻር ተስፋምህረት፣ ብዙሓት ተጋደልቲ ተጎዲኦም። ተስፋምህረት ኣብታ ዝነበረላ ጥርዚ ክህረም እንከሎ፣ ፋኑስ ዝተባህለት ሰበይቱ ተማረኸት። ተኪአ ሽፍታ ድማ ቅድሚ ምቕታል ተስፋምህረት ብብርቱዕ ኣብ ከብዱ ተወግአ። ተልእኾኡ ኣብ ግዜ ውግእ፤ ተስፋምህረት ከየምልጥ እናተኸታተለ ንክቐትሎ ዝተላእከ ሰብ ኢዩ ዝነበረ። ካብቶም ዝወግኡዎ ኣባላት ህ.ግንባር "ኣንታ ከዳዕ… ሕጂ'ዶ ግስም ከነብለካ" ኢሎም ጥይት ምስ ኣዐመሩሉ "ቅድም ንኢሳይያስ ወይ ንጴጥሮስ ሰለሞን ሕተቱዎም። ኣነ ተላኢኸ ዝመጻእኩ እየ'ምበር ከዳዕ ኣይኮንኩን።'' ኢሉ ምስ ኣእወየ፤ ሓደግዎ።

ብርሃነ በሊሕ ሽዑ ብዛዕባ'ቲ ውጽኢት ውግእን ጉዳይ ተኪአ ሽፍታን መልእኽቲ ናብ ኢሳይያስ ምስ ኣመሓላለፈ፣ ምስጢር መታን ከይሞሉቕ "ነቲ ከዳዕ ተኪአ ሽፍታ ባዕልኻ ናብ ሓደ ስንጭሮ ወሲድካ ኣካርጆ /ቅተሎ/" ኢሉ ናይ ማፍያ ትእዛዝ ኣዘዞ። ብርሃነ በሊሕ ግን ዝግ ኢሉ ሓሰበ። ቅድም ህጹጽ መልእኽቲ ናብ ጴጥሮስ ሰለሞን ሰደደ። ልክዕ ኣከያይዳ ናይ ተኪአ ከኣ ተነግሮ። ንተኪአ ሽፍታ ንበይኑ ፈልዩ ብደቂቕ ምስ መርመሮ ድማ፣ ብሓቂ ድርብ ስለያ ኮይኑ ካብ ኢሳይያስን ጴጥሮስን ከም ዝተላእከ ሙሉእ መረዳእታ ምስ ረኸበ፣ ብትእዛዝ ጴጥሮስ ሰለሞን ፍልይቲ ቶዮታ ላንድ ክሩዘር ካብ ዓምበርቦብ ተላኢኻ ናብ ሕክምና ዓራረብ ጋንታ 11 /ዶክተር ሚኪኤል ገብረሂወት/ ሰደዶ። እቲ ጉዳይ ተኪአ ሽፍታ ድማ ቅርሕንቲ ኣብ መንጎ ኢሳይያስን ጴጥሮስ ሰለሞንን

ኣሰዓበ። ተኪአ ሽፍታ ሎሚ ካብ ስራሕ መንግስቲ ብ10,000 ናቕፋ ተጣይሱ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎሉጅ ሓረስታይ ኮይኑ ይነብር ኣሎ።

እቲ ካብ ዝሰለፍ ናብ ኤርትራን ኤርትራውያንን ብዘይካ ዘርኢ ክርዳድ ካልእ ዘይዘርአ ኢሳይያስ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ ጥፍኣት ካልእ ከምጽኣሉ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ናብ ስራሓት ማፍያ ዝተዋፈረ ከኣ ሎሚ ኣብ ቤተ መንግስቲ ሰፊሩ ፍትሒ ከምጽእ ኣይከኣልን። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ክመሃረሉ ይግባእ። ሎሚ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 500 ኤርትራውያን ካብ ሃገሮም ይስደዱ ኣለዉ። ብዘይካ ካብ ሃገር ዝሰደድ፣ ናብ ሃገር ዝምለስ ዘይብላ ናይ ዘመነ-ኢሳይያስ ኤርትራ፤ ናበይ ገጻ ኢያ ትኸይድ ዘላ ኢልና ኣብ እንሓስበሉ ግዜ፣ እቲ መልሲ ብሩህ ኢዩ። ንሱ ኣብ ክንዲ ሰብ ዘለዋ፣ ሰብ ዘይብላ ኤርትራ ይደሊ ከም ዘሎ ከብዚ ንላዕሊ በየናይ ቃላት ኢዩ ከረድኣና?

ኣብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ኤርትራ 'ኣንጻርካ ጠበንጃ ተለዒሙ ኣሎ' እትብል ዜና፣ እታ ንኢሳይያስ ፈጺማ ሰለም ዘይተብሎ ዜና ኢያ። ኣብ 1996 ሓደ ገብረብርሃን ዝተባህለ ተጋዳላይ ጀብሃ ዝነበረ ዜጋ ኣንጻር ኢሳይያስ ብረታዊ ረጽሚ ንምልዕዓል ብወገን ሑመራ ንክኣቱ መደበ። ተኸተልቲ ነይሮሞ'ዶ ኣይነበሩዎን'ኳ ዝፈለጥኩዎ ሓበሬታ እንተዘየለ፣ 11 ከላሽናት ሒዙ ኣብ ሑመራ ኣብ ሓደ ገዛ ከም ዝነበረ ብክፍሊ ስለያ ህግደፍ ተፈልጠ።

ኢሳይያስ ነቲ ዝተነግሮ መርድእ ንምቁጽጻር ቅልጡፍ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ካብ ኦምሓጀር /ኤነ-ትረ/ ብዝብል ሳጓ ንዝጽዋዕ መራሕ ብርጌድ ትእዛዝን መምርሒ ስራሕን ተዋህበ። ብለይቲ ዕጡቓት ናብታ ገብረብርሃን ዝነበራ ገዛ ሰሊኾም ብምእታው ድማ ማሪኾሞ ሓደሩ። ቀትሪ ኦራል መኪና ናብቲ ዝነበሮ ገዛ ብምኻድ ንዕኡን ጠበንጃታቱን ጽዒኖም፤ ነቲ ኣብ ቢንቶ ተከዘ ዝነበረ ናይ ሑመራ መቆጻጸሪ ገመድ በቲኻ ናብ ኦምሓጀር ኣተወት። ጉዳይ ገብረብርሃን ድማ ተደምደመ።

ሎሚ ክንዮ እቲ ንሱ ዝገብሮ ዘሎ ምብትታኽ መንነትና ክንጥምት፣ እቲ ኣንጻሩ ዝግበር ቃልሲ ኣብ ክንዲ ጎድናዊ፤ ንኹሉ ወገናትን ፖለቲካዊ ድሕረ-ባይታ ሰባትን ዘሳተፈ ክኸውን ምተገብአ። ኢሳይያስ ወኪል ናይቲ ናጽነት ዘምጽአ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ወይ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣይኮነን። ኢሳይያስ ወኪል ናይ ገዛእ ርእሱን ናይታ ከም ባላንቹና ነፊሑ ዘዕበያ ሰልፊ ህግደፍን ጥራይ ኢዩ።

ናትና ውድብ /ሰልፊ/ ጥራይ ኢያ ኣንጻር ኢሳይያስ ትምክት ዘላ፣ ኣውራጃና ጥራይ ኢያ ዓጢቓትሉ ዘላ፣ ናትና ሃይማኖት፣ ናትና ብሄር... ጥራይ ኢያ ብኽሳዱ ሒዛቶ ዘላ ወ.ዘ.ተ... ኣብ እንብለሉ ዘለና ግዜ፤ እቶም/እተን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ረመጽ ኲዕዮም ናብ ዒራ-ዒሮ ዝተዳጎኑን ቀለብ ኣራዊት ዝኾኑን'ከ ኣባላት ናየናይ ውድብ ኢዮም ነይሮም? ደቂ ኣየናይ ሃይማኖት ኢዮም'ከ? ደቂ ኣየናይ ኣውራጃ'ኸ ነበሩ? ኢልና ናብ ድሕሪት ንመለስ። ሎሚ ሙብዛሕትኣን እዘን ንርእየን ዘለና ውድባትን ሰልፊታትን ነቲ ንሳቶም ዝወልዕዎ ቀንዴል እናረኣያ ኢየን ዝኸዳ ዘለዋ።

ኣብ የማናይ ኢድካ ንዘሎ በሰላ እናኣሕወኻ፣ ኣብ ጸጋማይ ኢድካ ካልእ ቁስሊ ምፍርፋር ግን መሰረታዊ መፍትሒ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። ከምቲ ደጋጊመ ዝገልጾ ዘለኹ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ንዓና ንኤርትራውያን ብዘይካ ኢሳይያስ ካልእ ጸላኢ የብልናን። እቶም ነዚ እንኣምን ከኣ ኣነጻጺርና ኣንጻሩ ክንምክት ንሕተት ኣሎና። ካብኡ ብዝተረፈ 'ኣብዛ ተሳፊርናላ ዘለና ሎተሪና ወዲ ኣውራጃ እገለ ክሳፈር የብሉን። ኣብ ውድብ እገለ ንዝነበሩ ሰባት ሒዝና ናብ ዋዕላ ኣዲስ ኣበባ ኣይንኸይድን፣ ካብዚ ሃይማኖት'ዚ በዚሖም ካብቲ ድማ ውሒዶም...' እናበልካ ዝግበር ጎድናዊ ቃልሲ'ምበኣር ንመላእ ህዝቢን ድሕረ-ባይታታት ኤርትራውያንን ዘጠቓለለ ኣይኮነን።

ንኢሳይያስ ሎሚ ካብ ህዝቢ ኤርትራን ካብ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ፈሊና ንርኣዮ። 'ኣቦይ ወልዱ ብዝበልዕዎ ሕሙቶ፣ ንኣደይ ኢታይ ኣጉስዕን' ከም ዝበሃል ምስላ፤ ኣብቲ ንሱ ዝፈጸሞ ገበናት ብዘይካ'ቶም ውሑዳት ብረብሓ ዝተኣሳሰሩ ከዳዓት፣ ህዝቢ ኤርትራን ተጋዳላይ ነበር ህዝባዊ ግንባርን ዝሕተቱሉ ኣይኮነን። ነዚ እንተተረዲእና ድማ፤ ነቲ ኢሳይያስ ዝገበሮ ጌጋታት ኣይክንደግምን ኢና።

ዓወት ፍረኣ ጥዑም'ዩ! ኢድ ከይሓወስካ ብማተማቲካዊ ካልኩለሽን ጥራይ ክትመጽእ ግን ዝከኣል ኣይኮነን። ማዕረ'ዚ ህዝቢ ዝጎዩ ልኡኻት ህግደፍ'ኳ ኣለዉና። ብጭቡጥ ኣብ ዱሮ ምእሳር ጀ.15 ከውታ ለይቲ ኣብ መንበሪ ገዛ ኢሳይያስ /ረድዮ መሪናዮ/ ምስጢራዊ ኣኼባታት ገይሮም ዝተፋነዉ፣ ካብ ሱዳን ኢሳይያስ ንዝጸሓፎ መምርሒ ወረቓቕቲ ካብ ኢድ ኮሎነል መልኣከ ገብረማርያም /ወዲ ፊተውራሪ/ ተቐቢሎም "መርቑና" ኢሎም

ናብ ሕንፍሽፍሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዋፈሩ፣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዘሊልና ሃዲምና ኢሎም ዝነግሩና ዕሱባት፤ ኣብ ቀረባ ግዜ ክቃልዑ ኢዮም።

በቲ ተጋዳሊት ኣበባ ዝበለቶ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ክድምድም። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ቅድሚ 1ይ ውድባዊ ጉባአ 1977፣ ዝነበረ ጭርሖ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት ወይ ሞት" ዝብል ኢዩ ዝነበረ። ኣበባ ዝተባህለት ነተን ቀደም ዝተሰለፋ ደቀንስትዮ ታዕሊም ውዒላ ምስ ወደአት፣ ከምቲ ወተሃደራዊ ሕጊ "ብሰላም ዕረፍ" ምስ በለተን፤ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት" ብምባል ተበተና።

"ወይለከይ ኣበባ! ንዕነ ድኣ ተመለሳ። እቲ ሞት'ከ ድኣ መን ኢዩ ክሞተልክን ትጽበያ ዘለኽን"   ኢላ ከም ብሓድሽ ሰሪዓ "ብሰላም ዕረፍ" በለተን። ንሳተን ድማ ንጉድለተን ተረዲአን፦

"ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት ወይ ሞት" በላ። ኣብቲ ዝኣመናሉ ዕላማ ከኣ ስለ ናጽነት ሃገረን ኤርትራ ተሰዊአን። እምበኣርከስ ስለ እዚአንን እዚኦምን ኢና ኣብ ማሕላ ጸኒዕና ተውለ እንብል።

ኢሳይያስ ንገዛእ ርእሱ ጥራይ ዝውክልን ዝሰርሕን፣ ካብ ጀጋኑ ደቀባት ኤርትራ ኣዝዩ ዝፈርሕን ቆርበት በጊዕ ዝተኸድነ ተኹላ ኢዩ። 'ዘይተፈስወ ነይጭኖ' ከም ዝበሃል፣ ኣብ 1985 /ወራር ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ/ ኢብራሂም ዓፋ ተሰዊኡ ዝብል ፎእ መርድእ ሰሚዕና። ኣብ ከባቢ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብዛዕባ መስዋእቱ ትሒም-ትሒም ክስማዕ ጀሚሩ ነይሩ ኢዩ። ንይምሰል ከኣ መስዋእቲ ወዲ ዓፉ ኣብ መጋቢት 1987 2ይ ውድባዊ ጉባአ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተነግረ።

ስለዚ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ጽሑፍና፣ ግርጭት ኢሳይያስን ኢብራሂም ዓፋን ካብ ቦጦሎኒ 5 ደቡብ፣ ክሳብ ምሕራር ከተማ ከረን፤ ካብ ግዜ ምዝላቕ ድማ ክሳብ 6ይ ወራር ደርግ ንዝነበረ ዝምድና ክንርኢ ኢና። መን ይፈልጥ ኑራ መሓመድ ዝሰነደቶ ን25 ዓመታት ዝተቐብረ ታሪኽ'ውን ይህሉ ይኸውን። ንሳራ ነታ ኣስታት 28 ዓመታት ብሰንኪ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ፍቕሪ ኣቦ ዘየስተማቐረት እንኮ ጓሉ ድማ ዝኸትምና ከይስመዓ "…ኣጆኺ ሕነ ኢብራሂም ዝፈድዩ ሚልዮናት ኣብ ጎድንኺ ኣለዉ" ንበላ። ሽዑ እቲ ኣብ ገዛ ሳራ ተሰቒሉ ዘሎ ስእሊ ጅግና ወላዲኣ ኢብራሂም ዓፋ፣ ናብ ጎደና ሓርነት ክወጽእ ኢዩ። ሽዑ ኣብ ገገዛና ክንሰቕሎ ኢና'ሞ ኣጆኺ ሳራ!

ጉዳመኛ ኢሳይያስ ናብ ካርቱም እናተበገሰ ዘጻወዶ ናይ ምቕንጻሉ ውዲትን ብድሕሪ መስዋእቲ ወዲ ዓፋ ከኣ፣ ባዕሉ ናብቲ እዋን'ቲ   ኣብ ሶርያ ደማስቆስ ንዝነበረ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሮሞዳን መሓመድ ኑር ዘመሓላለፎ ናይ መርድእ መልእኽቲን ናይዚ ዘለናዮ ከም እንቋቑሖ ተኣፋፍነቱ መድረኽ ስርዓተ-ህግደፍን ክንርኢ ኢና።

ክሳብ ሽዑ ከኣ ሰላም ቅነ!

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ሻዱሻይ ክፋል) ብ ኣለና

SUNDAY, 24 OCTOBER 2010 00:08






ፍዓ'ባ ኢብራሂም ዓፋ!

ኣብ ሓሙሻይ ክፋል ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ ኣትየዮ ብዝነበርኩ መብጽዓ፣ ቅንጸላ ተጋዳላይ ኢብራሂም ዓፋ ብዓቕመይ ክትርኽ እየ።

ካብቲ ብዓበይቲ ደንጎላታት ተደብዲቡ ዝነበረ ምስጢራት ኢሳይያስ፣ ሓንቲ እምኒ ጥራይ እየ ዝፍንቅል ዘለኹ'ሞ፣ ግዳሳት ዜጋታት ንዝተረፈ መድፈና ፈናቒሎም እታ ናይ ምስጢራት ጋህሲ ንህዝቢ ጋህ ከብልዋ ተስፋ እገብር።

ኣብ ጉዳይ ከበድቲ ምስጢራት'ምበኣር ካብ ብዙሓት ድግምጋማት፣ ሓንቲ ንእሽቶ ቁልዒ ኣብ እትረኽበሉ ግዜ፣ ንሓያሎ ዝረኣኻዮን ዝሰማዕካዮን እናኣጋጣጠምካ ናብ መደምደምታ ምብጻሕ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ግዜ ተራእዩ ኢዩ።

ምስጢራት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምጽሓፍ ግን፣ ዘሸግር ነገር የብሉን። እቶም ኣብ ጉዕዞ ዘዋህለልናዮም ምስጢራቱ ከክንዲ ቁልዒ ጥራይ ዘይኮኑስ፤ ከክንዲ ያሒት ኢዮም። ካብ ጽፍሪ እግሩ ክሳብ ጸጉሪ ርእሱ ብዓበይቲ ናይ እከይ ምስጢራት ዝመልአ ኢሳይያስ፣ ታሪኹ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ብጠቃር ቀለም ዝተጻሕፈ ኢዩ። እዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ጥማዕ ካብ ምስጢራቱ ኢዩ'ሞ፤ ኣነ ኣቕራቢን ዘርዛሪን ዘይኮንኩስ ጀማሪ ጥራይ ምኳነይ ንዜጋታት ኤርትራ ክሕብር እደሊ።

ኢሳይያስ ጨካን፣ ሓራዲ፣ ውልቀ-ምልካዊ፣ ስሱዕ፣ በዓል ሕቡእ ኣጀንዳ፣ ወናኒ ሰፍ ዘይብል ቅቡር ምስጢራት ወ.ዘ.ተ... ኢለ ኣብዚ ናይ ኣፈና ግዜ ብጭቡጥ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ተኸታታሊ ምስጢራቱ፣ ኣብ ገበን መሻርኽቱን ጫሌዳ ሰልፉ ህግደፍን፤ ዝፈልጦ ዘበልኩ ናቱን ናይ መሻርኽቱን ክገልጽ እየ። ንሕስያ ይኣክል! ሎሚ ናይ ኢሳይያስን ናይቶም ምስኡ ዝወዓሉ ሰብ ፈረቓኡን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝተገብረ በደል፣ ይጽናሕ ምባል መመሊስካ ካልኦት ምስጢራት ንምድጓል ዝግበር ዘሎ ናይ ዕበጦ-ዕበጦ ቅድድም ኢዩ። ኣብ ገበናት መሻርኽቲ

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ውሽጢ ይሃልዉ ኣብ ደገ፤ ሎሚ ደገፍቱ ይኹኑ ተቓወምቱ ብዘየገድስ ክግንጸል ኣለዎ። ይጽንሓለይ ንመዓስ'ዩ! ንዮም ኣልቕያማ?

ኣይፋል! ከምኡ ኣይኮነን ኢሉ ብጽሑፍ ተንቲኑ 'ቅንዕና' ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንህዝቢ ኤርትራ ነጥቢ ብነጥቢ ዝትንትን ሰብ እንተሎ ከኣ፣ ብድሆ እብሎ ኣለኹ። ይኣክል ግርህናን ክቱር እምነትን! ሎሚ ኢሳይያስን ሰልፊ ህግደፍን ዕርቃኖም ዝወጽኡሉ መድረኽ ኢዩ። ግዜ ኣኺሉ ኢዩ! ይኣክል ክሳውዲ ጀጋኑ ንዝኾልሰሰ ናእዳ…ህዝቢ ንዘባደመ ጣቕዒት…ክሳብ መዓስ!

ይቕሬታ! እቲ ኣብ ወዲ ሰብ ጥራይ ዝዝውተር ልቢ መረስረሲ ተርእዮ፤ ብምንም ተኣምር ንኢሳይያስ ኣይግበኦን ኢዩ። ሎሚ ኢሳይያስ መጥሓን ተሰኪሙ'ውን ንህዝቢ ኤርትራ ዝድብሰሉ ቃላት የለን። ሎሚ እቲ ንዓና ንህዝቢ ኤርትራ  ምስኡ ዘራኽበና ዝነበረ ገመድ ከኣ ብቱኽ ኢዩ። እቶም ኣብቲ ሓልቃም ሔሮ ምስኡ ጠልጠል ኢሎም ዝነበሩ ሰብ ሰንኮፍ ልብታት'ውን ሎሚ ብቱኻት ኢዮም።

"… ለካስ ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ፣ ኢብራሂም ዓፋ'ውን ኢዱ ተነጺፉ ኣብ ጸፋር ኣኻውሕ ዓጋመት ገንሸል ኮይኑ ራዕ ኢሉ። ኢብራሂም ድሕሬኻ ኣብ ኣፍዓበት፣ ሸዕብ፣ ባጽዕ ጸላኢ ህልቂት ፈጺሙ። እቶም ዝሰዓቡኻ ስዉኣት ነጊሮሙኻ ይኾኑ፤ ንጋሕያት፣ ቦንሮስፒሮ፣ ኣምሁር፣ ደቀምሓረ ሕንጫላት ከይተረፉ ከፊልና ሰጊርናዮ … ኣብ መወዳእታ ድማ ሓደ ስጉሚ፣ ሓደ ቛንቋ፣ ሓደ ላህጃ፣ ሓደ ልቢ ኮይንና፤ ሓሳብ ልብኻ ሰሚሩልካ ንሰብ ደምካ ኢዶም መሊስናሎም። ከምቲ ክኣትዉ ዝነበርዎ ቀራናት ዘይኮኑስ ጓዕማማት ኮይኖም ኢዮም ወጺኦም። ንሕና ድማ፣ እንቋዕ ጓኖትካ ኣይኮንና' ኢልና ብሓበን ተምባእ ኢልና…!"

ኣብ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ'  ጥሪ 15 1994 ዓምዲ 'መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት፤' በቲ ብናይ ብርዒ ስም 'ጽገሬዳ' ዝብል  ዝጽሕፍ ዝነበረ ዓሊ ዓብዱ ዝተጻሕፈት፣ ብኢሳይያስ ድማ ምኩሕሓል ዝተገብረላን ጽሕፍቲ፤ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ናይ ኣምሰሉ ቁንጫል ሕጥቦ-ጽሑፍ ተጻሒፉ ነበረ።  በዓል ደም ኢብራሂም ዓፋ ግን ናይ ጸላኢ ኣሃዱ ስለያ ዘይኮነስ፣ ባዕሉ እዚ ኮሓሓሊ ናይታ ጽሕፍቲ ዝኾነ ኢሳይያስ ምኽኑ ካብ እንፈልጥ ሓያለይ ዓመታት'ኳ እንተሓለፈ፣ ብሰንኪ ውሕስነት ህይወት ንነዊሕ ዓመታት ተጠኒሱ ድሕሪ ምጽናሕ ሎሚ ንምጽሓፍ በቒዑ።

ንሰባት ከም መለኮት ኣብ ዝኣመንካሉ ግዜ፣ እዚን ከምዚን ዝኣመሰለ ናይ ታሪኽ ሓተላ እናሰተኻ ኢኻ እትነብር። እቲ ዘገርም ኣቀታትላ ወዲ ዓፋ ረቂቕ ብዘይኮነ ስልቲ ተቐቲሉ ክነሱ፣ ካብ ትሒም-ትሒም ሓሊፉ ሃህ ኢሉ ዝተዛረበ ሰብ ዘይምንባሩ ኢዩ። ኣቀማምጣ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንዝፈልጥ ከኣ'ሞ እቲ ኢሳይያስ ኢብራሂም ዓፋ ንምጥፋእ ዝወሰዶ ኣዕናዊ ስጉምቲ ንምርዳእ ናይ ምምርማር ሀ…ሁ  ዘድልዮ ጉዳይ ኣነበረን። ኅቦ ዓጋመት ሰራዊት ጸላኢ ኣብቲ ዝጸንከረ ወራራትን ብዙሕን ሓያልን ዓቕሚ ዝነበረሉን ግዜ ሓሙሻይን ሻድሻይን ወራራት'ኳ ኣይደየቦን።

ኣቀማምጥኡ ብወገን ምብራቕ ኣዝዩ ጸዳፍ ዝኾነ ኅቦ ዓጋመት፣ ካብ ኅቦ ደብረ-እበን ንወገን ሰሜን ኣዝዩ ዝረሓቐ ኢዩ። ኣብ እዋን ሓያል ግጥማት እቲ ግንባራት ሓዊ ዝተፍኣሉ ዝነበረ ግዜ፣ ካብ ታባ ዎድጋን ክሳብ ሩባ ሽግለት /ኣልጌን፣ ታብ ወዲ ገብሩ፣ ባዶ እኩብ፣ ማይ ክላሽን፣ ጉዋ፣ ታባ ፍረወይኒ፣ ማሕበርነት፣ ቀጠር፣ ደብረ-እበን/ ጥራይ ኢዩ ዝነበረ እቲ ሓያል ውግኣት።

እሞ ከኣ ኣብ 1985 ብድሕሪ'ቲ ጀነራል ሑሴን ኣሕመድ ዋና ኣዛዚ 'ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት' ዝመርሖ ዝነበረ ዝተደምሰሰ፤ ግንባር 'ውቃው እዝ' ስለያ ጸላኢ ክድይቦ ዘይሕሰብ ኢዩ። ግንባር ሰ.ም.ሳሕል ኣብቲ ርሱን ዝነበረሉ ዓመታት፣ እቲ ንተጋደልቲ ተሽኽ ኣቢሉዎም ዝነበረ ስለያ '23ኛ ክፍለጦር' ይኹን ካብ ግንባር ሓል-ሓል ናብቲ ግንባር ተቐይሩ ዝነበረ ኣየር ወለድ ሰራዊት'ውን ናብ ከባቢ ዓጋመት ናይ ምድያብ ፈተነ ገይሮም ኣይፈልጡን ኢዮም።

ኣብ ኣሰራርሓ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብድሕሪ'ቲ ሓያል ተወፋይነት ሰራዊትን ህዝቢን ዓቢ ተራ ዝነበሮ ስለያ /ክፍሊ 72/፤ ኣይሸንኳይዶ ካብ ማህሚመት ናብ ዓጋመት /ኣስታት 40-50 ኪ.ሜ./ ዝተበገሰት ጋንታ ስለያ ጸላኢ፣ ሓንቲ ኣሃዱ ካብ ኣስመራ ክትብገስ እንከላ ኢያ ትፍለጥ ዝነበረት።

ኣብ ጠለፋ ዝለዓለ ክእለት ዝነበሮ ክፍሊ 72፣ ንቲ ብቕልል ዝበለ ኮዳት ጥራይ ዘይኮነስ፤ ንቶም ብሞርስ ኮዳት /ብኣዝዩ ዝተሓላለኸ ማዕበል/ ዝመሓላለፉ ዝነበሩ መልእኽቲን ብድሕሪ ምድምሳስ ግንባር ናቕፋ ዝተማረኸ ብዝለዓለ ተክኖሎጂ ዝተሰርሐ ኣር.ዲ.ኤፍ. /RDF/ ዝተባህለ ስርሓት ሩስያ ዝኾነ መራኸቢታት'ውን ኣብ ጥቕሙ ኣውዒሉዎ ኢዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ ነፈርቲ ኲናት ከም ዝብገሳን፣ ኣበየናይ ከባቢታት ክድብድባ ምዃነን ይፍለጥ ነይሩ ኢዩ። ደርግ ነቲ ኣብ ግንባር ሓልሓል ዝኸፈቶ ወራር 'ባሕሪ ነጋሽ' ጸቕጢ ንምግባር ጥራይ ብማህሚመት ዝተቐልቀለ ውሑድ ቁጽሩ ሰራዊት፣ ኣብቲ ብረሾ 12 ጦር-ሰራዊት ንሓደ ተጋዳላይ ዝብጽሖ ዝነበረ እዋን፣ ሓያል ዝነበረሉ ግዜ'ኳ ዘይደየቦ ጎቦ ዓጋመት፤ ደይቡ ንኢብራሂም ዓፋ ቀቲሉዋ ከበሃል፤ እንታይ ዓይነት ስራይ ከም ዝተገብረሉ ንተጋዳላይ እንድዒ!

ደሓር ቀሰይ ኢልካ ኣብ ትትንትነሉ ግዜ፣ "ናይ ጸላኢ ስለያ ኣብ ዓጋመት ደይቡ ንወዲ ዓፋ ቀቲሉዎ። ግን ካብቲ ንስለያ ዝወፈረ ሓይሊ ወላ ሓደ ሰብ'ውን ኣይተመልሰን። ኲላቶም ተቐቲሎም ኢዮም!" ዝብል ጥበብ ከኣ ተማሂዙ። ሽዑ ኣብ ታባ ዓጋመት ምስ ወዲ ዓፋ ዝተቐትለ መብራህቱ ተወልደመድህን ዝተባህለ ተጋዳላይ ነይሩ'ዩ። ሓደ ካብ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ከኣ ነቲ ዝተገብረ ርሕይ ቅንጸላ ምስ ተዓዘበ፣ ደድሕሪ ወዲ ዓፋን መብራህቱን ጥይት ናብኡ ከም እትቕንዕ ስለዘይሰሓቶ፤ ኣብ ወጋሕታ ከም ኢራብ በሪሩ ምስ ጠፍአ ኣይተረኸበን። ስለዚ ንኢሳይያስን ደቀ-መዛሙርቱን ኣዝዩ ዘሻቕሎም ጉዳይ ኮነ።

መብራህቱ ኣብ ስርዓት ኢትዮጵያ ሻምበል ዝነበረ፣ ምስ በዓል ሻለቃ ነጋሽ ተስፋጼን /ሎሚ ብሪጋደር ጀነራል/ ዝተሰለፈ፤ ምኩር ወተሃደር ኢዩ ዝነበረ። ሻምበል ኣብ ስርዓት ኢትዮጵያ ዓላሚ ክቡር ዘብዐኛ ዝነበረ፣ ዝለዓለ ወተሃደራዊ ጥበብ ዝነበሮ፣ ኣብ ዓራግ /ሳሕል/ ድማ ንቶም ኢብራሂም ዓፋ ዝመስረቶም ቀዳሞት ኮማንዶ ህዝባዊ ግንባር ዝዓለመ ምኩር ወተሃደር ኢዩ ነይሩ። ሽዑ ምስቶም ናብ ታባ ዓጋመት ዝደየቡ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም፣ ደይቡ ነይሩ።

እቲ መደንጸ ጉዳይ ከኣ ህዝባዊ ግንባር ካብ ጸላኢ ዝሰለቦ ንብረት ከም ብረት፣ ቦምባ፣ ብራሾ ወ.ዘ.ተ…ኣድቂቑ ዝጸባጸብ ውድብ ክነሱ፣ ጫማ ይኹን ቀጠልያ ክዳን ጦር-ሰራዊት ኣይተራእየን። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ተመኩሮኡ ንዝሞቱ ወተሃደራት ጸላኢ ቀቢሩ ኣይፈልጥን ኢዩ። ኣብ ዝባን ዓጋመት ሰባት ምስ ደየቡ ግን ወላ ሓደ ናይ ጸላኢ ሬሳ ወይ ደም ዝተጸየቐት እምኒ ኣይረኣዩን። እቲ ፊልም ኣዝዩ ነዊሕ ኢዩ። ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም በዓል ወዲ በላይን ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዊና ተክኒካዊ ትምህርቲ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተጋደልቲን፣ ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ኣብ ጥርዚ ዓጋመት ኣድራጋ ጠያይት ምስ ተተኮሰ፤ ንረዳት ደይቦም ኢዮም።

ግን ካብቲ ጥቓ ቦታ ፍጻሜ "ተመለሱ" ተባሂሎም ከም ዝተመልሱ ሀሉዋት ሰባት ዝገልጽዎ ሓቂ ኢዩ። ሓደ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝነበሩ ተጋደልቲ ጉርጃ ዝተባህለ፣ መምህር ተመሃሮ ዊና፤ ብዙሕ ምትእስሳራት ተዓዚቡ ነይሩ ኢዩ። ጉርጃ ዓው ኢሉ ዝዛረብ ግሩህ ተጋዳላይ ምንባሩ ዘይፈልጥ ተጋዳላይ የለን። እቲ ዘገርም ከኣ ተጋዳላይ ጉርጃ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት 'ሃንደበታዊ መስዋእቲ' ብዝተባህለ መርድእ ኣብ ኣስመራ ተሰዊኡን ተቐቢሩን። ኣብ ኤሮውሮጳ ንነዊሕ ዓመታት ኣባል ሓፋሽ ውድብ ዝነበረ ሓዉ ንጉርጃ ከኣ ኣብ ኣስመራ ተኣሲሩ ነይሩ'ዩ። ማእሰርቱ ምስ ጉዳይ ሓዉ ምትእስሳር ነይሩዎ'ዶ ኣይነበሮን ግን ዝፈለጥኩዎ ነገር ኣይነበረን።

እቲ ዘጥቀዐ ስለያ ብሙሉኡ ተቐቲሉ ኢዩ ተባሂሉ፣ ምኽንያቱ ሃዲሙ እንተተባሂሉ ድማ ስለምንታይ ደኣ ደርግ ዘይዛረበሉ ከይበሃል። ኣብ ግዜ ለይቲ ዝንቀሳቐስ ሰላሕታ ኣሃዱ ስለያ፣ መሬት ከይወግሐ ናብ ደጀኑ ክምለስ ስለዝግብኦ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ጥርዚ ዓጋመት ንምብጻሕ ንቲ በብስጉምቲ ክኸይድ ዝነበሮ ኣሃዱ ስለያ ዝበሉዎ በዓል ኢሳይያስ፤ ካብ ጎላጉል ኣውገት ብቐትሪ ክብገስ ነይሩዎ። ጸላኢ ንምክትታል ኣብ ጠረዚት እቲ ግንባር ዝነበረ ናይ ህዝባዊ ግንባር ቢኒኮሎታትን /ክሻፋታት/ ኣብ ጫፍ ታባ ቀጠር ዝነበረ ፍሉይ መቆጻጸሪ ክሻፋን /ተለስኮፕ/ ንቲ ዝተበገሰ ስለያ ዘይርእያ እንተድኣ ነይረን እንታይ ኢየን ዝሕልዋ ነይረን? ኣብቲ ዓይኒ እንከለና ዕዉራት፣ እዝኒ እንከለና ድማ ጸማማት ዝነበርናሉ ሰዓት ብምሒር እምነት ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንከምዚ ዝኣመሰለ ቀሊል ተዋስኦ'ውን ክንዕዘቦ ኣይከኣልናን።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ድማ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዝነበሮ እምነትን ኣምልኾን ኣሽካዕላል ተፈድዩ። ብሰንኪ ፋሉላዊ ኣከያይድኡ ናብ ህዝብናን ሃገርናን ዝወረደ መስክሕ

ኣረመንነትን ስደትን ድማ ዕረ እናጠዓመና ኣስተማቒርናዮ። እቶም ብዙሓት ኣቐዲሞም ዝፈለጥዎ በላሕቲ ዜጋታትና ኣደራዕ ማእሰርቲን መስዋእቲን ኮኑ። ሎሚ ግን ኣይከም ትማሊን፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣለልዩዎ ስለዘሎ ጸወታ ቃርሳ ብጀጋኑ የለን።

እምበኣርከስ ኢሳይያስ ኣንጻር ምንቅስቓስ ተስፋምህረት ህጹጽ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንክውሰድ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ “ኣብ ረርብዒ ሰዓት ቀልጥፉ…ቀልጥፉ! ተስፋምህረት ከየምልጠኩም…ተጠንቀቑ! ዝኾነ ዋጋ ክፈሉ…ቀልጥፉ…” እናበለ ነቲ ውግእ ይመርሕ ንዝነበረ ብርሃነ ይህውጸሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፤ ምስ ተስፋምህረት ገለ ሚስጢራት ስለዝነበረ ኢዩ። እቲ ግዜ ኣብ ምቕንጻል ኢብራሂም ዓፋ ኣብ ዓጋመት ወጋሕታ ከም ኢራብ ሃዲሙ ዝበረረ ኣባል ክፍሊ ታዕሊም ተጋዳላይ፣ ብሱዳን ገይሩ ናብ ተስፋምህረት ተጸንቢሩ ከም ዝነበረ ወረ ተናፊሱ ነይሩ።

ንሱ ንኩሉ ኣቀታትላ ኢብራሂም ዓፋን ሻምበል መብራህቱ ተወልደመድህንን ምስ ተስፋምህረት ኮይኑ ሰኒዱዎ ነይሩ ኢዩ። ግን ከኣ ዕድል ኣይገበረን፣ ኣብቲ ኣብ ከባቢ ሓፈር /ሱዳን/ ምስ ካልኦት ጕጅለታት ዝተገብረ ሓድሕዳዊ ወተሃደራዊ ግጥም ዓሪፉ ዝብል ሓበሬታ’ውን ስዒቡ። ስለዚ ኢሳይያስ ነቲ ካብ ዓጋመት ዝሃደመ ተጋዳላይ ከምቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝነበረ ተስፋንኪኤል ጆርጆ ብሪሞት ኮንትሮል ይቖጻጸረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፤ ንሱ ከም ዝሞተ፣ ሰነድ ግን ኣብ ኢድ ተስፋምህረት ከም ዝነበረ ጸብጻብ በጺሕዎ ነይሩ። ብዛዕባ ኣቀታትላ ኢብራሂም ዓፋ ዝምልከት ኣገዳሲ ሰነድ ኣብ ኢድ ተስፋምህረት ከም ዝተራእየ ምስ ሰምዐ ኢዩ’ምበኣር ዕሉም ኢሳይያስ ንተኪኤ /ሸፍታ/ ድርብ ተልእኾ /Double Agent/ ሂቡ ናብቲ ውድብ ከም ዝኸድዐ ኣምሲሉ ዘፋነዎ።

“ምስጢር ዝፈልጥ ሰብ ብሂወቱ ኣሎ” እትብል ወረ ንኢሳይያስ ፈጺማ ዘይተደቅሶ ወረ ኢያ።

እቶም ኣብ ሓያሎይ ገበናት ምስ ኢሳይያስ ዝወዓሉን፣ እቶም ‘ሓንቲ ምስጢር እንተኣምሊቑኩም ኣብኣ ትረኽቡዋ’ ዝተባህሉን ሰባት፤ ሕቡእ ምስጢራት ኢሳይያስ ክነግሩና ዝሕሰብ ኣይኮነን። ንሕና እዞም ኢሳይያስ ሞይቶም ይኾኑ’ዮም ዝበልና፣ ግን ከኣ ዘለና ኤርትራውያን ካብ ሓደ ዝጎደለ ካልእ እናመልአ ሰማእታት ዘሰከሙና ሕድሪ ናብ ወለዶና ከነሰግሮ ኢና። ኤርትራ ግምጃ ታሪኻ ብመስተንክራት ዝመልአ ክነሱ፤ ሎሚ ኢሳይያስ ነቲ ታሪኽ ህዝብና ማዕረ ገበናቱ ገይሩ ኣብ ሓደ መቓብር ንምድፋኑ ክሰርሕ ጸኒሑ። ግን ምኽን ኣብዩዎ፣ ሎሚ ንሕና ነቶም ብኢሳይያስ ብቓጻ ዝተመንከሉ ዜጋታትና ምንም እንተጸሓፍናን እንተጸለናን ክንመልሶም ኣይንኽእልን ኢና። ሓደ ክንመሃረሉ ዝግባኣና ነገር ግን ኣሎ። ኢሳይያስ መን’ዩ? ስለምንታይ’ከ ክንድዚ ቅንጻላታት?

ስለምንታይ ኢዩ ክሳብ ክንድዚ ኣንጻር ኤርትራውያን ጨኪኑ? ስልጣን ንምብሓት ድዩ? ንኣርብዓ ዓመታት ሓላፊ ኮይኑ ኣብ ዝተጓዕዘሉ መን’ዶ ተጫሪታይ ነይሩዎ’ዩ! ናብ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምብጻሕ ግድን ከምኡ ዝግበር እንተኣ ኮይኑ ድማ በብቑሩብ ንኩሉ ኤርትራዊ ክሳብ ዝጭርስ እንታይ ኢና ክንገብር? ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ ዋና፣ ንዘይ ንብረትካ ዋጋ ዕዳጋ ክትገብር ስለዘይከኣል፣ ኤርትራ ሓደ ሰብ ክሳብ ዝተርፋ ነንዝጠመቶ ክቕርድድ ኢዩ። ስለዚ ትም’ዶ ንበል ስለ ሃገርን ህዝብን ኣንጻሩ ንምከር? ተደጋጊሙ ከም ዝተጻሕፈ ካብ ሰብዓታት ክሳብ 2001 ነቶም ክዕንቅፉኒ ይኽእሉ’ዮም ዝበሎም ደቀባት ኤርትራውያን ኣጥፊኦዎም ኢዩ። ገለ ካብ እዞም ካብ ቀደም ክሳብ ሎሚ ኣብ ጎድኑ ዘለዉ ዝለዓሉ ጀነራላትን ሰበ-ስልጣናትን ከኣ ኣብ ምቕንጻል በዓል ወዲ ዓፋን /ትያትሮ ዓጋመት/ ካልኦትን ተለኣኣኹቱን ፈጸምቲ ገበናትን ዝነበሩ ስለዝኾኑ፤ መንገዶም ብሓደ ኢዩ።

ኢብራሂም ዓፋ ቅድሚ ምስውኡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ቅሩብነት ብዝምልከት ምስ ኣባላቱ ኣኼባ ሒዙ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ህድኣት ኣምለሶም (ጓል ኣርባዕተ) ምስቲ ሳጢር ብዝብል ሳጓ ዝጽዋዕ፣ ክልቲኦም ኦፐረተራት ካብቲ ቦታ ኣኼባ ፍንትት ኢሎም መልእኽቲ ካብ ስምኦን ገብረድንግል ይቕበሉ ነይሮም። ብድሮኡ ከኣ ወዲ ዓፋ ምስቲ ብጽርግያ ብድሆ /ዓምበርቦብ-ሓሊበት/ ዘንቆልቆለ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ተራኺቡ ነይሩ ኢዩ። መስፍንን ኢብራሂምን ኣብ ዓራግ ብሓደ ንምሕዳር መዲቦም ምስ ተረዳድኡ፣ መስፍን ሓጎስ “…ፊሊጶስ ናይ ግድን ምሳይ ሕደር ስለዝበለኒ፣ ምስኡ ክሓድር እየ” ኢሉ ሽዑ ለይቲ ምስ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ከም ዝሓደረ ጭብጢ ሰነድ ኣሎ።

ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ከኣ ቅድሚ ቅንጸላ ኢብራሂም ዓፋ ፍሉይ ድምጺ ዘይብሉ ጠበናጁ /ሳይለንሰር/ ዝዓጠቑ ሓሙሽተ ሰባት ናብ መደበር ክፍሊ ታዕሊም ሓላፊ ጋንታ ዝነበረ ድራር ዝተባህለ ብሕድሪ ንክጸንሑሉ ኣረኪቡዎ

ነበሩ ኢዩ። እቲ ሳይለንሰር ጠበናጁ ባዕሉ ኢብራሂም ምስ ምቛም ኣሃዱ ኮማንዶ ናብ ደገ ከይዱ መሪጹ ዘምጽኦ ብረት ኢዩ። ብድሕሪ መርዕኡ ምስ ኑራ መሓመድ ኣብ 1980 ካርቱም፤ ናብ ደገ ምስ ተላእከ ድማ ኣብቲ ኣብ ምስሪ /እስክንድርያ/ ዝነበረሉ ግዜ ኢዩ ነቲ ብረት ኣእትዩዎ።

እቶም ሳይለንሰር ዝዓጠቑ ተጋደልቲ፣ ልክዕ ሰዓት ሓሙሽተ ድ.ቀ. ናብ ታባ ዓጋመት ክድይቡ እንክለዉ ዝረኣዮም ናይ ዓይኒ ምስክር /ጽባሕ ንግሆ ብኣካል ዝምስክር/ ኣሎ። ሻቡ ኢብራሂም ነታ ሰዓት ኣርባዕተ ድ.ቀ. ዝጀመራ ቡን ኣስታት ሰዓት ሽዱሽተ ወዳዲኡ፣ ምስ ክልተ ኦፐረተራቱን ሓደ መኻይድቱን ሒዙ ሰዓት ሽዱሽተ ንምዕራባዊ ጎቦ ዓጋመት ተተሓሓዞ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ገሊጸዮ ዘለኹ፣ ኣብ ምቕንጻል ወዲ ዓፋ ኢሳይያስ ንበይኑ ጥራይ ክፍጽሞ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ ናብታ መዓልቲ እቲኣ ንምብጻሕ ብዙሓት ምስጢራውያን ኣኼባታት ምስ ሓያሎይ ሰባት ይገብር ከም ዝነበረ ፍሉጥ ኢዩ።

ሽዑ ምሸት ኢብራሂም ገንሸል መስዋእቲ ንምግባር ኩላቶም ተዋሳእቲ  ወዛሕዛሕ ዝብልሉ ዝነበሩ ምሸት ኢዩ። መስፍን ሓጎስ ምስ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ድሕሪ ምሕዳሩ ናብ ዓራግ ላዕላይ፣ ፊሊጶስን ኢዮብ ሓሊባይን ናብ ታባ ደብረ-እበን፤ ኣላዩ መድረኽ እቲ ዓቢ ስርሒት ኢሳይያስ ከኣ ንኦፐረተሩ "ርክብኪ ምስ ወዲ ዓፋ ኣብ ሰሰዓት ኢዩ። ንዕኡ ምስ ረኺብኪ ከኣ ብቐጥታ ናባይ መልእኽቲ ስደዲ" ዝብል መምርሒ ስራሕ ድሕሪ ምሃቡ፤ ምስ ጊላይ መራሕ መኪንኡ ጉዕዞ ናብ ፖርት-ሱዳን።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፈይ ኢሳይያስ ካብ ካርቱም ናብ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ናብ ደማስቆ /ሶርያ/ ዝሰደዶ መርድእ ወዲ ዓፋን፣ ህሉው ምክፍፋል ጀነራላት ህግደፍን ከቕርብ ምኽነይ ተዛሪበ ነይረ፣ ግን እቲ ታሪኽ መመሊሱ ይነውሕ ስለዘሎ፣ ኣብ ሓደ ክፋል ክጠቓለል ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣብ ዝመጽእ ክፋል ቅንጸላ ኢብራሂም ዓፋ፣ ዝምድንኡ ምስ ኢሳይያስ ካብ ግዜ ሰብዓታት፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዞባ ደቡብ ቦጦሎኒታት 4 ን 5 ን /ኣሃዱታት ናይ ወዲ ዓፋን ናይ ወልደንኪኤል ሃይለን/ ዓበይቲ ዓወታት ይገብራሉ ኣብ ዝነበራ ግዜ፤ ኢብራሂም ምስቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣዛዚ ናይቲ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ፤ ዝነበረ ስሉሳዊ ዝምድናታቶምን ርክቦም ምስ ኢሳይያስ እንታይ ይመስል ከም ዝነበረን፤ ከምኡ'ውን ኢብራሂም ዓፋ ኣብ ጉዳይ ስምረት፣ ኣብ ጉዳይ ምዝላቕን ጉዳይ ዝርርብ ሰላም ምብራቕ ጀርመንን ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝነበሮ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያትን ዝቕልቀሉ ዝነበሩ ሰበባትን ክንርኢ ኢና።

ክሳብ ሽዑ ግን ነዚ ታሪኽ'ዚ ክውስኹሉ ዝደልዩ ሰባት እንደኣ ሃልዮም ኣዝዩ ምጸበቐ። ንዓይ ዝወሃብ ሓበሬታ፣ ርእይቶን ነቐፌታን እንተሎ ድማ ሓንጎፋይ ኢለ እቕበሎ።

ክሳብ ሽዑ ከኣ ሰናይ ቅነ

ሞት ክናና ኢኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ሻብዓይ ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 29 OCTOBER 2010 17:06



ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንነዊሕ ዓመታት ኣንጻር ኤርትራውያን ቀጭ-ሕርሙ ኣነጻጺሩ፣ ጎበዝ ሃገር ዝወድአ ሕሱም ሰብ ኢዩ።

ሎሚ ነዚ ብቋንቋ ሩስያ /Dragnov/ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘይምሕር በዓል ቢኒኮሎ ጠበንጃ፤ (ቀጭ-ሕርሙ) ናብ ግንባሩ ንምለሱ። ኢሳይያስ ጸላኢ ናይ ሓደ ሃይማኖት፣ ናይ ሓደ ኣውራጃ፣ ናይ ሓደ ብሄር ጥራይ ኣይኮነን ን'መንካዕ'፣ ን'የሚን' ንኢብራሂም ዓፋ፣ ንካልኦት ዜጋታትን ጉጅለ 15፣ ዝኣሰርምን ዝቐንጸሎምን ብጉዳይ ኣውራጃ፣ ብሄር ወይ ሃይማኖት ኣይነበረን።
ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብርሃም፣ ንቦኽሪ ወዱ ዘይከምቶም ኣብ ግዜ ሰውራ ንደቆም 'ማርክስ'፣ 'ስታሊን'፣ 'ፍረ-ሰውራ'፣ 'ሃዋሻይት'፣ 'ደንደን' ዘውጽእሎም ዝነበሩ፤ ናይ ኣባሓጉኡ ስም ኢዩ ዘጠመቖ። እዚ ከኣ ከም ዋዛ ዘይኮነስ፣ ወራስ ዓራት ንክኾነሉ ብንጹር መልእኽቲ ዝተዋህበ ስም ኢዩ። ንሕና ግን ንዓመታት ደቂስና ኔርና። ካብ 1970 ዓ.ም. በብዓመቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ምሁራትን ተባዓት ተጋደልቲን ዝገብሮ ዝነበረ ቅንጸላ፣ በየናይ ዓንቀጽ ኢዩ ክፍረድ፣ ንናይ ሕጊ ክኢላታት ዝምልከት ጉዳይ ኢዩ።
ሎሚ ንሕና ብሓደ ድምጺ ሰሚርና ኣብ ክንዲ ኤርትራን ኤርትራውያንን እንብል፣ ብሃይማኖት፣ ኣውራጃን ብሄርን ሆየ-ሆየ እንተደኣ ንጻወት ኮይንና፣ ኤርትራ መስሓቕ ኢሳይያስን መሻርኽቱን ክትከውን ኢያ። ከምቲ ንሱ ንኤርትራ 'ዳግማዊት ሶማል' ክትከውን ኢያ ኢሉ ዝምነያ፣ ብፍላጥን ብዘይ ፍላጥን ጎድኒ-ጎድኑ ብብሄር፣ ሃይማኖት፣ ኣውራጃ ክፈናጭሉ ዝጓየዩ ዘለዉ ውልቀ-ሰባት ብታሪኽ ተሓታትቲ ኢዮም። መሰል ምሕታት ግቡእ'ዩ። ብሰላማዊ ይኹን ጎነጽ ንኢሳይያስን ህግደፍ ሰልፉን ሓንሳብን ንሓዋሩን ናብ ጎዱፍ ምድርባይ ኩላትና ክንሸባሸበሉ ዝግባኣና ሓባራዊ ውራይ ኢዩ። ልክዕ ንተቓወምቲ ዝመስሉ፣ ናይ ተቓወምቲ ቋንቋ ዝዛረቡ፣ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ዝጽሕፉን ዝምድሩን ረቂቕ ተልእኾ ሰኒቖም ኣብ ማእከል ህዝቢ ዝተሾገጡ ኣትማን'ውን ከም ዘለዉና ምሕሳብ የድሊ ኣሎ።
'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ተኸታታሊ ታሪኽ፤ ገለ ምስጢራትን ገበናትን ጨካን ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ካብ ቅድም ክሳብ ሎሚ ምስኡ ዝተሓባበሩን ክጽሕፍ እየ። ንሓድነት ሃገር ክሃስዩ ዝኽእሉ ጉዳያት ግን ኣይክጸሓፉን ኢዮም። ምኽንያቱ ሃገር...ሃገር ስለዝኾነት!
ብዙሓት ሰባት ካብዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ጥማዕ ታሪኽ ንላዕሊ ዝፈልጡ ከም ዘለዉ እኣምን እየ። መን ኣሎ ብኢሳይያስ ኣቡኡ፣ ኣዲኡ፣ ሓዉ፣ ሓብቱ፣ ቀረባ ዘመዱ ዘይተቐትሎ ወይ ዘይተኣሰሮ? መን ኣሎ'ኸ ብሰንኪ ኢሳይያስ ናብ ስደት ዓዲ ጓና ዘይተሰደ...መን ኣሎ ዘይሓዘነ...ዘይተዋረደ? ብዘይካ ኣውያትን ብኽያትን ደባሲ ዘይብሉ ህዝቢ....ብዘይካ ዝተደርመመ ኣራእስ ኣዴታት፣ ዝተቐነነን ዝተሰለመን ገጽ ዘይንርእየሉ ኣብ ዘመነ-ኢሳይያስ ...ኢና ዘለና'ኮ።
ስለዚ ሕነ ክንፈዲ እንተኾይንና፣ ከምቲ ሓብቲ ለማ ሕነ ሓዋ ንክትፈዲ ናብ ጫካታት ዋልቃይት ዝወረደት፤ ንሕና ድማ ሕነ ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ክንፈዲ ናብ ሩባ ተከዘ፣ ጎላጉል ባርካን ጎቦታት ሳሕልን ክንከይድ ግዜ ኣየፍቅደልናን ኢዩ። ሕነና ክንፈዲ፣ ስዉኣትና ንሕድሮም ብመብጽዓና ክድበሱ፣ እቲ ብዛዕባ ኢሳይያስ እንፈልጦ ጉድ ሎሚ ንህዝብና ንንገር። እዚ ዲያብሎስ ወላ'ኳ ሎሚ ብሓደ እግሩ ጠለይ-ጠለይ ዝብለሉ ግዜ እንተኾነ፤ መድሎ እንተረኺቡ ገና ክቕርም ኢዩ። ብዙሕ ግዜ ንመዋጥራት ብጠለይ-ጠለይ ዝሰገሮም ኢሳይያስ፣ ብምትላል፣ ብሽሕጣንን ብፈላሊኻ-ግዛእ ዝብል እከይ ብልሓትን ኢዩ ክኸይድ ጸኒሑ'ሞ ንበራበር። ስለዚ ኤርትራ ሃገር

ክትከውን፤ ህዝባ ድማ ናጻን ሓራን ህዝቢ ክኸውንሲ ብምሉእ ዓቕምና ኣንጻሩ ደው ንበል።

ናብ ኣርእስትና... ካብ ብጊሓቱ ርእሰ ምትእምማን ዘይተዓደለ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ካብ ዝተሰለፈሉ መዓልቲ ቀሲኑ ሓዲሩ ኣይፈልጥን ኢዩ። ግርጭት ምስ ወዲ ዓፉ ካብ ግዜ ሰብዓታት ኢዩ ጀሚሩዎ። ቅድሚ ውድባዊ ጉባኣ ነቲ ኣብ መንጎ ኢብራሂም ዓፉን ወልደንኪኤል ሃይለን ዝነበረ ብጻያዊ ሓድነት ንኽበትኽ ብዙሕ ጻዕሪታት ገበረ። ወዲ ሃይለ ወላ'ኳ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 4 እንተነበረ፣ ኣባል ሰልፊ ኣይነበረን። ንኹሉ መዓልታዊ ንጥፈታቱን ዝምድንኡን እናተኸታተለ ጸብጻብ ናብ ኢሳይያስ ዘመሓላልፍ ዝነበረ ወተሃደራዊ ሓለፊ ደቡባዊ ግንባር ዝነበረ ድማ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ነበረ።

ነቲ ገዲምን መስራቲን ህዝባዊ ሓይልታት ወልደንኪኤል ሃይለ ብስም "ደጋፊ መንካዕ ኢዩ" ብዝብል ጠቐነ ካብ ብዙሓት ተጋደልቲ ፈልዩዎ ኢዩ። ወልደንኪኤል ብዛዕባ ጉዳይ መንካዕ ዝነበሮ መርገጺ ንጹር ኢዩ፡-

"...መንካዕ ዘቕረብዎ ሕቶ ቅኑዕ ኢዩ፣ እቲ ናቶም ጌጋ ብወተሃደራዊ ዲሲፕሊን ዘይምእዛዞም ጥራይ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ቀይዲን ምርሻንን፣ መረዳእታን ነቐፌታን ጥራይ ምኣኸለ" ዝብል ነበረ።

እስከ ንሰለስተ ነጥብታት ጥራይ ካብተን ኣብ 1973 /ቅድሚ 37 ዓመታት/ 'መንካዕ' ናብ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዘቕረቡወን፣ ብዘይ ወሰኽ ቃል ወይ ፊደል ንመልከተን፡-

### ሀ) ክፍሊ ዜናን ምንቕቓሕን፣

"እዚ ክፍሊ እዚ ናይ ውድብና ናይ ኩነታት ሰውራ ንህዝብን ንተጋደልትን መዘርግሕን መነቓቕሕን ኮይኑ ከብቅዕ፤ ውድብና ኪዝርግሖ ብዝደልዮ ሓሳባት ወይ ድማ ኪነቕሓሉ ብዝግብኦ ኣርእስትታት መሪሕነት ግዚያዊ ምይይጥ ኮነ ምምኽኻር ጌራትሎም ኣይትፈልጥን ኢያ። ንኣብነት እዚ ውድብ እዚ ድሕሪ ሕጂ ካብ ዓማ ንምክልኻል፤ ንዓማ ኣብ ምጥቃዕ ቅዲ ፖለቲክኡን ቅዲ ውግኡን ኣብ ዝገበረሉ ግዜ፣ ክፍሊ ዜና ብተሓላላፊ ወረ ኢዩ ሰሚዕዎ። ብገዛእ ርእሱ ክፍሊ ዜና ሓሳባት ኣብ ዘቕርበሉ ግዜ ድማ ብዘየጽግብ መረዳእታ ኣብ ሓደ ክልተ ግዜ ተነጺጉ። እዚ ክፍሊ'ዚ ብተወሳኺ ሓላፊ ተወልደ ኢዮብ እኳ እንተተባህለ፣ ርክብ ምስ ኢሳይያስ ኢዩ። ተወልደ ስለምንታይ ስርሑ ንኸካይድ ምሉእ ሓላፍነት ኣይወሃቦን? ወይ ካልእ ሰብ ስርሑ ኣይሓዘን?"

### ለ) ክፍሊ ሕክምና፣

"እዚ ክፍሊ እዚ ናይ ሕክምና ግቡእ ንተጋደልቲ ከወፈ፣ ቅድሚ ውግእን ጉዕዞን ኪማኸር ዚግብኦ ክነሱ፤ ስለዘይማኸር ብዙሕ ሳዕቤን ኣትሪፉ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ከበሳ ዘለዉ ብጾትና ናይ ፈውሲ ሽግር ዘጋጥሞም ዘሎ ሓደ ምኽንያት ኢዩ። ናይዚ ክፍሊ እዚ ሓላፊ ሙሳ ኢብራሂም ኢዩ ነይሩ። ካልእ ይትረፍ ወላ ሕሙማት እናምጽአ ዘሰናብት ግን ኢሳይያስ ኢዩ።

### ሐ) ክፍሊ ስንቂ፣

"ልክዕ ከም ሕክምና ክፍሊ ስንቂ ቅድሚ ውግእ ወይ ጉዕዞ ወይ ድማ ናይ ነዊሕ ሕንጻጻት ከውጽእ ስለዘይማኸር ወይ ሙሉእ ሓላፍነት ስለዘይወሃብ፣ ተጋደልቲ ከጓንፎም ዘይግባእ ብዙሕ ጥሜት ኣጓኒፍዎም። /ጥሜት ጥሩቕሩቕ፣ ጥሜት ገሀተብ፣ ጥሜት ግልዕ፣ ጥሜት ከበሳ።/ ብዛዕባ ሽግር መንገዲ'ውን ምሉእ ምምኽካር ተገይሩሎም እንተዝኸውን፣ በዓል ብጻል በረኸት ብጸላኢ ኣይምተታሕዙን" መወዳእታ ጥቕሲ መጽሓፍ 'መንካዕ'።

'ኣቦ ጓል ዲኻ ኣቦ ወዲ፣ ኣብ ኩሉ ኢድና ንወዲ' ዝበሃል ምስላ ደጊም ከምዚ'ዩ። እነሆ ድማ ፋሉል ኢሳይያስ ቀደም ዝለመዶ ምጽፋዕን ቃሕታዊ መንገዲን፤ ክሳብ ሎሚ ንርእዮ። ባዕሉ ፕረዚደንት...ላዕላዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ምክትታል...ባዕሉ ኢንጂነር...ንሱ ዶክተር...ንሱ ኩሉ...።

ተጋዳላይ ወልደንኪኤል ሃይለ ንጉዳይ 'መንካዕ' ኣመልኪቱ ዝነበሮ ኣረኣእያ ከኣ፣ ካብዘን ኣቕሪበየን ዘለኹ ቁንጫል ሕቶታቶም ዝተበገሰ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ 1975 መስፍን ሓጎስ ኣብ ዓላ ዝገበሮ ናይ ሓለፍቲ ኣኼባ ሓደ ካብ ተሳተፍቲ "እዚ መንካዕን ደገፍቲ መንካዕን እናበልካ ዝግበር ዘሎ ሰባት ናይ ምንጻል ጎስጓስ፣ ክእረም ኣለዎ" ዝብል ርእይቶ ኣብ ዘቕረበሉ ግዜ፤ መስፍን ሓጎስ ከምዚ ክብል ከም ዝመለሰሉ ናብቲ ቅድሚ 35 ዓመታት ዝገበሮ ኣኼባ ዓላ መሊሰ ከዘኻኽሮ፡- "ብመንካዕ ዝሓምም ሰብ እንተሎ፣ ልቡ ከሰል ትምሰል" እምበኣርከስ ነዘን ንኣሽቱ ኣብነታት ጠቒሰ ናብ ጉዳይ ኢብራሂም ዓፉ ክቕጽል።

ውጽኢት ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኣ ህዝባዊ ግንባር፣ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ዋና ጸሓፊ፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምክትል ዋና ጸሓፊ ክኾኑ እንከለዉ፤ ሃይለ ወልደንስኤ /ድሩዕ/ ሓላፊ ፒለቲካዊ ጉዳያት ፣ ኢብራሂም ዓፉ ድማ

ሓላፊ ወተሃደራዊ ጉዳያት ኮይኖም ተመዘዙ። ካብ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣብ ብዙሕ ኣኼባታት ንዓፋኒ ኣከያይድኡን ተበላጺ ዕላምኡን ዝቃወሞ ዝነበረ ኢብራሂም ዓፋ፣ ሓደ መዓልቲ ናይ ጥፍኣት ነታጒ ክቕበረሉ ምኽኑ ኣየደቀሶን።

ብድሕሪ ውድባዊ ጉባእ፣ ኣብቲ 'በብቑሩብ ሰብን መሬትን ሓራ ምውጻእ' ዝብል ወተሃደራዊ ስልቲ፣ እተን ቀዳሞት ብወተሃደራዊ ሕንጻጽ ኢብራሂም ዓፋ: ተወፋይነት ህዝቢን ተጋዳላይን ናጻ ዝወጻ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኤርትራ እዘን ዝስዕባ ነበራ፦ 1) ናቕፋ ብዕለት 23  1977። 2) ኣፍዓበት ብዕለት 06 ሚያዝያ 1977። 3) ደቀምሓረ ብዕለት 06/ ሓምለ 1977። 4) ከረን ብዕለት 08 ሓምለ 1977። 5) ሰገነይቲ ብዕለት 03 ነሓሰ 1977። 6) ድግሳ ብዕለት 05 ነሓሰ 1977 ናጻ ክወጻ እንከለዋ ካልኦት ኣብ መንገዲ ባጽዕ-ኣስመራ፣ ክሳብ ሰይ ዲቺ /16 ኪ.ሜትር ካብ ኣስመራ/  ዝነበራ' ውን ሰዓብአን።

ብወገን ተ.ሓ.ኤርትራ ናጻ ኮይነን ዝነበራ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን'ውን 1) ተሰነይ ብዕለት 10 ሚያዝያ 1977። 2) መንደፈራ ብዕለት 24 ነሓሰ 1977  3) ኣቑርደት ብዕለት 31 ነሓሰ 1977። 4) ዓዲ ኳላ ብዕለት 12 ነሓሰ 1977 ነበራ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘይካ ፍርቂ ክፋል ባጽዕ፣ ዓዲ ቐይሕ፣ ባረንቱን ዓሰብን መላእ መሬት ኤርትራ /ልዕሊ 80%/ ካብ ቁጽጽር ጸላኢ ናጻ ወጺኡ ነበረ። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ዝምድናታት እናዓዘዘ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ ዓመታት ኢዩ'ምበኣር ኢሳይያስ ነታ ንሱ ንበይኑ ዘይነግሰላ ኤርትራ ንዝተቐረበ መኣዲ ናጽነት ደፊኡ፤ ንውድብ ህዝባዊ ግንባር ናብ ምዝላቕ ከም ዝኣቱ ዝገበረ። ኣብ ጉዳይ ምዝላቕ ኣብ መንጎ ላዕለዎት ሓለፍቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዘይምርድዳእ ከም ዝነበረ ድሒሩ ይስማዕ ነይሩ ኢዩ።

ንውግእ መብዛሕትኦን ናጻ ዝወጻ ከቢታት ብትብዓት መሪሑ ዘዐወተ ወዲ ዓፋ ድማ መመሊሱ ካብ ተጋዳልቲ ወርቂ ዘውዲ እናደፍአ ከደ።  ኣብ ብዙሓት ኣሃዱታት "...ሰራዊት እንግሊዝ ንከረን ካብ ወተሃደራት ጥልያን ንምሓዝ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ወሲዱሎም። ንህዝባዊ ግንባር ግን 3  መዓልቲ ጥራይ...ዓጀብ ጅግንነት!" ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ ግዜ፤ ዝና ወዲ ዓፋ እናለዓለ ከደ።

እቲ ዝና  ዝስመዓሉ ዝነበረ ግዜ'ውን ኢብራሂም ላዕለዋይ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ሽማግለ ክልቲኡ ውድባት ኮይኑ ንክሰርሕ ውድብ መዝነት ኣሰከሞ። ኣብ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ይሰርሓሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፤ ብዛዕባ ተኽእሎ ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ኤርትራ ምሉእ ዕድል ከም ዝነበረን፤ ናጽነት ኤርትራ ንምጉንጻፍ'ውን ነተን ዝተረፋ መዓስከራት ጸላኢ ዝኽፈልካ ከፊልካ ናጻ ምውጽኣን ዝብል  ጸብጻቡ የቕርብ ነበረ።

ብድሕሪ ምሕራር ከተማ ከረን፣ ኤርትራ ናጻ ክትወጸሉ እትኽእለሉ ኣገባብን መንገዲን ብዝምልከት ምስ ኢሳይያስ ሓያለይ ግዜ ናብ ቁሩቁስ ይኣትዉ ነይሮም ኢዮም። ኢብራሂም ዓፋ በቲ ኢሳይያስ በብዓመቱ ዝወስዶ ዝነበረ ቃሕታዊ ስጉምቲ ዕጉብ ኣይነበረን።

ናጻን ዲሞክራስያዊን ርእይቶ ዝነበሮ ወዲ ዓፋ፣ ነቲ ብኣረኣእያ ኢሳይያስ ጥራይ ዝውሰን ዝነበረ ጉዳያት፦

1) ጉዳይ ስምረት ምስ ውድብ ተ.ሓ.ኤ.፣
2)ጉዳይ ምዝላቕ ካብ ኣፍደገ ኣስመራ
3)ጉዳይ ዝርርብ ምስ ደርግ ኣብ በርሊን።

ኢብራሂም ዓፋ ብፍላይ ኣብ ጉዳይ ዝርርብ ምብራቕ ጀርመን /በርሊን/ ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብዘርብሕ ኣገባብ፣ ንጹር ተቓውሞ ናብ ኢሳይያስ የቕርብ ነይሩ ኢዩ።

ቀዳማይ ርክብ በርሊን ካብ ዕለት 25-29/11/1977
ካልኣይ ርክብ  በርሊን ብዕለት 02/02/1978
ሳልሳይ  ርክብ በርሊን ካብ ዕለት 22-23/03/1978
ራብዓይ ርክብ በርሊን ካብ ዕለት 09-10/06/1978

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፤  ስርዓት ደርግ ሓይሉ ክሳብ ዘደልድልን ካብ ሕብረት-ሶቭየት ነበር እልቢ ዘይነበሮ ኣጽዋር ክሳብ ዝዕድግን ኢዩ ዝጽበዮ ነይሩ። ደርግ ድማ ብስም 'ዝርርብ ሰላም' ናይ ምህማል ኣሸካዕላል ክጻወት ድሕሪ ምጽናሕ፣ ልዕሊ 300,000 ሰራዊት ኣሰሊፉ ብዕለት 15/07/1978 ሰፊሕ ቀዳማይ ወራር ደርግ  ጀመረ። ከምኡ'ውን ኣብ መስዋእቲ ኣብርሃም ተወልደን፤ ደሓር'ውን ኣብ ጉዳይ ምእሳር  ሰለሞን ወልደማርያምን  ዓቢ ፍልልይ ኢዩ ነይሩዎም። ንእግረ መንገድና ሰለሞን ወልደማርያም ናብ ሱዳን ምስ ሃደመ ወዲ ዓፋን ሮሞዳን

መሓመድ ኑርን ኢዮም ከይዶም ለሚኖም መሊሶሞ። “ብናትካ እምነት ጥራይ እየ ዝምለስ ዘለኹ” ኢሉ ሰለሞን ንኢብራሂም ተዛሪቡዎ ነይሩ’ዩ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጎ ኢሳይያስን ገለ ኣባላት ፖ/ቤ/ጽሕፈትን ከቢድ ግርጭት ከም ዝነበረ ድማ ተኸላይ ገብረማርያም /ዓደን/ ብ23 ታሕሳስ 1980 ኣብ ረድዮ ኢትዮጵያ ገሊጽዎ ነይሩ ኢዩ።

እቲ ዝነበረ ምፍጣጥን ሓያል ናጻ ርእይቶ ኢብራሂም ዓፋን ግን ንኢሳይያስ ፈጺሙ ኣየደቀሶን ነይሩ። ብድሕሪ ምዝላቕ፣ ኢሳይያስ ኢብራሂም ንምንጻልን ንምድስካልን ብዙሕ ፈተነታት ገይሩ’ዩ። ገለ ኢሳይያስ ዝለኣኾም መዓድቲ ንኢብራሂም “ካብዚ ዘለኻዮ ሓንሳብ ምስራሕ ንሓንሳብ ከኣ ምድስካልሲ ሞት ይሓይሽ፣ ሰብኣይ ክልተ ግዜ ክረአ የብሉን…” እናበሉ ከምቲ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ ሃብተ ተኸለ ዝወሰዶ ርእሰ-ቅትለት፤ ወዲ ዓፋ’ውን ኣንጸርጺሩ ነብሱ ንክቐትል ምድፍፋእ ይግበረሉ ነይሩ።

ኣብ ሻድሻይ ወራር ደርግ ኢሳይያስ ንወዲ ዓፋ ኣብቲ ብተመክሮኡ ክመርሓሉ ዝግባእ ግንባራት ኣብ ክንዲ ዝሰዶ፣ ነቲ ብጎላጉል ናሮ ዝወፈረ፣ ዓቐበት ኣግራዕ /ጽርግያ ሓመድ ዲበላይ/ ንምዕጻው ዝወፍር ዝነበረ 3ይ ክፍለ-ጦር ደርግ ንክከላኸል ተነግሮ። ኢብራሂም ዓፋ ነታ ካብ ብርጌድ 51 ዝመጸት ኣሃዱን /ቦጦሎኒ ወዲ ጸገደ/ ካብ ክፍልታት /ዓምበርቦብ ሕሽክብ/ ኣስመሮም ገረዝግሄር ዘማእከሎም ዝኸተቱ ተጋደልቲን መሪሑ ተዋግአ። እቲ ኣብ መንጎ ኢሳይያስን ኢብራሂምን ዝነበረ ምስሕሓባት እናኸረረ ከደ። ኢሳይያስ፣ ኢብራሂም ንምንጻል ኣብ ኣባላት ሰልፊ “…ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ደቂ ሰምሃርን ተመሻጢሩ ዕልዋ ክገብር ይሓስብ ኣሎ” ዝብል ወገናዊ ምጉጅጃል ክገብር ጀመረ። ግን ኣይሰመረሉን፣ እቲ ምንታይ ሞያ ወዲ ዓፋ ዘይፈልጥ ተጋዳላይ ስለዘይነበረ። ኣብቲ ብዕለት 10 ጥቅምቲ 1985 ዝጀመረ ወራር ‘ባሕሪ ነጋሽ’ ኢዩ’ምበኣር ኢሳይያስ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ረኺቡ። ጸላኢ ብዕለት 19 መጋቢት 1984 ብኲናት ተሳዒሩ ንዝገደፎ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ሃንደበት ብማርሳ ተኸላይ ኣተዎ። ሽዑ ኢብራሂም ኣብ ዓራግ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ከባቢ ብዘይካ ኣሃዱ ክፍሊ ታዕሊም፣ ተመሃሮ /ክፍሊ ህንጻ/ መዓስከር ዊናን ገለ ሓለፍቲን ካልእ ተዋጋኢ ሓይሊ ኣይነበረን። ኩሉ ኣብ ከባቢ ዓራግን ሓሊበትን ዝነበረ ተራ ይኹን ሓላፊ ናብ ግንባር ሓልሓል ከቲቱ ነበረ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ምህዞ ኢሳይያስ ንፈልም ቅንጻላ ኢብራሂም ሽዑ ኢዩ ጀሚሩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ድማ፣ ሃንደበት ናብ ሱዳን ተበገሰ። ንወዲ ዓፋ ዝቐትል ‘እሙን’ በዓል መዚ ፈልዩ ክብገስ እንከሎ፤ ኦፐረተሩ ንዝነበረት ተጋዳሊት“…ርክብኪ ምስ ወዲ ዓፋ ኣብ ሰሰዓት ይኹን። ንወዲ ዓፋ ምስ ረኺብኪ ከኣ፣ ቀጥታ ንዓይ ርኸብኒ። ስለዚ ኣነን ንስኺን ርክብና ኣብ ከክልተ ሰዓት ኢዩ።” ኢሉዋ ተበገሰ። ኦፐረተር ርክባ ኣየቋረጸትን፣ ናብ ካርቱም ምስ ኣተወ፣ ንግሆ ዘመሓላለፈቶ ቀዳማይ መልእኽታ ከኣ ንኢሳይያስ ናይ ደስ-ደስ ዜና ኮነ።

ኦፐረተር ንኢብራሂም ዓፋ ካብ ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ንደሓር ክትረኽቦ ከም ዘይከኣለት መልእኽታ ኣመሓላለፈት። ትርጉሙ ብስራት ንኢሳይያስ፤ ንህዝቢ ኤርትራ ግን መርድእ ነበረ። እታ ንግሆ እቲኣ ድማ ኢሳይያስ ጸባ ዝሰተየላ፣ ጅግና ኢብራሂም ዓፋ ከኣ ኣብ ኣኻውሕ ጎቦ ዓጋመት ዝተቐብረላ ወጋሕታ ኮነት። ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ፣ እታ ንግሆ እቲኣ ትልሚ ዝኸትምና ሳራ ኢብራሂም ነበረት።

ሽዑ ምክትል ክነሱ መርድእ ኢብራሂም ዓፋ ናብ ዋና ጸሓፊ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ሰደደ። ሮሞዳን ኣብቲ ግዜ’ቲ ብጉዳይ ስራሕ ኣብ ሶርያ ደማስቆ ኢዩ ዝነበረ። ነቲ መርድእ ምስ ኣንበበ ከኣ፣ እቲ ጉዳይ ሃንደበት ከም ዝኾኖ ናይ ሕርቃን ቃል ተዛሪቡ ኢዩ። ምዝራብ ጥራይ ዘይኮነ ከኣ፣ ገጹ ከም ዝኣሰረን ካብቶም ጥቕኡ ዝነበሩ ሰባት’ውን ከም ዝተኣልየን ናይ ዓይኒ ምስክር፣ ኣብቲ ግዜ’ቲ ምስ ሮሞዳን ኣብ ደማስቆ ዝነበረ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር መሓመድ ኑር ዲጎል ሎሚ ብሂወቱ ዘሎ ሰብ’ዩ።

ኢሳይያስ ካብ ሰብዓታት ከም ድሌቱ ተሓምበለ ክብል ዝዓገቶ ሰብን ሕጊን ኣይነበረን። ስለዚ ቀደም ብሰባት ይጻወት ነይሩ፣ ሎሚ ከኣ ብህዝቢን ሃገርን ይጻወት ኣሎ። ከምቲ ንጀጋኑ እናመንከለ ናብዚ ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ጥርዚ ዝበጽሐ፤ ይኣክል ንበሎ። ነታ ሰባት ዝወድኣት ካራ ናብኡ ነቕንዓያ። ብዘይካ ኢደይ-ኢድካ ድማ ካልእ ኣማራጺ የብልናን።

ኣብ ዝቕጽል ክፋል፣ መደምደምታ ቅንጸላ ጅግና ወዲ ህዝቢ ተጋዳላይ ኢብራሂም ዓፋ ኢዩ ክቐርብ። ብድሕሪ ቅንጻላ ወዲ ዓፋ ዝቐርቡ ኣገደስቲ ጉዳያት ስርዓት ህግደፍ ግን ክልዉና ኢዮም። ኩላቶም ኣብቲ ጽዩፍ ስራሕ ቅንጸላ በብዓቕሞም ዝወዓሉን፣ ብፍላይ ድማ ካብ 1985 ክሳብ ምብራዕ ኲናት ባድመን ሎሚን ኣብዘን 25

ዓመታት ተራ ሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብ ስርዓት ህግደፍ ከመይ ይመስል ከም ዘሎ ክንርኢ ኢና። 'ኀይትኡ ዝኣመነ ከልቢስ ስብሕቲ እናተሓርደት ንሩባ ይወርድ' ከም ዝበሃል፤ ሎሚ ሜ/ጀ ፊሊጶስ ብድሕሪ ኢሳይያስ ቃሕ ከም ዝበሎ ዝገብር ዘሎ ሰብ'ዩ።
ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን! ናባይ ክትልእክዎ እትደልዩ ተወሳኺ ሓበሬታ፣ መብርሂ፣ መኣረምታ ወይ ለበዋ ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻይ ክትጽሕፉለይ አዘኻኽር።

alenakoena@gmail.com

ክሳብ ዳሕራይ ርክብና ሰላም

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ሻሙናይ ክፋል) - ብ ኣለና

THURSDAY, 04 NOVEMBER 2010 19:54



ኣብዘን ውሑዳት መዓልታት፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ካብ ዘለዉ ኤርትራውያን፣ ከምኡ'ውን ካብ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋት ብዙሕ መልእኽቲ ተቐቢለ።

ንኩሉኹም ብሓባር ኣመስግን። ብዙሓት ድማ "እዚ ኣገዳሲ ታሪኻት እዚ ከም መጽሓፍ ተሓቲሙ ናብ ሙሉእ ዓለም ዘሎ ህዝብና እንተዚዝርጋሕ ጽቡቕ ምኾነ" ዝብል ሰናይ ርእይቶ ኣቕሪቦም።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ኣዲስ ኣበባ ተበጊሱ ብመንገዲ ሱዳን /ከሰላ/ ናብ ሜዳ ኤርትራ ካብ ዝኣተወላ ለይቲ፤ ካብ ሚያዝያ 1970 ዓ.ም. ኣብ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት /ግንባር/ ብገዛእ ኢዱን ብኮራኹሩን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኤርትራ ኣብ ጽምዋ ንዝተፈጸሙ ምስጢራት፤ ኤርትራን ኤርትራዊ መንነትን ንምዕናው ብድሕሪ ናጽነት ክሰርሖ ዝጸንሖ ጥጅኣት፣ ኣጠማምትኡን ኣከያይዳኡን እትድህስስ መጽሓፍ <u>'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ'</u> ኣብ ቀረባ እዋን ክትዝርጋሕ ኢያ። ነቶም ኢንተርነት ዘይከፍቱ ዝበዝሑ ዜጋታትና፣ ከምኡ'ውን ነቶም ብሰንኪ ጨካን ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ተሰዲዶም ዘለዉ መንእሰያት ኤርትራ ንጹር ስእሊ ኢሳይያስን ስርዓት ህግደፍን ንክትህቦም ተስፋ እገብር።

መጽሓፍ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ 606 ገጻት፣ 4 ድሕረ-ገጽ ጽሑፋት፣ 22 ብስእሊ ዝተሰነዩ ዓበይቲ ምዕራፋት፣ 'ናበይ ገጽና ኢና' ዝብል መደምደምታን ዝሓዘት ቀዳመይቲ ታሪኻዊት መጽሓፍ ተዳልያ ኣላ። እዛ ካብ ሰሳታትን መጀመርታ ሰብዓታትን ንኢሳይያስ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ሰባት እናተወከስኩ፤ ካብ ዝተሰለፍኩሉ 1974 ዓ.ም. ከኣ ብቐረባን ብኣካልን ዝዕዘቦ ዝነበርኩ፣ ንብዙሕ ዓመታት ዝኣከብኩዎ ሰነዳት፤ ጀባእ ንህዝቢ ኤርትራ!

ኩላትና ከም እንፈልጦ ካብቲ ተቐቢሩ ዘሎ ምስጢራት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ክሳብ ሎሚ ሓንቲ እምኒ ጥራይ ኢያ ተላዒላ ዘላ፣ ካብ ዕለት ምስላፉ ብፍላይ ድማ ካብ 1970 ክሳብ ሎሚ፤ ገና ዓበይቲ መስተንክራት ብብዙሓት ዜጋታት ኣብ ቀረባ ግዜ ክፍንቀሉ ኢዮም። ኢሳይያስ ዕላምኡ ስልጣንን ምግባት ገንዘብን ጥራይ ከም ዘይነበረን ዘሎን ሎሚ ይጋሃድ ኣሎ። ምኽንያቱ ኢሳይያስ ኣብ እንብለሉ ግዜ፣ ስለምንታይ ዝብሉ ኩምራ ሕቶታት ኣብ ሕልናና ይኹሕኩሑ ስለዘለዉ።

ትልሚ ክርዳድ ስለዝተለመ፣ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ኮራርምቲ ህዝቢ ኤርትራ ክርዳድ ብኣስገዳድ ንክቐርጠም ሸበድበድ ኣብ ምባል ይረኣ። ኢሳይያስ ንኤርትራ፣ መሬታን ህዝባን ከባድም ዝተላእከ ምኳኑ ካብቲ ብዙሓት ሰባት በብዓመቱ ዝብልዎ ዝነበሩ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ካብ ተግባራቱ መመሊሱ ይበርህ ኣሎ። ሓቂ ኣብ ዘይመዓልታ ሓሶት ኢያ፣ ስለዝኾነ ድማ ነቲ "…ኢሳይያስ ናብ ቃኘው ኣትዩ ነይሩ፣ ምስ ኣባላት ሲ.ኣይ.ኤ. ተራኺቡ፣" ዝበሃል ዝነበረ ወረታት ጽውጽዋይ 'ዕንኩራይ ጻጸ' ይመስለና ነይሩ። እነሆ ሎሚ መዓልቱ ኣኺሉ እቲ ድራማ ኣብ ቅድሚ መድረኽ ውጥም-ቅልቅል ክብል ንርእዮ ኣለና። ንሕና ናጽነትና ንምርካብ 65 ሽሕ ሰማእታት ከፊልና ክንብል እንከለና፤ ብቛንቋ ኢሳይያስ ግን "ናብ ድጉል ሕልመይ ንምብጻሕ ንኤርትራውያን 65 ሽሕ መንእሰያት ኣኽፊለዮም።" ኢዩ ዝብል ዘሎ።

እቲ ድጉል፣ ወትሩ ድጉል ኮኑ ኣይተርፍን ኢዩ። ነዲዱ ይትግበር፣ ወይ ከኣ ከይተራእየ ይቕህም። ስለዚ ድጉል ሕልሚ ዲክታተር ኢሳይያስ "ግዝኣት ትግራይ ትግርኚ" "ዓባይ ኢትዮጵያ" ብድጉሉ ዝቐሃመ ሕልሚ ምኳኑ ዓው

ኢልና ክንነግረካ ጽን በል። ንሕና ኤርትራውያን ኢና፣ መሬትና ድማ ኤርትራ፤ ትግራይ ከኣ ናይ ተጋሩ ኢያ። ናይ ጽላለ ሓኪም ኣብ ዘይርከበሉ ዘመን ዲና ዘለና? ስለምንታይ እዚ ሰብኣይ ርእሱ ዘይምርመር ኣንቱም /ኣንትን/ ኤርትራውያን! ጽሑፍቶና ግዲ ኮይኑ ብዝተጸለለ ሓንጎል ንምራሕ ኣሎና።

እቲ ዘሕዝን ንሱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣሽካዕላል ክጻወት እንከሎ፤ ንሕና ድማ ኣብ ዕንኪላሎ ምንባርናን ምህላውናን ኢዩ። ሎሚ ንኢሳይያስ ደው ኣቢሎሞ ዝነበሩ ሰራውር ተበንቀኑሶም ኢዮም። ሓደ ግዜ በታ ንሱ ዘይፈትዋ ቀጭ-ሕርሙ "ሳሾያ" ምባል የድልየና ኣሎ። ስርዓት ኢሳይያስ ዝቕየረሉ ሰዓት ኣኺሉ'ዩ። መድረኽ በሲሉ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክሒኑ'ውን። ሎሚ ንሕና እዚ ዓቢ ዕድል ብሻላ እንተድኣ ርኢናዮ፣ መጻኢና ኣጸቢቑ ክጥቅር ኢዩ።

ውሽጣዊ ኩነታት ህዝቢን ሰራዊትን በቃ ኣቢሉ ኣሎ። ዝኾነ ዓይነት ቃልሲ ንከነካይድ ካብ ጎረባብትና ሰናይ ፍቓድ ኣብ ዝረኸብናሉ፣ ተነጽሎ ህግደፍ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ኢድና ኣጣሚርና ትም እንተድኣ ኮይኑ ምርጫና፤ ኤርትራ ትበሃል ሃገር ነይራ ዝበሃል ዛንታ ከይንሰምዕ ንፈርሕ። ስለዚ ምስ ኩላተን ጎረባብትና ሃገራት ብሰላም ክንነብር፣ ኣብ መቓብር ህግደፍ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝሰፈና ሃገር ክንምስርት፣ ሎሚ ሓደ ንኹን። ንሕና ሎሚ ነቲ ንሱ ንዕስራ ዓመታት ብሃይማኖት፣ ኣውራጃ፣ ዓሌት፣ ወገን ወ.ዘ.ተ… ኪዘርኦ ዝጸንሐ ዘርኢ ክርዳድ ንሓዋሩ ዘርእና ከይበትኽ፤ ምምንቋሱ የድልየና ኣሎ። ኣንጻር'ዚ ስርዓት እዚ ዝግበር ምልዕዓል ካብ ካፉ፣ ናብ ሞሾምበባ፣ ካብ ነጎዳ ከኣ ናብ በርቂ ምቕያር፣ የድሊ ኣሎ። በርቂን ነጎዳን፣ ውግእ ሓድ ሕድ ከስዕብ ኢዩ ዝብሉ የዋሃት ብዙሓት ኢዮም።

ኣብ ኤርትራ ብኢሳይያስ ሓደገኛ ውግእ ሓድ-ሕድ ካብ ዝእወጅ ግን ነዊሕ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ። ኣውራጃዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ቀቢላዊ፣ ብሄራዊ ወ.ዘ.ተ… ኣብ ውሽጢ ህዝብና ኣትዩ ፋሕ ብትን ካብ ዘብለና ክንደይ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ? ካብዚ ኣብ ውሽጥና ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምትእምማን ዝዓቢ ውግእ ሓድሕድ የለን። ስለምንታይ ንርስዕ! ህግደፍ'ዶ ኣይኮነን ናይ ጥፍኣትና ካሪክሉም ዝህንድስ ዝነበረን ዘሎን! ንጳጳስ ዝኣስር…ሞባእ ቤተ-ክርስትያናት ዝምንዝዕ ህግደፍ'ዶ ኣይኮነን! ኣብ ውሽጢ መሳጊድናን ኣብያተ-ክርስትያናትናን ሰለይቲ እናኣዋፈረ ንዜጋታት ብዘይ ገበን ዝቕፍድ ዘሎ መን ድዩ? /ኣብ 2006 ዓ.ም. ቤተ-ክርስትያን ኣቡነ-ተክለ ሃይማኖት ሓዝሓዝ ኣኪባቶ ዝነበረት 600 ሽሕ ናቕፋ ናብ ህግደፍ ተረኪቡ/ ንምባእ ዝወስድ መንግስቲ ተሰሚዑ'ዶ ይፈልጥ ኢዩ? እንታይ ኢዩ ወሪዱና ዘሎ?

ኣብ ሕጊ እንዳባን ዘመናዊ ሕግታትን፣ ቅትለት ሰብ እቲ ዝዓበየ ገበን ኢዩ። ሰብ ዝቐተለ'ሞ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ንዝተፈልጠ ገበነኛ፣ 'ኦሮማይ ዓመታት ነዊሑ ኢዩ' ዝብል መመለሲ ሕጊ የለን። ገበን ከም ዝብላዕን ዝስተን ኣቕሓ መሸጣ መዓልቱ ኣሕሊፉ'ዩ /Expire/ ኮይኑ ተባሂሉ ኣይፈልጥን። ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ኣብ ስርዓት ሂትለር ገበነኛታት ንዝነበሩ ኣብ ዝርከቡሉ ዝነበሩ ዓመታት፣ 'ዋእ ሎሚስ ኣሪጎምን ቆሪቦምን ኢዮም' ኢሉ ሕብተረ-ሰብ ዓለም ኣይነሓፎምን።

ኣብ ገበናት ሩዋንዳን ዩጎዝላቭያ ነበርን በብዓመቱ ዝርከቡ ዘለዉ ገበነኛታት'ውን ኣብ ቅድሚ ዓይንና ናብ ሕጊ ይቐርቡ ኣለዉ። ኢሳይያስ'ውን ኢዱ ናብ ገበን ካብ  ዘእተወላ መዓልቲ ክሳብ ሎሚ ንዝፈጸሞም በደላት ደጊም ዝግበረሉ ይቕሬታ የለን። ከምቲ ስሎቦዳን ሚሎሶቪች ኣብ ዘ ሄግ ተፈሪዱ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንጀራ ዓለም ዝበልዕ ዝነበረ ዘይኮነስ፣ ኢሳይያስ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ዘይከም ደም ወዲ ዓፋ ኣብ ኣኻውሕ ጅግንነት፤ ኣብ ቅድሚ ሆጭ  ዝበለ መጋባእያ ህዝቢ ክፈስስ ኣለዎ። ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣነጻጺሩሉ ካብ ዘሎ 'ቀጭ-ሕርሙ' ከምልጥ ኣይክእልን ኢዩ። ጸጥታ…ሓለዋ…ስለያ…ክታብ /ሕጃብ/…ኣውልያን ጥንቆላን ወ.ዘ.ተ…ንዘለኣለም ዘንብር ሓጹር እንተዝኸውንሲ እቶም ዝነበሩ ነገስታትን ጻራትን ምሃለዉ።

'ቁርዲድ ኣለኹ እናበለ ምስ ቆርበት ይሸየጥ' ከም ዝበሃል ድማ፣ እዞም ሎሚ ከም ቃዕቃዕታ ምስ ኢሳይያስ ተሰሚሮም ዘለዉ ሰባት ሽዑ ኢዮም ክቕብጹ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲን መስዋእትን ግዜ ተሸጒጦም ዝነበሩ፣ ሎሚ ኣብ ግዜ ህግደፍ <<ሓድሽ ካምሻ ኤርትራዊ መንነት>> ዝለበሱ ካብ ዓይኒ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተኸወሉን። ምናልባት ኣብ ከምዚ ሎሚ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዝረአ ዘሎ ሕልኽላኻት፤ ኢሳይያስ ከም በዓል ቃዛፊን ካስትሮን ኣብ ስልጣን ዝጸንሕ ዝመስሎም፤ ወይ ከም በዓል ሸኽ ዛይድ እብን ሱልጣን ኣልናህያን ንኢማራት

ኣልዓረብ ኣልሙታሒዳ ምድረ-ገነት ዝገበሩወን፤ ኢሳይያስ ከኣ ብወርቂ፣ ኣልማዝን ነዳዲን ንኤርትራ ምድራዊት ገነት ዝገብራ ዝመስሎም ሰባት እንተልዮም፤ ቀትሪ ጸልሚትዎም ከም ዘሎ ጥራይ  ከዘኻኽሮም እደሊ።

እቲ ወርቂ…ኣልማዝን ነዳዲን ከኣ ናትና ናይዞም ብመቕዘፍቲ ኢሳይያስ ደበሳ ኢዮብ ክንድበስ እንጽበ ዘለና ደቂ ህዝቢ ኢዩ። እቲ ወርቂ ንዝተደርመመ ኣራእስ ኣዴታት ዝስልመሉ፣ ዝተሰደ ዝምለሰሉ፣ ዝዓነወት ኤርትራ ትህነጸሉ፣ ዩኒቨርሲቲን ኮለጃትን ዝዕምብባሉ፣ ዘይከም ላግጺ ሓወልቲ ሩስያዊ ፑሽኪን፤ ነባሪ ሓወልቲ ሰማእታት፣ ከም ወዲ ዓፋን ዓሰርተታት ኣሽሓት መቓብርቱን ዝስረሓሉ… ክኸውን'ምበር ኣብ ካዝና ኢሳይያስን ሓጎስ ክሻን ዝቕመጥ ኣይክኸውንን ኢዩ።

ኢብራሂም ዓፋ ኣብ ዝባን ዓጋመት ብኢሳይያስ ናይ ምቕንጻል ስጉምቲ ኣብ ዝተወስደሉ ግዜ ገለ ተጋደልቲ ሽዑ-ንሽዑ ዝፈለጡ ነይሮም። ገለ ድማ ድሕሪ ሓደ ዓመት…ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት፤ ገለ'ውን ብድሕሪ ናጽነት። ናይ ምቅዋም መንገዲ ኣይነበረን። ዝኸኣለ ክሳብ ራህዋ ዝመጽእ ትም! ዘይከኣለ ካብ ምጭናቕ ርእሰ-ቅትለት ወይ  ምህዳም መሪጹ።

በቲ ጨካን ስጉምቲ ኢሳይያስ ርእሰ-ቅትለት ዝፈጸሙ ተጋደልቲ ነይሮም። ዝሰንበዱ ገዳይምን ሓለፍቲን ዝነበሩ፣ሽዑ ካብ ሜዳ ዝሃደሙ ከኣ፤ ኣዛዚ ብርጌድ 23 ዝነበረ እድሪስ ብርይራይን ሓላፊ ክፍሊ ዕቃብ ብረት /ኤምዳድ/ ዝነበረ ተጋዳላይ ዑመር ስፋፍን ነይሮም። ዑመር ስፋፍ ቀልጢፉ ንሜዳ ተመሊሱ “ጌጋይ ኣሪመ ንመስዋእቲ ህዝበይን ሃገረይን ተመሊሰ ኣለኹ” ኢሉ ድሕሪ ንነብሱ ምንቃፍ፤ ከም ዕላምኡ ተሰዊኡ። ኣዛዚ ብርጌድ 23 ዝነበረ እድሪስ ብርይራይ ኣብ ግዜ ናጽነት ናብ ኤርትራ ኣትዩ'ኳ እንተነበረ፣ እንደገና ናብ ስደት ተመሊሱ ብሂወቱ ኣብ ኤውሮጳ ከም ዘሎ እሰምዕ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ እዋን ሓምሳታት ተረፍ-መረፍ ጻሕሊ እንዳማቶም ዘላምጹ ብዙሓት ዓቀይቶት ርእዩ ስለዝኾነ፤ በዞም ናይ ሎሚ ልቕብቃብ ሪኪያሞ ህግደፍ ዝተኸድኑ፤ ግሩሃት ሰባት ንከዘምብሉ ኣንጻር ማዕበል ዝጎዩ ዘለዉ ናይ ጥፍኣት ልኡኻት ኣይደናገርን ኢዩ። እቲ ካብ ግዜ ሰውራ ክሳብ ምቕፉድ ጉጅለ 15፣ ክሳብ ሎሚን በብግዚኡ ዝፈሰሰ ደም ጅግና፣ ንዕኦም ደም ከልቢ ስለዝኾነ ኢዮም ሎሚ ‘ሞትናን ልምዓትናን ምስ ኢሳይያስ’ ዝብሉና ዘለዉ። ጉዳይ ውልቀ-ምልካዊ ኢሳይያስ ኣብ ትዝክረሉ ግዜ፣ ካብቲ ዝሓዝካዮ ቀንዲ መንገዲ ናብ ሓያሎይ ጓል መንገዲ የእትወካ ኢዩ። ስለዚ ክቡራት ኣንበብቲ! ኣብ ገለ ክፋል ጽሑፈይ ንኣሸቱ ተመሳሰልቲ ፍጻሜታት እንተኣእተኹ፤ ናብቲ ቀንዲ ጉዳይ ጥራይ ንክትጥምቱ ደጊመ እላቦ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ቅንጸላ ኢብራሂም ዓፋ ንምትግባር እቲ ሽዑ ዝነበረ ሸብድ-በዳት ተዓዚብና። ኢሳይያስ ከምቲ ኣብርሃም ተወልደ ንምቕታል ስሚ ዘስቲ ሰብ ኣዋዲዱ ናብ ኣፈልባ /ኣባ ተክለሃይማኖት/ ዝገሸ፣ ኲናት ባድመ ንምውላዕ ናብ ሱዕድያ ዝኸደ፤ ኣብ ስርሒት ቅንጸላ ወዲ ዓፋ ድማ ነቲ ኩሉ ስራሓት ኣዋዲዱ ንካርቱም ኢዩ ዝተበገሰ። ፊሊጶስን ሓሊባይን ምስ ኦፐረተራቶም ምሸት ቶዮታ መኪና ናብ ጥቓ ሩባ ዓራግ፣ ከባቢ እግሪ ታባ ደብረ እበን /ሰሜናዊ ምብራቕ ካብ ገረግር/ ኣብጺሓቶም ከም ዝነበረት፣ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ከኣ ናብ ሓሊበት ተመሊሳ። ሎሚ እቲ ምላቐ ምስጢራት ምሉእ ፍጻሜን ንጹር ስእሊን ዝህብ'ኳ እንተዘይኮነ፣ እቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ቅትለት ወዲ ዓፋ ንምፍላዮም ግን ዘጸግም ኣይኮነን።

እዞም ክልተ ሓለፍቲ ብወገን ሰሜናዊ ምብራቕ ዝኸዱ ኣምሲሎም  ጸልማት ጉልባብ ገይሮም ደድሕሪ ኢብራሂም ናብ ዓጋመት ደይቦም ኢዮም። ኣብ ጥቓ ወዲ ዓፋ ዝነበሮ ኣድብዮም ከም ዝሓደሩ፣ ሳይለንሰር ምስ ዝዓጠቐ ረሸንቲ ጉጅለ ብኮድ ድሕሪ ምርኻቦም ከኣ፣ ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ንኢብራሂም ዓፋ፣ ሻምበል መብራህቱን ዮሴፍ ዝተባህለ ኣውቲስትኡን ምስኡ ደይቦም ዝነበሩ ኣባላቱን ቀተሉዎም።

ንእለት በዓል ፊሊጶስ ኣብ ጥቓ እቶም ረሸንቲ ኮይኖም ኣድራጋ ቶኽሲ እናተኮሱ ናብቲ ኲምራ ሬሳታት ተሓወሱ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዝገለጽኩዎ ከኣ፣ ዓላማይ ወዲ በላይ /ኢዱ ቆራጽ ተጋዳላይ/ ካብ ክፍሊ ታዕሊም ዘበገሶም ተጋደልቲን ካብ ምኽታት ግንባር ሓልሓል ዝተረፉ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዊናን ናብ ዝባን ዓጋመት ንረዳት ኣብ ዝጎይሉ ዝነበሩ ወጋሕታ፤ ኣብ መንገዲ ዝጸንሑም መስፍን ሓጎስ፦

“ተመለሱ ወላ ሓንቲ ነገር የለን። ገለ ውሑዳት ስለያ ኢየን ቶግ-ቶግ ኣቢለን ጸኒሐን። ግን ኲላተን ኣብኣ ተዛሕዚሐን ኢየን። ኪዱ ተመለሱ ኣመት ኣሃዱታትኩም ግበሩ” ኢሉ ከም ዝመለሶም ብሂወት ዘለዉ መሰኻኽር ኣለዉና፣ ጽባሕ ንግሆ ድማ ባዕሎም ክምስክሩ ኢዮም። ቅድሚ ሰሙን ኣብ ኢ-መይለይ ዝረኸብኩዎ ተወሳኺ

ናይ ዓይኒ ምስክር ድማ፣ ሓደ ሽዑ ከብዱ ተወጊኡ ንመዓናጥኡ ብጨርቂ ጀኒኑ ብስንባድ ናብ ክፍሊ ባህሊ ዓራግ ዝወረደ ተስፋኣለም ዝተባህለ ኣባል ክፍሊ ታዕሊም ተጋዳላይ ተራእዩ ነይሩ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ናበይ ከም ዘእተዉዎ ግን ዝፈለጠ ሰብ ኣይነበረን።

ነቲ ተዋስኦ ሓቀኛ ጉዳይ ከም ዝኾነ ንምምሳል ከኣ ቶኽሲ ክሳብ ፋዱስ ጸጺኒሑ ተሰምዐ። እቲ ዝወፈረ ኣሃዱ ስለያ ጸላኢ እንተድኣ ነይሩ፣ ቶኽሲ ከኣ ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ተኸፊቱ። ‘’ኩላተን እተን ንስለያ ዝወፈራ ተቐቲለን ኢየን’’ ተባሂሉ ተዘሪቡስ፣ ስለምንታይ ደኣ “ተቐቲለን” እንተኾይነን ቶኽሲ ክሳብ ፋዱስ? ናይ ዓወት ቶኽሲ ኢዩ ክትኮስ ዘርፈደ ከይንብሎ፣ ህዝባዊ ግንባር ኣይሸንኳይዶ ንሓደ ጉጅለ ስለያ ደምሲሱ፣ ንዝኾነ ወተሃደራዊ ዓወት’ውን ቃሕ ከም ዝበሎ ጠያይት ንሰማይ ተኩሱ ኣይፈልጥን ኢዩ።

ኣብ ስልቲ ወተሃደራዊ ስለያ፣ ዝኾነ ብለይቲ ዝወፍር ኣጥቃዒ ብጸልማት ኣጥቂዑ መሬት ቅድሚ ምብርሁ ናይ ግድን ናብ ደጀኑ ክበጽሕ ነይሩዎ። ስለያ ጸላኢ ክሳብ መሬት ዝበርህ ኣብ ዝባን ዓጋመት ኳሕ-ገም ከብል እንተውዒሉ ግን ባዕሉ ንሞት ተፈሪዱ ምባል ይሓይሽ።

መስፍን ሓጎስ ብዱሮ ካብ ዓንበርቦብ ናብ ዓራግ ምስ ወዲ ዓፋ ብዝነበሮ ቆጸራ ንምሕዳር ከም ዝኸደ፣ ደሓር “ፊሊጶስ ናይ ግድን ምሳይ ሕደር ስለዝበለኒ…” ኢሉ ምስ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ  ምሕዳሩ፤ ቶኽሲ ኣብ ዝባን ጎቦ ዓጋመት ተሰሚዑ ተጋደልቲ ንረዳት ኣብ ዝጎዩሉ ዝነበሩ ግዜ ድማ ኣብ መንገዲ ዓጋመት ጸኒሑ “ተመለሱ ወላ ሓንቲ ነገር የለን” ኢሉ ምምላሱን ዝተሓላለኸ ኣጋጣሚታት ኢዩ። ብኸመይ ኢዩ ኪገጣጠም ከኣ ንኣንባቢ እገድፎ።

ተጋዳላይ መስፍን ኣብ 2001 ካብ ኣስመራ ምስ ወጸ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ብዛዕባ መስዋእቲ ኢብራሂም ዓፋ ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፦- ‘’ምስ ኢብራሂም ንክንራኸብ ቆጸራ ነይሩና ኢዩ፣ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ተሰዊኡ’’ ኢሉ ነይሩ። ስለዚ ገለ ንእሽቶ ካብቲ ዓቢ ምስጢር ወዲ ዓፋ ከምዚ ኣብ ክልተ ክፋላት ቀሪቡ ዘሎ ይመስል። ‘ሰብ ይሕመ ዕባራ ይግመ’ ከም ዝበሃል ከኣ፤ ካብቲ ናይዞም ሓለፍቲ ዝነበረ ወዛሕዛሕ /ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፣ መስፍን ሓጎስ፣ ኢዮብ ሓሊባይ/ መን እንታይ ዓይነት ተራ ነይሩዎ ንምፍላጥ ዘጸግም ኣይኮነን።

“እሕሕሕ! ዘይተሰርነቐ ይኽእላ” ከም ዝበሃል፣ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ብሰናፍጭ ህዝቢ ኤርትራ ከይተሰርነቕካ እንከለኻ፣ ን5 ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ትኽሕሰሉ ሰዓት ሎሚ ይኹን። ናብ ሜዳ ኤርትራ ግዜ ደርሆ-ነቆ ስለዝወጻእካ፤ ኣብ ዝሓለፈ ናይ በረኻ ቅንጸላ ኣሽሓት ዜጋታት ኤርትራውያን ምስ ኢሳይያስ ቀንጻሊ ኔርካ ወይ ድማ ሎሚ ቀንጻልቲ ንዝነበሩ ንገር። ሳልሳይ መንገዲ የለን!

“ኣንቱም ተባሂልካ፣ ኣንታ ምባል እታ ካብ ኩላ ዝጸልኣ ኢያ” በለ ኣንበሳ ከም ዝበሃል፤ ኣብቲ እምባ መግዛእቲ ብኳዕናኑ ዝነበረሉ ግዜ፣ ንግንባር ናቕፋ መሪሕካ ክሳድ ዓዲ-ሽሩም ከም ስርኤል ቀትሪ ዝተራኣኻ ኣቶ መስፍን፣ ሎሚ እነሆ ዓቢ ታሪኻዊ ብድሆ ኣብ ቅድሜኻ ተኺዕኒኑ ኣሎ። ተመለስ’ሞ ንድሕሪት! ኣብ 1994 ኣብ ናቕፋ ኣብ ዝተገብረ 3ይ ውድባዊ ጉባአ ህዝባዊ ግንባር ብዝረኸብካዮ ድምጺ’ዶ ኣይኮነን ‘ኢሳይያስ ተዓዊቱ’ ዝብል መናፍሕ ዝተሰምዐ።

ዘይንፈልጦ ከይመስለካ ንኢሳይያስ በዓል ዓቢ ውዕለቱ ኢኻ’ኮ! ካብ 1971 ክሳብ ምርጫ ጉባአ ናቕፋ ዝነበረ ድጉል ሕሽኽኒ-ክሓከካ’ውን መቓብሩ ዓሚቑ ኣይኮነን። ንኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ባዕሉ ኢሳይያስ ከም ዋዛ ኣብ ዋዕላ ባሊኔኪ “ስልጣን ንሓድሽ ወለዶ ከነረክብ ኣሎና፣ ንሕና እዞም ኣረግቶት ይኣኽለና ንተኣለየሎም… ሕጂ ፈጻሚት ሽማግለ ዝኾኑ እገላ…እገላ” ክብል ከሎ፣ ኔርካ’ዶ ኣቶ መስፍን? ደሓር ደኣ ናብ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍ ስለምንታይ ካብ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ነበር ንዓኻ ጥራይ መሪጹ ባዕሉ ድማ ፕረዚደንት ኮይኑ ኢሳይያስ? ስለዚ እሕሕሕ! በል። ኣይፋል እንተበልካ ከኣ እታ ኩላትና እንጽበያ ዘለና ጉዕዞኻ ናብ ኣስመራ ኣይትደንጉ።

‘ኣለና’ ብዛዕባ ኣወጻጽኣኻ ዝፈልጦ ምስጢር’ውን ኣሎ። ቅድሚ ምውጻእካ ዝነበራ ሰለስተ ለይትታት፤ ካብ ሰዓት 02:00 ክሳብ ወጋሕታ ሰዓት 04:00 ኣበይ ኔርካ? ዝግ ኢልካ ናብ ድሕሪት፣ ኣስመራ ተመለስ! ሎሚ ነዚ ድኩቱ ዝሰተየ ህዝቢ ኤርትራ ዝኽሕሶ’ምበር ዝጻወተሉ ኣየድልን ኢዩ። ይኣክል ላግጺ! ‘ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት’ ንዘለኣለም ዝነብር ምሕዝነት ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 40 ዓመታት ጉዕዞ ኢሳይያስ፣ ወላ ሓንቲ

ኣጸብዕቱ'ውን ናብ ደም ዝኣለኸ ሰብ ብደቂቕ ሕሳብ ክጸባጸቦ ምድላዋቱ ከጻፍፍ ኣለዎ። ግዜ ምጽብጻብ ይቀራረብ ኣሎ።

ክቡራት ኤርትራውያን! ብዛዕባ ሜ/ጀ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ክጸሓፍ ኢዩ። ጉዳይ ኢዮብ ሓሊባይ ንምንጽጻር ግን ኣብቲ ብጉዳይ ብልሽውና ተኣሲሩሉ ዝነበረ ግዜ፣ ኢሳይያስ ኣብ ሲነማ ካፒቶል ተኣኪቡ ንዝነበረ ህዝቢ ከምዚ ክብል ከይተፈለጦ ንእሽቶ ምስጢር ኣምሊቑ ነይሩ፦ <u>"...በዓል ሓሊባይ! እቶም ቀንዲ የማናይ ኢድና ዝነበሩ ናብ ብልሽውና ክኣትዉ...ዘገርም ኢዩ"</u>

ምስጢር ንክልተ-ሰለስተ ዕቑድ'ምበር /ዕስራ-ሰላሳ ዓመታት/ ንዘለኣለም ተቐቢሩ ኣይተርፍን ኢዩ። ስለዚ ነዚ ጀሚረዮ ዘለኹ መኸፈቲ ቅቡር ምስጢራት፣ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ገዳይም ተጋደልቲ... ካድራትን ዝለዓለ ሓላፍነት ዝነበሮምን ብዙሓት ሰባት ኣብ ስደት ኣለዉ። ነቲ ብሰንኪ ኢሳይያስ ዚዘርኦ ክርዳድ ከም ሰኽራም ኣንፈቱ ስሒቱ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘዝፈልጥዎ ክጽሕፉ ጀሚሮም ኣለዉ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ታሪኽ ንምስናድ ርሳሱ ዘብልሕ ሰብ ኣየድልን ኢዩ። እቲ ምንታይ፣ ሽዑ እቲ ተካል መጋብር ዝሓዘ ሰነዳት ኣብ ገዛ ኢሳይያስ ክንረኽቦ ስለዝኾንና።

ኢሳይያስ ዝኾነ ምስጢር ዝፈልጥ ሰብ ብሂወት ክነብር ኣይደሊን ኢዩ። ግን ዝተረፈኒ ሰብ የለን እናበለ <<ኣለና>> ኢልናዮ። ከምቲ ኣብ መጥቃዕቲ ተስፋምህረት፣ ነቲ ባዕሉ ድርብ ስለያ ገይሩ ዝለኣኾ ተኪኤ /ሸፍታ/ ብድሕሪ ምቕታል ናይቲ ዝደለዮ ሰብ፤ ''ነቲ ከዳዕ ተኪኤ ናብ ሓደ ስንጭሮ ወሲድካ ኣካርጆ" ዝበሎ፣ እቶም ኣብ ምቕንጻል ወዲ ዓፋ ዝተሳተፉ ተጋደልቲ'ውን ሽዑ ንሽዑ ኢዮም ተረሺኖም። ክንደይ ኢዮም...በዓል መን ኢዮም ነይሮም... መን'ከ ረሺኖም... ኣበየናይ ቦታ፣ ስለምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ብመዓልቶም ክምለሱ ምኺኖም እኣምን።

ኣብዚ ክለዓል ዝግበኦ ሕቶ ግን፣ ስለምንታይ ኢዩ ኢሳይያስ ታሪኹ ብቕንጸላ ዝተመልአ ኮይኑ? ካብ 1970 በብዓመቱ ሰባት እናኣሕነነ ብዙሓት ዘይተዘርበሎም ንጹሃት ተጋደልቲ ተረሺኖም ኢዮም። ከም በዓል ገብረጻድቕ ጓንጉል፣ ኪዳነ ጅኑቢ /ኣብ ውግእ ሓድሕድ/ ወ.ዘ.ተ. መን ዘኪሩዎም ይፈልጥ? ሎሚ ምስ ጉዳያት 'መንካዕ'፣ 'የሚን'፣ ጉጅለ 15፣ ኣነጻጺርና ኣብ እንግምግመሉ ግዜ፤ ከምኡ'ውን ኣብ መንንኡን ኣብ መንን ኢብራሂም ዓፋን ካብ መጀመርያ ሰብዓታት ዝነበረ ዝምድና ኣብ እንምርምረሉ፤ እዚ ሰብ'ዚ ሓደ ክበጽሖ ዝደለዮ ገና ኣጸቢቑ ዘይተጋህደ ድጉል ኣጀንዳ ስለዘለዎ ጥራይ ምኺኑ ብንጹር በሪሁ ኣሎ።

ሜ/ጀ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብቲ ብ1993 ብዛዕባ ጉዳይ 'ምሕቃቕ ሰልፊ' ኣብ ባሊኔኪ /ከባቢ ዓዲ ኣበይቶ/ ዝተገብረ ኢሳይያስ ዘማእከሎ ዓቢ ኣኼባ፤ ኣብ ዝተገብረ ክትዕ ንሜ/ጀ ተኽላይ ሃብተስላሰን ሜ/ጀ ሃይለ ሳሙኤልን /ቻይና/ "...ንስኹም ሓሰውቲ ኮራኹር ኢኹም" ክብል ዓው ኢሉ ጸሪፉዎም ኢዩ። ፊሊጶስ ቅድሚ 1985 ኣብ ብዙሓት ኣኼባታት ምስ ኢሳይያስ ይተሃላለኽ ነይሩ ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ዜሮ /ከባቢ እግሪ ጎቦ ዛግረ/ ብኢሳይያስ ዝተገብረ ናይ ሓለፍቲ ኣኼባ "...ኣነን ንስኻን ኣጸቢቕና ንፋለጥ ኢና። ስለዚ ኣብዚ ግንባር መጺእካ ኣብ ክንዲ ትወራዘ ኪድ ኣብ ቤት ጽሕፈትካ ዘሎ ግዕዘይ ኣጸራሪ...ይኣኽለካ! ኣብ ኲናት እፈልጠካ'የ ኣብ ሰላም ከኣ እፈልጠካ'የ" ኢሉ ብድፍረት ተዛሪቡዎ ነይሩ ኢዩ። ብድሕሪ'ቲ ኣኼባ'ውን "...ኣቦታቱ ናይ ኣቦታትና ኣባቕል ይሕልዉ ነይሮምሲ ግዜ ሂቡዎ ይእዝዘና ኣሎ" እናበለ ይዝልፎ ነበረ።

ኢሳይያስ ንኢብራሂም ዓፋ ክቕንጽሉ ዝኽእል፣ ከምኡ'ውን ንድሕረ-ባይታኡ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ሓደ ተባዕ ሰብ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ጥራይ ምንባሩ ኣይሰሓቶን። ክሳብ ንፊሊጶስን ካልኦትን በብመዓልቶም ዘረኻኽበሎም፣ እቲ ኣፈርኪቡ ዝነበረ ጉዳይ ምቕንጻል ወዲ ዓፋ ስለዝነበረ ግን፣ ብረብሓ ገንዘብን ሽሕጣን ንስልጣንን ናይ ግድን ንፊሊጶስ ክሕዝ ነይሩዎ። ስለዚ እታ ንክልቲኦም ዘተኣሳሰረት ጉዳይ ድራማ ቕንጸላ ወዲ ዓፋ ኢያ ዝነበረት። ቀንዲ ተሓባባራይ ፊሊጶስ የድልዮ ስለዝነበረ ከኣ፣ መን'ዩ ዓርኩን ኣማኒኡን ሰብ ክደሊ ግድነት ኮነ። ሎሚ ካብ ዘለዉ ወተሃደራዊ ኣዘዝቲ ኢሳይያስ፣ ካብ ግዜ ሰብዓታት ክሳብ 2001 ቀንዲ ዓርኪ ፊሊጶስ ዝነበረ ድማ ዝለዓለ ወተሃደራዊ ሓላፊ ዝነበረ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ኢዩ።

ካብ ኣርእስትና መታን ከይንእለ፣ ብዛዕባ ፍሉይ ዕርክነት ኢሳይያስን ፊሊጶስን፤ ካብ 1985 ክሳብ 'ወፍሪ ኣሶሳ' ጥሪ 1990፤ ክሳብ ግዜ ናጽነትን ምብራዕ ኲናት ባድመ ግንቦት 1998፤ ክሳብ ጉዳይ ፍቕረን ሳምሶን ወዲ

ቀሺን መስከረም 2007፤ ሎሚ ከም ምክትል ኢሳይያስ ኮይኑ ናብ ዝኾነ ሚኒስትሪ ወይ ኣሃዱ ኢዱ እናኣእተወ ቃሕ ከም ዝበሎ ዝገብረሉ ዘሎ ግዜን፤ ኣብ ዝመጽእ ክፋላት ክቐርቦ እየ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ኢሳይያስ ካብ ፍልሙ ዝተለሞ ዘርኢ ክርዳድ፣ ዝበሃን ስርናይ ክምገብ ኣይከኣለን። ሎሚ ህዝብና ስርናይ ኢዩ ዝበልዕ ዘሎ ዝብሉ ሰባት ሰሚዐ። እምበር’ዶ ኤርትራዊ ደም ኣለዎም? ህዝቢ ኤርትራ ስርናይን ክርዳድን እንተተቐሪቡሉ ነየናይ ኢዩ ክመርጽ ኣብ ክንዲ ምባል፤ ነታ ሳዕሪን ዓንዴልን ፈላልያ ትፈልጥ ጤል ምውካስ ይሓይሽ።

ኣብ መንጎ ኢሳይያስን ኢብራሂምን ዝነበረ ዘይምርድዳእ፣ ካብ ግዜ ቀዳማይን ካልኣይን ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት /1971/ ዝጀመረ ምንባሩ ኩሉ ገዲም ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ስለዚ ሓደ ካብቶም ኢሳይያስ መዓልቲ ዝጽበየሎም ዝነበሩ መሪሕነት ኢብራሂም ዓፋ ኢዩ ዝነበረ። ኢብራሂም ብወተሃደራዊ ክእለት ልዕሊ ኢሳይያስ’ምበር ትሕቲኡ ኣይነበረን። እዚኣ ከኣ እታ ሕማም መርዙ ንኢሳይያስ ዝነበረት ኢያ። ኣብቲ ክልተ ክፋላት ህዝባዊ ሓይልታት ነንበይነን ዝነበራሉ እዋን፣ ኢብራሂም ዓፋ፡- “እዚ መስፍን ሓጎስ ተኣሲሩ ክምርመር ኣለዎ” ኢሉ ነይሩ ይበሃል።

ምኽንያቱ መስፍን፣ ኣብ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ምስ 1) ሮሞዳን መሓመድ ኑር 2) መሓመድ ዓሊ ዑማሮ 3) መሓመድ ዑመር ዓብደላ 4) ዓሊ መሓመድ ዑስማን 5) መሓሪ ደበሳይ ወ.ዘ.ተ... መሪሕነት ተመሪጹ እንከሎ፤ ብቐትሪ ምስ ቀዳማይ ወገን፣ ብለይቲ ከኣ ናብ ካልኣይ ወገን እናኸደ ምስ ኢሳይያስ ምስጢራዊ ርክባት ይገብር ስለዝነበረ ኢዩ ወዲ ዓፋ ‘ምስጢራት ውድብ የበጻጽሕ ስለዘሎ ይመርመር’ ዝበለ።

ኣብ 1967 ዓ.ም. ካብ ሓይሊ ባሕሪ ባጽዕ ዝተሰለፈ ኢብራሂም፤ ኢሳይያስ ንስልጠና ብ1967 ናብ ቻይና ምስ ከደ፤ ንሱ’ውን ብ1968 ዓ.ም. ናብ ኩባ ተላኢኹ ነበረ። ኣብቲ ካብ 70ታት ክሳብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባአ /1977/ ዓ.ም. ዝነበረ እዋን ሓሓሊፉ ኣብ መንጎኦም ዘይምርድዳእ ከም ዝነበረ ኩሉ ገዲም ተጋዳላይ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ኢብራሂም ኣብ ኲናት መራሒ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ተባዕ ተዋጋኣይ ምንባሩ ከኣ ንዝና ኢሳይያስ ዝቆራቖስ ኮይኑ ይረኣዮ ስለዝነበረ፤ ፈጺሙ ኣየደቀሶን።

ኢብራሂም ዓፋ ኣብ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ ዝነበረ። እንተኾነ ምስ ኢሳይያስ ካብ ዝተራኸበሉ ግዜ ንደሓር፣ ስሑዕን ተበላጺን ምንባሩ ኣይሰሓቶን። በቲ ናብ ኣኼባታት እምባህራን ተኸሊን ዘቕርቦ ዝነበረ ተበላጺ ተሳትፎ ድማ ይቕበሎ ኣይነበረን። ጉዳይ መስዋእቲ ኣብርሃም ተወልደን ርክብ ኢሳይያስ ምስ ሲ.ኣይ.ኤ. ኣብ ቃንው’ውን ይሕመ ስለዝነበረ፤ ኢሳይያስ ብኢብራሂም ዓፋ ቅቡል ኣይነበረን። ስለዚ ካብ ግዜ ምጅማር ሰብዓታት ክልቲኦም በብውሽጦም ተፋሊጦም ኢዮም። ሰባት ምንጻል ቀንዲ ስርሑ ገይሩ ዝዓዱ ኢሳይያስ ኣብቲ ግዜ’ቲ ገና ክልቲኡ ሓይልታት ከይተወሃሃደ እንከሎ’ውን ኣንጻር ወዲ ዓፋ፡- “...ቀዳማይ ወገን ብረት ንክህቡና ወሲኖም ነይሮን ኢቶም። ኢብራሂም ዓፋ ግን ተቓዊሙና፣ ስለዚ ኣብ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ሓደ ጸላኢ ከም ዘለና ተረዲእና ኣለና” እናበለ ጸለመታት የካይድ ነበረ።

ቅድሚ 1ይ ውድባዊ ጉባአ ኣብ ዞባ ደቡብ ዝነበረ ኣቀዋውማ ሓይልታት ህ.ግንባር፤ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 5 ኢብራሂም ዓፋ፣ ኮሚሽነሩ ከኣ ዶ/ር ኢዮብ ገብረልኡል፤ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 4 ድማ ወልደንኪኤል ሃይለ ናይ ፖለቲካ ኮሚሳር ከኣ በራኺ ገብረስላሴ ነበሩ። ኣንጻር ጸላኢ ይካየዱ ኣብ ዝነበሩ ውግኣት፣ ዓበይቲ ዓወታት ይሕፈሱሉ ኣብ ዝነበረ ግዜን ዝና ወዲ ዓፋ መመሊሱ ይድይብ ነበረ። ኣብቲ ብወርሒ ጥሪ 1977 ዝተገብረ 1ይ ውድባዊ ጉባአ ከኣ ኢብራሂም ዓፋ፣ ኣባል ፖለቲካዊ ቤ/ጽ ኮይኑ ክምረጽ እንከሎ፣ መራሒ ቦጦሎኒ 4 ዝነበረ ተጋዳላይ ወልደንኪኤል ሃይለ ግን ‘ደጋፊ መንካዕ’ዩ’ ብዝብል ክሲ ኢሳይያስ፣ ናብ ጉባአ ኣይተሳተፈን።

እቲ ጠንቂ ዘይምስታፍ ወዲ ሃይለ ድማ፣ ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዝነበሮ ሓርፋፍ ዝምድና ዝተበገሰ ኮይኑ፣ ቀንዲ ጸብጻባት ወዲ ሃይለ ናብ ኢሳይያስ ዘመሓላልፍ ዝነበረን ከኣ ሓላፊ ናይተን ክልተ ቦጦሎኒታት ደቡብ ዝነበረ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ነበረ። መስፍንን ኢሳይያስን፣ እቶም ክልተ ቀዳሞት ሰልፊ /ኤርትራዊ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ/ *(Eritrean Peoples’ Revolutionary Party)* ዝመስረቱ ሰባት ኢዮም። ንኢሳይያስን ምስጢራቱን ከም ሕንጻጸት ኣጻብዕቲ ኢዱ ዝፈልጦ ብህይወት ዘሎ ሰብ፣ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ኢዩ። ኣቶ መስፍን ነቲ ካብ 1970 ክሳብ 2001 ዓ.ም. ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዝፈጸሞ ገበናት

እንተዝነግረና፤ ነድሪ ህዝቢ ኤርትራ ከም ማዕበል ሱናሚ ንዓለም መናወጸ። እነሆ ሕጂ'ውን እቲ ካሕሳ ዝጽበ ዘሎ ህዝቢ ኣፉ ከፊቱ ድምጺ ንክሰምዕ የንባሁቕ ኣሎ።

ክቡራንን ክቡራትን! ተዋስኦ ቅንጻላ ወዲ ዓፋ ኣብዚ ይድምደም። ተወሳኺ ሓበሬታ ዘለኩም ዜጋታት በብመንገድኹም ናብ ህዝቢ ክትዝርግሑ እላቦ። ኣብ ዝቕጽል ክፋል፣ ቅንጸላ ኢብራሂም ዓፋ፣ ንሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ዝፈጠረሉ ሓለፋን ድርብ ስልጣንን ክንርኢ ኢና። ናባይ እትጽሕፍዎ መአረምታ፣ ተወሳኺ ወይ ምኽሪ ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻይ ንክትሕብሩኒ ብትሕትና አዘኻኽር።

alenakoena@gmail.com

ክሳብ ዳሕራይ ርክብና ሰላም

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ታሽዓይ ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 12 NOVEMBER 2010 07:42







ብ 1991 ጋማ ናጽነት ክትኣስር፣ ኣኽሊል ሓርነት ክትጉምጎም ዝተጸበናያ ኤርትራ፣ ብሰንኪ ሕዱር ሕማም ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ን20 ዓመታት ክርዳድ ፈርያ። ህዝቢ ኤርትራ ንዕስራ ዓመታት ብክንቱ መብጽዓታት ንክንባሁቕ ተገዲዱ።

ዕስራ ዓመታት ሓሶት፣ ከንቱ ጃህራ፣ ኲናትን ጥፍጅክኣትን። ሺሻይና ቀሪባ ኢያ፣ ወርቂ ክንሓፍስ ኢና፣ ጽባሕ ገዓት ጠስሚ ከብልዓኩም እየ ወ.ዘ.ተ…ኣብዚ ዕስራ ዓመታት ግን ክንደይ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብህግደፍ ሞይቱ…ተኣሲሩ…ተሰዲዱ…ጠፊኡ ኣሎ? ኣብዘን ዝሓለፋ ዕስራ ዓመታት መልክዕ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ'ዛ እንነብረላ ግሎብ እንታይ ይመስል ኣሎ? ኣበይ ኣተዋ እተን ልዕሊ ዕስራ ዝኾና ፋብሪካታት ኤርትራ? ስለምንታይ ኣብዘን ዕስራ ዓመታት ሃገርና ናይ ድሕሪት ማርሻ ኣእትያ ንድሕሪት ጥራይ ከተኹድድ ተገዲዳ ኤርትራ? ወራር ናብ ባድመ…ጂቡቲ ስለምንታይ? ስለምንታይ ንጉዳይካ ዓጺፍካ ናብ ሎቓታ፣ ንጉዳይ ሶማል ድማ ርእሰ-ዓንቀጽ? ስለምንታይ ሓሶት ወራር ጂቡቲ…እንደገና ከኣ ወግዓዊ ምዝላቕ? ኣብዚ ቀረባ ግዜ'ውን መስደምማት ተዋስኦ ክንርኢ ኢና።

ናብ ኣስመራ ዝኣትዉ ገዳይም ተቓወምቲ…ሕሹኽሹኻት ይስማዕ ኣሎ። ምምላስ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ! ኣምባሳደር ኤርትራ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝብል ዜና ክንሰምዕ ኢና! ስለምንታይ ኢና ንሕና ኤርትራውያን ሃገርና እናበረሰትን ህዝብና መሃነኑ እናጠፍአን ትምምምም! ስለምንታይ ኢና ካብቲ ውዲት ህግደፍ ምፍልላይ ብኣውራጃ፣ ሃይማኖት…ወ.ዘ.ተ ክንገላገል ዘይከኣልና።

ድባሕ! ጻማከ ለከንቱ ኤሳው… ዝተባህለ ከምዚ'ዩ። እንቋዕ'ቶም ምስ ንጹር ዕላማን እምነትን ዝተሰውኡ ፋኖታት ኣይትንስኡ! እንቋዕ እተን ኣብ ክንዲ ጀላቶን ብርቱኻንን፣ ስለ ናጽነትን ፍትሕን ክብላ ከም ህበይ ጓል በረኻ ፍረ ጋባን ቃርዲዶን እናሸምጠጣ፤ ዕድመ ንእስነተን ኣብ ጸምጸም በረኻታት ዘሕለፍኦ ዋዕሮታት ኣሓትና፣

ኣብ ዝባን ታንክታት ደይበን ዝድብላ ደቂ ኤርትራ ነዚ ሕሰም ተንሲአን ኣይርእየኦ። ስለምንታይ ዓለም ገፉሓ ክነሳ፣ ምጾታት ግን ጎረቤት ኤርትራውያን ኮይና?

እቶም ኣብ ጎላጉል ባርካ…ዝባን ደንደን…ሩባ ማይ ክላሽን…ዕርዲ ወርጨጋን ሩባ-ደብረሳላን…ዝባን ኩበይን ግንባር ጊንዳዕን…ኣብ ረመጨት ጓህሪ ሳሊና ዝሓረሩ…ካብ ኩለን ብሄራትናን ሃይማኖትናን ስለ ናጽነትን ሓርነትን ዝተወፈዩ… 33 ነፈርቲ ኲናት ኣብ ሰምበል ኣንዲዱ ኣብ ማእከል ጸላእቱ ዝተሰውአ መብራህቱ /ወዲ ረጋሒት/… ክሳድ ዓዲ ሽሩም ኣብ ክንዲ ቋሕ-ሰም ዘይኣክል ግዜ ብመድፍዕ ታንኩ ዝለኮተ ወዲ ባሻይ…ንመንገዲ ስጋለት ቀጣን በቲኾም ንስርሒት ፈንቅል ወርቂ ዋንጫ ዘጨበጡና ታንከኛታት ማጉላን የማነ ፍስሓጽዮንን…ኣሽሓት ካልኦት ደቂ ህዝቢን ከም ወዝቢ እንተዝቕልቀሉስ እንታይ'ኮን ምበሉ? ዳሕራይ ደኣ ይጽወዮ ይኸውን'ምበር ዘርዚርካ ዝውዳእ'ኮ ኣይኮነን።

ከመይ ቀኒኹም ክቡራት ተኸታተልቲ 'ትልሚ: ንዘርኢ ክርዳድ'፣ ብመጀመርታ ንኩሉኹም ናይ መኣረምታ፣ ምትብባዕን ደገፍን ኢ-መይል ዝሰደድኩምለይ ደጊመ ኣመስግን። ብፍላይ ከኣ ኢሳይያስ ንተጋዳላይ ኣብርሃም ተወልደ ንምቕታል /ንምስማም/ ዝተኸተሎ ኣገባብ ዝምልከት ዝሰደድኩምለይ ሃናጺን ሓቀኛን መኣረምታ ብልቢ የመስግነኩም። ገለ ሰባት "…ናይ በዓል እገለ'ኸ ኣይግለጽን ዲዩ? ኣብ ከምዚ ዓ.ም. ዝነበረ ፍጻሜ ተሰጊሩ ኣሎ፣…ዝዓበየ ጉዳይ ተረሲዑ ከይከውን እስከፍ…ወ.ዘ.ተ…" ዝብሉ ሓበሬታታትን ለበዋታትን ጽሒፎም።

ብዙሓት ኣማውትኦም ዘይተፈልጠ ተጋደልቲ ጠፊኦም ኢዮም። ትንሳኤ ናይቶም ኣብ ግዜ ቃልሲን ብድሕሪ ናጽነትን ብኢሳይያስን ዓፋኒ ጭፍርኡን ዝተቐንጸሉ ገና ዘይተዘርበሎም ክገሃድ እንተኾይኑ ከኣ፤ እቶም ዘለና ታሪኾም ንተንትኖ። ሓደ ተኸታታሊ ጽሑፍ ክሳብ 'ናይ መወዳእታ ክፋል' ኢሉ ጽሑፉ ዝድምድም ዝግ ኢልካ ምጽባይ ይምረጽ። ምስጢራት ኢሳይያስ ኢልና ኣብ እንዛረበሉ ግዜ ግን፣ ኣይኮነን'ዶ እቶም ቋንቋናን ባህልናን ዘይፈልጡ ህዝቢ ዓለም፤ ንሕና'ውን ንምእማኑ ዘጸግመና ተግባራት ኢሳይያስ ክንሰምዕ ኢና። ግን ሎሚ ህሉዋት ስለዝኾንና፣ ብደሞም መርድእ ንኢሳይያስ ዝኾና ታሪኽ ንጽሕፍ ኣለና።

ሎሚ ኢሳይያስን ኢደ-በይዝኡ ዝነበሩን ገና ናብ ቤት ፍርዲ ክይቀረቡ እንከለዉ ንገበናቶም የንብብዎ ኣለዉ። በየናይ ዓንቀጽን ንኡስ ዓንቀጽን ከም ዝኽሰሱን፤ ፍዳ ናይቲ ዝወሓዘ ንጹህ ደም እንታይ ፍርዲ ይጽበዮም ከም ዘሎን ፈሊጦሞ ኣለዉ። ጽባሕ ንግሆ ኣብ ዝኽፈት መገባእያ ድማ ምስ ዶኩመንትና መሰኻኽር ኣለና። መሰኻኽር ገና ክውሰኹ ኢዮም። ዓሰርተታት ጥራይ ዘይኮኑስ ካብ መጀርያ ሰብዓታት ክሳብ ሎሚ ኣሽሓት መሰኻኽር ኣለዉና።

ኢሳይያስ ነቲ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ ጽሉል ሓዉ ኣማኑኤል ኣፈወርቂ፣ ኣብ ሲቲ ፓርክ ኮይኑ "…ኡይይይ! ህዝቢ ኤርትራ ትጠፍእ ኣለኻ። ኢሳይያስ ሓወይ በብሓደ ክቐርድደኩም ኢዩ። እቶም ብሂወት ዝተረፍኩም ድማ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ከማይ ክትጽለሉ ኢኹም…ኡይይይ" እናበለ ክዛረብ ንሰምዖ ኔርና። ምስ ዶክተር ሃይለ ምሕጹን ብምምሻጣር ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ከም ዝቐተሎ ሽዑ ሕሹኽታ ወረታት (03 ተባሂሉ ዝግለጽ) ሰሚዕና። ነዚ መን ይኣምኖ? ንሓዉ ዝቐትል እንስሳ'ውን ኣይሰማዕናን።

እምበኣርከስ በብቑሩብ ካብዚ ዝኸብድ'ውን ክንሰምዕ ስለዝኾንና፤ ንኣተሓሳስባና ከፊትናዮ ክንጸንሕ ኣዘኻኽር። ኣማኑኤል ኣፈወርቂ ኣብ 1977 ንሜዳ ወጺኡ ምስ ኩላቶም ኣሕዋቱ /ኢሳይያስ፣ ዮናስ፣ ጴጥሮስ፣ ጽገረዳ ወ.ዘ.ተ…/ ንክጋደል'ኳ ወሲኑ እንተነበረ፣ ብምኽንያት ስነ-ኣእምራዊ ጸገም ቅድሚ ናጽነት ካብ ሜዳ ናብ ኣስመራ ኣትዩ። ደርግ ንሒደት ሰሙናት ጥራይ ኢዩ ዝኣሰሮ። ናይ ኣእምሮ ጸገም ከም ዘለዎ ምስ ኣረጋገጸ ከኣ ብናጻ ክነብር ገዲፍዎ። ደርግ ንኣማኑኤል ሓው ኢሳይያስ ምዃኑ እናፈለጠ ብናጻ ንክነብር ዝገደፎ ኣማኑኤል ግን ብሓዉ ተፈርደ።

ስለዚ 'ምስጢራት ኢሳይያስ' ኢልካ ኣብ ትዛረበሉ ግዜ ብሓደ ዓመትን ብሓደ ሰብን ጥራይ ክጸሓፍ ኢዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ንገለ ምስጢራት ኢሳይያስ፣ ንጹር ስእሊ ስርዓት ህግደፍን ቅድድም ንዶላር ጀነራላትን ንምንባብ ድማ ኣብታ ኣብ ቀረባ ግዜ እትዝርጋሕ፣ 606 ገጻትን 22 ምዕራፋትን ዝሓዘት መጽሓፍ <u>"ትልሚ፣ ንዘርኢ ክርዳድ"</u> የራኽበና። ምስጢራት ኢሳይያስ ክሳብ ምስ ብዙሓት ሰባት ኢደይ ኢድካ ኢልና ወፈራ ንገብረሉ ዝግ! ንመኣረምታን ተወሳኺ ሓበሬታን ግን እቲ ማዕጾ ሕጂ'ውን ርሑው ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ናይ ዝሓለፈ ሻሙናይ ክፋል'ዚ ጽሑፍ፣ ምትእስሳር ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፊሊጶስ ወልደዮሃንስን ክገልጽ ምኺነይ ሓቢረ ነይረ። ሎሚ እቲ ብተንኮላትን ረብሓን ዝተደርዐ ናይ ደም ዕርክነቶም ንሜ/ጀ ፊሊጶስ ዝፈጠረሉ ሓለፋን ሃጓፍ ቦታን ክንድህስስ ኢና። እዚ ዘመነ-ህግደፍ፣ ዘመን ውራ-ውራ ኢዩ። ሎሚ ኣብ ስርዓት ህግደፍ ቅድድም ንገንዘብ ዝረኣየሉ ዘሎ ሰዓት፣ ጀነራላትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ኣንስቶምን ደቆምን ብምስጢርን ኣስማት ብምቕያርን ናብ ደገ የውጽኡ ኣለዉ። ንሕና ጥራይ ኣይኮናን ውድቀቶም ከም ዝቐረበ ፈሊጥና፤ ንሳቶም'ውን ካብ ኢሳይያስ ክሳብ ታሕተዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ቀረባ ግዜ ክወድቁ ምኺኖም ኣጸቢቖም ፈሊጦም ኣለዉ።

ግርም'ምበኣር! ንሕና ጥራይ ኣይኮናን "ኣኸ! ናብዛ ዕትብትና ዝተቐብረላ ሪምና ከይተመለስና ክንመውት ማለት ድዩ?" ዝብል ዝነበረ ቅብጸተ-ተስፋና፤ ሕጂ ግን ንሳቶም፣ ኣንስቶምን ደቆምን ኢዮም ናይ ብሓቂ "ኣኸ! ኦሮማይ ዓድና..." ዝብሉ ዘለዉ። ጀነራላት ኢሳይያስ ሎሚ ንሓድሕዶም ጥይት ኣብ ዓንቀር ኣሕሊፎም ንክቀታተሉ ኣብ ምቅርራብ በጺሖሙሉ ዘለዉ ህሞት ኢዩ።

ዝግ ኢልና ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቅ ክሳብ መዋእሉ'ውን ግዜ ይውሰደሉ ሰለስተ ዓበይቲ ጉዳያት ከም ዝነበሩዎን ዘለዉዎን እናበርሀ ይመጽእ ኣሎ። ካብ ሰብዓታት ዝነበረ ኣኪያይድኡ ክሳብ'ዚ ዓመት'ዚ ከኣ ነተን ሰለስተ ዒላማታት ኣጸቢቑ ስኑ ነኺሱ ክሰርሓለን ጸኒሑ ኣሎ። እተን ዒላማታት ድማ 1) ቅድሚ ምርግጋጽ ናጽነት ምድምሳስ ውድብ ተ.ሓ.ኤ.፣ ምቕንጻል ምሁራትን ተበዓትን ተጋደልቲ 2) ብድሕሪ ናጽነት ድማ ምሕቃቕ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ምብትታን ተጋደልቲን 3) ኣብ መወዳእታ'ውን ምጽናት ህዝቢ ኤርትራ። ዱሮ ንህዝቢ ከበሳታት ናብ ምዕራባዊ ቆላታት /ገማግም ሩባ ተከዘ/ ቃጨሮ ኣብ ዝተባህለ ዓሳው ቦታ ብኣስገዳድ የግዕዞ ኣሎ። ስለዚ እቲ ቅቡር ዝነበረ ኣጀንዳኡ ሎሚ በብቁሩብ ብንጹር ኣብ ልዕሊ መሬት ተቐልቂሉ ይርአ ኣሎ።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ጀብሃ ተፈልዩ ምስቶም ኣብ ዓላ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣብ ዝተሓወሰሉ ግዜ፣ ነቲ ብመንገዲ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ተጀሚሩ ዝነበረ ዝርርብ ቃኘው በቲኹ ባዕሉ ነቲ ርክብን ዝርርብን ምቕጻሉ፤ ብድሕሪ መስዋእቲ ኣብርሃም ተወልደ ኣብ ዝተገብረ ምርጫ ድማ ሃብተስላሰ ተመሪጹ ከብቅዕ፦

"... ኣብ ጀብሃ ዝነበረኒ ሓላፍነት ጠንጢነ ስለዝመጻእኩ፣ ኣነ እየ ሓላፊ ክኸውን ዝግባእ። ወላ ክሳብ ኣብ ካልእ ስፍሕ ዝበለ ጉባአ ዓቢ ምርጫ ዝግበር ድማ ኣነ ከም ግዝያዊ ሓላፊ ክምረጽ ኣለኒ" በሎም ደረቐኛ ኢሳይያስ። ከም እንሰምዖ ከኣ ሃብተስላሰ "ኣነ'ውን ካብ ሓላፊ፣ ተራ ተጋዳላይ ኮይነ ክሰርሕ እዩ ዝብርሃኒ። ሓላፍነት'ኳ ንዓይ ቀናዝማች ወይ ግራዝማች ክኾነኒ ኣይኮነን" ምስ በሎ ኢሳይያስ ብደስታ ነታ ናይ ዲያብሎስ በትረ-ስልጣን ኣብ በዓቲ ዓላ ተረከባ። ኢሳይያስ ኣብ ግዜ ናጽነት /1991/ ቀደም ምስ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ዝተሳእላ ስእሊ ኣብ እንዳ ዘመድ ሃብተስላሰ ተሰቒላ ከም ዝነበረት ሰምዐ። ብህጹጽ ሰብ ልኢኹ ከኣ ጠርነፋ።

ብዛዕባ ጉዳይ ሰብዓታት ርክብ ኢሳይያስን ኣባላት ሲ.ኣይ.ኤ.ን ኣብ ቃኘው፤ ብዙሕ ግዜ ብሓርበኛ ኣቦ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃን ካልኦት ዜጋታትን ይግለጽ ስለዝነበረ ኣብዚ ኣይክደግሞን እየ። ነቲ ዝነበረ ርክብ ኢሳይያስ መራጎዲ ግን ኣይሰኣንን ነይሩ። ኣብ 1975 ዑስማን ሳልሕ ሳበን መሓመድ ስዒድ ናውድን ምዕባለታት ሜዳ ንክዕዘቡ ንሜዳ ኣትዮም ነበሩ። ኣብ ምምላሶም ከኣ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ ክሳብ ፖርት-ሱዳን ንከፋንዎም ምስኣቶም ተበገሰ። ሽዑ ወዲ ናውድ ንዑማሮ "እዚ ኢሳይያስ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ. ስለዝኾነ ጽቡቕ ጌርኩም ተኸታተልዎ ኢኹም። ብላዕሊ መዓር ብታሕቲ ግን ዕረ ሰኒቑ ዝተበገሰ ሰብ ኢዩ" ኢሉዎ ነይሩ። እቲ ካብ ግዜ ሰብዓታት ክሳብ ምእሳር ጉጅለ 15 ብሓሶት ዝልለ ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ ከኣ ነታ ዘረባ ተቐቢሉ ናብ ኢሳይያስ ኣመሓላለፋ። ኢሳይያስ ካብ ሽዑ ኣብ ስኑ ነኺሱዋ ክሳብ ግዜ ናጽነት ከየውጽኣ ጸኒሑ።

ኣብ ምምኽኻር ጉጅለ 15 ሓቢሩ ከም ዘይመኸረ፣ ቀንዲ ሓሳዊ ኢሳይያስ ዝነበረ ዑማሮ፣ ሰብ ክዝረጎ እንከሎ ከምኡ ስለዝኾነ'ምበር ኣብ 60ታት ሓላፊ ራብዓይ ክፍሊ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ንተጋደልቲ ኣኪቡ "...ከምዚ ንሕና ሳልሳይ፣ ራብዓይን ሓሙሻይን ክፍልታት ሰሚርናዮ ዘለና፤ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍልታት (ናይ ማሕሙድ ቲናይን ዑመር እዛዝን) እንተተሓዊሰናና ዎላሂ! ናጽነት ኤርትራ ኣብ 69 ክንጭብጣ ኢና" ኢሉ ንተጋደልቲ ክገልጸሎም እንከሎ እንተዚዝክሮስ እንታይ'ኮን ይረኣዮ ይኸውን ዑማሮ? ሽዑ ብዙሓት ተጋደልቲ ሓሪቖም ከይተመስሑ ውዒሎም ኢዮም። ምኽንያቱ ናጽነት ኤርትራ ንምርካብ ካብ 1968 ክሳብ 1969 መን ክጽበዮ ኢዩ ዝብል ገምጋም ስለ ዝገምገሙ።

ናብ ኣርእስትና ክንምለስ! …ንእግረ መንገደይ ከኣ ሳጓ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ “ነቐዘ” ክትከውን እንከላ፣ ኢሳይያስ ኣብ ሜዳ ዝጽወዓሉ ዝነበረ ስም /ኮድ/ ከኣ ‘ዑቕቢት’ ነበረ። ኣብቲ ኩላቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ነናቶም ‘ኮድ’ ዝዕድለሉ ዝነበረ ግዜ፣ ኢሳይያስ ስለምንታይ ኢዩ ንነብሱ ‘ዑቕቢት’ ዝብል ኮድ ኣጠሚቑዋ ዝፍለጥ ነገር የለን።

ኣቐዲመ ክብሎ ዝደለኹ ግን፣ ንጉዳይ ናይ በረኻ ቅንጸላታት ዘቃልዑ ሰባት ብምቕልቃሎም የሃና ንህዝቢ ኤርትራ! እንቋዕ ታሪኽ ደቂ ኤርትራ ንሓዋሩ ተደፊኑ ኣይጠፍአ ክብል እንከለኹ ዓቢ ሓበን ይስመዓኒ። ኣብ 1973 ዓ.ም. ተጋዳላይ ዝነበረ ኣቶ መኮነን ዓንደሚካኤል ጀሚሩዎ ዘሎ ክልተ ክፋላት ትረኻ ድማ ካልኦት ዝወዓሉን ዝነበሩን ከሀብትምዎ ተስፋይ ዓቢ ኢዩ። ኣብ ምትንታን ናይ ሜዳ ታሪኽ ግን ዓቢ ጥንቃቐ ከድሊ ኢዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ዝጥርንፍ፣ ዘፋቕርን ዘላሊን ክኸውን ይግባእ። እቲ ዒላማ ወይ ታርጌት ብቐንዱ ናብቲ ተሓታቲ ገበታ ገበናት ኢሳይያስ፣ ምስኡ ዝተሓባበሩ ሰባት ብጭቡጥ ምቕራቡ ኣድላይ ኢዩ።

ኣብ ባህልና ንዘሎ ሃብታም ስነ-ምግባር (ምዉት ኣይክሰስን) ዝብል ድማ ከነኽብሮ ሰናይ ኢዩ። ምኽንያቱ ሎሚ ገበናት ኢሳይያስ ኣብ እንጽብጽበሉ ግዜ፣ ብዛዕባ ዝተሰውኡ ተጋደልቲ “ገበናት ነይሩዎም” ምባል ሞራላዊ ጥንቃቐ ክሓድረና ኣለዎ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሃዋሲ ታሪኽ፣ ጽባሕ ንግሆ ክንሕተተሉ ስለዝኾንና ዓቢ ጥንቃቐ ንክንገብር ንኣቶ መኮነን ንእግረ መንገደይ ከዘኻኽሮ እደሊ።

ሎሚ ሳልሳይ መንገዲ የለን። ኣብ ጎድኒ እቲ ዝመሽመሸ ስርዓት ህግደፍ ኣቲኻ ምስኡ መሽሚሽካ ናብ ጎሓፍ /Recycle/ ምድርባይ ወይ ድማ ንኢሳይያስን ንናይ ገበና መሻርኽቱ፣ ኣብ ምቕንጻል ኢድ ንዝነበሮም ጎሓላሉ ናብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ምኽሻሕ ኢዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ብድሕሪ ናጽነት ኢዱ ብደም ንጹሃት ዜጋታት ዝተለኽየ ጽባሕ ንግሆ ጸሓይና ምስ በረቐት ናብ ቤት ፍርዲ መታን ክቐርቡ ኩላትና እንፈልጦም ሰባት ሎሚ ንርቋሓዮም።

ሓላፍነትና ንህዝቢ ምፍላጥ’ዩ፤ ብድሕሪኡ ኣቦ ዳስን ዋና ውራይን ድማ ባዕሉ ህዝቢ ኢዩ። ‘ኣብ ለምለም ዳስ ብኮቦሮ ለጋስ’ ከም ዝበሃል ከኣ፣ እዞም ብሂወት ብዙሓት ዝጻወቱ ዝነበሩ ቁልቁል ኣፎም ተተኺሎም ብርእሶም ከኽዱዱ ክንርእዮም ኢና። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ ከም ዝተባህለ፣ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ግዜ’ውን ርሑቕ ኣይኮነን።

ከምቲ ጸሓፊ ኣቶ መኮነን ኣብ ጽሑፉ ገሊጽዎ ዘሎ፣ መታን ነቶም ንብድሕሪ ሕጂ ሓቀኛ ድሕረ-ባይታ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ዘዝፈልጥዎ ክውስኹ፤ ገለ ሓጋዚ ኣንፈት ወስ ከብለሎም። ትውልዲ ዓዲ ምጥቃስ ኣብ ዘመነ-ኢሳይያስ ከም ነውሪ /ሓራም/ ተወሲዱ’ኳ እንተነበረ፤ ሎሚ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርና ግን ስለምንታይ ምንባሩ በሪሁልና።

ስለዚ ትውልዲ ዓዲ መስፍን ሓጎስ ዓዜን ካርነሽም፣ /ብናይ ሎሚ ዘባ ማእከል፣ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ/ ኢዩ። ቅድሚ ንሜዳ ምውጽኡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ንዲቁና ይመሃር ከም ዝነበረ ከብርህ እፈቱ። ቅድሚ ንሜዳ ምውጽኡ ኣብ ቤተ-ሰቡ ናይ ደም ጉዳይ ነይሩዎ ኢዩ። ብድሕሪ ንሜዳ ምውጽኡ ከኣ፣ ኣብ መጀመርያ ሰብዓታት ሓደ ዘመዱ ንመስፍን፣ ደፈረ ዝተባህለት /ጎዶቦ ካብ ዓዜን/ ዝዓዱ ሰብ ቀቲሉዎ ነበረ። ምስቲ ቀዳማይ ደም ይተኣሳሰር ዲዩ ንበይኑ ዘረጋገጽኩዎ ጉዳይ የለን። ግን መስፍን ንሜዳ ወጺኡ ተጋዳላይ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሓላፊ ኮይኑ ኣብ ዝተራእየሉ ግዜ፣ ንዘመዱ ሕነ ፈደየሉ።

ሽዑ ነቲ መስፍን ብሜላ ዝቐተሎ በዓል ደፈረ፣ ክልተ ደቂ ሓወቦታቱ ተጋደልቲ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት፣ ማለት ገረወልዲን ዘርእማርያምን /ወዲ ሽቃ/ ዝበሃሉ ነበሩዎ። መስፍን ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተማኺሩ ብጥበብ ኢዩ ሰብ ቀቲሉ። እታ ሰብ ዝቐተለት ጠበንጃ ግን ናይ ግርማይ ከፈላ ዝተባህለ ኦፐረተር ኢያ ዝነበረት። ‘ሰብ ተቐቲሉ ኣሎ፣ ስለዚ ኩላተን ጠበናጁ ይመርመራ’ ምስ ተባህለ፤ ብረት ግርማይ ከፈላ ጥይት ከም ዝተኮሰት ብኮሚተ ተረጋገጸ። እቲ ዘገርም ግን ግርማይ ብረቱ ኣብቲ መስፍን ዝነበሮ ቦታ ቅትለት ክትነብር እንከላ፣ ንሱ ግርማይ ግን ብረት ገዲፉ ናብ ካልእ ቦታ ተንቀሳቒሱ ነበረ።

ብረቱ ካብ ተኮሰት ናይ ግድን ቀታሊ ክኸውን ኣለዎ ተባሂሉ ግርማይ ብዘይወዓሎ ናብ ቀይዲ ኣተወ። ደሓር ብጥበብ ድዩ ብኣጋጣሚ ግርማይ ከፈላ ናብ ሱዳን ሃደመ። ክሳብ ሎሚ ኣብ ስደት ብሂወቱ ስለዘሎ፣ ቅድም ምስክር ኢዩ። ደሓር ከኣ ነዚ ታሪኽ ክውስኸሉ ወይ ክእርሞ ይኽእል ኢዩ። ነቲ ብመስፍን ዝተቐንጸለ የዋህ በዓል ደፈረ፣ ክልተ ደቂ ሓወቦታቱ’ኳ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት እንተነበሩዎ፣ ገረወልዲ ቀልጢፉ ተሰውአ። ተጋዳላይ

ዘርእማርያም ወዲ ሸቃ ከኣ፣ ኣብ ግዜ ብረት እንዳ ፍላንሳ ምውጻእ ዝነበረሉ ግዜ ከቢድ ናይ ሕቖ ቃንዛ ኣጋጢሙዎ ስለዝነበረ፣ ካብ ሓይልታት ሓውሲ ዕረፍቲ ንክኾኖ ተባሂሉ ምስ ኢሳይያስ ንክንቀሳቐስ ተወሰነ።

ዘርእማርያም ምስጢር ኣቀታትላ ናይቲ ኣብ ከባቢ ኡንክዔላ ዝተባህለ ቦታ /ገምገም ዓዜን/ ዝተቐትለ ወዲ ሓውብኡ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ። ስለዚ ንሱ'ውን ኣብ ልዕሊ መስፍን ሕነ ክፈዲ ወይ ድማ ምስጢር ናብ ቤተ-ሰብ ከመሓላልፍ ከም ዝኽእል ኣይተሳሕተን። እቲ ዘገርም ፍጻሜ ድማ፣ ክልቲኦም ኢሳይያስን ዘርእማርያምን ናብ ኳዜን ዝተባህለት ዓዲ እናኸዱ እንከለዉ፣ ኣብ ሾኻ ላዕላይ ዝተባህለ ጥቓ ዓዲ ምስ በጽሑ ዘርእማርያም ብጥይት ተቐትለ።

ሻቡ ኢሳይያስ ንሰባት ጸዊዑ "እነሀልኩም በራሪት ጥይት ቀቲላቶ" ኢሉ ነገሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ በለዛ ኢዮም ዓስኪሮም ዝነበሩ። ካብ በለዛ ናብ ሾኻ ላዕላይ /ኳዜን/ ከኣ ኣስታት ናይ ሰለስተ ኪ.ሜ. ርሕቀት ኣለዎ። ካብ ብሬን ወይ ዶሽካ ዝተተኮሰ ጥይት'ውን ናብቲ ዝነበሩዎ ርሕቀት ክሃርም ኣይክእልን ኢዩ።

እቲ ድራማ እቶም ሰብ ደም ኣይሰሓትዎን። ግን 'ምስ ደጃዝማቲ መን ተማጓቲ' ከም ዝበሃል፤ በትሪ ገይሮም ምስ መስፍንን ኢሳይያስን ምስ ጠበንጃ ክተፋነኑ ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ስለዝተጠርጠረ ኢዩ ድማ እቲ ዘመዱ ንመስፍን ሓጎስ ካብ ሜዳ /ዕርዲ እምባደርሆ/ ዝሃደመ ኣብርሃም (ወዲ ጉሬስ) ዝተባህለ በዓል ዓዜን ናብ ካርቱም ምስ ኣተወ፣  መስፍን ብዝቐተሎ ሰብ ሕነ ኣብ ልዕሊኡ ከይፍጸም ዓቢ ፍርሃት ዝነበሮ። "ኣብርሃም ጉሬስ ኣኸዛ መጺኡ'ዩ ንዓባ ሕረስ" እናበለት ጸሃይቱ በራኺ ኣብ መጀመርታ 70ታት ኣብ እንዳ ስዋኣ ኮይና ትደርፈሉ ዝነበረት ሰብ'ዩ። ስለዚ መስፍን ሓጎስን ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ካብ ጥንቲ ካብ ጥቅምቲ ሰብ ኪዳን ኢዮም። ክልቲኦም ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ቅርሺ ስለዝኾኑ ድማ ክሳብ ዕለተ-ሞቶም ኣሕሊፎም ንክይወሃሃቡ ሰብ ጽኑዕ ማሕላ ኢዮም። መስፍን ሓጎስ ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክቃወም ኢዩ ካብ ምባል፤ እስላማይ ንነብዪ መሓመድ፣ ክርስትያናይ ድማ ንኢየሱስ ክርስቶስ ክቃወም ኢዩ ምባል ይቐልል።

ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ኮይኖም ግቡእ ሃገራዊ እጃም ከተበርክቱ ብንጹህ ልቦና ክጓዓዙ ዝጸንሑ ደቂ ኤርትራ፣ ሎሚ መን'ዩ ተቓላሳይ መን ኢዩ'ኸ በዓል ስዉር ተልእኾ ንምፍላይ ኣብ መንነ ጻዕዳን ጸሊምን ንዘሎ ፍልልይ ምፍላጥ ከም ማለት ኢዩ። ቀደም ይኹኑ  ሎሚ ኣብ ደም ዝተጠምዓ ኣእዳው ዘለዎም ሰባት፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክመርሑ ኣይክእሉን ኢዮም። እንታይ ደኣ ኢዩ መለሳና? ንሓደ ፋሺስታዊ ውልቀ-መላኺን ሰብ ኣፋኒና፣ ኣብ እዋን ከበድቲ ገበናት ሴፍን ጠበንጃን ዘቐብሉ ንዝነበሩ ሰባት ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምድያብ፤ ተመሊስካ ብዕድል ህዝቢ ምጥላዕ ኢዩ። ኣብዚ ዘመን-ሕንፍሽፍሽ ኢሳይያስ ዘዋፈሮም ሰለይቲን መቓቕልቲን ህዝቢ ኤርትራ ውሑዳት ኣይኮኑን። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ነዞም ዓቀይቶት እዚኣቶም ከየለለየ ሓንቲ ስጉምቲ'ውን ክሳጉም ኣይከኣልን ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ነታ ዓሰርተታት ኣሽሓት ምሩጻት ደቁ ከፊሉ ዝረኸባ ናጽነት፣ ፍረኣ ኣየስተማቐራን። ብሰንኪ ሓላሚ ኢሳይያስን መጫፍርቱን ንዝበሃን ፍትሒ ብሕልሚ ርእዩዎ። ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ፣ ምስቶም ካብ ምምስራት ሰልፊ ናጽነት /ህዝባዊ ሓይልታት/ ክሳብ ሎሚ ብደም ዝተለኽዩ መጓዕዝቱ ናብ ሕጊ፣ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ዘ ሄግ ተተኣሲሮም ንክቐርቡ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ካብ ሎሚ ክሸባሸቡሉ ዝግባእ ውራይ ኢዩ።

እቲ ኣብ ሰብዓታት ዝተለሞ ዘርኢ ክርዳድ ሎሚ'ውን ብዝተራቐቐ ኣገባብ ይትግበሮ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፣ ከምታ ኣብ ሜዳ ሰባት ንምፍንጫልን ንዕኡ ናብ ወርቂ መንበር ንምስቃልን መስሪቱዋ ዝነበረ ሕብእቲ ናይ ውሻጠ ስልፊ፤ (ኤርትራዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ) ሎሚ'ውን ሓዳስን ሕብእቲን ሰልፊ፤ ብመበቆል፣ ዓሌት፣ ደርባዊ ኣቀዋውማን ናይ ዕላማ ሰብ ሸቶን ዝተኸበበት ኣብ ቆፎ ዝተኸወለት ሰልፊ ኣላቶ። ዝርዝር ኣቀዋውማ ናይዛ ሰልፊ፣ ኣመራርጻ ኣባልነት፣ ዕማም ኣባላት ኣብ ውሽጢ ሃገር፣ ኣብ ደገ በዓል መን ይምረጹ? ብከመይ ረቛሒታት ወ.ዘ.ተ…ብመዓልቱ ክበርህ ኢዩ። ደቂ ህዝቢ ነዚ ጠቃር ወጮ ጋሊሆም ሓቂ ንህህዝቦም ክነግሩ ድማ እትስፎ።

ናብ ጉዳይ ነቐዘ ንኺድ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዝተንከፍኩዎ ዝምድና ኢሳይያስን ፊሊጶስን ብድሕሪ ቅንጸላ ኢብራሂም ዓፋ ኢዩ እናተረረ ዝኸይድ ዝነበረ። ብድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ ኩላቶም ጀነራላት ህግደፍ ቃሕ ከም

ዝበሎ ዝገብር፣ ሜ/ጀ ፊሊጶስ ጥራይ ኢዩ። እቲ ብልዕሊ 2000 ዝተቐጽዑ ኣባላት ሰራዊት ዝዕመም ስራሓት ሕርሻን መጓሰን ዓድ-ዑመር /ከባቢ ተሰነይ/ ኣታዊኡ ንፊሊጶስን ተለኣኣኽቱን ጥራይ ኢዩ ዝውዕል ዝነበረ።

ስቡሕ ሕርሻ ዓድ-ዑመር ንተቐማጦ እታ ዓዲ መንዚዑ፣ ዝወሰደ ስርሒት ዞባ ክልተ ቃሕ ከም ዝበሎ እቲ ኩሉ ኣብ ገማግም ሩባ ጋሽ ዝርከብ ለሰ መሬት ወኒኑዎ ኢዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ቶኾምብያ ዝነበረ ፍሉይ ናይ ትምባኾ ሕርሻ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፋብሪካ ሮዝማን ብ42 ሚልዮን ዶላር ምስ ገዝኣቶ፤ ብሰንኪ ኲናት ባድመ ገዲፋቶ ከደት። ብርሃነ ሚኪኤል ዝተባህለ ሕጋዊ ወኪል ሞኖፖልዮ ሮዝማን ምስ ገዲምን ስንኩልን ተጋዳላይ ኣልኣዝር ዘርአ (ወዲ ዘርአ) ክሰርሑሉ ጀሚሮም ነይሮም ኢዮም። ነቲ ሰፊሕን ስቡሕን መሬት ውልቀ ሰባት ክሕዝዎ ዓይኑ ዘይገብረሉ ስርዓት ህግደፍ፣ ኮ/ል ተስፋንኪኤል ኣይንኣለም (ወዲ ቀሺ) ዝተባህለ መራሒ ክፍለ ሰራዊት ብትእዛዝ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ነቶም ሕጋውያን ሰባት ኣሲሩ ነቲ ግራት ድማ ወሰዱዎ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎሉጅ ብሰራዊት ዝዝራእ ስምስምን መሽላን፣ ኣብ ጀራዲን ሃይኮታን ወሰናስን ሩባ ጋሽን ዝፈሪ ኣሕምልቲ፣ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ብርጌድን ቦጦሎኒን ዝጓሰያ ከብቲን ኣባጊዕን፣ ኣብ ኩላተን ብርጌዳትን ቦጦሎኒታትን ዝተተኽላ ድኳናትን ኣታዊታቱን፣ ቤት ጽሕፈት ፊሊጶስ ጥራይ ኢዩ ዝቆጻጸሮ። እቲ ዝገረም ግን ሓንቲ ጋንታ ኣብ ሃብረንጋቓ ንህቢ ተፋሪ ነይራ። እቶም ኣናህብ 30-40 ቆፎታት ኮይኖም መዓሮም ተተበርቢሩ ብፍልይቲ መኪና ናብ ኣስመራ ይኣቱ። ኣብ ሃብረንጋቓ ሓጋይ ኣብ ዝኾነሉ ወቕቲ ከኣ እታ ጋንታ ኣናህባ ሒዛ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ /ፋጌና ሞግአ/ ትሳገም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ንዜጋታት ናብ ጊልያነት ዝቕይር ኣሰራርሓ ጀነራላት ህግደፍ ኣብ ኩላተን እዚታት ኣሎ።

ካብ ኣርእስትና መታን ከይንእለ ከኣ ንሎሚ ናብ ጉዳይ ፊሊጶስ /ነቕዘ/ ክንፍልም'ሞ ኣብ ዓሰራይ ክፋል ክንዛዝሞ ተስፋ እገብር። ብድሕሪ ቅንጸላ ናይቲ ከም ወርቂ ኣብ ሓዊ ዝተፈተነ ወዲ ዓፋ፤ ምስጢራዊ ምውላዕ ክርቢት ኲናት ባድመ ንሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ጥራይ ዝተዋህበ ዕዮ-ገዛ ከም ዝነበረ ዝሰማዕናዮ ጽንጽንታ፤ ሎሚ ኣብ ስርዓት ኢሳይያስ ገባሪን ሓዳጊን ክኸውን ሓቁ ኢዩ። ንኩላቶም ኣዘዝቲን ኣመሓደርቲን ቃሕ ከም ዝበሎ ይጸርፍ፣ ይዝልፍ።

ንኣመሓደርቲን ሚኒስተራትን ኣብ ስርሖም እናኣተወ ፋሕ የብሎም። ንኣብነት ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ምስ ሙስጣፋ ኑር ሑሴን ሰላም ናይ ጸሓይ'ውን ኣይነበሮምን። ኣብ ቅድሚ ሰባት ነቲ ዞባ ዘመሓድር ዝነበረ ሙስጠፋ ብዙሕ ግዜ "ሎሪ" ኢሉ ይጸርፎ ነበረ። ኣብ መንጎ ጀነራላትን ኣማሓደርቲን /ፊሊጶስን ሙስጣፋን፣ ውጩን ካሕሳይ ገብረሂወትን፣ ተኽላይ ሃብተስላሰን ኢብራሂም ቶቲልን ወ.ዘ.ተ…/ ዝነበረን ዘሎን ግርጭት መፍትሒኡ ጥፍኣት ህግደፍ ጥራይ ኢዩ።

ሙስጣፋ ንኣፈ-ንጉስ ፊሊጶስ ከፍቱ ብምባል ኣብ 1999 ኣብ ከባቢ ባድመ /ዴዳ፣ ዓዲ ሃኪን/ ውግእ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፤ ዊስኪታት ጽዒኑ ናብቲ ግንባር ንፊሊጶስ በጺሑዎ ነበረ። "…ከምዛ ዝመጻእካያ ተሰኪምካየን ኪድ" በሎ። እንተኾነ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ኣዘዝቲ ዓገብ-ዓገብ ምስ በሉዎ ዊስኪ ተኸፊቱ ተሰተየ። ውግእ ይግበረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ከኣ ኦፕረተሩ ንፍሊጶስ መልእኽቲ ከም ዝመጾ ነገሮ። "…ካብ መን ዝመጸ መልእኽቲ ኢዩ" በሎ ነቲ ኦፕረተር። "ካብ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም" መለሰ ኦፕረተር። ፊሊጶስ ንዘለዎ ምልኪ ንክርኢ ከኣ "ኪድ እዚ ከምዚ ዓይነት መልእኽቲ ናብ ጁባኻ ወትፎ ኢሉካ ፊሊጶስ ኢልካ መልሰሉ" ኢሉ ከም ዝዘለፎ ኣብ ቪድዮ ካሜራ ካብ ዝተቐድሐ ሰነድ ርእየ።

ሎሚ ኢሳይያስ ኣብ ዝገሸሉ መዓልታት ነታ ሰንካም፣ ብደም ዝተተኽለት መንበሩ ዘጽንሓሉ ሜ/ጀነራል ፊሊጶስ ጥራይ ኢዩ። ኢሳይያስ'ውን ኣብ ከቢድ መዋጥር ስለዘሎ'ምበር ንዝኾነ ጀነራል ምእሳርን ምርሻንን ድምብርጽ ዝብሎ ሰብ ኣይኮነን። እንተኾይኑሉ ንኩላቶም ጀነራላት ዝኣስረሉ መዓልቲ ይሓልም ኢዩ። ሎሚ ኣብ ትሕቲ እቶም ገዳይም ጀነራላት፣ እሙናትን ብሓድሽ ፍቕሪ ኢሳይያስ ዝነደዱ ኮሎኔላትን ብሪጋደር ጀነራላትን መዲቡሎም ኣሎ።

ንኣብነት ንኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሜ/ር ጀነራል ሑመድ ካሪካረ ዝስሊን ዝከታተልን ብ/ር ጀነራል ፍጹም ገብረሂወት (ወዲ መምህር)፤ ንሜ/ር ጀነራል ዑመር ጠዊል ዝከታተል ብ/ር ጀነራል ኢዮብ ሓሊባይ፤ ንሜ/ር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል ዝከታተልን ዝስሊን ብ/ር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም (ዓፋን) ወ.ዘ.ተ… መዚዙሎም ኣሎ።

መቐጸልታ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ ንጉዳይ ምልኪ ፊሊጶስ፣ ብልሽውናን ኣሽካዕላልን ጀነራላት ኢሳይያስን ዝምድንኦምን ብዝምልከት ኣብ 10ይ ክፋል ክቐርብ ኢዩ።

ንመአረምታ፣ ሓበሬታን ተወሰኽቲ ጽሑፋትን በዚ ኣድራሻይ ንክትልእኩለይ ብትሕትና አዘኻኽር።

alenakoena@gmail.com

ክሳብ ሽዑ ከኣ ሰናይ ቅነ

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል ዓሰራይ ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 19 NOVEMBER 2010 00:10




ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ጨፍጫፊ ስታሊናዊ ሜላ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ንበይኑ ኣብ ውሻጠ ገዝኡ'ምበር ኣብ ጽርግያ ኮይኑ ዓው ኢሉ ንክዛረብ ኣይተዓደለን።

ኢሳይያስ ንመብዛሕትኦም እዞም ናይ ሎሚ ላዕለዎት መኮንናቱን ናብ ደገ ብዓቢ ምስጢር ዝለኣኾም ሰባትን ኣብቲ ከቢድ ገበኑ ከም ዝካፈሉ ስለዝገበረ፤ ክሳብ ናይ መወዳእታ ብሓደ ኢዮም ክጠፍኡ። “ብባሊቃ ዝሽገጉ መኮንናት ኢሳይያስ እቲ ናይ ቀደም ኤርትራዊ ደሞምሲ ኣሎ'ዶ?” ዝብል ትሒም-ትሒም ህዝብና ካብ ነዊሕ ዓመታት ከቃልሖ ጸኒሑ ኢዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ባርባራዊ ግፍዕታት እዚ ስርዓት፣ ህዝብና ብተስፋ ኣብ ዝጽበየሉ ዘሎ ግዜ፣ “…እዚ ርጉም ኢሳይያስ፣ ኣይከርምን ኢዩ!…ሎሚ ሓጋይ ኣኺሉዎ ኢዩ። ክሳብ መስቀል…ክሳብ ሻሃር ሮማዳን ኣይክጸንሕን ኢዩ… ወ.ዘተ…” ክበሃል ከም ዝጸንሐ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ንውድቀቱ መን ዘይጸለየ…መን'ከ ዘይነበዐን ዘይተማህለለን!



‘ኢሳይያስ ኣኺሉዎ ኢዩ’ ዝበሃለሉ ሰዓት ግን ሕጂ ኢዩ።  እቲ ትንቢት ብዙሓት ዜጋታትና ሎሚ ጋህዲ ክኸውን ኢዩ። ልኡኽ ጥፍኣት'ምበር ናይ ሰላም ባህጊ ናፊቑ ዘይፈልጥ ኢሳይያስ፣ ሎሚ'ውን ምስ ጎረቤት ሱዳን ምትኹታኹ ጀማሚሩ ከም ዘሎ ንሰምዕ ኣሎና። ኣሽካዕላል ንጎረባብቲ ግን ኣኺሉ'ዩ። ናይ ኩናት ሓሙኽሽቲ'ምበር ናይ ሰላም ቡቑሊ ክርኢ ዘይደሊ ኢሳይያስ'ምበኣር ውድቀቱ ዘበስር ናይ መወዳእታ ነጋሪት ኢዩ ዘስመዓና ዘሎ።

ኢሳይያስ ከም ቁርዲድን ትኳንን ደም ሰብ እናሰተየ ዝነብር፣ ወኪል ጣኦታትን ኣባ ጓይላ ናይ ምትሃት ጭራሕ-ምራሕን ኢዩ። ኢሳይያስ መስፈሪ ዘይርከቦ ገበታ መርገም ዝተሰከመ ፍጡር ኢዩ። ኣብ ዓለምና እቲ ዝኸበረ ፍጡር ወዲ ሰብ ኢዩ። ኣይኮነን ዝብል ኣሎ ድዩ? ስለዝኾነ ድማ ኣብ ታሪኻዊ ጉዕዞ: ወድ-ሰብ ምቕታል እቲ ዝዓበየ ገበን ንክኸውን ማሕበራዊ ግዴታ ኮነ።

ኣብቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምስጢራቱ ቀቢሩዎ ዝጓዓዘሉ ዝነበረ ግዜ፣ ኢድ ዝሓወሱ ክፍረዱ ድዮም ክመሓሩ ንህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ዝግደፍ'ምበር፣ ዝኾነ ሰብ ‘መዓለሽ’ ናይ ምባል መሰል የብሉን። ገበናት ኢሳይያስን ሰብ ኪዳኑን ካብ ዕለት ምስላፉ ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ ኩሉ ሰብ ዘዝፈልጦ ክዝርዝር ሃገራዊ ግዴታ ምዃኑ ክስቆረና ይግባእ። ሃገራዊ ጻውዒት ድማ ይቐርብ ኣሎ። ክንዮ'ዚ ግን ኣብ ዝርዝር ኣይንእቶ፣ ደጊም ነዚ ጽሑፋት'ውን ካብዚ ኣይትቐጽል ምባሎም፤ ‘ዘይኩርምትኻ ሑጻ እንተትቑርጥመሉ’ ዝበሃል ልቦና ዘለዎ ምስላ ወለዲ ምዝካር ጥራይ ይኣክል።

በብቑሩብ እቶም ሰብ ድጉል ዕላማታትን ሰብ ኪዳኑ ንኢሳይያስን፣ ኣብ መቑሎ ከም ዘተነስነሰ እንግጢዕ ጠራዕራዕ ክብሉ ምጅማሮም ኣየገርምን ኢዩ። ቃላት ደርዲርካ ንሰባት ምእማን ግዚኡ ሓሊፉ ኢዩ። ‘ተቓወምቲ ኢና፣ ኣንጻር ኢሳይያስ ኢና’ ምባል ካብቲ ንህዝብና ዘጻዓነ ደናጉላ እንኮ እምኒ ዝፍንቅል’ውን ኣይኮነን። እቶም ተቓወምቲ መሰል ካብ ኢሳይያስ ብጥንቃቐ ዝተላእኩ ሃሱሳት፣ ኣንጻር ህግደፍ ብዝምልከት እንታይ ክዛረቡ ከም ዝግባእ ተማዒዶም ዝተላእኩ ኢዮም። ‘’...ውልቀ-ምልካዊ፣ ማፍያዊ፣ ዓንዳሪ፣” ምባል ያኢ ተቓዋማይ ተቖጺሩስ ኣሽካዕላል ጸወታ! ስለዚ ሎሚ እታ መራር ሓቂ ካብ ጉድጓድ ክትወጽእ እንከላ፤ ዝዓከሰ ቦምባ እንተደርበዩ ዘገርም ኣይኮነን።

ንኺድ!...ኢሳይያስ ግን ንመዋእሉ ደም ንጹሃት እናሰተየ ክነብር ኣይክእልን ኢዩ። ሎሚ ነቲ ዝሰተዮ ደምና ዘጉስዓሉ ግዜ በጺሑ ኣሎ። ጉዳይ ኢሳይያስን ህግደፍን ተወዲኡ ኢዩ። “...ክሳብ መወዳእታ ጥይትን ሰብን ተዋግኡ፣ ኣነ ድማ ከም ሃጸይ ቴዎድሮስ ሽጉጠይ ሰትየ ክስዋእ እየ” ዝበለ መንግስቱ ሃይለማርያም፤ ንሰራዊቱን ደገፍቱን ናብ ሓዊ ኣእትዩ ናብ ዚምባብወ ኢዩ ዝሃደመ። እዞም ናይ ብርዒ ኣናብር ኣብ ቅድሚ’ቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዓዕሎ ዘሎ ዓርሞ ደው ዝብሉ እንተኾይኖም ከኣ ክንርኢ ኢና።

ንሕና ኤርትራውያን ዘይተወድአ ጉዳይ ኣሎና። ነዚ ንዕስራ ዓመታት ኣብ ዘይግበኦ መንበር ዝተቐመጠ ወኪል ዲያብሎስ ዝፈጠሮ ምብትታን ህዝቢ ብኣውራጃ፣ ሃይማኖትን ብሄርን ናብ ንቡር ክንመልሶ ንሕተት ኣሎና። ሎሚ ክንየ ሰላማዊ ቃልሲ፣ ክንየ ሰላማዊ ሰልፍታትን ፓል ቶክን ክንጥምት ይግባእ። ሓደ-ሓደ መድረኽ ፖለቲካ ዘየድልየሉ ሰዓታት ከም ዘሎ ኣብ ግዜ ህግደፍ ብንጹር ይርአ ኣሎ። ለካ ሓቂ ኢዩ ነይሩ ኣብ 1975 ገዲም ተጋዳላይ ኣቦና መሓመድ ዑመር /ኣቡ ጥያራ/ “ፖለቲካ በትሪ ሕማቓት ኢያ” ዝበለ፣ ምስ ሎሚ ይሰማማዕ።

እቲ ናጽነት ንምርግጋጽ ዝተኸፍለ ሓሽከት ህይወት ደቂ ኤርትራ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ መስተርሆት ክፈጥር’ምበር ኣብ ክሳዱ መስገደል ንክኣስር ኣይኮነን ፍንጫሕ መሰንገልኡ ዝወፈየ። ልዕሊ 65 ሽሕ ሂወት ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ክፍደ ንመስደምም ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ነስፍ-ወከፍ ስድራ-ቤት ካብ 1-5 ሂወት ምባእ ንናጽነት ከፊላ ኢያ። ካብቶም መስርዕ ዝኾኑ ናብ ሜዳ ዝተሰለፉ ኣሕዋት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ግን ብጥይት ዝተተንከፈ’ውን ኣይነበሮምን። ከምታ ዝወጽኡዋ ከኣ ኣብ ሜዳ ተመርዕዮምን ተፋርዮምን ብሰላም ናብ ኣዲኦም ኣዳነሽ ተመሊሶም።

እዚ ሎሚ ዝረኣየና ዘሎ ብሰላም ምእታው ደቀቦይ ኣፈወርቂ ቀሊል ይመስል። ግን ኢሳይያስ ኣብ ሜዳ ንነብሱ ጥራይ ኣይኮነን ካብ ሞት ዝሕልዋ ዝነበረ። እንከላይ ንኣሕዋቱ’ውን ሓልዩዎም፣ ኣብቲ ኣደራራስ ብቦምባ ዝነበረሉ ርሱን ጥምጥም ንከይኣትዉ ተኸላኺሉሎም’ምበር ንበይኖም መልኣከ-ሞት ኣይፈንፈኖምን። ህዝቢ ኤርትራ ‘ምስ ሕሱም ኣይትቑጸር ስንቅኻ፣ ቅድም ተሰከመን ደሓር ከኣ በርኩተን ይብለካ’ ከም ዝበሃል፤ ምስ ሕሱም ተላፊንና ንሕና ሰብ ጽሕፍቶ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ መጀመርያ ንናጽነቱ ኢሉ ብዕጥቂ ብረት ንምምካት ክብገስ እንከሎ “ናጽነትኩም ንምርካብ 65 ሽሕ ሰባት ክትከፍሉ ኢኹም” ዝብል ነቢይ እንተዝነግሮስ እንታይ’ኮን ምመለሰ እዚ ህዝቢ? እስከ ብመንጽር ናይታ ዕንዱን ሕንጢትን ተሰኪማ ብሰላም ንገዝኣ ዝኣተወት ስድራ-ቤት ኣፈወርቂ ኣብርሃም፤ ናይ ክልተ ፈጺመን ዝጸነታ ስድራ ቤታት ኣብነት ንርአ፡-

| ሀ) | **አቦ ሓሙሽተ ስዉኣት**<br>ይሕደጎ ገብረስላሴ | ዕለት መስዋእቲ | ቦታ መስዋእቲ | ለ) | **አቦ ሓሙሽተ ስዉኣት**<br>ተስፋይ ገ/ኢየሱስ | ዕለት መስዋእቲ | ቦታ መስዋእቲ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ተስፋይ ይሕደጎ | 06/07/78 | በለዛ | 1 | ወረደ ተስፋይ | 1977 | ዓዲ ቀይሕ |
| 2 | ኣርኣያ ይሕደጎ | 01/0 | ዓዲ ቀይሕ | 2 | ኣማኑኤል ተስፋይ | 1977 | ሰገነይቲ |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 4/78 | | | | | |
| 3 | ኪዳነ ይሕደጎ | 10/12/79 | ሓሬና ናቕፋ | 3 | እስቲፋኖስ ተስፋይ | 1979 | ደንደን |
| 4 | ለምለም ይሕደጎ | 22/02/84 | ኣውገት | 4 | ዮናስ ተስፋይ | 1984 | ቃሮራ |
| 5 | ለተኪዳን ይሕደጎ | 29/04/84 | ሰ/ሳሕል | 5 | ኤልሳ ተስፋይ | 1985 | ደቐሰብ |

ደም ሰማእታት ንከንቱ ተኺዕዩ ኣይተርፍን ኢዩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዘይካ'ቲ ካብ ኣፈ-ሙዝ ጸላኢ ብዝወጸ ጠያይት፤ ብጥይት ኢሳይያስ ዝተረሸኑ ጀጋኑ ኤርትራውያን  ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣብዚ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ ኢለ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ኣርእስቲ፣ ንሕና ሰብ ደም ኢሳይያስ ስለዝኾንና ሕነና ክንፈዲ ክንብገሰሉ ዝግባኣና ግዜ ሎሚ ኢዩ። በዓል ደም ፈጺሙ ክድቅስ ኣይክእልን ኢዩ። ምኽንያቱ ብገንዘብ፣ ወርቂን ኣልማዝን ዘይኮነስ ብህይወት ዝእወዶ ዕዳ ስለዘለዎ። ስለዚ ክሳውዲ ጀጋኑ ከም ንዳእቲ ስምስም ዝቐርጽ ዝነበረ ሰብ ፍርዱ ካብ ህዝቢ ክሳብ ንሰምዕ ዝግ ኢልና ምጽባይ ከድልየና ኢዩ።

ኢሳይያስ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ሓደስቲ ሓለፍቲን ሓድሽ ኣወዳድባን ኢዩ ዝፈቱ። እዚ ድማ ካብ ሜዳ ብስም /ተኽሊፕ/ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ብልሓት ኢዩ። ሎሚ ዝና ሜጀር ጀነራላት ባይታ ዘቢጡ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፣ እሙናት ኣዕሩኽቲ ኢሳይያስ ዘለዉ ብ/ር ጀነራላትን ኮሎኔላትን ኢዮም። ብግልባጡ ከኣ ዝና ሓለፍቲ ፖለቲካ ከም በዓል ዘምህረት ዮሃንስ ኣንቆልቍሉ፣ እቶም ኣብ መመዓልቲ  ንመልሓሶም ወቒሮም ዝትንስኡ ከም በዓል ኣሕፈሮም ተወልደ መምህር ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድረታት ናቕፋ ዘሎ ብኢሳይያስ ግዝያዊ መስተፋቕር ረኺቦም ኣለዉ። ግርንቢጥ ስርዓተ-ህግደፍ ከምዚ ኢዩ።

ብጊሓቱ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ'ምበኣር ክሳብ ዕለተ ሞቱ ኣንጻር ኤርትራውያን ዝለጎማ ምንሽር ንዚጋታት ካብ ምቕንጻል ደው ከብላ ኣይኮነን። ሎሚ ኣብዚ ንሞት ርብዒ ጎደል በጺሑሉ ዘሎ ግዜ፣ ህግደፍ ከኣ ንክቕበር ቋሬጣ ኣብ ዝእዘዘሉ ዘሎ ወቕቲ ኣእዳውና ኣጣሚርና ተዓዚብቲ ጥራይ እንተድኣ ኮይንና ጽባሕ ኣሕሕሕ! ኢልና ዘይንመልሶ ዕድል ወለዶና ቁልቁል ዝኣፉ ንደፍኦ ከም ዘለና ጌርና ንርኣዮ። ኢሳይያስ ካብ ሰብዓታት ክሳብ ሎሚ ንዝፈጸሞም ገበናት ብዘይ ደገፍ ናይ ካልኦት ኣይነበረን። እታ ምሐ ንዕርክነትን ዝምድናታትን እናነፈየት ናብ መንፍፊት ምስ ኣሕለፈቶ ሎሚ እቶም ናይ መወዳእታ ሰብ ዕላማ ኣብዛ ዝኣረገት መንፊት ተኣኻኺቦም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፈይ ከም ዝገለጽኩዎ ዕርክነትን ኪዳንን ኢሳይያስን ፊሊጶስን ክንርኢ ምኺንና ኣብ ትጽቢት ከም ዝጸናሕና እዝክር። ናብ ውጹእ ምልኪ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ 'ነቐዘ' ኣብ እንምለሰሉ ግዜ ድማ ብዙሓት ኣብነታት ክቐርቡ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ኣብ ረብሓ ዝተሰረተ ዝምድንኦም ካብ ምቕንጻል ኢብራሂም ዓፋ ከም ዝጀመረ ድማ ርኢናዮ ኢና።

ዕርክነቶም ብዶላር ኢዩ። ብድሕሪ ምድምሳስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ናይ ሽዑ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ናይ ሎሚ ጀነራላት፣ ካብ ዝተደምሰሰ መዓስከራት ጸላኢ እልቢ ዘይነበሮ ገንዘብ ክድልቡ ጀሚሮም ኢዮም። ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1990 ብኢሳይያስ ተመሪጹ ናብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢትዮጵያ ክፍለ ሃገር ወለጋ፣ ኣሶሳ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ሰራዊት መሪሑ ተላእከ። ኣብ ኣሶሳ ናይ ወርቂ ዕደና ስራሓት ብናይ ደገ ኣውፈርቲ ይካየድ ከም ዝነበረን፣ ሓውሲ ፕሮሰስ ዝተገብረሉ ኣብ ኮንተይነራት ዝተኣከበ ሃብታም ሓመድ ወርቂን ልዕሊ 30,000 ኩንታል ጽሩይ ቡን ተኸዚኑ ከም ዝነበረን ኢሳይያስ ብስለያ በጺሑዎ ነበረ።

ንሰራዊት መሪሑ ብከሰላ ዝኣተወ ፊሊጶስ፣ ምስ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ሱዳን ብጉዳይ ሰራዊት ጆን ጋራንግ /SPLA/ ብዝተገብረ ምርድዳእ ኣብ ሓጺር መዓልታት ናብ ኣሶሳ ኣትዩ በርቃዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምግባሩ

ብቕጽበት ናብ ኤርትራ ተመልሰ'ሞ፣ ካብ ውግእ ናብ ውግእ ድማ ኣብቲ ብስርሒት ፈንቅል ዝፍለጥ ምሕራር ከተማ ባጽዕ ኣርከበ። ካብ ኣሶሳ ዝተረኸበ ወርቂን ቡንን ከኣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተረከቦ። ብድሕሪ ምሕራር ከተማ ባጽዕ፣ ኣብ ደቡባዊ ግንባር ዝነበረ ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፣ ነቲ ንምስካሙ ዝኸበዶ ገንዘብን ወርቅን ሽዑ ኣብ ዓዲ ጥልያን ንዝነበረት ሓብቱ ጸዊዑ ኣብ ዓዲ ቀይሕ ረኸባ። እቲ ዘገርም ሓብቱ ድሕሪ ኣስታት 18 ዓመታት ንሓዋ ፊሊጶስ ረኺባ ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ሓንቲ ለይቲ ጥራይ ምስኡ ሓዲራ ንጽባሒቱ ናብ ሱዳን ተበገሰት።

ፍልይቲ ቶዮታ ምስ እሙን ኣውቲስታ ተዳልያ፣ ምስጢራዊ ባልጃታት ጽዒና ካብ ዓዲ ቀይሕ ቀጥታ ብዘይ ዕረፍቲ ናብ ካርቱም ኣብጺሓታ ተመልሰት። እታ መኪና ንሓብቲ ፊሊጶስ ካርቱም ንክተብጽሓ ኢሳይያስ ኣይፈለጥን ነይሩ ምባል ግርህነት ኢዩ። ምኽንያቱ ንመኪናን ኣውቲስታኣን መሕለፊ /ተስሪሕ/ ክግበረሎም እንተኾይኑ ብዘይ ኣፍልጦ ኢሳይያስ ኣይከውንን ኢዩ። እምበኣርከስ ምእካብ ገንዘብ ሰብ ጽሮራን፣ ሞባእ ሂወት ምኽፋል ዜጋታት ንናጽነትን ማዕረ-ማዕረ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ ዓመታት፤ ኢሳይያስ ዘይባረኾን ዘይተኻፈሎን ረብሓ ኣይነበረን።

ኣብ ኣሶሳ ዝነበረ ፍሉይ ተርእዮ መስዋእቲ ገዲምን ሓላፊ ኣሃዱ ኮማንዶን ዝነበረ ተጋዳላይ መኮነን ተኸለ /ጉብጣን/ ኢዩ። ኣብ ኣሶሳ ናብ ግድን ክቕንጸል ዝነበሮ መኮነን /ጉብጣን/ ድማ ብመደብ ኢሳይያስን ብትእዛዝ ፊሊጶስ ተቐንጸለ። ኣገባብ ቅንጸላ መኮነን ተኸለ ኣብ ዝቕጽል ግዜ ክቐርብ ኢዩ። ሰባት ብምቕንጻል ንኢሳይያስ ደስ ዘበለን ከም በዓል ርባዕን መሰለስን ካብ ዘዝተረኸበ ዶላራትን ንብረትን መማቕልቱ ዝኾነ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ'ምበኣር ቃሕ ዝበሎ ክገብርን ክእዝዝን ሓቂ ኢዩ።

ኣብ 2002 ሓደ መዓልቲ ኢሳይያስ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ናይ ኣባላት ባይቶ መመረቕታ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ምስ ፊሊጶስ ክልቲኦም ጥቓ-ጥቓ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። እቲ ኣብ ስርሒት ዞባ ክልተ ከም ሪፖርተር ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ምኩር ጋዜጠኛ ኣቡበከር ዓብደል ኣወል ብዘይ ኣፍልጦ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ፣ ብምርድዳእ ሙስጣፋ ኑር-ሑሴንን ቤት ጽሕፈት ኢሳይያስን ናብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ተቐይሩ ነበረ። ኣብቲ ምምራቕ ባይቶ ተረኺቡ ብካሜራ እናሰኣለ ሞያዊ ስርሑ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፣ ኣብ ቅድሚ'ቲ እኩብ ህዝቢን ኢሳይያስን፦

"ንዓስከ ወተሃደር! ነቲ ካሜራ ዝስእል ዘሎ ሰብ ሒዝካ እሰሮ። ሕጂ ከኣ ናብ ባረንቱ ፕሪማ ካንትየሪ ኣብ ዘሎ ተሓድሶ ውሰዶ" ኢሉ ኣዘዘ። ኩሉ ሰብ ኣቕባሕብሐ፣ ኢሳይያስ ኣብ እዝኒ ፊሊጶስ ጽግዕ ኢሉ፦ "እቲ ምእሳር ብድሕሪ ኣኼባ ይኹነልካ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ጽቡቕ ኣይኮነን፣ ሕጂ ግደፎ ስርሑ ይስራሕ" በሎ። ብብድዐ ዝሰኸረ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ግን ዓው ኢሉ "ኖ! ከምዚ ዝበሃል ዘረባ የለን። ወተሃደር ዝተኣዘዝካዮ ግበር! ኪድ ቀልጥፍ እሰሮ። ሕጂ ሙስጥፋ ከይዱ የውጽኣዮ" በለ። ኣቡበከር ዓብደል ኣወል ድማ ኣብ ፕሪማ ካንትየሪ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ተኣስረ። በዓልቲ ቤቱ ከምቲ የማነ ባርያ ንቤት ማእሰርቲ ደርግ ብኣብነት ዘናቢል ዝደረፈሉ፤ በዓልቲ ቤቱ ንኣቡበከር ድማ ጽቡቓት ዘናቢል ኮሎኰና ሒዛ ናብ ቤት ማእሰርቲ ስርሒት ዞባ ሓደ ብምምልላስ ላሕ በለት።

ቅንጸላ ንጹሃት ሰባት ዝተወለፉ ኢሳይያስን ጀነራላቱን፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ጸልማት ጥራይ ኣይኮኑን ገበን ፈጺሞም። ጸሓይ ምስ በረቕት'ውን ንብርሃና ክንዲ ቅንጣብ ከይቆጸሩ ነቲ ወልፊ ዘሕደረሎም ደም ምስታይ ብዝለዓለ ደረጃ ቀጺልዎ። ኣብ ግዜ ምስጢራዊ ምብራዕ ኲናት ባድመ 1998-2000 ዓ.ም. ብትእዛዝ ጀነራላት ብተመልከተለይ ዝተረሸኑ ዕሸላት መንእሰያት ኣዴታቶም ይቑጽርኦም ኢልካ ኢዩ ዝሕለፍ። እዚ'ውን ብመዓልቱ ክጸሓፍ ኢዩ።

ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ነቲ ምስ ጉጅለ 15 ተዳናጋጸይ ኢዩ ተባሂሉ ዝጥርጠር ዝነበረ ተጋዳላይ ገርጊስ ግርማይ /ሸኽ ዛይድ/ ሰብ ልኢኹ ብወተሃደራዊት መኪና /ኦራል/ ንክጭፍቖ ኣዘዘ። ገርጊስ ግርማይ ካብ ከረን ናብ ኣስመራ ብመኪንኡ ኣብ ዝተበገሰሉ ግዜ፣ ኦራል ደድሕሪኡ እናተወንጨፈት፣ ንሱ ድማ ብመስትያት እናተዓዘባ ኣብ ዝነየሉ ዝነበረ ግዜ፤ ኣብ ቢንቶ ሓሊብ መንተል ኣርኪባ ሃረመቶ። መኪና ተጨፍሊቓ ክትድርበ እንከላ፣ ገርጊስ ግርማይ ብወዝቢ ደሓነ። እቲ ዘገርም ፊሊጶስ ምድሓኑ ምስ ፈለጠ፣ ናይ ሞት ትእዛዝ ከም ዘየመሓላለፈ፣ ግድን ናባይ ኣምጽእዎ ኢሉ ኣብ ሆስፒታል ወሲዱ ኣሐከሞ።

ተጋዳላይ ገርጊስ /ሸኽ ዛይድ/ ሓንሳብ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከለዛን፣ ጸኒሑ ምድስካልን ዕንክሊልን ክብል ምስ ጸንሐ፤ ሎሚ ኢሳይያስ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ንክኸውን መዘሎ። ብድሕሪ ናጽነት ብመኪና ተጨፍሊቕም

ዝተቐትሉ ብዙሓት ኢዮም። ስለዚ ኢሳይያስ ክሳብ ዘሎ ቅንጸላ ዜጋታት ኣብ በረኻ ብጥይት፣ ኣብ ከተማ ብመካይንን ካልእ ኣገባብን ኣይከቋርጽን ኢዩ።

ስርዓት ህግደፍ ዝተበጣጠሰ፣ባንዴራ ዝተኸለ ናይ ሸፋቱ መንግስቲ ኢዩ። ኣብ መንጎ ጀነራላት ህግደፍ ብዝነበረን ዘሎን ኣዝዩ ምትህልላኽ ዝተሓወሶ ወጥሪ፣ ሓንቲ መዓልቲ ቶግ ምባል ከም ዘይተርፍ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሎሚ ኢሳይያስን ኩላቶም ሓለፍቲ ህግደፍን መህደሚኦም ኣዋዲዶም ኢዮም። ኣብ ወርሒ መስከረም 2007 ዝነበረ ምቅትታል ነጋዶ ፍቕረን ሳምሶም ወዲ ቀሺን /ሲቪል ጀነራል/ ሓደ ንጹር ኣብነት ኢዩ። እቲ ብደገ ናይ ገንዘብ ህልኽን ምስሕሓብን ጥራይ ዝመስል ዝነበረ ወጥሪ ብውሽጢ ዝተደጎለ ሓደገኛ ፈንጂ ነይሩዎ ኢዩ። ኢሳይያስ ነቲ ተደጕሉ ዝነበረ ፈንጂ ይፈልጦ ስለዝነበረ ኢዩ ከኣ ምስ ኣብርሃም ወዱ ናብ ኣየር-ፖርት ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ /ብኣፍ ደገ ኣየር ፎርስ/ ኣትዩ ናብ ካርቱም ብምስጢር ከይዱ ኣብ ሓደ ሆቴል ንዓሰርተ መዓልታት ተሓቢኡ ዝቐነየ። ወላ'ኳ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዙሓት ናይ ዜና ማዕከናት ኣቃሊሐንኦ እንተነበራ፣ እቲ ጉዳይ ከምዚ ኢዩ ዝነበረ።

ምትህልላኽ ኣብ መንጎ ሜ/ር ጀነራል ገረዝግሄርን /ውጬ/ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስን ካብ 1994 ዝጀመረ ኢዩ። እቲ ባእሲ ኢሳይያስ ዘሳወሮ'ኳ እንተነበረ፣ ኣብ 1998-2000-2002 ንክልቲኦም ክዓርቖ ክሳብ ናብ ገዛኡ ረድዮ መሪናዮ ወሲዱ ቡን እናተቐልወ ዝወሰዶ ተንኮለኛ ተበግሶ ኣይሰመረን። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ከኣ ኣብቲ ብረብሓ ዝተጠናነገ ህልኽ ሜ/ር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ተሓወሶ። ግርጭት ጀነራላት እናዓበየ ከደ።

ኣብ መንጎ'ዞም ጀነራላት ዘሎ ጽልኢ ኣዝዩ ጸሊሙ ኢዩ፣ ኣቦ ፊሊጶስ ዓሪፎም ሓዘን ኣብ ቀሓውታ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ካብ ኢሳይያስ ክሳብ ተራ ሰባት ኮፍ መበሊ ክሳብ ዝጸብብ ንቴንዳታት መሊኦሞ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፣ ውጬ ኣይተቐልቀለን። ከምኡ'ውን ወዱ ንውጬ ኣብ ዝሞተሉን ኣዲኡ ወ/ሮ ኢታይ ኣብ ዝዓረፋሉን ግዜ ፊሊጲስ ተወዝ ኣይበለን። ኣብ እንዳ ሓዘን፣ ንሓዘንተኛታት 'ጽንዓት ይሃብኩም' እናበልካ ብተርታ ሰላም ምባል ባህሊ ኢዩ። ኣብ ከምኡ ዓይነት ኣጋጣሚ ኣብ ዝራኸቡሉ ግዜ፣ ወላ ኣብ መንጎ እኩብ ሰብ ክልቲኦም ሰላም ኣይበሃሃሉን ኢዮም።

ኣብ መንጎ ኢሳይያስን ሜ/ር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤልን /ቻይና/ ኣብ ስሉሳዊ ኣኼባ ባጽዕ 2000 ዓ.ም. ብጉዳይ ምዝላቕ ካብ ዓሰብ መበገሲኡ፤ ምስ ኢሳይያስ ክሳብ ሎሚ ኣብ ምትፍናን ይርከቡ። "ስለምንታይ ካብ ዓሰብ ኣዝልቑ ኢልካ ኣዚዝካ?" ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ግዜ ኢሳይያስ፤ "ኣይኣዘዝኩን ሓሶት ኢዩ" በለ። ሜ/ር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል ግን ንኢሳይያስ ክሰትሮ ኣይደለየን። ነታ ናይ መልእኽቲ ሰነድ ካብ ፋይሉ መሰስ ኣቡሉ ኣውጽኣ'ሞ ፊደል ብፊደል ኣንበበሎም። ኣብቲ ኢሳይያስ ዳርጋ እሱር ዝነበረሉ ኣኼባ ባጽዕ፣ ሜ/ር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር "እዚ ኤርትራውያን ኣዴታት ዝወፈይኦ ወርቂ ስለምንታይ ኣብ ኢድ ሓጎስ ክሻ ይተሓዝ? ስልማት ኣሓትናን ኣዴታትናን ስለዝኾነ ከኣ ከተረክበና ይግባእ" ክብል እንከሎ፤ ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ "ኣነ ጀነራል ተባሂለ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ዝተመደብኩሉ ግዜ፣ ስለምንታይ ኢኻ ኢሳይያስ ጸብጻብካን ጠለባትካን ብዝምልከት ርክበይ ምስ ሓጎስ ክሻ ንክኸውን ኣዚዝካ?" ኢሉ ሓተተ።

ብዙሓት ኣገደስቲ ሕቶታት ከም ጉዳይ ቅዋም፣ ሕቶ ረድኤት፣ ጉዳይ ኩናት ባድመ፣ ጉዳይ ሰላም ምስ ጎረባብቲ ወ.ዘ.ተ… ኣቕሪቦሙሉ ነበሩ። ካብ መዋጥር መምሎቒ ክረክብ ዝነበሮ ጉዳመኛ ኢሳይያስ፣ 'ብዛዕባ'ዚ ትዛረብዎ ዘለኹም ወግዓዊ መግለጺ ንህዝቢ ንግበረሉ'ሞ፤ ንኹሉ ጉዳያት ከከም ደረጅኡ ንፍትሓዮ' ኢሉ ካብ መጻብቦ ኣምለጠ። ኢሳይያስ ካብ ብዙሓት መጻብቦታት ብምውጻእ ኣዝዩ ዝተሞከረ ሰብ ምዃኑ ኣይገመቱን። ካብ ጉዳይ ''መንካዕ'' 1973፣ ካብ ጉዳይ ኣድማ ተጋደልቲ 1993።

ውድድርን ህልኽን ጀነራላት ህግደፍ መመሊሱ ደኣ ቀጸለ'ምበር፣ ደው ኣይበለን። ረብሓ ብሓባር ከም ነጋዶ እማቐሉ፣ ናይ መን ገንዘብ ይበዝሕ እናበሉ ሓቢሮም ዝግምግሙ ጀነራላት ኢሳይያስ ናብቲ ብጥሜት ዝሳቐ ዘሎን ጀለምታ ንብዓቱ ዝወድኣን ህዝቢ ኤርትራ ክጥምቱን ዝከኣል ኣይኮነን። ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ /ማንጁስ/ በቲ ካብ ምንቅስቓስ ቢጃን ምስ ሓላፊ ምንቅስቓስ ራሻይዳ /መብሩክ/ ተጻጊዩ ዘዋህለሎ ዶላራት ከይኣክል፣ 'ርሕስቲ ኣንጭዋ ኣብ ልዕሊ ጉድጓዳ ቅሚጦ ይስራሓላ' ከም ዝበሃል፤ ኣብ ኦምሓጀር ከባቢ ሩባ ተከዘ፣ ኣይተርፍ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ልዕሊ መሬት ወጺኡ ዝተረኽበ ቅሚጦ ወርቂ ምስ ተቖጻጸሮ ሓያል

ተወዳዳራይ ኮይኑ ተቓልቀለ። ዝኾነ ጀነራል ንዝረኸቦ ገንዘብ፣ ወርቂን ካልእ ክቡር ነገራትን ብጋህዲ ምስ ኢሳይያስ ይማቐሎ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ኢዩ እምበኣር ኣብ 2007 ወጥሪ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝደየበ። ሜ/ር ጀነራል ውጩ እቲ ካብ ኩላቶም ጀነራላት ዝተሓተ ርእሰ-ማል ዘለዎ ክኸውን ከሎ፣ ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ቀዳማይ፣ ብ/ር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ከኣ ካልኣይ ሰብ ኮነ። ኣብቲ ዶላራት ንምኽዕባት ዝነበረ ውድድር ውጩ ምስ ኮሚሽነር ፖሊስ ኤርትራ ብ/ር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም /ዓፋን/ ኮይኑ፤ ፍቕረ ዝተባህለ ነጋዳይ ናብ መርመራ ንክቐርብ ምስ ሜ/ር ጀነራል ተኽላይ ዝሰሓሓብ ዝነበረ። ኣብቲ ፍቕረ ኣብ ሒደት ዓመታት ዘዋህለሎ ኣስታት 600 ሚልዮን ናቕፋ ርእሰ-ማል ሰብ ብርኪ ዝነበሩ ፊሊጶስን ተኽላይን ኢዮም። ኩሉ ኣብ ሳዋ ዝተሰርሐ ገዛውቲን ሃንገራትን ንብረት ዘቕርብ ዝነበር ከኣ ፍቕረ ነበረ።

ስለዚ ውጩ ንፊሊጶስ ከረኻኽበሉ እንተኾይኑ፣ ናይ ግድን ፍቕረ ናብ ሕጊ ክቐርብ ነይሩዎ። ፍቕረ ብኢድ ተኽላይ ሃብተስላሰ ኢዩ ናብ ኮሚሽነር ፖሊስ ኤርትራ ብ/ር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም "ብሕድሪ" ተዋሂቡ። "ባዕልኻ ሓቲትካ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት ኣረክበኒ" ድማ በሎ። ፍቕረ ኣብ ወንጀል መርመራ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ንመርማሪ ሌ/ኮ ኢሳይያስ ዮሴፍ ምስ ተዋህበ ድማ፣ ኣብ ካልኣይ ለይቲ ነብሱ ቀቲሉ ተባሂሉ ደርሆ ጸሕቲራ ብእትረኸቦ ሽጣራ ንምጥባር፤ ወለዲ ካብ ደቀምሓረ ተላእከሎም። ናይ ኣማውትኡ መርመራ ሕክምና ብዝምልከት ከኣ፣ ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ምስ ዝነበሩ ሓካይም ተመሻጢሮም "ባዕሉ ተሓኒቑ ከም ዝሞተ ተረጋጊጹ" ዝብል ዝተፈብረከ ሰነድ ዱሮ ተዳልዩ ነበረ።

ቤተ-ሰብ ፍቕረ ናብ ኮሚሽነር ፖሊስ ኤርትራ ማ/ቤ/ጽ ኣጂፕ ቀሪቦም። "እነሆ እምበኣር ወድኹም ኣብ ውሽጢ ቤትማእሰርቲ ነብሱ ቀቲሉ ጸኒሑ። እነሆ ከኣ ናይ ሆስፒታል ሰነድ፣ ጽንዓት ይሃብኩም፣ ንሕና ከኣ ብክብ ዝበለ ክብሪ ንምቕባሩ ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ክንገብር ኢና።" ዝብል ስግንጢር ዘረባ ተዋህቦም። እንተኾነ ጀነራላት ፊሊጶስን ተኽላይን ኣማውታ ፍቕረ ስለዘይሰሓትዎ፣ ንስድራ ቤት መዋቲ ሬሳ ንከይወስዱ ብዝሃቡዎም ሓበሬታ መሰረት፣ ስድራ ቤት "ሎሚ ይኹን ጽባሕ ሬሳ ኣይንወስድን ኢና፡ ክሳብ ሓቀኛ ኣማውታ ወድና እንፈልጥ ድማ ምንም እንዛረቦ ጉዳይ የለን" በሉ። ነገር መመሊሱ ኣብ ዝሸንከረሉ ዝነበረ ሰዓታት፣ ንኣማውታ ፍቕረ ዝከታተል ፍሉይ ሰብ ኮሎኔል ስምኦን ገብረድንግል ብኢሳይያስ ተረቑሐ።

እቲ ጉድ ንከይክሻሕ ድማ ሜ/ር ጀነራል ውጩን ብሪ/ጀ ኣብርሃም ዓንዶምን ምስ ዝለዓሉ ደገፍቶም ኣብ ቀላሚጠሳት ማይ ስርዋ /መንገዲ እምባደርሆ/ ምስጢራዊ ኣኼባ ገበሩ። እቲ ጉዳይ መታን ከይቃላዕ ንምሽቱ ንኮሎኔል ስምኦን ምቕንጻል ናይ ሃታ-ሃታ መደባት ተሓንጺጹ፣ ዘይተጸንዐ ናይ ቅትለት ፈተነ ተኻየደ። ስምኦም ኣይሞተን፣ ብህጹጽ ናብ ሆስፒታል ኣየር-ፖርት ተወሲዱ ከኣ ደሓነ። ኣብቲ ናይ ሸበድበድ ግዜ ሓቂ ኢዩ ኢሳይያስ ምስ ወዱ ብምስጢር ከሃድም። ምኽንያቱ ምስቲ ጉዳይ ዝተተሓሓዘ ዕቢ ስርሒት ተዋዲዱ ነይሩ ኢዩ።

ስዉር ዕልዋ ተዋዲዱ ኢዩ፡ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ዝነበራ ናይ ከተማ ናይ ሓለዋ ኣሃዱታት ምክልኻል ብትእዛዝ ብ/ር ጀነራል ኣብርሃም ዓፋን ናብ ወገን ዓዲ ንፋስን ኩርባ እምበይቶን ከም ዝወጻ ተገብረ። ክልተ ካብ ስርሒት ዞባ ክልተ /ናይ ውጩ እዚ ዝነበረ/ ብምስጢር ናብ ከባቢ ኣስመራ ዝተጸግዓ ፍሉያት ኣሃዱታት ከኣ ኣብ ጣሻታት ሩባ ማይ ስርዋ ኣድብየን ወዓላ። ስምኦን ካብ ሞት ምስ ኣምለጠ፣ ጃልባ በዓል ውጩን ኣብርሃም ዓፋንን ተገልበጠት። ሽዑ ውጩ ንእሙናቱ ኣብ ዝገበሮ ምስጢራዊ ርክብ፦ "እምባኣር ሕጂ ጉዳይ በርዒና ኢያ። ሕጂ ሰብኣይ ኣኽላባቱ ገይሩ ቾፕ! ክብለና ኢዩ፣ ስለዚ ኩሉኹም ሰስንኹም ስሓሉ" በሎም

ፊሊጶስ ብዝለዐለ ጥንቃቐ ተንቀሳቐሰ፣ ሬሳ ፍቕረ ናብ ሆስፒታል ኦሮታ ተላኢኹ ተመርመረ። "ሬሳ ኣብ ክሳዱ ናይ ማሕነቕቲ ዝመስል ናይ ገመድ ሕርሓር ኣለዎ። ኣብ ኣፍ ልቡን ቅልጽሙን ግን ሓያል ማህረምቲ ከም ዝጓነፎ ተዓዚብና።" ዝብል ጸብጻብ ሆስፒታል ኦሮታ ከኣ፣ እቲ ሞት ማሕነቕቲ ዘይኮነስ ቀጥቂጦም ከም ዝቐተሉዎ፣ ደሓር ንከምስሉ ገመድ ኣብ ክሳዱ ገይሮም ነብሱ ከም ዝሓነቐ ኣብ ክሳዱ ሓርሒሮሞ። ሽዑ ፊሊጶስ ቅልጡፍ ትእዛዝ ከመሓላልፍ ጀመረ።

ናይ ፍቕረ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ተገብረ። ኣብ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ዝነበረ መርማሪ ኢሳይያስ ዮሴፍን መሳርሕቱን ድማ ብፊሊጶስ ተኣሲሮም ናብ ኮንተይነራት ተዳጎኑ። ስራሕ ግን ኣይተወድአን ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ መተሃላልኸቲ ፍቕረ ዝነበረ ንበዓል ውጩን ኣብርሃም ዓፋንን ኣያታት ሒዙ ዝነበረ

ሳምሶም ወዲ ቀሺ ኣበይ ኣተወ? ተባሂሉ ምልእቲ ኣስመራን ከባቢኣን ብተፍትሽ ዓቕለን ጸበበን። ክሕብእ ወይ ከማኽር ይኽእል ኢዩ ተባሂ ዝተጠርጠረ ኩሉ ተኣሰረ፣ ሃለቃ በርሀ በዓል ዓዲ ያዕቆብ'ውን ሸው ኢዩ ተኣሲሩ። ኣብቲ ጽንኩር ግዜ በዓል ውጩ ንሳምሶም ብዝኾነ መንገዲ ብወገን ሱዳን ይኹን ወገን ኢትዮጵያ ከህድምዎ ስለዝነበሮም፣ ካብቲ ተሓቢኡሉ ዝነበረ እንዳ ኮርያ ኣምሊቖም ምስ ክልተ መካይንን ሰልስተ ሓደስቲ ክላሽናትን ክልተ ሽጓጉጥን ካብ ኣስመራ ኣውጽእዎ።

ኣብቲ ስራሕ ብዝለዓለ ተገዳስነት ዝጓየ ዝነበረ ሰብኣይ ሓብቱ ንፍቕረ ኮሎኔል ሽገግ፤ ሳምሶን ካብ ብሎኮ ኣስመራ ምስ ወጸ ካብ ውጩ "…ኣንታ ሽገግ እዚ ወዲ ኣብ ኣስመራ ተሓቢኡ ቀንዩ፣ እነሆልካ ሕጂ ከም ዝወጸ ሓበሬታ ረኺበ ኣለኹ። ስለዚ ቅድሚ ርብዒ ሰዓት ኣብ ጋሕቴላይ ተራእዩ ስለዘሎ፣ ሃየ ቀልጢፍኩም ንባጽዕ ተጓየዩ" ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላለፈሉ። ውጩ እቲ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒት ዝጥቀመሉ ዝነበረ 'ንሰሜን ኣምሲልካ ንደቡብ' ዝብል ስልቲ፤ ኣብ ስርሒት ሳምሶን ኣይሰርሐን።

ዱሮ ሳምሶም ካብ ኣስመራ ወጺኡ ኢዩ። ንከተማ መንደፈራ ሓሊፉ ከም ንፋስ እናተሓምበቡ ከባቢ ዓረዛ ከም ዝበጽሑ ከኣ ተረጋገጸ። ፊሊጶስ ምስ ተኸላይ ሃብተስላሰ ተዘራሪቡ ብህጹጽ ሽውዓተ ፍሉያት ኮማንዶ ብሄሊኮፕተር ገይሮም ንማይ ድማ ሓሊፎም ኣብ ዓዲ ደንጀን ወሎ ወሪዶም ዓረዱሎም። ንሳምሶም ብዘይካ ሞት ዝተረፎ ምርጫ ስለዘይነበረ ድማ ናብታ ብዙሕ ግዜ ዝመላለሳ ዝነበረ ደብሪ ኣላጊሱ ተዓቑበ። ነቲ ኣብ ከባቢ ዝነበረ ሰራዊት ተሓቢሩዎ ሰዝነበረ ግን፣ ሳምሶምን ምስኡ ዝነበሩ ኣሰነይቱን ምስ ሓደ ፋላሲ ናይቲ ገዳምን ተቐትሉ።

ብድሕሪ ሞት ሳምሶም ፊሊጶስ ናብ ኩላተን ኣሃዱታት ምክልኻልን ፖሊስን ልኡኻቱ እናሰደደ ንዝተጠርጠሩ ሰባት ቀፈደ። ኢዱ ናብ ውሽጢ ቤት ጽሕፈት ኢሳይያስ ብምእታው ከኣ ንኣንበሳጅር ኣደስከሎ። "ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ካብ ፕረዚደንት ንታሕቲ ዘለዉ ሰባት ከደስክሎምን ከኣስሮምን እኽእል እየ" ኢሉ ድማ ፈከረ። እቲ ካብ 2001 ኣብ ውሽጢ ህግደፍን ጀነራላቱን ዝተቐብረ ጓህሪ ዛጊት ኣይጠፍአን ዘሎ።

ኣዛዚ ስርሒት ዞባ ሓሙሽተ /ማእከል/ ዝነበረ ውጩ ናብ እዚ ስርሒት ዞባ ክልተ /ባረንቱ/ ክቕየር እንከሎ ምስ ኢሳይያስ ብዛዕባ ኣመዳድባ መራሕቲ ክፍላተ-ሰራዊትን ብርጌዳትን ብዙሕ ህልኽን ምስሕሓብን ተፈጢሩ ነይሩ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ውጩ ነቶም ዝደልዮም ኣዘዝቲ ሰራዊት ከም በዓል ብ/ር ጀነራል ሚኪኤል ዮሃንስን ካልኦትን ሒዙዎም ናብ ባርካ ወረደ። እታ ንእሱራት ዒራ-ዒሮ ትሕሉ ዝነበረት ኣሃዱ ድማ፤ ብናይ ሌ/ኮ ሳፔቶ ዝተባህለ ሰብ ኣሃዱ ተተክአት።

እዚ ኢዩ'ምበኣር ሓቀኛ ምስሊ ኢሳይያስን ስርዓቱን። ብኣፍ ህዝባዊ ግንባር…ጅግና ህዝቢ…ምዑት ተጋዳላይ… ይከኣሎ!…ዋርሳይ ወራሲ!… ዓወት ንሓፋሽ!!

ነቲ ግፍዒ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ… ነቲ ድኽነትን ዓጸቦን፣ ልምዓት… ነቲ ህንጡይ ወተሃደራዊ ዕንደራ፣ ወፍሪ… ነቲ ባዶ ደራጃ፣ ዘተኣማምን ባይታ… ገረውረው ንዝበለ ቆፋፉና፣ እኹል መግቢ…ንዝኽትምና ሕጻናት፣ ሕንቁቕ ኣተዓባብያ… ዋእ! ጠገለ ዘይርከቦ ጥዑም ቃላትን፤ ጠገለ ዘይርከቦ እከይ ተግባራትን ምንጽጻር የድልየና ኣሎ።

ልሳን ካልእ ትዛረብ፣ ኢድ ንዝተጠርጠሩ ኤርትራውያን ትደሊ፣ ካራ ድማ ክሳድ ዜጋታትና ናብ ምቕራጽ ንግሆን ምሸትን ትሰሓል። እዚ ኢዩ እቲ ጸወታ ጠላዕ ኢሳይያስ እምበኣር። ነዚ ጠላዕ'ዚ ከም ፋንቲን ጆከርን ኮይኖም ኣብ ውሽጢ ውድባትን ሰልፈታትን ካብ ኢሳይያስ ዝተዋህቦም መልእኽቲ ዝፍጽሙ ዘለዉ ሰብ ኪዳኑ፣ ጸብጻባቶም ካብ ኤውሮጳ ናብ ካምፖ-ቦሎ ከም ዝለኣኽ ኣይተሰወረን። ካብ ኣዒንቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ከምልጡ ማለት ድማ ዘበት'ዩ! ይኣክል…ሎሚ ትማሊ ኣይኮነን። ተኸታታሊ ጽሑፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ክቕጽል ኢዩ።

ገና ዘይተጋለጹ ዘለዉ ሕቡኣን ህግደፍ፤ ናይ ጥፍኣት ልኡኻት'ውን ብደቂ ህዝቢ ክቕልዑ ኢዮም። ንፋስ መንጠሊ ከም ዝኣተዎ ቆጽሊ ቀውዒ ሸዋሕዋሕ ኢሎም ክሳብ ዝወድቁ ከኣ ኣይክንገድፎምን ኢና'ሞ፣ ኣንቱም ነባሕቲ ተኺሉ ካብ ሎሚ ቅበጹ። ደም ደቂ ኤርትራ ኢኹም ትሰትዩ ኔርኩም'ሞ፣ ሎሚ ደምኩም ይጭኖኹም። ንገበናት መስፍን ሓጎስ ዝከላኸል ጠበቓ /መሓሚ/፤ ብቐጥታ ንገበናት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝከላኸል ዘሎ ሰብ ኢዩ።

ጠበቓን ጠበቕን ርእሶም እናነቕነቑ ይነብሩ ከም ዝበሃል ከኣ፣ ምንቕናቕ ርእሲ ጠበቓታት ኢሳይያስን ሰብ ብርኩን ኣየገርመናን። ጠበቓ መስፍን፣ ንድሕሪት ተመሊሱ እንተዝጥምት፣ ህጓጉያ መሸላ ይሕሉ ከም ዘሎ ምተገብዘበ። ሎሚ እቲ ፈረስ ብቕድሚት ኣሎ፣ ሰረጋላ ከኣ ብድሕሪት! ገበናትን ጉዳትን መስፍንን ካልኦትን ገና ክወጽኡ ኢዮም። ንሱ ካብ ሰብዓታት ንዝተገብሩ ገበናት ሜዳ፣ ብድሕሪ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዋና ተሓታቲ ኢዩ። ሎሚ ዘመን ሚለንየም'ምበር ግዜ ጲላጦስ ኣይኮነን!

ብድሕሪ ናጽነት ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታትን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ቆይሙ፣ ንሱ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ዘለወሉ ሰልፊ ህግደፍ ተመስሪታ፣ ስንኩላን ማይ-ሓባር ተረሺኖም፣ ሃገርና ኤርትራ ብዞባታት ተበታቲና... ሃገራዊ ቅዋም ኤርትራ ናብ እንዳ ጎሓፍ ተደርብዩ! ኲናት ባድመ ብመደብ ኢሳይያስ ተባሪዑ ወ.ዘ.ተ...መስፍን ኣበይ ነይሩ? ስለዚ ብኣበሃህላ ተሓለቕቲ፣ ሎሚ መስፍን ተቓላሳይን ኣብ ጎድኒ'ዚ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ደው ኢሉ ኣሎ እንተኾይኑ፤ ጉጅለ 15 ኣድሓርሓርቲን ተንበርከኽቲን ነይሮም ማለት'ዩ።

ምእሳር ጉጅለ 15 ዕለት 18 መስከረም 2001 ዝተወሰነ'ዶ ይመስለኩ? ግርም ሓልዮት!!! ሕማም ተረኺቡስ ሰኣን ማእሲ ከም ዝበሃል፣ መስፍን ሓጎስ ሓሚሙ ንሕክምና ናብ ወጻኢ! ሸሪፎ፣ ጴጥሮስ፣ ብርሃነ፣ ዑቕበ፣ ድሩዕ፣ በራኺ፣ ጀርማኖ...ወዲ ከከያ...ሓመድ ሕምድ ወ.ዘ.ተ... ከኣ ናብ ዒራ-ዒሮ! ንሕና ግሩሃት! እዚ'ኳ ክውሕደና። ሎሚ ግን ይኣክል ንበል'ሞ፤ ኣብ ናይ ጽባሕ ሰላማዊትን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ የብጽሓና። እቲ ከውታ ዝነበረ ለይቲ ኤርትራውያን፣ ባና ብርሃን ይገብር ኣሎ። እቲ ብሕልፈት ኣራግጽ ደቢኑ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ጎደናና ከኣ፣ ሕጂ ብንጹር ይርአ ኣሎ። እስከ ንሕሰብ! "ኣንጻር ኩሉ" ዝተገብረ ቃልሲ መን ሰሚዑ ይፈልጥ? ኣንጻር ህግደፍ፣ ኣንጻር ወያነ፣ ኣንጻር ሃገራዊ ዋዕላ፣ ኣንጻር ጎነጻዊ ምእላይ ንኢሳይያስ፣ ኣንጻር ሰልፈታት ኤርትራ፣ ወ.ዘ.ተ...

ክቡራንን ክቡራትን ኤርትራውያን! ኣብ መበል 11 ክፋል፣ ብተመሳሳሊ ንስርዓት ህግደፍ ዝፍልጽ ጽሑፍ ሒዘ ክመጽኣኩም እየ። ሎሚ ኣንጻር ኢሳይያስ ከም ዛርቲ ዘጉርዕ ህዝባዊ ማዕበል ይመጽእ ኣሎ። መን'ዩ ኣንጻሩ ደው ክብል? ኣንጻር ንጉስ ሃይለስላሰን ኣንጻር ንጉስ ሻህ መሓመድ ራዛ ባህላቪን ዝተንስአ ህዝባዊ ማዕበል መን'ዩ ዝዓገቶ? ክሳብ ሕጂ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ ድማ ካፋ'ምበር መሾምበባ ኣይጀመረን። ብዙሓት ዘዝፈልጥዎ ገበናት ምስ ጸሓፉ ድማ፣ ኣብቲ ማይ ኣይሂ የራኽበና።

<u>**ኣለና! ከም ነጎዳ ሓጋይ፣ ድምጺ ዕቡሳት'ዩ።**</u>

<u>**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና።**</u>

ናባይ እትልእኩዎ ሓበሬታ፣ መአረምታን ለበዋን ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻይ ንክትሰዱለይ ብትሕትና እሕብር።

alenakoena@gmail.com

ክሳብ ሽዑ ከኣ ሰናይ ቅነ

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 11 ክፋል) ብ ኣለና

THURSDAY, 25 NOVEMBER 2010 23:13







ኣለና፤ ንዝተቐብረን ዝተረስዐን ታሪኽ ጀጋኑ ኤርትራውያን ምንጋር'ምበር ክንዮኡ ዝመጣጠር ዕላማ የብልናን። ኣለና ኤርትራዊ ትንሳኤ ኢዩ! ኣለና ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን! ኣለና ብጋህዲን ብስዉርን።

እቲ ናይ ታሪኽ ፍርዲ ንህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ዝምልከት። ፍትሒ ካብ ህግደፍ ዝጽበዩ ሰባት ኣለዉ እንተሰማዕና ንግረም!!! ካብ ኢሳይያስ ፍትሒ ካብ ምጽባይ፣ ጨቓዊት ካብ እንቋቑሖ ተመን ምጭጫሕ ይቐልል። ኣንጻር ኢሳይያስ ሰላማዊ ቃልሲ ጥራይ ኢዩ ኪካየድ ዝግባእ! ህግደፍ ለውጢ ክገብር ኢዩ፣...ኢሳይያስ ቅዋም ከተግብር ኢዩ...ንእሱራት ጂ.15 ክፈትሕ ኢዩ...ፍትሒ ክእወጅ ኢዩ...ስለዚ ብዘይካ ሰላማዊ ቃልሲ፤ ድምጺ ጎነጻዊ ቃልሲ ኣይተስምዑና...እናበሉ ንነዊሕ ዓመታት ብለቐታ ጊሐ ክልምኑ ዝሓገዩን ዝኸረሙን፤ ህዝቢ ኤርትራ ልቢ ጌርካ ገማጢልካ ተዓዘቦም።

ሰላም ዝኸበርኩም እንዳባ! ኣብ ዓስራይ ክፋል ጽሑፈይ ንዝነበረኒ ጉድለታትን ሓበሬታን ዝለኣኽኩምለይ ብልቢ ኣመስግነኩም። ብፍላይ ከኣ ንጽቡቓት ዘናቢል ኮሎኩና ዝምልከት፣ ዝሃብኩምኒ መአረምታ ደጊመ ኣመስግን። ንሎሚ ንእሽቶ ናብ ጓል መንገዲ እንተኣላገስኩ ኣይትሓዙለይ። ንብድሕሪ ሎሚ ዝቕጽሉ ጽሑፋተይ ግን ኣይከላግስን እየ። ቅድሚ ናጽነት ሓደ ኣቦ ብዝበልዎ ተረካብ ዘረባ ናይ ሎሚ ክፋል ጽሑፈይ ክጅምር። ካብ ዓዲ ናብ ባሕሪ /ካብ ከበሳ ናብ ቆላ/ ኣብ ዝወርዱሉ ዝነበሩ ግዜ፣ እታ ኣብ ከባቢ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣባል ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ዝነበረት ተጋዳሊት ሰማይነሽ ኪሮስ /ትሪንዳድ/ ኣኼባ ትገብረሎም ነበረት።

ናብ ዓዲ ምስ ኣተዉ ከኣ ኣባል ኢሰፓ ዝነበረት በላይነሽ ዝተባህለት ካድረ ደርግ፣ ኣኼባ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ምጉብዕባዕ ዝተሓወሶ "…ምሳኹም ንፋለጥ ኢና'ኮ! ናብ ባሕሪ ምስ ወረድኩም ምስ መን ከም ትራኸቡ ካብ ዓይኒ ኣብዮታዊት ሃገር ዝተኸወለ ከይመስለኩም" እናበለት ተጨንቖም ነበረት።

እቶም ዓዲ ሽግር ረኸቡ። ሓደ ተባዕ ኣቦ ግን ተንሲኦም ከምዚ ክብሉ መደሩ፦ "ስምዒ ኣንቲ ካድረ! ንሕና ብዓዲ በላይነሽ ብባሕሪ ደጊም ትረኽዮ ብሰማይነሽ ተዋሪድና ኢና ዘለና። ደጊም ኣምላኽ ኣዋጽኦ ይሃብኩም ደኣ በልና'ምበር ከምዚ ጌርኪ ከተፈራርሕናስ ኣይግድን'ዛ ጓለይ" በሉዋ።

ኦ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ! 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ኢለ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ወሳኒ መድረኽ፣ መጋረጃ ጸልማት ብብዙሓት መስከርቲ ይህብትም ኣሎ። ኦ ብሓለንጊ ስቓታ ዝተገረፍካ ህዝቢ ኤርትራ!…ሎሚ ካብ ከውታ ለይቲ ናብ ንጹር ብርሃን ኣብ ትጓዓዘሉ ዘለኻ፣ መርድእ ኢሳይያስ ንክትሰምዕ ኣብ ኣእዛንካ ንዝነበረ ኩኩዕ ትጸርገሉ ዘለኻ ወሳኒ መድረኽ ኢኻ ዘለኻ'ሞ፣ ከምቲ ጉዳይ ሰማይነሽን በላይነሽን፤ ኢሳይያስ ብውሽጢ ኤርትራ፤ መስፍን ሓጎስ ድማ ብወጻኢ ኮይኖም ከም ኩዕሶ ቮሊ-ቦል ክጸውቱልካ ዝጸንሕዎ ዓሰርተ ዓመታት ይኣክል ኢልካ ንሰብኣዊ መሰልካ ተለዓል። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብዘን ዓሰርተ ዓመታት ብዙሓት ሳተላይታት /ቀመር ኣል-ስናዓ/ ኣዋፊሩ ኢዩ።

ሓደ ኢሳይያስ ካብ ደቂ ዕቁቡ ዘዋፈሮም ሳተላይታት መስፍን ሓጎስ እቲ ዝዓበየ ሳተላይት ከኸውን እንከሎ፤ ካልኦት ኣብ ኤውሮጳ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ ሰሜን ኣሜሪካን ኣውስትራልያን ዝተላእኩ ብዙሓት ሳተላይታት'ውን ኣለዉ። ከምተን ኣብ ንጹር ሰማይ ከብለጭልጫ እንርእየን በብዓይነቱ መልእኽቲ ናብቲ ዝለኣኸን ኮምፒዩተር ዘመሓላልፋ ቀመር ኣል-ስናዓ፤ መስፍንን እቶም ብመዓልቶም ዝረኣዩ ረቀቕቲ ሳተላይትን ድማ መልእኽትታቶም ናብቲ ዝለኣኾም ኢሳይያስ ኢዮም ዘመሓላልፉ።

ኣብ ጉዕዞ ሳተላይት እርጋን ወይ ብልሽት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፣ ሊ.ቃውንቲ ካልእ መተካእታ ሓደስቲ ሳተላይታት ኢዮም ዝልእኩ። ብድሕሪ ምቅላዕ መስፍንን መሰልቱን ድማ፣ ንሳቶም ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ስለዝኾኑ ናብ ለኣኺኦም ክምለሱ፣ ኢሳይያስ ዕድመ እንተረኺቡ'ውን ካልኦት ሓደስቲ ሳተላይታት ክሰድድ ክንረባረብ ኢና። ንስራሓት ሳተላይት ኢሳይያስ መማቕርቲን ቀመማትን ዝውስኻ፣ ኣጸቢቓን ዝመሽመሻን መስትያተን ዝሓበለን ወብ ሳይታትን መደበራት ረድዮን ድማ ተዋሂበንኦም ኢየን። እቲ ቅሉዕ ሽፋን ተቓወምቲ መሰል ወብ ሳይታት ከኣ፣ መዓልታዊ ምንቅስቓስን ጽላሎትን ኢሳይያስን መስፍንን ክኾሓሕላ ይውዕላ። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ግዜ ሓምሳታት ኣይኮነን'ሞ፤ ናትካን ናይ ህግደፍን ፍለጥ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ናይ ዲንኪላሎ ዓመታት፣ መን እንታዋይ ምዃኑ ብሚሓ ኢዩ ኪምመ ጸኒሑ። እነሆ ሎሚ ግን እቲ መንፈት'ውን መመሊሱ ኣብ ዝጸበበሉ ዘሎ ግዜ፣ መን መን ምዃኑ ከም ጸሓይ ጸመ-ኣርብዓ በጣዕጣዕ ኢሉ ኣሎ።

መስፍንን ላዕለዎት ካድረታቱን ብዛዕባ መጻኢ ሕልምታቶም ኣብ ኤርትራ ነናቶም ሓላፍነት ተመቓሪሖም ስለዝኾኑ ሓቆም ኢዮም ከም ነብሰ-ጾር ቅልውላው ክሕዞም። ካብ ሎሚ ንደሓር ከም ቀንጻሊ ኢሳይያስ ንህዝቢ ኤርትራ መሪሐ ሓላፊኡ ክኸውን እየ ዝብል ኣየድልዮን ኢዩ ንህዝቢ ኤርትራ። እቲ ዘድልዮ ዘሎ መራሒ፤ ንህዝቢ ኤርትራ መሪሐ ሓላፍነት ንህዝቢ ከረክቦ እየ ዝብል ኢዩ ዝድለ ዘሎ።

ሎሚ ዕምሪ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዕምሪ ገንሸል ኣውደኣመትን ማዕረ ኮይኑሉ ኣብ ዘለወሉ ወሳኒ እዋን፤ ብሓደ ቅልጽምን ሓደ ድምጺን ብድሆ ንክንብል ንሕተት ኣሎና። ራዕዲን ሽቑረራን፣ ፍርሒን ምንቅጥቃጥን ይኣክል። ጉዕዞ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዝተሓላለኹ ኣማኢት ኣሽሓት ሓረጋት ዝተጠናነገ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ታሪኹን ክሳብ ሎሚ ክደጋግሞ ዝጸንሐ ነጸብራቓቱ ግን ክቱር ስስዐን ሓሶትን እተን ቀንዲ ልዑላት መለለይኡ ኢየን።

እቶም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዘይተሳተፉ ኤርትራውያን፣ "ኢሳይያስ ንመንካዕ ዝተባህሉ ኣሲሩ…ኢሳይያስ ንየሚን ዝተባህሉ ጀጋኑ ዜጋታት ረሺኑ ወ.ዘ.ተ…" ንዝብል ዛንታ እንተተጠራጠሩሉ ዘገርም ኣምበይምኾነን። ግን ትማሊ ጸሓይ ምስ በረቐት ኣብ ቅድሚ 5 ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ቅድሚ እዛ እንነብረላ ግሎብን ነቶም ምስኡ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተጋደሉ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፣ ንጹሃት ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ዓዲን'ውን (ደቂ ሰማንያ ዓመት ኣቦታት ወዲ ኬክያን ሱናባራ መሓመድ ዳመናን) ቀፊዱዎምን ናብ ጎዳጉዲ ዒራ-ዒሮ ደፊኑዎምን ኢዩ።

ንጳጳስን ኣቐሺሽትን፣ ንሓለፍቲ ኣብያተ- መሳጊድን መራሕቲ ምእመናን እምነተ ክርስቶስን፤ ብዘይ ንሕስያ ኣሰረን ረሸነን። ነዚ ዝረኣያ ኣዒንቲ ዓዊረን ክነብራ ድማ፣ ዘገርም ጉዳይ ኮነ። ቀንዲ መለለዪ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፤ ከምኡ'ውን ምስ ሂትለር ዘመሳስሎኦ ጠባያት፣ ስስዐ፣ ሓሶት፣ ስድነትን ትዕቢትን ኢየን።

ስለዚ ስስዐ፣ ትዕቢት፣ ሓሶት፣ ስድነትን ተንኮልን ምስ ፖለቲካ ኣብ ሓደ ሳርማ ክጥጅኡ እንከለዉ፤ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መኣዝን ከም ዘምርሕ፣ ናብቲ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብሰንኪ ዝጸሕተሮ መሪር ኲናት፣ 50 ሚልዮን ህዝቢ ዘጽነተ ኣዶልፍ ሂትለር፤ ከምዚ ሎሚ'ውን ብሰንኪ ኣብ ባድመ ኢሳይያስ ዝወልዖ ሆየ-ሆየ ባርዕ፣ ንህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘህለቐ መንገዲ ውልቀ-መላኺ ኤርትራ ኣርእዩና። ህድእ ኢልና ኣብ እነስተውዕለሉ ግዜ እዘን ዝሓለፋ 40 ዓመታት ዘመነ-ኢሳይያስ፣ ንጉዕዞኡ ብዝምልከት ኣብ ድቃስና ኮይንና ኣብ እንመራመረሉ ግዜ ማእለያ ዘይብሎም ስለምንታያት ኣብ ቅድሜና ይግተሩ። ጉዳይ ጥንታዊ ጉዕዞ ኢሳይያስ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ዝምልከት'ኳ እንተኾነ፤ ገለ ስለምንታያት እንተጠቐስኩ ግን ሕማቕ ኣይመስለንን።

1. ስለምንታይ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ብመንገዲ ኣስመራ፣ ብመንገዲ ሱዳን ንሜዳ ተሰሊፉ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ?
2. ስለምንታይ ካብ ከሰላ ንዓንምቦሳ ምስ ተጓዕዘ፣ ብቐጥታ ምስቶም ብዙሓት ቀዳማይ ወገን ህ/ሓይልታት ዘይተጸንበረ?
3. ስለምንታይ ምስ በዓል ኣብርሃም ተወልደ ክጽንበር መሪጹ?
4. ስለምንታይ ርክብ ቃኘው? ምስ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ተጀሚሩ ዝነበረ ኣፈናዊ ዝርርብ፣ ኢሳይያስ ምስ ጉጅለ ዓላ ምስ ተሓወሰ ብዝለዓለ ምስ ኣባላት ሲ.ኣይ.ኤ. ቀጺሉ?
5. ስለምንታይ ኣብርሃም ተወልደ ንምስማም ርክብ ምስ ሸኽ ሹም መሓመድ ፍሉይ ዝምድና?
6. ስለምንታይ ደሓር'ከ ሸኽ ሹም መሓመድ ኢሳይያስ ብዝለኣኾም ፊዳኢን ኣብ ጉዋ /ሰሓርቲ/ ተቐንጺሎም? ስለምታይ'ከ ነቲ ቅንጸላ ብደቂ ጽንዓደግለ ከም ዝተፈጸመ ገይሩ ተንኮል ምሂዙ? ኣብታ ኣብርሃም ተወልደ ቀዳም መዓልቲ ብድሕሪ ኣኼባ ዝሰተያ ብራሕ፣ መን'ዩ ስሚ ዘእተወ?
7. ስለምንታይ ተስፋሚካኤል ጆርጆ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ኣብ ዓላ ዝነበሮም ቆጸራ፣ ወተሃደራት ሒዙ ከይዱዎም?
8. ስለምንታይ ነቲ ምስ ሃብተስላሰ ክልቲኦም ጥራይ ሒዞሞ ዝነበሩ ኣስማት ናይ ከተማ ተሓባበርቲ ሰውራ ዝሓዘ ሰነድ፣ ኢሳይያስ ደርብዩዎ ሃዲሙስ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተረኺቡ?
9. ሃንደበታዊ ተኹሲ ተኸፊቱ፣ ስለምንታይ ግን ሓደ ተጋዳላይ ዘይተሰውአ ወይ ዘይተወግአ?

10. ስለምንታይ ደሓር ብስም <<ጃሱስ>> ምርሻን ንሃብተስላሰ ገብረመድህን? ስለምንታይ ብስም ጃዋሲስ ንክጋደሉ ዝወጹ ምሁራት ኤርትራውያን ከምቲ ሂትለር ኣብ 2ይ ኲናት ዓለም ንኣይሁድ ናብ ፎርኖ ዝጠበሶም፣ ብትእዛዝ ኢሳይያስ ብኣጋፋርነት መስፍንን ብዙሓት ተጋደልቲ ናብ ፎርኖ <<ታንዱር>> ተጠቢሶም?

11. ስለምንታይን ብከመይን ብረት እንዳ ፍላንሳ? ስለምንታይ ነቲ ኣብ እንዳ ፍላንሳ ዋርድያ ኮይኑ ዝነበረን ደሓር መንገዲ ዝመርሐን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ቀሺ ኣይንኣለም ዝተባህለ በዓል ዓዜን፣ ብድሕሪ ምዕዋት ስርሒት እንዳ ፍላንሳ ብስም <<የሚን>> ተረሺኑ?

12. ስለምንታይ ብድሕሪ ናጽነት ህጹጽ ቅንጸላ ተስፋንኪኤል ጆርጆ ኣብ ኣዲስ ኣበባ? ወ.ዘ.ተ… ብሓጺሩ ኢሳይያስ ኢልና ኣብ እንዝክረሉ ግዜ ሕማም መርዘን ዘትሕዙ ሕቶታት ኢዮም ፈለኽለኽ ዝብሉ። ናይ ግዜ ጉዳይ ኢዩ’ምበር ኩሉ ብመዓልቱ ክጽወዮ ኢዩ።

ኣብ ዘመነ-ኢሳይያስ ምእሳር እምበር ምፍታሕ ዝብል ኣዋጅ ኣይሰማዕናን።  ኩላቶም ናይ ዓለም መራሕቲ እንኮላይ’ቶም ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ንሃገርና ኤርትራ ዝገዝኡዋ ዝነበሩ፣ ጨካናት ዝበሃሉ ንጉስ ሃይለ ስላሴን መንግስቱ ሃይለማርያምን ብምኽንያት ዝተፈላለዩ ህዝባዊን መንግስታዊን በዓላት እሱራት ይፈትሑ ነይሮም ኢዮም። ‘ክፉእካ ኣይትርገም ካብኡ ዝኸፍአ ከይመጽኣካ’ ከም ዝበሃል ግን ንገዛእቲ ኢትዮጵያውያን ንግሆ-ንግሆ ዝረግም ዝነበረ ኤርትራዊ ሎሚ ንቀንጻሊ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንመዓልቲ ክንደይ ግዜ ኢዩ ክረግም ዝግበኦ? ካብ ግዜ ገድሊ ክሳብ ሎሚ ሓንሳብ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኢሳይያስ ዝኣተወ እሱር ክወጽእ ኣይሰማዕናን። ኣብ ወርሒ ግንቦት ዓመተ 2004 ብዛዕባ ምፍታሕ ገለ እሱራት ኣብ ኣስመራ ወረ ተናፊሱ ነይሩ።

ነገሩ ኣስደሚሙኒ ናብ ሓደ ጉዳይ እሱራት ዝምልከቶ መኮነን ከይደ ብዛዕባ እቲ ዝስማዕ ዝነበረ “ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብምኽንያት በዓል ናጽነት እሱራት ክፈትሕ ድዩ?” ዝብል ወረ ሓተትኩዎ። “ዓሻ ኢኻ ዘለኻ፣ ቤት ማእሰርቲ ክገፍሕ ንካልኦት ሓደስቲ ክቕበል እንተኾይኑ፤ ዝነበሩና እሱራት ክሞቱ ጥራይ ኢዩ ዕድሎም። ስለዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ እሱር ካብ ዘውጽእ፣ ጸሓይ መብረቒኣ ክትቕይር ኣለዋ” ክብል ምስ ተዛረበኒ መመሊሰ ተገረምኩ።

‘ሓለዋ ሰውራ’፣ ‘እንዳቦይ ተዓገስ’፣ ክበሃል ዝጸንሐ ቤት ማእሰርቲ ኢሳይያስ፣ ሎሚ ቤርሙዳ እንተተባህለ ኣይነኣሶን። እታ ብሊቃውንቲ ሳይንስ ‘ፍሉይ ማግነታዊ ስሕበት ኣለዋ’ እትበሃል፣ ብመንፈሳውያን ድማ ‘ኣብ ትሕቲኣ ዝነብሩ ረቀቕቲ ፍጥረታት ኣለዉ’ እትበሃል በርሙዳ ትሪያንግል፤ ኣብ ፓሲፊክ ውቅያኖስ ኢያ እትርከብ። ቤት ማእሰርቲ ህግደፍ ከኣ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ፍሉይ በርሙዳ ትርያንግል ኢዩ።

ከምቲ ዛንታ ‘ዳስ ሓውያ’ ዝኣቱ’ምበር ዝወጽእሲ ኣይረኣናን ዝበሃል፣ ኣብ ስርዓት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ ብዘይካ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክኣቱ’ምበር፣ ክወጽእ ዝተራእየ ሰብ የለን። ኣብ ስርዓት ህግደፍ ሕድገት ዝበሃል ሕልሚ ኢዩ። ኢሳይያስ ውልቀ-ምልካዊ ኢዩ፣ ጨካን ኢዩ፣ ስሱዕን ዘይፍትሓዊን ኢዩ ወ.ዘ.ተ…. ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ “ኣይፋሉን! ክንደይ’ኳ ሕያዋይ፣ ወሪዱዎ ካልኦት ብዝገበሩዎ በደል ክሕመ ይኑብር መስኪናይ ሰብኣይ” ዝብሉ ሰባት ውሑዳት ኣይነበሩን። ከምቲ ኩላትና ኣብቲ ጉዕዞ ዝነበርና እንፈልጦ፣ ብዘይካ’ቶም ኣብ ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲሮም ዝተረሸኑ፤ ብዙሓት ተጋደልቲ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣሰር ጠፊኦም ኢዮም።




ሓደ ካብቶም ብዙሓት ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት መራሕ ሓይሊ ዝነበረ፣ መብራህቱ ወልዱ ብሳጓ "ገስጋሲ ሓረስታይ" ዝፍለጥ፣ ኣብ ምንቅስቓስ 1973 "መንካዕ" ዝተኣሰረ ተባዕ ተጋዳላይ ኢዩ። ብድሕሪ ምእሳሩ እታ ሓይሊ ብምልእታ፣ 'ብመንካዕ ተጸልያ ኢያ' ብዝብል ጥርጣሬ ፋሕ-ብትን ከም እትብል ተገብረ። 'ካብ ብሱል ጥረ' ከም ዝበሃል፤ ወዝቢ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኢሳይያስ ዝተፈትሐ ገዲም ተጋዳላይ መብራህቱ ወልዱ ኢዩ። ወዲ ወልዱ ኣብ ሶርያ ዝተዓለመ፣ ኣብ ግዜ ታዕሊም ፍሉይ ቅልጣፈን ወተሃደራዊ ክእለትን ዘመስከረ ተጋዳላይ ኢዩ ዝነበረ። ኣብ ወተሃደራዊ ክፍሊ ታዕሊም ሶርያ ፍልይቲ ሽጉጥ ዝተሸለመ 'ገስጋሲ ሓረስታይ'፣ ውዒሉ ሓዲሩ ብኢድ ኢሳይያስ ዝለኣኾም ውሻላት ክጠፍእ ምኳኑ ዝግምት'ኳ እንተነበረ፤ ክሳብ መስዋእቲ ምጽባይ'ምበር ንህድማ እንኮ ሰዓት'ውን ኣይሓሰባን።

መብራህቱ ብትውልዲ ዓዱ እከላሎ ዝተባህለት ንእሽቶ ኣብ ጥቓ ዓዲ-ተከለዛን እትርከብ ቁሸት ኢዩ ተወሊዱ። ኣብ 1973 ቅድሚ ምእሳሩ ፍቱው ዝነበረ ወዲ ወልዱ፣ ብድሕሪ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምውጽኡ'ውን ህቡብነቱ መመሊሱ እናለዓለ ከደ። ቅድሚ ምእሳሩ ሓደ መዓልቲ ንኢሳይያስ ሓርጭ እናሰፈረ ክዕድል ረኺቦ። ነገሩ ኣሰደሚምዎ ድማ "ኣንታ ስሱዕ፣ እዚኣ ተሪፋትካ ነይራ'ዶ ሕጂ ተተሓሒዝካያ? ዘገርም ኢዩ መራሒ ተባሂልካስ ኣብ ምቁጽጻር ሓርጭ ተረኺብካ!" ኢሉዎ ከም ዝነበረ ናይ ሽዑ ሰማዕቲ ኣለዉ።

ኣብ መጀመርያ 1979 ወዲ ወልዱን ሓዉ ንሙሴ ተስፋሚካኤልን፣ ኣልኣዛር ተስፋሚካኤል /ወዲ ተለንተ/ ምስ ተፈትሑ ናብ ኢደ-ስራሓት ዝተባህለ ክፍሊ ክምደቡ እንከለዉ፣ ወርቁ ተስፋሚካኤል ድማ ናብ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ ተመደበት። ኣብ ግዜ ሓሙሻይ ወራር ደርግ ከኣ መብራህቱ ወልዱ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመደበ። ግቡእ ሃገራዊ ኣበርክቶ ድሕሪ ምግባሩ፣ ከም ብዙሓት ዝምርዓዉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ድማ ተመርዕዩ።

ኣብ መርዓ ወዲ ወልዱ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ቀንዲ ኣቦ ዳስ ከም ዝነበረ ርግጸኛ እየ። እንተኾነ እቲ ጅግና፣ ብዙሕ ምስጢራት ዝፈልጥን ንኢሳይያስ ድማ ከም ኢብራሂም ዓፋ "ስሱዕ" ኢሉ ጸሪፉዎ ዝነበረን 'ገስጋሲ ሓረስታይ' መብራህቱ ወልዱ፤ ናይ ግድን ክጠፍእ ስለዝነበሮ፤ ብድሕሪ መርዕኡ ኣይሰሙን ኣይሳልስቲ ምስ ሰበይቱ ተሰወረ። ኣብ ግዜ ሕጽኖቱ ምስ መርዓቱ ተረሺኑ ኣብ ሓደ ጋህሲ ተቐቢሮም ዝብል ትሒም-ትሒም ሰሚዕና ኔርና። ምኽንያት ንመስዋእቱ ዝተባህለ ከኣ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝግበር ጥበብ ተማህዘ።

"ምስ ሰበይቱ ምዕባለ ክርእዩ ካብ ዓራግ ናብ ሓው-ወልዕ ብቶዮታ እናኸዱ እንከለዉ፣ እታ መኪና ናብ ቁልቁሎት ጽርግያ "ኣይንምብርከኽን" ናብ ጉድጓድ ኣትያስ ሓፍ-ዞቕ ምስ ኣበለቶም፣ ንሱ ምስ ሰበይቱ ነጢሮም ናብ መሬት ድሕሪ ምውዳቖም ተሰዊኦም" ዝብል መርድእ ተነግረ። ከመይ ገይራ እታ ቶዮታ ንክልቲኦም ጥራይ ኣውዲቓቶም? ካብቲ ብጸልማት ዝኸየድ ጽርግያ ሰውራ፣ እሞ ከኣ ጎዳጉዲ ዝነበሮ ቁልቁለት ጽርግያ ኣይንምብርከኽን፤ ወላ'ውን እንተወደቑ ብኸመይ ኢዮም መድፍዕ ኣብ ዝባኖም ከም ዝወደቐ ንእለት ሞይቶም? እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ! ኢዩ ነገሩ። ነዚ'ውን መስፍን ሓጎስ ክምልሶ ይግባእ። ምናልባት ሕጂ ኣይተረኽበን ይኸውን እቲ ምስጢር፣ ደም ሰባት ስለዝኾነ ግን ክፍለጥ ኢዩ። ወዲ ወልዱ ምስ መርዓቱ ተጋዳሊት ተሰዊኡ እንተኾይኑ፣ ሓደ መዓልቲ መራሕ መኪና መን ነበረ? ቀባሮ'ኸ እንመን ነበሩ? ክበሃል ኢዩ።

ኣቶ መስፍን ብሂወት እንከለኻ ብዛዕባ እቲ ኣይተራኣኹን እናበልካ ምስ ኢሳይያስ ሓቢርካ ዝፈጸምካዮ ቅንጸላ ደቀባት ኤርትራውያን ሰዓት ከይከደካ እንከሎ ኣብ ቅድሚ'ዚ ብሃንቀውታ ዝጽበየካ ዘሎ ህዝብኻ ተናሳሕ።

ንዝወዓልካዮ ደም ብሰላም እንተዘይ ኣደቂስካ ግን፣ ደም ሰራም ኢዩ። ደም፣ ቀደም’ውን ብጓልን ጋርን ንምድቃሱ’ኳ ክንደይ ጸገም ዝነበሮ’ዩ። ናብ ደቅኻን ደቂ- ደቅኻን ከም ዝሓልፍ ኣይትዘንግዕ።

‘ኣብ ክንዲ ብጹሕ ውላድካ ኣይትምሓል’ ከም ዝበሉዎ ወለዲ ግን፣ እቶም ብርዕታቶም ኣብሊሖም ብዛዕባ መስፍን ዝወዓሎ ንምክልኻል ዝሕንጥጡ ዘለዉ ዲያቆናት መስፍን መመሊስኩም ናብ ዝገደደ ሓዊ ከተእትዉዎ’ምበር ኣይከተድሕንዎን ኢኹም ክብል እፈቱ።

ኣብ ዓይንኻ ንዘሎ በሰር ከየውጻእካ፣ ናብ ዓይኒ ብጻይካ ንዘሎ ገፊል ከተውጽእ ኣይከኣልን ኢዩ’ሞ ቅድም ነብስኹም ፍለጡ። ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር... ኣብ ገረግርን ፈልከትን፣ ኣብ ቀብር-ውእትን ብሌቓትን፣ ፋሕን ወድጋንን፣ ኣብ ሓሊበትን ዓራግን ስለዘይነበርኩም፤ ኣብቲ ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርከብ ዝበሃለሉ ዝነበረ ፈታኒ ህሞት... ከምኡ’ውን ኣብቲ ቃርዒዶን ሓምሊ ርጅላን ዝበላዕናሉ ዓመታት፤ ንገዓት ኣብ ክንዲ ብጠስሚ ብላፋ ክንበልዓ እንክለናን “ገረብ ብሓኽላ” ዝብል ስም ከነውጽኣላ እንክለናን፣ ዝኸበርኩም ኣሕዋት! ገዓት ጠስሚ ምስ ርግኦ ኢኹም ትበልዑ ዝነበርኩም።

ኣብ ጎላጉል ሰማእታትን ረመጨት ሑጻ ድርባቦን ንፈርሲ እንስሳ ጸሚቑና ፈውሲ ሞት ክንሕኖኾሉ እንክለና፣ ኣብ /ሻርዕ ሚልዮን በሊድ/ ሓጃ ባርዳ ማንጋ ከሰላ ትሰትዩ ዝነበርኩም “ጨለታት” እቲ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባርሲ ንዓና ነቶም ዝነበርና ሕደጉልና’ሞ ሰማዕቲ ጥራይ ኩኑ። ሕልምኹም ሓርነትን ፍትሒን ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን። ከምቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ፣ ልዕሊ ሃገርን ህዝቢን ንኢሳይያስ ኢና እንኣምን ዝብሉ ጀነራላት፣ ንስኹም’ውን ልዕሊ ህዝቢን ሃገርን ንውልቀ ሰብ፣ ንመስፍን ሓጎስ ኢና እንኣምን እንተበልኩም፤ ስእሉ ኣብ ማልያኹም እንተገበርኩም’ውን መሰልኩም ኢዩ።

ከምቲ ደጋጊመ ዝጸሓፍኩዎ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ማለት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ማለት ከም ዘይኮነ፤ መስፍን ሓጎስ ማለት ድማ ሰልፊ ኢ.ፒ.ዲ.ፒ. /EPDP/ ማለት ኣይኮነን። ሰልፊ ኢ.ፒ.ዲ.ፒ. ሓደ ካብቶም ኣንጻር ኢሳይያስ ዝቃለስ ዝነበረን ዘሎን ሰልፊ ኢዩ። ግን ኣብ ማእከል እቲ ሰልፊ ናይ ኢሳይያስ ሳተላይት ዘሎ መስፍን ብንጹር ይፈለጥን ይተኣለን። መሪሕነት እዚ ሰልፊ፣ ኣይፋልናን ንኣምኖ ኢና’ሞ ኣይነውጽኦን ኢና ዝብል መርገጺ እንተወሲዶም ግን ዝመሸመሸት ድንሽ ኣብ ጽሩይ ድንሽ ዝመልአ ካሻ ሒዝኩም ትኸዱ ምህላውኩም ክንሕብር ጥራይ ኢዩ ግቡእና።

ቅርቅረ ህዝቢ ኤርትራ ግን ናብቲ ጽባሕ ንግሆ መዓር ዝብርበሮ ቆፎ ሓርነት፣ ፍትሒን ሰላምን ክትመርሕ ኢያ። ሽዑ ኣብቲ ግዜ መዓርን ወለላን ሓዳስ ኤርትራ የራኽበና።

<u>**እነሆ ኢ-መይል፣ ካብ ናይ ዓይኒ ምስክር፡-**</u>

ናብ ኣለና

ብመጀመርያ ኣብ እተካይዶ ዘሎኻ ኣብ ምቕራብ ሓቀኛ ስእሊ ዲክተተር ኢሳያስን ተሓባብርቱን ንህዝቢ ኤርትራ ከየመስገንኩኻ ክሓልፍ ኣይደልን፤ ናይ ገለ እንዳረኣዩ ዝዓወሩ እንዳሰምዑ ዝጸመሙ ጠላማት፡ ናይ ተቓውሞን ታህዲድን ጽሑፋትን ንጎኒ ገዲፍካ ክትቅጽሎ የተባብዕ ኣብ ጎንኻ ድማ ኣለኹ። ኣብ ጽሑፋትካ ብዛዕባ ውዲት መቕተልቲ ተጋዳላይ ዘርእማርያም ተጠቒሱ ነይሩ። ኣነ ካብቶም ዝቐበሩ ሓደ ኢየ ነይረ፡ ልክዕ ኢዩ እንተዘተጋግየ ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይ 1975 እዩ፤ ኣብታ ሰዓት እቲኣ ኣነ ኣባል ናይታ ብደቂ ኣራዊት እትጽዋዕ ጋንታ ፈዳይን ስለ ዝነበርኩ ኣብ ኸዜን ነርና ናይ ምሸት ኣጋ ሰዓት ሰለስተ ኣቢሉ ይኸውን ናይ ሬድዮ መልእኽቲ ካብ ኢሳያስ ናብ ቫይናክ (ናይ ሽዑ መራሒ ጋንታና) ዝነበረ ትመጽእ፡ ያላ ያላ ተባሂልና ብተብተብ ናብታ ኢሳያስ ዝነበረላ ቦታ ንበጽሕ፡ ኢሳያስ ንበይኑ ዘርእማርያም ድማ ወዲቑ ይጸንሓና ናይ ዘርእማርያም ህራም ልክዕ ኣብ ግንባሩ ኮይኑ እታ ጥይት ሃሪማ ኣይወጸትን ኣብ ግንባሩ ተሰኺዓ ትርኤ ነይራ ደም እውን ኣይነበሮን። ኢሳያስ ኣብታ እዋን እቲኣ ነብሪ ክምስል እንዳ ኣፋጠጠ ህራሙ ከይንሪኦ ኢዩ ይመስለኒ ያላ ቀልጥፉ ቕብርዎ ዝብል ጥእዛዝ የማሓላልፍ ነይሩ። ካልእ ኣብ ዝመጽእ ጽሑፋትካ ብዛዕባ ኣቀታትላ መኮነን ተኽለ (ጉብጣን) ክትጽሕፍ ምኻንካ ኣተንቢህካ ነይርካ እቲ ሓበረታ ክህልወካ ይኽእል ይኸውን፤ ንሓበረታ ግን መኮነን ጉብጣን ኣብ ብርጌድ 44 መራሒ በጠሎኒ እንክሎ ምስ ኣብቲ እዋንቲ መራሕቲ ብርጌድ ዝነበሩ ፍሊጶስ

ወልደዮውሃንስ ዓብደላ ኣደምን ስለ ዘይተሳነየ (ምኽንያቱ ኣይፈልጥኩን) ካብ መራሕ በጦሎኒ ናብ መራሕ ሓይሊ ኣውሪዶም ናብታ ሽዑ ብርጌድ 80 ትብሃል ዝነበረት ከም ዝተላእከ እዝክር ስለዚ ኣብ ኣቀታትላ ጉብጣን ኣብ ኣሶሳ ምስቲ ካልእ ዝጠስካዮ ገንዘብን ውርቕን ዝተኣሰር ክኸውን ይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ

ክሳብ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ጽሑፈይ እንራኸብ ሰናይ ቅነ።

alenakoena@gmail.com

**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**

**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 12 ክፋል) ብኣለና

FRIDAY, 03 DECEMBER 2010 11:12




ሰላም ክቡራት ተኸታተልቲ፤ ኣለና! ክሳብ እታ ኣብ መቓብር ኢሳይያስ እትቦቅል ተኽሊ ሰላምን ዲሞክራሲን እንርኢ....ክሳብ ምስ ገበነኛታትን ድርብ ገጻት ህግደፍን ኣብ ቅሉዕ መጋባእያ ቤት ፍርዲ እንራኸብን ድማ ክንህሉ ኢና። እቲ ምንታይ ሎሚ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ድርኩኺት ዓወት፤ ኢሳይያስን ቃፍላይ ህግደፍን ከኣ ናብ ኣፈፌት መቓብር ስለዘለዉ። ሎሚ መርድእ ኢሳይያስ ንክንሰምዕ ለይቲን መዓልቲን ኣእዛንና ኮኲዕና ጽን ንክንብል ደወልን ሃገራዊ ነጋሪትን ይሃርም ኣሎ። ሎሚ ኢሳይያስ ኣይኮነን ምውዳቕ ኣብዩ ዘሎ፤ እንታይ ደኣ ንሕና ኢና ብሰንኪ እቶም ህግደፍ ዘዋፈሮም ሳተላይታት ከም ኣሳትያ ኣኽላባት ኮይኑ ድምጽና።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘመን-ሓምሳታት ብከምዚ ዝኣመሰለ ሕልኽላኽ ድሕሪ ምሕላፉ፣ ኣብታ ብባሕቲ መስከረም ኳሕ ዝበለት ኣፈሙዝ ከም ንህቢ ንክዓስል ግዜ ኣይወሰደሉን። ሎሚ’ውን ከምቲ ትማሊ ኣሲርናዮ ዝነበርና ጋማ ጽንዓት እንተደኣ ኣሲርናን ከም እንዕወት ኣሚንናን፣ ብርግጽ ናብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝብህጎ ዘሎ ሰላምን ፍትሒን ክንበጽሕ ኢና። ሓንቲ ሃገር ንክልተ ዓይነት ሃገራውያን ኣይትፈልጥን ኢያ’ሞ፣ ጽባሕ ንግሆ ኤርትራ ንመን ኢያ ክትፈልጥ ሽዑ የራኽበና።

እቶም ምስ ኢሳይያስ ብሓንቲ ሳንቡእ ዘስተንፍሱ ኣብ ሙሉእ ዓለም ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ናይ ጥፍኣት ሓዋርያትን፣ እቶም ንሓቂ ክደፍኑ ብዝቦኽቦኽ ዓቃቢቶ ከም ኣረጊት ከልቢ ሕኒንንን! ዝብሉ ዘለዉ መሳፍንቲ ሚለንየምን ጠቕም ፈሊጣውያንን ከኣ ህድእ በሉን ኣዋህልሉን ክንብሎም ንደሊ። ‘ዓቕሊ ዋጋ በቕሊ’ ወይ ከምቲ ብቛንቋ ትግረ ‘በዓል ሰብር ዕዉት ቱ’ ዝበሃል፤ ሰብር የድሊ ኣሎ!

ሎሚ ንኢሳይያስ ካብ ውድቀቱ ዘድሕን መድሃኒት ክርከብ ኢዩ ካብ ምባል፣ ትንሳኤ ናይቲ ጥንቲ ዝነበረ ዳይናሶር ምጽባይ ይቐልል። ኦ ህዝቢ ኤርትራ! ዳግም ከይትደናገር፣ ዳግማይ ጽላሎት ‘ማሕበር ኣንድነት’ ኣብ ከባቢኻ የንጸላሉ ኣሎ። ሎሚ ኣብቲ ኣንጻር ህግደፍ እትገብሮ ቃልሲ መጓዓዝትኻን ዘይመጓዓዝትኻን ንክትመሚ ኣብ ቅድሜኻ ንጹር መንፈት ተዳልዩ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ናትና ኣንፈት ምድንጋር ኢዩ’ምበር፣ እነሆ ኣብዚ መድረኽ ጽራይን ሓተላን ተፈላልዩ ኣሎ።

ክቡራት ኤርትራውያን ብሓበራ! እዞም ሰባት’ከ መን’ዮም? መዓስን ብከመይን’ከ ተራኺቦም? ንምንታይ ዕላማ? ቢጊሓቱ ትልሚ ክርዳድ ዝተለመ ኢሳይያስ’ምበኣር ሎሚ ከምታ ዝዘርኣ ክርዳድ ንክበልዕ ኮራርምቱ ወቺሩ ይጽበ ኢዩ ዘሎ እንተተባህለ፣ ኣይተጋነነን። ‘ጭሕሚ ብጻይካ ክላጸ፣ ጭሕምኻ ማይ ልኸ’ ከም ዝበሃል ከኣ፤ እቶም ክናናን ምናናን ኢሳይያስ ሎሚ ክርዳድ ንምቑርጣም ኣስናንኩም ውቐሩ።

እምበኣርከስ እዞም ክልተ ወሰኖት መስፍን ሓጎስን ናይዝጊ ክፍሉን ከኾኑ እንከለዉ፤ ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ድማ ሓርበኛ ነፍስ-ሄር ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዕሉል ጉሒላ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን

ኢዮም።




ኢሳይያስ ሰይጣናዊ በትረ-ስልጣኑ ንምጭባጥ ብዓመጽ፣ ተንኮል፣ ቅንጸላ፣ ጸለመ፣ ወ.ዘ.ተ…እናተጠቕመ ክመጽእ ዝጸንሐ መንደላይ ተመን ኢዩ። ንኩሉ እናኣጸጸየ ምስ ወደአ ድማ ምስዚ ኣብ ስእሊ ዘሎ ነፍስ-ሄር ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዕለት 23 መጋቢት 1976 ዓ.ም. ዝነበሮ ዝምድና ኣብ ካርቱም በተኸ።

ኢሳይያስን መስፍንን ክባተኹ ወይ ሓደ ኣንጻር እቲ ካልእ ብዕላማ ክቃለስ ይኽእል ኢዩ ኢልካ ምእማን፤ ንሓንጎልካ ዝዓጸኻሉ ፓስ-ዎርድ ምርሳዕ ከም ማለት ጥራይ ኢዩ ዝቑጸር። ስለምንታይ ኢዮም ኢሳይያስን መስፍንን፣ ከምኡ'ውን ኢሳይያስን ገለገለ ጀነራላትን "ሓደ ዕላማና ክሳብ ሞት!" ዝብል ጭርሖ ኣድሚጾም ንጥፍኣት ህዝቢ ኤርትራ መሪጾም?

እቲ መልሲ ኣዝዩ ቀሊል ኢዩ። ኣብቲ ናይ በረኻ ጉዕዞን ብድሕሪ ናጽነትን ኢሳይያስ ንኣእዳዎም ብንጹህ ደም ስለዝለኸዮ ጥራይ ኢዮም ሰብ ሓደ ማዕተብ ኮይኖም። ስለዚ እዞም ሰባት፣ እዞም ሎሚ ኣብ ዝለዓለ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መዋቕር ሃገርና ኤርትራ ዝለዓለ ስልጣን ሒዞም ዝርከቡ ዘለዉ ብሓደ ወገን፤ ግምጣል ቅርሺ ኢሳይያስ ድማ በቲ ካልእ፤ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንምፍልላይ…ንምብኣስን ንምጽናትን በብዓመቱ ካሪክለም ዝሕንጽጹ፤ ኣብ ሰላማዊትን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም።

ምንባሮም ኣብ ዕግርግር ስለዝኾነ፣ ኲናት ምስ የመን፣ ምስ ኢትዮጵያ፣ ምስ ጂቡቲ እናኣካየዱ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝቢን መዘና-ኣልቦ ገበናት ክገብሩ ጸኒሖም። እነሆ ድማ ሎሚ እቲ ኣንጻር ኢትዮጵያ (ወያነ) ዝጸንሐ ገዓሮን ሆይሆይታን ኣብ ህሮሩማ ሑጻ ከም ዝተሸመመ ጋሻ ውሕጅ ህጣሙ ኣጥፊኡ፣ ሓድሽ ናይ ኲናት ዋዜማን ኲሸማንን ምስ ዑመር ኣል-በሺር ከንጸላሉ ንዕዘብ ኣሎና። ስለምንታይ ኢና ነዚ ኣዝዩ ቀለልቲ ተርእዮታት ንከነዛምዶ ኣብ ክንዲ ምፍታን፤ ምስቶም ናብ ዕንኪላሎ ከእትዉና ዝጽዕሩ ዘለዉ ሰብ ዕላማ ከም ቶፖሊኖ /ባምቡላ/ መጻወቲኦም ንኸውን?

ክቡራንን ክቡራትን ኤርትራውያን! ኣብ ተኸታታሊ ክፋላት እዚ ጽሑፈይ፣ ሕቡኣት ምስጢራት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ኤርትራውያን ንምጥፋእ ውዲታት ህግደፍ ብውሽጢን ሰብ እከይ መሻርኽቱ ብወጻኢን ክገልጽ ጸኒሐ። ብፍላይ ድማ እቲ ካብ ሰብዓታት ከም ግምጣል ሓንቲ ሽልን ዝፍለጥ ተጋዳላይ መስፍን ኣብ ዝሓለፉ

ዓመታት፣ ብፍላይ ከኣ ሎሚ ኣብዚ ዱሮ ቀብሪ ህግደፍን ጥፍኣት ኢሳይያስን ከመይ ዝኣመሰለ መንገዲ ይኸይድ ከም ዝነበረን ዘሎን ተንቲነ እየ።

ኣንቱም መሳፍንቲ ዘመነ-ሚለንየም! ኣንቱም ጽባሕ ንግሆ ናይ ኮን ዶኾን ሹምባሽን ብሉቕባሽን ትጽበዩ ዘለኹም መምባሃቕቲ፣ ብዝቐነነት ሚዛን ንክትፈርዱ ሕልናኹም ናብ ዕዳጋ በለስ ዘውረድኩም ተሓለቕቲን ጠበቓታትን፣ ኣብ ክንዲ መስፍን ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ናይ መከላኸሊ ሰነድኩም ሒዝኩም ንክትቀርቡ እንደገና ብድሆ ዓው ብዝበለ ድምጺ።

መስፍን ካብ ኣስመራ ክወጽእ እንከሎ ብከመይ ኣገባብ ኢዩ ተፋንዩ ጽባሕ ንግሆ ዝምስክሩ ሰብ ክልተ ኣዒንቲ ኣለዉና። ብድሕሪ ምውጽኡ ከኣ ንዕኡ ዝረኸቡን ብዛዕባ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ህዝቢን ኲነታት ተቓወምቲን ዝግምግሙን ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ሓያለይ ግዜ ብኣዝዩ ምስጢራዊ ኣገባብ ከም ዝራኸቡዎ ብድሆ በብሰነዳትና። ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት፣ ማለት ብዕለት 15 ለካቲት 2007 ዓ.ም. ምስኡ ምስጢራዊ ኣኼባታት ንምክያድ ኣብ ሃገር ጀርመን፣ ከተማ ፍራንክፈርት ካብ ኣስመራ ተላኢኾም ዝነበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነት፣ ሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፣ ብሪጋደር ጀነራል ስምኦን ገብረድንግልን ኮሎኔል ኣማኑኤል ጻውሎስን ነይሮም።

ሜ/ር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብ (ሆሊ ደይ) ዝተባህለ ዓቢ ሆቴል፣ ቁጽሪ ክፍሊ 903 ሒዙ ነበረ። እቶም ክልተ ሓለፍቲ ከኣ ናብ ካልእ ሆቴል ኣዕሪፎም ነበሩ። መስፍንን ፊሊጶስን ካብ ዕለት 16 ክሳብ 18 ለካቲት ብተኸታታሊ ንክልተ መዓልታት ምስጢራዊ ኣኼባታት ኣካይዶም ኢዮም። ብድሕሪ'ቲ ኣኼባ እቶም ካብ ኣስመራ ዝመጹ ሰበ-ስልጣናት ናይ 24 ሰዓታት ምብጻሕ ንምግባር ብመኪና ናብ ሆላንድ ድሕሪ ምብጽሖም ናብ ኣስመራ ተመሊሶም።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣዝዩ ምስጢራዊ ርክባት መስፍን ሓጎስን ላዕለዎት ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነትን ኣብ ኤውሮጳ፣ ኣሜሪካን ሱዳንን ነይሮም ኢዮም። ንኣገዳሲ ጉዳያት ካብ ክፍሊ ሃገራዊ ድሕነት ዝመጽኡዎ ኮሎኔላትን ከምኡ'ውን ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝተመደቡ ሓለፍቲ ህግደፍ ከም ተጋዳሊት ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪንዳድ) ኣለዉ። እቲ ሰብ ገበሮ ምድሪ ነገሮ ዝብል ሓቂ ንክይተርፍ ድማ፣ መስፍን ናብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ብዘይካ ገዛ እንዳ ኣቶ በረኸት ኣውዓሎም፤ ገዛ እንዳ ናይዝጊ ክፍሉ ክኣቱ እንከሎ ተራእዩ ኢዩ።

ቅድሚ ሒደት ሰሙናት ካብ ኣስመራ ናብ ጀርመን ተላኢኹ ዝመጸ፣ ኣብ ክፍሊ ኢሚግረሽን ዓቢ ሓላፍነት ዘለዎ ኮሎኔል ስብሃቱ ፎቶ (ወዲ ፎቶ) እውን ከም ዝነበረ ተረጋጊጹ ኣሎ። መዓልቲ ይነውሕ'ምበር እቶም ሰነዳት'ውን ብህዝቢ ክንበቡ ኢዮም። ዓድና እናበረሰ…ህዝብና ብማእሰርቲ፣ ምርሻን፣ ጥሜትን ስደትን እናተብሳበሰ፣ መሰልና ኣብ እግሪ ውልቀ-መላኺ እናተሓምሸሸ…ያኢ ካብ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብሰላማዊ ኣገባብ ፍትሒ ክትኮበሎም ዝምህለሉ፤ ወይ ድማ ስርዓት ህግደፍ ብኣኼባን ዘረባን ጥራይ ኣብ ሓደ ለይቲ ዓነው ኢሉ ክወድቕ ዝጽበዩ ዘለዉ፣ ገና ድርዕቶ ተደሪቦም ምድቃሶም ይገርም!

ከምቲ 'ካብ ዘይትፈልጦ ኣምላኺሲ እትፈልጦ ሰይጣን ይሓይሽ' ዝብል ኣረሜናዊ ብሂል፤ "…ኣብ ክንዲ ብዘይ ደቂ ሃይማኖትና፣ ኣብ ክንዲ ብዘይ ደቂ ኣውራጃና፣ ኣብ ክንዲ ብዘይ ደቂ ብሄርና… ሃገር ትምራሕ…እዚ ንኤርትራ ናጻ ዘውጽኣን ትማሊ'ውን ሃገር ዘውሓሰን ኢሳይያስ ይጽንሓልና" ዝብሉ መራሕቲ ሰልፍታት'ኳ ብሃንደበት ዝመሎቕም ዘረባ ሰሚዕናዮ ኢና። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ናብቲ 'ቅድም ደርሆ ድያ ተወሊዳ ወይስ እንቋቑሖ' ዝብል መልሲ-ኣልቦ ሓሸውየ ኢዩ ዝመሳሰል። "…ኣንጻር ኢሳይያስ ንቃለስ ኣሎና! ግን ከኣ ኢሳይያስ ኣብ ስልጣን ይጽናሕ" ወይ መስተንክር!!!

ንእሽቶ ስግንጢር ኣብ እነዛምደሉ ግዜ ግን፣ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ካብ ግዜ ስሳታት ክሳብ 2001 ንኣስታት ኣርባዓ ዓመታት፣ ሓዊ-ሓዊ ዝጨኑ ጠበንጃ ብርኪ ሊሎ ተሰኪሙ ዝተጓዕዘ ሰብሲ ሎሚ ንዓለም ከም ዝመነነ ፈላሲ ዓጣን ደብሪ "ኳሕ ትብል ድምጺ ጥይት ክንሰምዕ ኣይንደልን ኢና። ምስ ኢሳይያስ ዝግበር ቃልሲ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእትኡ ሰላማዊ ቃልሲ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ…ኣብ ውሽጢ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣገደስቲ ሰባት ኣለዉና'ሞ ብህድኣት ንጸበዮም…መንግስቲ ህግደፍ ንክወድቕ ዝተረፎ ነገር የብሉን'ሞ፣ ኣብ ሓደ ሰልፊ ተወዲብና ጸኒሕና ጽባሕ ንግሆ ብሓንቲ ቻርተር ነፋሪት ድርግም ናብ ኣስመራ!…" እናበለ ደጋጊሙ ይዛረብ ኣሎ።

ወዳጀ! ፍልስፍና፣ ትማሊ ኣብ ግዜ ቃልሲ ህዝብና ብሰንኪ እቲ ኢሳይያስ ንገዛእ ጥቕሙ ክብል ዝጉስጉሶ ዝነበረ "በዞም በላዕልቲ እንቋቑሖ ጀብሃ ኣይንመሓደርን፣ ናጽነት ብበላዕቲ እንቋቑሖ ኣይትመጽእን ኢያ" ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ ፖለቲካ ኢሳይያስ ተረሲዑስ፤ ሎሚ ፍትሒ፣ ሰላምን ዲሞክራሲን **ብበላዕ ስጋ ሰብ ዝኾነ ኢሳይያስ** ክመጻ ኢየን ኢልካ ምጽባይን ምስ ምንታይ ኢዩ ክቑጸር! እምበኣርከስ ብቻርተር ነፋሪት ናብ ኣስመራ ምእታው እንተኾይኑ ቅድም እቶም ብጾምን ጸሎትን ተጸሚዶም፣ ካብ ኩሉ ክፉእ ተግባራት ጃንዳይ ጃንዳኻ፣ ኣውራጃይ ኣውራጃኻን ሃይማኖተይ ሃይማኖትካን ወ.ዘ.ተ... ርሒቖም፣ ኣብ ጽኑዕ እምነትን ሰብኣዊ ስነ-ምግባርን፣ ኤርትራውነት ዝወለዶ ምጽውዋርን ጸኒዖም ኣብ ኩሉ ዓለም ኣብ ዝርከብ መሳጊድን ኣብያተ-ክርስትያንን ዘለዉ ኤርትራውያን ኢዮም ቅድም ናብታ ቅድስቲ መሬት ኤርትራ ክኣትዉ ዝግባእ።

ስለዚ ኣንጻር ኢሳይያስን ስርዓቱ ህግደፍን ተታሒዙ ዘሎ ዓርሞሸሻዊ ሃገራዊ ወፍሪ 'ኣለና' ከምኡ'ውን ብዛዕባ ገበናት ኢሳይያስን መሻርኽቱ ዝነበሩን ዘለዉን፣ እቶም ስዉራት ዝመስሉ ህግደፍ ዝለኣኾም ተቓወምቲ መሰል ንምቅላዕ ጽሑፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ቀጻሊ ኢዩ። እዛ ኣብ ላዕሊ ንርእያ ዘለና ስእሊ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1972 ዓ.ም. (ቅድሚ 38 ዓመታት) ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ነፍስ-ሄር ሓርበኛ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፣ መስፍን ሓጎስን ናይዝጊ ክፍሉን ሽዑ ኣብ ሊባኖስ ከተማ በይሩት ዝተሳእሉዋ ኢያ። ብዛዕባ'ቲ ነዊሕ ማእከላይ በዓል መነጽር ዓይኒ ግን ዝበሃል ነገር የለን።

እቲ "ካብ ሎሚ ንደሓር ኣማን ኣል-ዓማ ዝብል ስም ተሪፉ ብልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ክትካእ፤ ዝምድና ምስ ውሽጢ ሜዳ ከኣ ናይ ኣዛዚን ተኣዛዚን ዘይኮነስ ሓባራዊ ሓላፍነት ክህሉ ኣለዎ... " ዝብል ሓሳቡ ተቐባልነት ረኺቡ ክታም ምስ ተነብረሉ፤ ኢሳይያስ ብታሕጓስ ዝኣክል ኣብቲ ደቂሱሉ ዝነበረ ሆቴል፣ ኣብ ዓራቱ ኮይኑ ከም ቆልዓ ይሰራሰር ከም ዝነበረ ብናይዝጊ ክፍሉ ይዕለል ነበረ።

ጠላም ኢሳይያስ ግን ንመን ዘይጠለመ! ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንዘቕሞ ሓይሊ'ውን ብጥበብን ተንኮላትን ናብ ጥቕሙ ኣውዒሉዎ። ንመስራቲ ዲሞክራሲ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ብድሕሪ ዕረፍቶም ብመራኽቢ ብዙሓን በብመዓልቲ ዝንበብ ዝነበረ ታሪኾም ብዓይኒ ቅንኢን ስስዐን ስለዝጠመቶ፤ ናብ ሚኒስትሪ ዜና ክልተ መስመራት ዝነበራ ደብዳበ ሰደደ። "ንግሆን ምሸትን ወልደኣብ...ወልደኣብ ምባልሲ ኣይበዝሐን'ዶ" ትብል ደብዳበ። ኢሳይያስ ናብ መቓብር ንዝኣተዉ'ውን ዝኣምን ሰብ ኣኮነን።

ኣብ 1970 ካብ ጀብሃ በብመንገዱ ዝተፈልየ ጉጅለታት ህዝባዊ ሓይልታት ጠርኒፉ፣ በብቑሩብ ንበይኑ በሓቶ። ናብ ዕላምኡ ንምብጻሕ ይዕንቅፉኒ ኢዮም ዝበሎም ምሁራትን ጀጋኑ ዜጋታት እዛ ሃገርን ከኣ፣ በብሓደ ዘይኮነስ በብደርዘን እናቀንጸለ ክመጽእ ጸኒሑ። ጥበብን ተንኮልን ቀንዲ መለለይኡ ዝኾነ ዕሉል ሽፍታ ኢሳይያስ፣ ብዘይካ ስልጣኑ ካልእ ዝረኣዮ ጉዳይ የለን። ኢሳይያስ ዝኾነ ነገር ንክገብር ትማሊ ዝበሎን ዝኣመነሉን ሎሚ ክቕይሮን ምንም ዝጽግሞ ሰብ ኣይኮነን። ክሳብ ግዜ ናጽነት መሳርሒ ዝገበሮምን ኣብ ቅንጻላ ዜጋታት ደም ዘለኸዮምን ጉጅለ 15፤ ኣብ መፋርቕ ተስዓታት መንገዱ ስለ ዝዓገቱዎ፣ ኩናት ባድመ ኣባሪዑ። ኣብ ወርሒ መስከረም 2001 ዓ.ም. ከኣ ቀፈዶም። ቅድሚ'ቲ ኩናት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዝነበረ ምዕንዳር ከመይ ጌርና ኢና ክንርስዖ? ዝሰርሖ ዝነበረ ኮንትሮባንድ፣ ብኣነዋሪ ትምዩን ዶላር ዝእክቦ ዝነበረ ገንዘብ ኣይንርስዖን ኢና።

ኣብ ኩናት ባድመ ንሰላማዊ ፍታሕ ኣሜሪካን ሩዋንዳን እምቢ ዝበለን፣ "ካብ ባድመ ወጻእና ማለት ጸሓይ ዓሪባ ፈጺማ ኣይትወጽእን ኢያ ከም ማለት'ዩ" "...ወያነ ቅዳድ ገረወኛ ኢያ ወ.ዘ.ተ..."ኢሉ ከም ዘይፈከረን፤ ካብ ክልቲኡ ሃገራት ዘህለቐ ምስ ኣህለቐ ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ኣብ ውሽጢ መሬትና 25 ኪ.ሜ. ንውሽጢ ንክኸውን ኣብ ኣልጀርስ ክታሙ ንከቕምጥ ኣየሕፈሮን። ስለምንታይ ኢና ንትማሊ ኩሉ ግዜ እንርስዓ ንሕና ኤርትራውያን? ኣብ ወርሒ ግንቦት 2000 ዓ.ም. ብዝተኻየደ ጽዕጹዕ ኩናት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ኣትዩሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፤ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝነበረ ፋይላት ህግደፍ ባዕላቶም ሓዊ ኣንዲዶሞ ኢዮም'ኮ! ኩላተን ላንድ ክሩዘራት ኣዘዝቲ ሰራዊት ድማ ዝኣኽለን ነዳዲ መሊአን ንህድማ ተዳልየን ከም ዝነበራ ብዓይንና ርኢናየን።

ናይ ሰራዊት ደሞዝን ባጀት ክፍላተ-ሰራዊትን ናቕፋ'ውን ናብ ጸሊም ዕዳጋ ከባቢ እንዳ ጾስጣ ወሪዱ ኣሸበሸብ ናብ ዶላራት ተቐይሩ ነበረ። ኣብ ዞባ ደቡብ፣ ከተማ መንደፈራ ዝነበረ ሓላፊ ህግደፍ ብርሃነ ዘርአ /ጣውላ/ ናብ

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ የማነ ገብረኣብ “እንታይ ኢና ክንገብር?” ዝብል ናይ ረድዮ መልእኽቲ ምስ ኣመሓላለፈ፣ “ንኹሉ ዶክመንትታት ህግደፍ ኣቃጺልኩም ርክብና ኣብ ጋሕቴላይ ይኹን” ዝብል መልሲ ሂቡዎ።

ኣይንረስዕ ደኣ! ኣብቲ ኢሳይያስ ዝወልዖ ከቢድ ኲናት ዝነበረሉ ግዜ፣ መንእሰያት ክልቲኡ ሃገራት ከም ጥጥቕ እናተቐልዉ ዝሞቱሉ ዝነበሩሉ ግዜ ከኣ፣ ገለ ኣዘዝቲ ሰራዊት “ኣንታ እዚ ሰብኣይ’ምበር ዶላር ኣልሚዱ-ኣልሚዱ ደንጉዩና፣” ክብሉ ተሰሚዖም። ‘ኣጓብዝ ከም ዓይበት ይቕደዱ ጓል ማእምን ከኣ … ተራእዩዋ’ ከም ዝበሃል፤ ሰብ ከም ህንኩቶ ናብ ሓዊ ይጥበስ፣ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢሳይያስ ድማ ዶላራት ይረኣዮም ነበረ።

ስለዚ ንኢሳይያስ ዘሕፍሮ ነገር የለን’ሞ ናብ ትማሊ ንዘክር! ካብ 2001 ዓ.ም. ክሳብ ዓሚ ብኹሉ መራኸቢታቱ፣ ረድዮ፣ ተለቪዥን፣ ጋዜጣን ኣኼባታትን “…ጭፍራ ወያነ! ”፤ “ብጎበጣ ንዝተታሕዘ መሬትና ብሓይሊ ክንመልሶ መሰልና ኢዩ…ንኺድ ናብ ኲናት” እናበለ ጎረርኡ ክሳብ ዝቕደድ ዓንገረር ክብል ሰሚዕናዮ ኢና’ኮ። እሞ ሎሚ ደኣ ዶብ ድዩ ተሓንጺጹ፣ ወይስ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርዓት ተቐይሩ? ኣመል ምስ መግነዝ ስለዝኾነ፣ ክርዳድ ተሊሙ ስርናይ ከብልዕ ከቶ!

ኢሳይያስ “ካብ ሎሚ ንደሓር ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኲናት የለን። ንሕናን ወያነን እንፈታተነሉ ጎልጎል ሶማል ኢዩ። ጀጋኑ ኣሃዱታት ዳግም ንምሕራር ሶማል…ሓይልታት መሓክም… ኣብ ልዕሊ ጭፍራ ወያነ ዓወታት ኣመዝጊቦም…መላእ ሃገር ሶማል ንምቁጽጻር ርብዒ መሬት ተሪፉዎም… ወ.ዘ.ተ…” ክብል ዘይሰምዐ ኤርትራዊ የለን። ስራሕ ግብረ ሽበራ ንምስፍሕፋሕ ኣንጻር ስርዓት ኢትዮጵያ ዝዋግኡ ሓይልታት ኣብ ሩባ ኣንቶረ፣ ቢያ ጋላን ተከዘን ዓዓሊሙ ናብ ውሽጢ መሬት ዋልቃይት ኣእትዩን ሰባት ኣህሊቑን ኢዩ። ምስ ጉጅለታት ኦሮሞ ብምምሽጣር ብወገን ምብራቕ ኢትዮጵያ ዓቢ ዕንወት ክፍጽም ጸኒሑ። ምስ ሰልፊ ቅንጅት ካብ 2005 ዓ.ም. ንደሓር ዝለዓለ ሓድሽ ዕርክነት ብምምስራት፣ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምውዳቕ ናይ ሓይሉ ሰሪሑ። ካብ ምንጋጋ ኤርትራውያን ዝመንዝዖ 2% ንሰልፊ ቅንጅት፣ ጉጅለ ኣል-ሸባብን ዳርፉርን ተኸፊሉ።

ከመይ ጌርና ኢና ንርስዕ ዘለና! ህግደፍ ናብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ ነታጉ ንክቕብር በብዓመቱ ሰባት ኣዋፊሩ። “ቤት ጽሕፈት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ካብ ኢትዮጵያ ከይገዓዝ ወኪል ኣየድልየናን ኢዩ” ከም ዘይበለ እነሆ እቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መደብ ረድዮ ድምጺ ሓፋሽ ናይ ኣምሓርኛ ኣቕራቢ ዜና ዝነበረ ግርማ ኣስመሮም ዝተባህለ ኣምባሳደሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ ሰሚዕና። ኣበይ ደኣ ኣተወ እቲ ንግሆን ምሸትን ወያነ…ወያነ…ሶማል…ሶማል ዝበሃል ዝነበረ ጥሩምባ? ሕጂ’ውን ዘዕነወ ኣዕንዩ እቲ ዝሓሰቦ ኲሉ ምስ ከውሐ ምስ ተጋጨዎ፣ መጥሓን ተሰኪሙ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ <<ይቕረ በሉለይ>> ንምባል ፈጺሙ ዘሕፍሮ ኣይኮነን።

ኣብ ተመኩሮ ኢሳይያስ ከም ዝረኣናዮ፣ ካብኡ ንዝሕይል ሰብ ንምቕንጻል ውዲትን ጻለመን እናገበረ ስጉምቲ ይወስድ። ኣብ ዝሓሰቦ ግዜ ዘድልዮ ስጉምቲ ክወስድ ዘጸግሞ እንተደኣ ኮይኑ ግን፤ ከምቲ ንጂ.15 ዝገበሮም ኢዩ ዝገብር። ስለዚ እቲ ትማሊ ዝነበረ ሕልሙ ብዛዕባ ጎረቤት ትግራይን ኢትዮጵያን ንሓዋሩ ክቕብሮ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ እነሆ ምስ ጂቡቲ ዝነበሮ ቁርቁስ ገዲፉ ብድርብ ከቦሮ ከም ዘይኣተወ፣ ከም መርዓት ጭሉቕ መሉቑ ወጺኡስ ምስ መራሕቲ ጂቡቲ ይዋሳእ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ፖለቲካ ምንዝርና ዝበዝሓሉ ወቕቲ፣ እዞም ኣብ ደገ ህዝቢ ንምብትታን ዝተላእኩ ካልኣይ ገጽ ህግደፍን ዓሊ ዓብዱ ብለይቲ ለይቲ ዘመሓድረን ወብ ሳይታት ማሕበር ኣንድነትን፤ ነዚ ናይ ግዜ ዕግርግር ተጠቒሞም ሓንሳብን ንሓዋሩን ወዛሕዛሕ ይብሉ ኣለዉ። ናብ ኢትዮጵያ ምእታው ወጊድ ክብሉ ከም ዘይነበሩስ ኣተዉ ደኣ። እነሆ ድማ ሎሚ ብታሕቲ ታሕቲ ምስ ህግደፍ መደባቶም ብምውህሃድ፣ ኣንጻር ህዝባዊ ፍሕሕታ ንምግጣም ስረ ብዘይ ቁልፊ (ስርዋን እምበል ወደግ) ንምዕጣቕ ይሸባሸቡ።

ንሕና ደቂ’ዚ ኣርዑት ኢሳይያስ ዝኸበዶ ህዝቢ ኤርትራ ኢና። ንሕና ደቂ’ቶም ፈለምቲ ዲሞክራሲ፣ ደቂ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ዓሊን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኢና’ኮ። ንሕና ደቂ’ቲ ክንዮ ደረት ትርኢት ንዝነበረት ብርሃን ዝረኣየ፣ ብሓንቲ ኣቡ-ዓሸራ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ክዕወት ምዃኑ ዝኣመነን ስለ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ጎቦታት ኣዳል ከም ኣንበሳ ዝጓዘመን ደቂ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ኢና። ኣብ ደምና ዝጭንጉዕ ዘሎ ሕድሪ ሰማእታት ሚእቲ ሽሕ ደቂ ህዝቢ ክሳብ እፎይ ዝብል ከኣ ዝዓጠቕናዮ ህዝባዊ ዝናር ከነዝልቕ ማለት ኣበደን!

ንሕና ኣሕዋት እቶም እንኮ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ጋንዲ ከም እትኸውን እናኣመኑ፣ ብናይ መወዳእታ ትንፋሶም <<ዓወት ንሓፋሽ>> ኢሎም ዝተሰውኡ ኢና። ስለዚ ትማሊ ስለ ናጽነት እዛ ሓላል መሬት ሰፍ ዘይብል ዋጋ ምሩጻት ዜጋታትና ከም ዝኸፈልና ሰብ ሕልና እንተድኣ ኮይንና፣ ነዚ ንብዓቱ ወዲኡ ደም ዘንጠብጥብ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ነቲ ኣብ ምድረ-በዳ ሳሃራን ሲናይን ዝቕዘፍ ዘሎ መንእሰይና፣ ነቲ ኣብ ባሕሪ መዲተራንያን ቀለብ ዓሳታት ዝኸውን ዘሎ ኤርትራ ወሊዳ "ኤርትራዊ" ኢላ ዘጠመቐቶን ዕሽል ዜጋና ኣለናልካ ንበሎ። ኣንቱም ሕጂ ንፈልጥ ኢና በሃልቲ ከኣ፣ ባጀላ እንተለኩምሲ ነቶም ኣብ ዓዓመት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተጠረዙ ናብ ምንጋጋ ኢሳይያስ ዝኸዱ ዘለዉ መንእሰያት ቅድም ተጣበቑሎም።

ሕቡኣት ምስጢራት ህግደፍን ሓለቓኣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ገና ክጸሓፉ ኢዮም። ስለዚ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ብካልእ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም ቅነ።

ንሓበሬታን መአረምታን ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻይ ክትጽሕፉለይ ብትሕትና አዘኻኽር።

alenakoena@gmail.com

__ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።__

__ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና__

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 13 ክፋል) ብ ኣለና

MONDAY, 13 DECEMBER 2010 05:41



ኣለና ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ መንፈስ ዘለዎ ከባቢታት ዓለም። ኣለና ኣብ ዱሮ ዕሰሌ ኤርትራ! ኣለና ኣብ ዱሮ "ገዓት ሓምሊ ውጻእ ገዓት ጠስሚ እቶ" ኣብ ዝበሃለሉ ቅነ ጽንዓትን ጋማን!

ደቅናን ዲቂ-ደቂናን ከምቲ ንመንነቱ ብሓለንጊ እናተገርፈ 'ኩንታኩንተ' ዝበለ ኣፍሪቃዊ ጊልያ፣ ኣብ ርሁውን ጽንኩርን ግዜ "ኤርትራውያን ኢና" መታን ክብሉ፣ ሎሚ ክልቲኣን ኣዒንትና ብማዕረ፣ ሓንቲ ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካልኣይቲ ድማ ንመስፍን ሓጎስ ከጥምታ ይሕተታ ኣለዋ። እዞም ክልተ መራሕቲ ናይ ጥፍኣት ልኡኻት ኢዮም። ኣብ ሰሰከዔቶም ዘስፈርዎም ናይ ጥፍኣት ዓቀይቶት ከኣ ኣለዉዎም። እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንኢሳይያስ የማነ-ጸጋሙ ዘለዉ ሰብ ጽሮራታት ኣብ መድረኽ ወጺኦም ንርእዮም ስለዘለና፣ ንምፍላጦም ዘጸግም ኣይኮነን።




ኣብ ደገ ምስ መስፍን ዝተጠናነኑ ሓያሎይ ልኡኻት ከኣ ብድሕሪ መስፍን ንኪጋለጹ ኣብ መስርዕ ይርከቡ ኣለዉ። ገሊኦም ካብ ዓብደላ ጃብርን ፊሊጶስ ወልደዮሃንስን ገሊኦም ድማ ካብ ኢድ ኮሎኔል መልኣከ ገብረማርያም /ወዲ ፊተውራሪ/ ዝተፋነዉ ክጋለጹ ኢዮም። ከምቲ "ውረደ ...ውረደ ከይትዋረደ" እናበላ ዝደርፍኦ ዝነበራ ሳድላታት ዓድና፣ መን ይፈልጥ ከይተዋረዱ እንከለዉ ባዕላቶም እንተተናስሑ! መን ይፈልጥ እንተተናዘዙ! እስከ ቁሩብ ነቶም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኮይኖም "...ኢሳይያስ ምስዚ ኩሉ ዘሎ ሕንፍሽፍሽ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ኣለዎ" ዝብሉ ዘለዉ እስከ ንጸበዮም!እቲ ጉዳይ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ ኢዩ። ወፍሪ ኣለና ምስ መላእ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ

ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዞ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ወሳኒ ህሞት፣ ከምቲ “መረብ ብተከዘ ትሕበን” ዝበሃል ብመላእ ህዝብና ንሕበን።

ካብ ኣወል ናብ ካልኣይቲን በረካን ሰጊራ ናብ ደረጃ ከም ተማዕዱ ጀበና፤ ወጮ ክፍኣት ህግደፍን ሳተላይታታን ካብ ተሓቢኦሙሉ ዝጸንሑ ጉብጥሽ ንምውጻእ ዝተረፎም ነገር የለን። ሎሚ ከምቲ ስራሕ ህግደፍ “ሕዝ-ግድፍ” ዘይኮነስ፣ ሰባት እናሓረዱ ብደቂ ኣዳም ኤርትራውያን’ዚ መጠመቒኦም ዝጸወቱ ዝነበሩ ጎሓላሉ ናብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ንምቕራብ ምብግጋስ ይግበር ኣሎ። ካብ ሰብዓታት ክሳብ 1994 ምርሻን ኣካለ-ስንኩላን፤ ክሳብ ምእሳር ጉጅለ 15 ማለት በዓል ኣምባሳደር በራኺ ገብረስላሴ ባዕሉ መስፍን ሓጎስ ምስ ጉጅለ 15 ፈሪሙ ከብቅዕ ኣብቲ ምስ ኢሳይያስ ወርሒ ሓምለ 2001 ናብ ኢጣልያ ከይዱሉ ዝነበረሉ ግዜ፣ ካብ ዓዲ ጥልያን ንጀርመን ብዕለት 4 ወርሒ ሓምለ 2001 ተለፎን ደዊሉ፦ “ኪድ ቀልጢፍካ ናብ ኣስመራ እቶ። ወላ ሓንቲ ነገር የለን፣ ኩላ ተቖጻጺርናያ ኢና” ኢሉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝሕየር ዝገበረሉ ግዜን ድሕሪኡን ንዝነበሩ ገበናት እቶም ብዝለዓለ ዝሕተቱ ብሂወት ዘለዉ ከምቲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ዝጸንሐ ብውሽጢ ኢሳይያስ፣ ብደገ ድማ መስፍን ጥራይ ኢዮም። ተጋዳላይ መስፍን ሃየ መልስ ወይ ወግዓዊ ይቕሬታ ንህዝብኻ ሕተት ንብለካ ኣሎና’ሞ መመዝገብና ሒዝና ክንጽበየካ። ካብ ምስቲ ኣብ ገምገም ሽለው ዝበለ ጸድፊ ዘሎ ኢሳይያስ ንሓዋሩ ምጥፋእ፤ ምስቲ ዘለኣለማዊ ዝነብር ህዝብኻን መሬትካን ምንባር ይሕሸካ። እቶም ወራዙት ማዕዶ ጠበቓታት፣ እታ ትልሕም ዘላ ባርዕ ናብኦም ከይትመጾም ኢዮም ዘዕገርግሩ ዘለዉ’ምበር ዘድሕንዎ ጉዳይሲ የለን። ቤት ማእሰርቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ  በቲ ካብ ሜዳ ሒዙዎ ዝኣተወ ሜላ ዮሴፍ ስታሊን፤ ንመንካዕን የሚንን ዝተጠቕመሉ ኣገባብ ኣተኣሳስራ ኢዩ ቀጺሉ። ኣብቲ ጥንታዊ ምስጢራት መስፍን’ውን መሻርኸቲ ኢዩ። እቲ ካብ ‘’ተዓገስ’’ ዝብል ቃል ዝተበገሰ ስም ኣብያተ ማእሰርቲ ኢሳይያስ፣ ክሳብ ሎሚ ‘’እንዳቦይ ተዓገስ’’ ዝብል ስም ሒዙ ክጓዓዝ ጸኒሑ ኣሎ። ብድሕሪ ናጽነት ንዝተገብራ ክልተ ናይ ምእሳር ኣገባባት ክጠቕስ። ማእሰርቲ ብገበን ዘይኮነስ ብዘረባን መልክዕ ገጽን ተጀሚሩ ኢዩ እንተተባህለ ኣይትገረሙ። ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝመስል ሰብ፣ ቀጠልያ ላንድ ክሩዘር ዝዘወረ ዜጋ ክእሰር፣ ንኢሳይያስ ገለ ዝተዛረበ ድማ ንክርሽን ጥራይ ኢዩ እቲ ጽሕፍቶ ኤርትራውያን።

መንግስተኣብ ተኸለጼን ዝተባህለ ኤርትራዊ ንኢሳይያስ ቅምጥ ኢሉ ኢዩ ዝመስል። ኣቶ መንግስተኣብ ኣብ 1993 ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ መምህር ዝነበረ፣ ብድሕሪኡ ኣብ 1998 ዓ.ም. ንፈደረሽን ኣስራሕቲ ኤርትራን /Employers’ Federation of Eritrea/ ማሕበር ወነንቲ ዓበይቲ መካይን /ኤሪትራኮ/ (ERITRUCKO) ዝመስረተን በሊሕን ምሁርን ዜጋ ኢዩ። መንግስተኣብ ንኤርትራ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ንምልላይ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ኮንፈረንሳት ውድብ ኣህጉራዊ ዕዮ /International Labor Organization/ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ዜጋ ኢዩ። ኣብ 2006 ዓ.ም. ግን ናብ ቤት ማእሰርቲ ህግደፍ ኣተወ።

ብዛዕባ ምኽንያት መእሰሪኡ ዝቐረበ ክሲ ኣይነበረን። ገለ ለቕለቕቲ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ. ወኪል ኮይኑ ጸኒሑ ክብሉ እንከለዉ፤ ንብዙሓት ግን መእሰሪኡ ምኽንያት መስድምም ኮነ። ንጉዳዩ ብዝምልከት ምስ ሓደ መኮነን ዝርርብ ኣብ ዝገበርኩሉ ግዜ ዝሰማዕኩዎ መስደምም ግን ንምእማኑ ዘጸግም ነበረ። እቲ መኮነን ህግደፍ፦ ”ንስኻ ኣይፈለጥካዮን ኣለኻ። መልክዑ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ምምሳሉ ጥራይ ከይኣኽሎስ፣ ልክዕ ንመኢና ፕረዚደንት እትመስል ቀጠልያ ላንድ ክሩዘር ገዚኡ ክዛወር ሓሲቡ። ስለዚ ናቱ ጉዳይ ብዝምልከት ኣብዚ ይኣክል። ካብ ሎሚ ደሓር በዚ እንተዘይተዛረብካኒ ይሓይሸ” ኢሉ መለሰለይ። ኣቶ መንግስተኣብ ኣብ ቤት ማኣሰርቲ ሰምበል ዝበሊ ዘሎ ምሁር ዜጋ ኢዩ።

ካልእ ብዘረባ ዝተኣስረ ዜጋ፣ ገዲም ተጋዳላይን ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት ዝነበረን ኮሎኔል ጸጋዘኣብ ዑቕባማርያም ዝግታ /ስርናይ/ ኢዩ። ኮሎኔል ስርናይ ኣብ ስርሒት ዞባ ሓደ ኣብ ትሕቲ እዚ ብ/ር ጀነራል ተኸለ ክፍላይ /ማንጁስ/ ዝነበረ ሰብ ኢዩ። ኣብቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ “ኣይትሓዙኒ! ኲናት ክጅምር እየ። ደም-ደም ይጨንወኒ ኣሎ!!! ወይልኡ ኣብ ቅድመይ ዝጸንሓኒ…” እናበለ ዝፍክረሉ ዝነበረ ግዜ፤ ናብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወሪዱ ምስ ኮ/ል ስርናይ ኣብ ኣዳርሰር ተራኸበ።

ኣብቲ ‘ኲናት ንጀምር’ እናበለ ዝግዕረሉ ዝነበረ ግዜ፣ ካብ ብዙሓት ኣዘዝቲ ሰራዊት “ወተሃደር ስለዘይብልና፣ ንውግእ ዝኸውን ኣጽዋርን ሎጂስቲክስን’ውን ስለዘየለ  ውግእ ሰዓቱ ኣይኮነን” ብምባል ዕጭ ዝበሉሉ ዓመተ-2005፣ ኩነታት ሰራዊትን ዕጥቅን ንምግምጋም ኢዩ ናብ ኣዳርሰር ዝወረደ። በሎ ድማ ንኮሎኔል ስርናይ

“ክልተ ብርጌዳት ሰሪዕካ ቀርበለይ። ሓንቲ እታ ካብ ክፍለ ሰራዊትካ ዝሓየለት፤ ካልኣይቲ ድማ እታ ብዓቕሚ ሓይሊ ሰብን ዕጥቕን ዝደኸመት ብርጌድ” ስርናይ ከም ዝተኣዘዞ ቀረበ። ንክልቲኣን እተን ብርጌዳት እናዞረ ዝተዓዘበ ስሱዕ ኢሳይያስ፣ ንብዙሓት ሓለፍቲን ተራ ኣባላት እታ ክፍለ-ሰራዊትን ኣዘራረበ። ናይ ኩላቶም ድምጺ ከኣ “እምቢ ንኩናት” ኮነ።

ብድሕሪ ምሳሕ፣ ኮሎኔል ስርናይ ሓንቲ ዘረባ ናብ ኢሳይያስ ደርበየ። “ክቡር ፕረዚደንት! ነዚ መሳርዕና እንቋዕ ብዓይንኻ ርኣኻዮ። ሓንቲ ቅር እትብለኒ ጉዳይ ግን ኣላ። ንሕና ኣብ ሳሕል ዝተመሃርናዮ ንሰባት ከነምልኽ ከም ዘይብልና ኢዩ፣ እንተኾነ ኣብ መደባት ኤሪ-ቲቪ ደድሕሪ ዜና ‘ቃላት ብወርቂ ቀለም’ እናበለት ንስምካ ዝግበር ዘሎ ውዳሴ ብከመይ ትርእዮ” በሎ። ኢሳይያስ ፈራሕ ኢዩ፣ ካብ 1973 ዝነበረ ተመኩሮታት ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ ከኣ፤ ኣብ ጸቢብ ኣከባቢ ናይ ልቡ ገሊጹ ኣይፈልጥን ኢዩ። ሽዑ ንስርናይ ኣብ ክንዲ ቃሕ ከም ዝበለኒ እየ ዝገብር ዝብሎ፣ “ኣንታ ስርናይ እቲ ዓሊ ዓብዱ ዝበሃል ሰብዩ ዘይስርሑ ዝገብር ዘሎ። ደሓን ጽቡቕ ርእይቶ ኢዩ፣ ደው ከም ዝብል ክገብሮ እየ” ኢሉ ተፈላለየ። ኮሎኔል ስርናይ ከይተረድኦ ንነብሱ ፈንጂ ኣጻወደላ።

ድሕሪ ሓደ ሰሙን ከኣ ኣዛዚኡ ብ/ር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ጸዊዑ፣ ካብ ስራሕ ደው ከም ዝበለን ጸብጻብን ንብረትን እቲ ክፍለ ሰራዊት ድማ ንኮሎኔል ወዲ ዕንቋይ (ኣብ ወርሒ ግንቦት 2000 ኣብ ውግእ ማዕሎባ ከባቢ ኦምሓጀር ብሰራዊት ኢትዮጵያ ተማሪኹ ዝነበረን ጸኒሑ ዝተለቀን) ከረክብ ከም ዘለዎን ሓበሮ። ስርናይ ዝተባህሎ ምስ ገበረ ናብ ኣስመራ ደይቡ ደስከለ። መውዓሊኡ ባር ትረ-ስተለ ነበረ፣ ምስ ኢሳይያስ ኣብ ሓዘን ወዲ ውጩ ኣብ ዝተራኸቡሉ ግዜ ናይ ሓሶትን ሽሕጣንን ተስፋ ሰምዐ። “…ደሓን ኣብዚ ቀረባ ግዜ ስራሕካ ክትጅምር ኢኻ። ኩሉ ዘጓነፈካ ጸገማት ከኣ ሰሚዐዮ ኣለኹ። ነዛ ሃገር መላገጺ ዝገበሩዋ ሰባት ከም ዘለዉ እፈልጥ እየ” በሎ።

እቲ ንኮሎኔል ስርናይ፣ ክርዳድ ንምዝራእ ዘይደቀሰ ዕሉል ተንኮለኛ ኢሳይያስ ግብራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣይደንጎየን። ንኮሎኔል ስርናይ፣ ቀንዩ ሓዳ ምሸት ሰዓት ሸውዓተ ናብ ገዝኡ ተለፎን ተደወለት። ባዕሉ ተቐቢሉ ምስ ኮሎኔል ወዲ ዕንቋይ ኣብ ዚዛራረበሉ ዝነበረ ግዜ ድማ እቲ ኢሳይያስ ዝጠጅኦ ቃጻ ካብ ጉድጓዱ ወጸ። “ሎሚ ናይ ምንቅስቓስ ቢጃ ናይ መፋነዊ ግብጃ ጌርናሎም ስለዘለናስ ብዝቐልጠፈ ምጻእ ንጽበየካ ኣለና። ይቕሬታ ኣቐዲምና ኣይነገርናካን። ማንጁስ’ውን መጺኡ ስለዘሎ ቀልጥፍ ይብለካ ኣሎ” በሎ። ኮ/ል ስርናይ መኪንኡ ኣልዒሉ ከደ። ቀዳም ምሸት ኢዩ፣ ንጽባሒቱ ጥምቀት ጓሉ ሄርሜላ ኢዩ ነይሩ።

ግን መሳርሕቱን ሓላፊኡን ብዛዕባ ናይ ምፍናው ግብጃ ናይቲ ከም ሓላፊ ኮይኑ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ምንቅስቓስ ቢጃ /ተቓወምቲ ምብራቓዊ ሱዳን/ ስለዘዛረቦስ፣ ኣሚኑ ንጽባሒቱ ዝግበር ጥምቀት ጓሉ ግምት ከይገበረ ናብ ‘ዳስ-ሓውያ’ ኣተወ። ‘ወዲ ሃራም ኮቦሮ ከም ድላዩ ይስዕስዕ’ ከም ዝበሃል ድማ፤ እዞም ናይ ሎሚ ደቂ ኢሳይያስ እሙናት ፈጸምቲ ትእዛዛቱ ጽባሕ ንግሆ እዚ ናይ ጥፍኣት ሃራም ኮቦሮ ምስ ተገለፈ ምስ ህዝቢ ፊት-ንፊት ክራኸቡ ኢዮም።

ንጽባሒቱ ኣብቲ ጥምቀት ዝተዓደሙ ኣጋይሽ “ናበይ ከይዱ ስርናይ” ክብሉ ንሰበይቱን ኣዝማዱን ከጨንቕሎም ወዓሉ። ነቲ ኢሳይያስ ዘጻወዶ እከይ ተግባር ናብ ከብዲ ውሒጦም ግን “ህጹጽ ስራሕ ስለዝረኸበስ ትማሊ ምሸት ንኣዳርሰር ተበጊሱ። ናይ ሻዕብያ ነገር ከምኡ’ዩ፣ ሎሚ ሰላም ኣሎ ጽባሕ ዕግርግር! ደሓን ብልዑ ስተዩ ደኣ! ዝጎደለ ክንምልእ!” ክብሉን ክሸፋፍኑን ወዓሉ።

ኮሎኔል ስርናይ ኣብ ከባቢ ቤት ገርግሽ ኣብ ዘሎ ምስጢራዊ ቤት ማእሰርቲ ንገለ መዓልታት ተዳጒኑ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ብፍልይቲ ቨትሮታታ ብጸሊም ዝተጋረደ ቶዮታ ብለይቲ ናብ ኣዳርሰር ተወስደ። ኣብኡ ድማ ተረሸነ።

ታሪኽ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምርሻንን ምእሳርን ዝተተኽተኸ ኢዩ። ነዚ ጉዳመኛ ሰብ’ዚ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ኢዩ ክፈርዶ? እቶም ደም ዝነብዑ ህዝቢ፣ እተን ኣራእስን ንመዋእል ዝተደርመማ ኣዴታት፣ እታ ወድናስ ይመጸና ዶኾን እናበለት ክሳብ ሎሚ ገዝኣ ከፊታ ትጽብ ዘላ ዘይቀበጸት ስድራ ዝተረሸነ ጅግና፤ እቶም ንሞት ወለዶም ክንዲ ቅንጣብ እምነት ዘየሕደሩ ደቂ እሱራትን ዝተረሸኑን ሰማእቲ… እንታይ ኢዮም ክፈርዱ? ኣብ ዓለም እቲ ዝለዓለ ንገበነኛ ዝወሃብ ፍርዲ ኣበየናይ መጽሓፍ’ኮን ይህሉ ይኸውን? ህዝቢ ኤርትራ ነቲ መጽሓፍ እቲ ንከንብብ ኣዒንቱ ከፊቱ ይጽብ ኣሎ’ሞ፤ ጀባእ በልዎ ነቲ መቕጽዒ ገበነኛ መጽሓፍ።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም! ናባይ እትሰድዎ መልእኽቲ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢዩ፦

alenakoena@gmail.com

**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**

**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 14 ክፋል) ብኣለና

FRIDAY, 17 DECEMBER 2010 04:40




"…ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም ሱዳን ዝነበረ ዓብደላ ኣደም፣ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ዘሰከምዎ ሓላፍነት ክሒዱ ሃዲሙ ኣሎ።" ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዓመተ-2002 ብረድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ዝተቓልሐ ዜና ኢዩ ዝነበረ።

'ሕሞር ካብ መዓር ክምቅር ክብል መጸጸ' ከም ዝበሃል፣ ኣንቱም ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝለኣኽኩም…ካብ ህዝቢ ኤርትራ ክትነርሑ ክትብሉስ ያኢ ተኸሺሕኩም እምበር።

ኣምባሳደር ዓብደላ ኣደም እነሃ እምበኣር እታ ብድሕሪ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ትልንም ዘላ ምንሽር ህዝቢ ኤርትራ ናባኻ ኢያ ክትቀንዕ። ካብ ዓመተ-2000 ክሳብ'ዚ ዓመት እዚ ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪሖም ክንደይ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማትን ሃዲሞም ክነሶም፣ እታ ጥበበኛ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ግን ኣይተዛረበትሎምን። ግርም'ዶ ኣሎና ኣቶ ዓብደላ? እምበኣር ኣብ ዝቕጽሉ ክፋላት የራኽበና። ቅድሚኡ ግን ገለ ነገር ክትዛረብ ተስፋ ንገብር። ኣብ መበል 13 ክፋል ጽሑፍና ኣብቲ ብ **Word** ዝተሰደደን ብ **PDF** ዝተሰደደን ጽሑፍ ክነጻጸር እንከሎ ናይ ገለ ቃላት ጉድለት ነይሩ ኢዩ'ሞ ኣቐዲምና ይቕሬታ ንሓትት። እቲ እሩም ጽሑፍ ድማ **PDF** ፋይል ኢዩ።

ቅድም ከምቲ ልሙድ ሰላምታ ኢዩ ዝግባእ ነይሩ'ሞ፣ ዓቢ ሰላምታ ንዓኹም ይኹን። ሰላም! ደሓንዶ ቀኒኹም፣ ኣለና ምሳኹም…። ካብ ንግሆ ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ስሱዕን ክሒዳን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ (ኣባ ጎብየ) ደቀ-መዛሙርቱን ዓቀይቶት ህግደፍን ደቂሶም ይሓድሩ የለዉን።

ንግሆን ምሸትን ኣብ ቅድሚኦም ዝቐጀል ህድማ ጥራይ ኢዩ። ህግደፍ ኣብ ጉንዲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተቐልቀለት ጫለዳ ድኣ'ምበር ካብ ናይ ገዛእ ርእሳ ዘርኢ ዝበቐለት ተኽሊ ኣይኮነትን። ህግደፍ ከም ዋዛ ዘይኮነስ፣ ኮነ ተባሂሉ ብመደብ "ኤርትራ" ዝብል ቃል'ውን የብላን። ህግደፍ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾበለለት ሓኽሊ ድሙ ደኣ'ምበር ዋና ገዛን መርዓት ጓል ሔማን ኣይኮነትን።

ጫሌዳ ፍረ ስለዘይብሉ፣ ህግደፍ 'ውን ብዘይካ ክርዳድ ፍረ ከተውጽእ ዘይትኽእል ጭደል ፍጥረት ኢያ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላትና ብንጹር ዝተሓበረ፣ ሕጂ'ውን ኣብዚ ብተደጋጋሚ ክበርህ ዝግበኦ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፣ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ኢዩ። ደጋጊምካ ክጥመት ዝግበኦ ጉዳይ ኢዩ። ኣብታ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ከተሳፍር ኢያ ኢልና እንጽበያ ናይ ተስፋ መርከብና፣ ንሓቀኛ ድሕረ-ባይታን ታሪኽን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጭቡጥ ግምት ኣእቲኻ፣ ካብ ኩሉ ብሄራት…ሃይማኖታት…ኣውራጃታት…ውድባት ማሕበራውያን ሓይልታት ወ.ዘ.ተ…ብንጹር ቅዋምን መትከላዊ ኣረኣእያን ዘሳትፍ ክኸውን ይግባእ።

እንተ ውድቀት ስርዓተ-በጋሚንዶ ህግደፍ ኣኺሉ ኢዩ። ስለዚ መፍቶ ጨካናት ጎሓላሉ ህግደፍ ከይንኸውን ካብ ሎሚ ኣከያይዳና ከነጽሪ ይድወል ኣሎ። ብሰንኪ ፕረ. ኢሳይያስ ኣብ መንጎና ክዘርኦ ዝጸንሐ ክርዳድ፣ ጨው ከይንፈሪ የሰክፍ ኢዩ'ሞ፣ ኣከያይዳና ነስምር። ሰዓቱ ይኣክል ኣሎ። ሃገራዊ ነጋሪት ይስማዕ ኣሎ። ደወል ተስፋ…ደወል ራህዋ። 'ገዛኹም ኪዱ ሓዊ ኣጓጉዱ' ከም ዝበሃል፣ ሎሚ ንዝዓነወት ሃገርና እንሃንጸሉ፣ ንዝሓዘነ ህዝብና እንድብሰሉን ካብ ንድየት ናብ ትሕዞ እንሰጋገረሉን ሰናይ ግዜ ይመጽእ ኣሎ። ስለዝኾነ፣ ካብቲ ኢሳይያስ ዝተለሞን ዝዘርኦን ክርዳድ፣ ስርናይ ንፈልየሉ ግዜ ሎሚ ይኹን!

ሃገርና ኤርትራ ብሰንኪ ፋሉላዊ ኣከያይዳን ሜላን ፕረ. ኢሳይይስ ኣፈወርቂ፣ ናብ ሃው ዝበለ ጸድፊ ክትሸመም ጸኒሓ ኢያ። ስርዓት ህግደፍ ባንዴራ ዝተኸለ ሽፍታ'ምበር ብሕጊን ሰብኣዊ ስነ-ምግባርን ዝቕየድ ሰልፊ ኣይኮነን። ብዘይካ ዶላር ካልእ ኣብ ቅድሚኡ ዝረኣዮ ጉዳይ ድማ የለን። ከም እንዝክሮ ኣብ ወርሒ መስከረም 2007 ዓ.ም. ካብ ኣውስትራልያ ናብ ሱዕድያ ዝኣትዋ ዝነበራ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣባጊዕ፣ ኣብ ጥቓ ጂዳ ምስ በጽሓ ተላጋቢ ሕማም ከም ዝኣተወን ተረጋጊጹ ነበረ። ፍሉያት ናይ እንስሳ ዶክተራት ካብ ዓዲ እንግሊዝ ተላኢኾም ነቲ ለበዳ ሕማም ምስ ኣረጋገጹዎ ከኣ፣ እተን ኣባጊዕ ናብ ባሕሪ ከይድርበያ፣ ብቐጥታ ናብ ኣውስትራልያ ክምለሳ ወይ'ውን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ተራጊፈን ሓዊ ንክነዳ ሞያዊ ምኽሮም ለገሱ።

ሽዑ ንሽዑ መንግስቲ ኣውስትራልያ _"ነዘን ሕሙማት ኣባጊዕ ናብ መሬታ ኣራጊፋ እተንድደን ሃገር እንተላ፣ ሓደ ሚልዮን ዶላር ክንህብ ድሉዋት ኢና"_ በለት። ኩላተን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ተሓቲተን ከኣ ኣበያ። ነውራማት መራሕቲ ህግደፍ ግን ነተን ሚልዮን ዶላር ክወስዱ ክብሉ ነቲ ስራሕ ተቐበሉዎ። ሕሙማት ኣባጊዕ ዝጸዓነት መርከብ ኣውስትራልያ ከኣ ናብ ወደብ ባጽዕ ተጸግዐት። ከይሓፈሩ ድማ ብመራኸቢ ብዙሓን፦ "ሓካይምና ናብ ባጽዕ ወሪዶም ነተን ሕሙማት ዝተባህላ ኣባጊዕ ምስ መርመሩወን ዝኾነ ዓይነት ሕማም ኣይጸንሐንን። ስለዚ እዘን ጥዑያት ኣባጊዕ ናብ ሙሉእ ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ክከፋፈላ ኢየን" በሉ።

ንዕቀትን ኣሽካዕላልን ንህዝቢ ኤርትራ መለለይኡ ዝኾነ ፕረ. ኢሳይያስ፣ ነቶም መንገደይ ከስተብህሉ ይኽእሉ'ዮም ዝበሎም ካብ ግዜ ሰብዓታት ኣጽኒተዮም'የ ኢሉ'ኳ መጽሓፍ ሳጥናኤል እንተጠቕዐ፤ ንመንገዱን ክፍኣቱን እንፈልጥሲ ኣለና! ኣባጊዕ ናብ ጋሕቴላይ ተኾመራ፣ ንመዓልቲ ኣስታት ሓደ ሽሕ ክሞታ ምስ ጀመራ ከኣ ብህጹጽ ብመካይን ጸጽዒኖም ናብ ዕዳጋታት ኩለን ከተማታት ኤርትራ እናወሰዱ ሸጥወን።

ሽዑ ብዙሕ ሕማም ውጽኣት ዝሓመመ ህዝቢ ከም ዝነበረ ዚዝከር ኢዩ። እዚ ነውራም ሕጊ ኣልቦ ስርዓት ህግደፍ፣ ካብ ግዜ ናጽነት ክሳብ'ቲ ብዕላማ ዘባርዖ ኲናት ባድመ፤ ኣብ ሱዳን... ኢትዮጵያ... ኮንጎን ሃገራት ዓበይቲ ቀላያትን ዝገብሮ ዝነበረ ዓቢ ናይ ዶላር፣ ብረትን ኣልማዝን ኮንትራባንድ ወፍሪ ከም ዝነበሮ መን ክርስዖ! እቲ ንክእመን ዘጸግም ግን፣ መንግስቲ ባንዴራ ዝተኸለ ክነሱ ኣብ ምዝራእን ምሻጥን ሓሺሽ ምውፋሩ ኢዩ። ኣብ ምጽሓፍ ምስጢራት-ኢሳይያስ፣ ግዜ ክሳብ ዝበስል ክእመኑ ኣይክእሉን ኢዮም ኢልና ዝገደፍናዮም ጉዳያት'ኳ ኣለዉ።




እቲ ብኩላተን ሃገራት ዓለም ኩኑን ዝኾነ መሸጣ ዕጸ-ፋርስ እምበኣር ካብ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመታት ኣትሒዙ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ፋጌና ዝተባህለ ሰሜናዊ ባሕሪ ተዘሪኡ ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ካብ ከተማ ኣስመራ ኣስታት 50 ኪ.ሜተር ርሕቀት ዘለዎ፤ ኣብ ከባቢ ፍልፍል፣ **"ፋጌና"** ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፍሉይ ቦታ ተዘሪኡ ዘሎ ዕጸ-ፋርስ ንምርግጋጽ ንደቂ እቲ ከባቢ ማለት ሞግኣ፣ ሳቡርን ወኪን ንዝፈልጡ ሰባት ምውካስ ጥራይ ኢዩ ዘድሊ። ዕጸ-ፋርስ ፋጌና ብፍሉያት ወተሃደራት ኢዩ ዝሕሎ። እቶም ወተሃደራት ፍሉይ ሓለፋ ዘለዎም ክኾኑ እንከለዉ ኣብ ግዜ ዕረፍቶም፣ ንሳቶም ኣይኮኑን ናብ ስድራ ቤቶም ዝኸዱ። እንታይ ደኣ፣ ኣንስቶምን ደቆምን ኢዮም

ዝመጽኡዎም። ኣብቲ ከባቢ ዝንቀሳቐስ ህዝቢ ወይ ጥሪት የለን። ኣብቲ ከባቢ ሳዕሪ ንክበልዕ ዝኣተወ ብዕራይ ይኹን ካልእ እንስሳ ዘቤት ድማ ተዘሪዑ ይሕረድ።

ብስም “ሓምላይ ቅናት ኤርትራ” ዝብል መደናገሪ ሓረግ፤ ከምኡ’ውን “ንቱሪዝም ሕዙእ ከባቢ” ብዝብል ጨካን ስጉምቲ ወነንቲ እቲ ከባቢ ካብ ግራቶምን ገዛውቶምን ካብ ዝባረሩስ ዓመታት ሓሊፉ ኢዩ። ዘራእቲ ዕጸ-ፋርስ ፋጌና ኣብ ግዜ ክረምቲ ባሕሪ ካብ ሲስተሪናታት ብዝእከብ ማይ ክሰቲ እንከሎ፣ ኣብ ግዜ ሓጋይ ግን ብፍልይቲ ኤነ-ትረ ቦጥ መኪናን ፍሉይ ኣውቲስታን፣ ማይ ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከለዛን ኢዩ ዝሰቲ።

ሓሸሽ ተኣርዩ ብለይቲ ብፍልይቲ መኪና ናብ ኣስመራ ይኣቱ። ዶላር ንምእካብ ናብ ጽዩፍ ስራሕ ዝተዋፈረ ስርዓት ህግደፍ፣ ካብ ኣስመራ ብናይ ዲፕሎማሲካዊ ባልጃ ነቲ ኣብ ፋጌና ዝፈረየ ዕጸ-ፋርስ ናብ ኬንያ፣ ናይጀርያን ኢማራት ዓረብን ይሰዶ። ካብኡ’ውን ነቲ ስራሕ ንከካይዱ ዝተመዘዙ ዲፕሎማት ኣለዉዎ። እቲ ፍሉይ ቀጠልያ ግርማ ዝተዓደለ ሰሜናዊ ባሕሪ ካብ ምፍራይ ዕፉን፣ ቡን፣ ዱባን ኣሕምልትን፤ ናብ ዘራእቲ ሓሸሽ ተቐይሩ ኢዩ። መብዛሕትኡ መሬት ፋጌና፣ ሳቡርን ሞግኣን ብናይ ጥልያን ኮንቸስዮኒታት ተታሒዙ ዝነበረ ክኸውን ከሎ፣ ካብ ግዜ ስርዓት ሃይለስላሰ ክሳብ ናጽነት ኤርትራ በብቑሩብ ናብ ዋናታቱ ደቀባት ይምለስ ነበረ።

ኣብ ዓመተ-1993-1995 ብዙሓት ኣውፈርቲ ንዝነበረ ትርፊ መሬት /ከም ኮንቸስዮነ እንዳ ቶሪ/ ካብ መንግስቲ ገዚኦም ሰፋሕቲ ስራሓት ሕርሻ ንምክያድ ተተሓሒዞሞ ነይሮም ኢዮም። /ንኣብነት ስድራ ቤት ተጋዳላይ ኤደን ፋሲል፣ ስድራ ቤት ተጋዳሊት ሰማይነሽ ኪሮስ ትሪንዳድ፣ ስድራ ቤት ግርማይ ተስፋሚካኤል ወ.ዘ.ተ…/ እቲ ግናይ ወፍሪ ሓሸሽ ህግደፍ ምስ ተጀመረ ግን፣ ብሙሉኦም እቶም ዜጋታት ብዘይ ካሕሳ ተሃገሩ።

“ስለምንታይ ኢዩ መሬት ወኪ ብመንግስቲ ብዘይ ካሕሳ ተሃጊሩ” ኢላ ስለ ግራት ዓደቦኣ ኣብ ወጻኢ ንኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝሓተተት ኤርትራዊት፦ “ነቲ ካልእ ተሪፉ ዘሎ መሬት’ውን ገና ክንወስዶ ኢና” ዝብል መስደምም መልሲ ተዋህባ። ፋሉላዊ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ’ቲ ከባቢ ንምድንጋር ከኣ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ብ2003 ዓ.ም. “መመረቕታ ቱሪዝም” ብዝብል ጥበብ፣ ቢራ ዝመልአት ዓባይ መኪና ጽዒኑ ናብ ፍልፍል ኣውረደ። ኣብቲ ባዕሉ ፕረ. ኢሳይያስ ዝተረኸበሉ መዓልቲ ከኣ፣ ከም መደዓዓሲ ንኩሉ ህዝቢ እቲ ከባቢ ጸዊዖም ከብዲ ምላሽ ቢራ ከስትይዎ ወዓሉ።

ሓመድ ከባቢ ፋጌና ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ምስቲ ሽዑ ካብ ኤርትራ ንመርመራ ማዕድናት ተባሂሉ ናብ ዓዲ ጥልያን ይኸይድ ነበረ። ብድሕሪ መርመራ ንሓሸሽ ከብቁል ከም ዝኽእል ተረጋጊጹ ይበሃል። ፕረ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ዓዲ ጥልያን ብዝረኸቦ ምስጢራዊ ጸብጻብ ኢዩ ሓሸሽ ንክዝራእ ዝኣዘዘ ይብሉ ናይ ቀረባ ፈለጥቲ። ብመሰረት መጽናዕቲ ሓመድ ኤርትራ ኣብ ካልእ ከባቢ ሰሜናዊ ባሕሪ’ውን ሓሸሽ ክዝራኣሉ ዝኽእል ቦታ ኣሎ። ህግደፍ ካልኣይ ፕሮጀክት ንምጅማር ኣብ ዓመተ 2005 መደብ’ኳ እንተነበሮ፣ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ክሳብ ሎሚ ኣይተጀመረን። ስለዚ እዚ ከምዚ ዓይነት መንግስቲ እዚ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆል ዝብል ባንዴራ ዝተኸለ ሽፍታ መንግስቲ ኢዩ ንኤርትራን ህዝባን ዘመሓድር ዘሎ።

እቲ ፕረ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ “ብኣዝዮም ቅርጡዋት ሰባት ዝልለ” ዝብሎ ስርዓቱ ስርዓት  ህግደፍ ብዘይካ ኣጥፊእካ ምጥፋእ ስራሕ ማፍያ፣ ብሕልና ሰባት ዝምእዘዝ ሰልፊ ኣይኮነን። ፕረ. ኢሳይያስ ኣብ ስልጣን ዘሎ ንጉዳይ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ኣይኮነን። ኣንቱም ከም ቁርዲድ ምስ ቆርበት ንክትሸየጡ ናብ ዋጋ-ዕዳጋ ትወርዱ ዘለኹም፣ እናረኣኹም ዕዉራት እናሰማዕኩም ድማ ጸማማት ዝኾንኩም ደቂ ኤርትራ ተንስኡ ተበራበሩ…ፓስፖርት ኤርትራ’ውን ናብ ሙሉእ ዓለም ይሸየጥ ነይሩን ገና ይሸየጥ ኣሎን። ንሎሚ ብዛዕባ እቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ናብ ‘ቡዱን’ ዝተባህሉ ዜጋታት ኩወይት ዝተሸጠ 9920 (ኣስታት 10 ሽሕ) ፓስፖርት ክንርኢ ኢና።

ህግደፍ ካብ ዓመተ 2005 ክሳብ 2007 ሓደ ሚእቲ ሽሕ /100,000/ ናይ ኤርትራ ፓስፖርት ንምሻጥ መደብ ነይሩዎም። እቲ ኣስታት 10 ሽሕ ከኣ ናብ “ቡዱን” ተሸጠ። እቶም ተኸተልቲ ሺዓ ዝኾኑ ኣብ ሃገር ኩወይት ካብ ብዙሕ ዓመታት በብቑሩብ ክእከቡ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ንመንግስቲ ኩወይት ኣብ ምምቕራሕ ስልጣን እናኣጸገሙዋ ይኸዱ ነበሩ። ወላ’ኳ ካብ ሃገራት ኣዕራብ ብሓፈሻ ካብ ባስራ ድማ ብፍላይ ዝተኣኻከቡ እንተነበሩ፣ “ቡዱን” ማለት (ብዘይ ዜግነት) ዝብል ስም ተዋሂቡዎም ኣብ ኩወይት ከም ካልኣይ ዜጋ ኢዮም ዝረኣዩ።

ኣብ ኩወይት ነቲ ጉዳይ ንከሳልጥ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ሓላፍነት ዝተዋህቦ፣ ደሓር ናብ ደቡብ ሱዳን /ጁባ/ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤርትራ ኮይኑ ዝተመዘዘ፣ ኣቶ ኣለም ነጋሽ ከኸውን እንከሎ፤ ንኩሉ ስራሕ መሸጣ ፓስፖርት ምስ ኣዋደደ፣ ነቲ ስራሕ ብሓላፍነት ዝተረከቦ ኣቶ ሙኒር ዝተባህለ ካብ ኣስመራ ዝተላእከ ሰብ ነበረ። ብወገን መንግስቲ ኩወይት ነቲ ስራሕ ንምስላጥ ቤት ጽሕፈት ከፊቱ ዝሰርሕ ዝነበረ ድማ ሚኒስተር ነዳዲ ነበር ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝዓረፈ ኣልመርሑም ዶክተር ነበረ። ዋጋ ሓደ ፓስፖርት $1000 ዶላር ኣሜሪካ ኢዩ ነይሩ።

ኩሉ ሽያጥ ገንዘብ ከኣ ብቐጥታ ናብ ሕሳብ ህግደፍ ኢዩ ዝኣቱ'ምበር፣ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኩወይት ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ስንክልቲ ኤርትራን ስንኩል መንግስቲን ንምምስራት ጥንታዊ ሕልሙ ዝነበረ ፕረ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ዝመዘዞም ኣምባሳደራቱ ዲፕሎማስያዊ እንዶን ብቕዓትን ዘይብሎም፣ ወይ ከኣ ኣብ መሶብ ህግደፍ ኣጻብዕቶም ኣእትዮም ተረፍ-መረፍ ዘላምጹ ሰባት ኢዮም። ስለዚ እቶም ንከምዚ ዝኣመሰለ ኣነዋሪ ተግባራት ከም ቅዱስ ስራሕ ገይሮም ዝሰርሕዎ ኣምባሳደራት ብመጽናዕቲ ዝተገብረ ኣመዳድባ ኢዩ።

ብድሕሪ መሸጣ ፓስፖርት ኤርትራ ንቡዱን ግን ብዙሓት ተርእዮታት ክቕልቀሉ ከኢሎም። ቅድም እቶም 'ቡድን' ዝተባህሉ ዓሌት፣ ኣብ ስራሓት ኮንትራባንድን መሸጣ ዕጸ-ፋርስን ዝተዋፈሩ፣ ብብዙሓት ሃገራት ብዓይኒ ጥርጣረ ዝረኣዩ ዝነበሩን ኢዮም። ፓስፖርት ኤርትራ ዝሓዙ ዓሌት ቡድን ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ርሑቕ ምብራቕን፣ ብፍላይ ድማ ናብ ከም ሶርያ፣ ኢራንን ፊሊፒንስን ዝኣመሰላ ሃገራት ክኣትዉን ክወጹን ምስ ጀመሩ፣ ፓስፖርት ኤርትራን ኤርትራውያንን ኣብ ዓይኒ ጥርጣረ ኣተዉ።

ቡድን ብሕቡእ ዝተባህለ፣ ሎሚ ብዝተጋህደ ምስጢር ህግደፍ ናይ ኤርትራ መንነት ምስ ተቐበሉ፣ ከም ኤርትራዊ እውን መሰሎም ክሓቱ ጀመሩ። መንግስቲ ኩወይት ኣብ ዓዓመት ንሓሙሽተ ኤርትራውያን ተመሃሮ ናይ ዩኒቨርሲቲ ስኮላር-ሺፕ ትህብ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ፣ እቶም ብህግደፍ <<ኣሕዋትና>> ዝኾኑ ዓሌት ቡድን፣ ይግባኣና ኢዩ ዝብል ጥርዓን ስለዘቕረቡ፣ ሰለስተ ካብተን ሓሙሽተ ዕድላት ስኮላር-ሺፕ ወሰዱወን። ደቆም ናብ ዩኒቨርሲቲ ይመሃሩ፣ ደቂ ኤርትራ ከኣ ኣብ በረኻታት ሲናይን ሓላይብን ብካራ ይሕረዱ! ግርም ግርምቢጥ ስርዓት-ብጋሚንዶ እምበኣር እነሆ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዘካይዶ ዓሌት ናይ ምጽናት ሕቡእ ሜላ። ገና ኣይሰማዕናዮን'ምበር፣ ደቂ ቡድን ኣብ ኤርትራ ጤሳ ንክወሃቦም'ውን ሓቲቶም ይኾኑ! ኩሉ ኤርትራዊ ከረኽቦ ዝግበኦ መሰላት እንተሓተቱ'ውን ኣይተጋገዩን።

ፓስፖርት ሃገሩ ዝሓዘ ኤርትራዊ እውን እምነት ማሕበረ-ሰብ ዓለም ተነፍጎ። ካብቲ ግዜ'ቲ ንደሓር ኢዩ ከኣ፣ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ክሳብ ኣፍሪቃን ርሑቕ ምብራቕን ፓስፖርት ኤርትራ ንዝሓዘ ሰብ፣ ብዛዕባ ጥዕና እቲ ፓስፖርት ንምርግጋጽ፣ ናይ ድጋፍ ደብዳበ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ንክምጽእ ዝተገደደ። ሓላፍነት ኣልቦ ስርዓት-ማፍያ ህግደፍ፣ ጥራይ ዶላር ዝርከቦ ይኹን'ምበር፣ ዝኾነ ይኹን ነገር ንክሸይጥ ወትሩ ቅሩብ ኢዩ። እዞም ትልሚ ክርዳድ ብዝተለመ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መራሒኦም እኽብካብ ብጋሚንዶ ህግደፍ፣ ኤርትራ መሬታን ባሕራን ብምልእታ እንተሸጡዋ'ውን ምንም ዝግድሶም ጉዳይ የለን። ክሳብ ሎሚ ፓስፖርት ናብ ካልኦት ዜጋታት ዝሸጠት ሃገር ኣይሰማዕናን። ዝግ ኢልና ኣብ እነዋህልለሉ እዋን ድማ መመሊሶም ንምእማኖም ዘጸግሙ ምስጢራት ፕረ. ኢሳይያስን ሰልፉ ህግደፍን ክንሰምዕ ኢና።

ሞት ስለዘይተርፍ፣ ፓስፖርት ኤርትራ ዝሓዘ ሓደ ተወላዲ 'ቡድን' ኣብ ማኒላ ርእሰ ከተማ ፊሊፒንስ ምስ ሞተ፣ ሬሳ ናብ ኤርትራ ንክለኣኽ ብመንግስቲ ፊሊፒንስ ተሓቲቱ ነበረ። መንግስቲ ኤርትራ ግን 'ፈጺመ ኣይፈልጦን እየ' ስለዝበለ፣ ኣብ ዝዓረፈሉ ከተማ ማኒላ ተቐብረ። እዚ ኣብ ኣነዋሪ ናይ ሽፍትነት ንግዲ ካብ ዝዋፈር ደርዘናት ዓመታት ዝገበረ ስርዓት-ማፍያ፣ ከምቲ ደጋጊምና ክንጽሕፎ ዝጸናሕና፤ ብዘይካ ብዝተሓባበረ ጎነጻዊ ቅልጽም ደቂ ህዝቢ፣ ብካልእ ኣገባብ ክንኣልዮ ኢና ኢልካ ምህውታት፣ ፈጺሙ ዝከኣል ኣይኮነን።

ስርዓት ህግደፍ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ጥራይ ኣማኢት ኣሽሓት ተራን ዲፕሎማስያዊን ናይ ኤርትራ ፓስፖርት ሸይጡ ኢዩ። ናብ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፊታትን ኢትዮጵያ ከም ቅንጅት፣ ናብ ደቡብ ሱዳን፣ ሱዳናውያን ራሻይዳ፣ ዳርፉርን ወ.ዘ.ተ....ብዙሕ ፓስፖርትና ተሸይጡ ኢዩ። ኣብቲ ህግደፍ ምስ መንግስቲ ሱዳን ተባኢሱሉ ዝነበረ ግዜ፣ ንኩላቶም ተቓወምቲ ፓስፖርት ሸይጡሎም ኢዩ። ደሓር ከም በዓል ሙባረክ

ኣልፋድል ኣልማህዲ ናብ መንግስቶም ምስ ተመልሱ፣ ነቲ ካብ ኤርትራ ዝገዝኡዎ ዲፕሎማስያዊ ፓስፖርትታት ኣረከቡዎ።

ዶክተር ሙስጣፋ ዓሊ ዑስማን ናይ ሱዳን ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ንመንግስቲ ህግደፍ፣ ብፍላይ ድማ ንወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ዝነበረ ኣልመርሑም ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፣ ነቲ ፓስፖርት ኤርትራ ኣብ ተለቪዥን ኣልጀዚራ ቀዲሑ ከሲሱዎ ከም ዝነበረ ዚዝከር ኢዩ። ስለዚ ስርዓተ-በጋሚንዶ ህግደፍ መኣዝኑ ዘይፈልጥ ለኻኺሙ ክሃድም ዝደሊ ነውራም ስርዓት ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ከም ዝሓበርናዮ፣ ህግደፍ /ዓብደላ ጃብር/ ኣብ መሸጣ ካብ ቤተ መዘክር ዒራቕ ዝተሰርቀ ቅርሲታት ንዝነበሮም ተራ ክግለጽ ምዃኑ ተሓቢሩ ኢዩ። ግን ብምኽንያት ንውሓት ጽሑፍ መታን ከይደራረብ ናብ ዝቕጽል ክፋላት ከነቕርቦ ምዃንና ምስናይ ይቕሬታ ንሕብር።

ኣብ መደምደምታ ክቡራት ተኸታተልትና ብእትልግሱልና ዘለኹም ዓቢ ናይ ታሪኽ ኣስተዋጽኦ፣ ምስጋናና ደጊምና ነቕርብ። ኣብ ዝቕጽል ክፋላት ጽሑፋትና ኣብ እነቕርበሉ ግዜ ከኣ ተሳትፎኹም ከም ዘይፍለየና እናኣረጋገጽና፣ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ይጠቅም ኢዩ እትብልዎ ሓበሬታ ንክትልእኩልና ንሕብር።

***ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2011***

***ርሑስ በዓል ልደት!***

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ናባና እትሰድዎ መልእኽቲ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢዩ፦

alenakoena@gmail.com

**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**

**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 15 ክፋል) ብ ኣለና

WEDNESDAY, 12 JANUARY 2011 00:07



ሰላም ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተኸታተልቲ። ሰላም ኣአንገድቲ ሃገራውያን ወብ ሳይታት ንጽሑፋት ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’። እዚ ሓድሽ ዓመት 2011፤ ዓመተ ሰላም: ራህዋን ቅሳነትን ንክኾነልኩም፤ ዘመን ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ነጋዳይ…ዓመት ተመሃር ተመሃራይ ሸቕል ሸቃላይ ንክኸውን ብስመይን ብስም ኩላቶም ደምበ ኣለናን ሰናይ ምንዮተይ እገንጽ። ድሕሪ ዕረፍቲ **“ሓውሲ ደልያ ኑብሲ”** እነሆ ክሳብ መሬት ዋግ-ዋጎ ዝኸውን ትልምና ይቕጽል። ብዙሓት ተኸታተልቲ: ናይ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ሰናይ ምንዮቶም: ምስ ነንበይኑ ውቁብ ካርድታት ክሰዱ ቀንዮም ኢዮም’ሞ፤ የቐንየለይ! ሰስኑ ሽሕን ዋልታን ኩኑ እናበልኩ ተኸታታሊ ጽሑፍ እጅምር።

ሓያሎይ ካብቲ ተኸታተልቲ ዝሰደድዎ ጽሑፋት ንሓድሽ ዓመት ሰናይ ምንዮት ካብ ኮነ: ኣለና’ውን ግብረ መልሲ ሰናይ ዘመን ብዝምልከት ንምጅማር እዚ ሓድሽ ዓመት ዮሃና እብል። ገለ ተኸታተልቲ ብተደጋጋሚ ዝጽሕፍዎ ዝነበሩ ሕቶታትን ርእይቶታትን፦

1) ክትዝርጋሕ ዝተባህለት መጽሓፍ ናበይ በጽሐት? ከይተሓትመት ትሕዝቶኣ ከይውዳእ! ትጽቢት በዚሑና…ወ.ዘ.ተ…

2) ብዘይካ እዞም ዝተጠቕሱ ክልተ ሰባት /ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣቶ ዓብደላ ኣደምን/ ካልኦት ስዉራት ልኡኻት ህግደፍ’ከ ይህልዉ’ዶ?

3) ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነዚ ጭካነ መዓስን ብከመይን ኢዩ ጀሚርዎን ርዒሙዎን?

4) ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ በብኣውራጃኡን ከባቢኡን ረፈረንዱም ንክገብር እንተዝፍቀደሉስ ብኣንጻር እቲ ኣብ 1993 ዝነበረ “እወ” ድምጽና 99.9%፤ ሎሚ እንታይ ዓይነት ኣሃዝ’ኮን ምረኣየት እዛ ዓለም? ወ.ዘተ… ዝብሉ ይርከብዎም።

መጽሓፍ ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’ ኣብ ቀረባ ግዜ ክትዝርጋሕ ኢያ። ስመይን ስእለይን ከኣ ክገብረሉ እየ’ሞ እቶም ኣብ ክንዲ ንትሕዝቶ ጽሑፋት ዘንብቡን ዝመራመሩን፤ እዚ ሰብ’ዚ መን’ዩ? ኣሃሃሃ…ፈሊጥናዮ ኣሎና፣ እናበሉ ከቖጸልጽሉ ዝወርሑ ሰባት፤ እነኹ እመጽእ ኣለኹ’ሞ ዮሃና እንቋዕ ሓጎሰኩም። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ኣዋርሕ ዘገረመኒ ጉዳይ እንተነይሩ ግን፣ ብዛዕባይ ንዝምልከት ሓበሬታን ድሕረ-ባይታን፤ ቀደም ካብ ዝነበርኩዎ ሚኒስትሪ፣ ስእለይን ካብ ኣስመራ ዝወጻእኩሉ ናይ ክፍሊ ኢሚግረሽን ደኩመንታተይን ናብ ዝተፈላለያ ቤ/ጽ ኤምባሲታት ህግደፍን፣ ኣብ ደገ ብስም “ተቓወምቲ” ንዝንቀሳቐሱ ውልቀ-ሰባትን ብሸበድበድን ብምስጢርን ተላኢኹ ከም ዘሎ ኣረጋጊጸ። እቶም ካብ ሓልዮት ተበጊሶም፣ ንእትዝርጋሕ መጽሓፍ ትሕዝቶኣ ከይውዳእ ዝበሉዎ ኣሕዋት ግን፤ ኣብ ጉዳይ ኢሳይያስን ህግደፍን ተቐቢሩ ዘሎ ገበናት ኣብ ዓለምና ዘሎ ወረቓቕቲ’ውን ዝኣኽሎ ኣይኮነን’ሞ ኣይትሰከፉ እብሎም።

ብሕጽር ዝበለ፣ ብዛዕባ ኢሳይያስ ናብ ደገ ህዝቢ ንምብታን ዝለኣኾም እቶም ክልተ ዓበይቲን ፍሩያትን እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ሰባት ኢዮም። ንሎሚ ጉዳይ ምጅማር ሰናይ ምንዮት ጥራይ ክጸሓፍ ስለዝመረጽኩ ከኣ፣ ድሕሪ ባይታ ኣቶ ዓብደላ ኣደም ካብቲ እግሩ ዝተወግኣሉ ውግእ ሓድሕድ ርእሲ ዓዲ፣ ኣብ ኩናት ባጽዕ /ረግረግ ጨው ሳሊና/፣ ኣብ ገረግር ኣብ ኣሃዱ 44 ኣብ ዝነበረሉ ዓመታት፣ ኣብ ጉዳይ ቅትለት ስዒድ ሳልሕ /ኣሮማ- ከሰላ/ ወ.ዘ.ተ… ዝነበሮ ተራ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፣ ህግደፍ ንኣመንቲ ኣስላም ኤርትራውያን ብስም “ጨሓማት” ወይ ኣመንቲ “ኣንሳር ኣል-ሱና” ዝገብሮ ዝነበረ ኤርትራዊ ዓሌት ናይ ምጽናት ዘመተ ፖሊሲ፤ ኣብ ጂቡቲን ሱዳንን ኣምባሳደር ኮይኑ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ዝነበሮ ምትእስሳር ስለያ…ብዛዕባ ምእሳር ሃገራውያን ወ.ዘ.ተ… ብከመይ'ከ ሃዲሙ? ብድሕሪ ምህዳሙ ዝነበሮ ጽልዋን ሽበድበድን፤ ብሓፈሻ ድማ ስለምንታይን ብከመይን ኢዩ ካብ መጀመርያ ሰብዓታት ምስ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ናይ ጥፍኣት ሰረገላ ክሻረኽ ክኢሉ… ኣብ ዝቕጽሉ ጽሑፋት ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’ ክቐርቡ ኢዮም።

ብዛዕባ ጉዳይ ጭካኔ ገበነኛ ኢሳይያስ እውን ገለ ኣብነታት ክቐርቡ ኢዮም። ኣብ ራብዓይ ሕቶ ቀሪቡ ዘሎ ጉዳይ ረፈረንዱም ከኣ፣ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዘድመጾ ኣሃዝ ብመልክዕ ሰሌዳ ንኩሉ ዜጋ መገምገሚ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ መታን ክኸውን ኣብ ዝመጽእ ግዜ ከቕርቦ እየ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ በዚ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊኡ ዘውርዶ ዘሎ ጭፍጨፋን በዞም ስዉራት ልኡኻቱ ብዝስርሓሉ ዘሎ ፋሕ-ጭንግራሕ ከም ደቂ ዛግራን፣ ከምቲ ናይ 1993 ድምጹ ንክህብ እንተዝሕተት እንታይ ኣሃዝ ምረኣና!!! ኩሉ ኤርትራዊ ብሓላፍነታዊ መንገዲ ይገምግም። ደሓርን ጽባሕን ነናተን ጸጋታት ሒዘን ከም ዝመጽኣ'ኳ ጥርጥር እንተዘይብሉ ኤርትራዊ፣ ሃገራውነቱ ንምድኻም ዝተገብሩ ወፍሪታት ግን መዘና ኣይነበሮምን።

ኣብ ምጅማር እዚ ሓድሽ ዓመት ብዙሓት ተኸታተልቲ ጽሑፍ ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’ ብሃንቀውታ ክጽበዩ ጸኒሖም ኢዮም'ሞ ጀባእ ክፋል 15። እዚ ድማ ከምቲ “እዛ ዓለም እንተትግልበጥሲ ኩዕንቲ ምጸገብና” ዝበለቶ ህበይ ዝዓይነቱ ናይ ሓላሞ ሃንቀውታ ዘይኮነስ ሞት ኢሳይያስ፣ ሞት ክናና ክኸውን ኢዩ። ባዶ ድሌት ዘይኮነስ ጭቡጥን ውድዓዊን ሓቂ ኢዩ'ሞ፣ ኣብ ሓመድ ድብ የራኽበና።

ስለዚ ክቡራት ኤርትራውያን ቅድም ቀዳድም ንጉዳይና ባዕልና ክንዕጠቐሉ ስለዝግባእ፣ ነዚ ሓድሽ ዓመት መቐይሮ ንግበሮ። እቲ ኒሕ፣ እቲ ስኒ ምንካስን ሓቦን ከም ትማሊ እንተተቐኒትናዮ ዕምሪ ዕሉል ሽፍታ ኢሳይያስ ኣጸቢቑ ክሓጽር ኢዩ። ኩላትና ብሓባር ነዚ ዕሉል ገበነኛ ይኣክል! ንበሎ። ‘ንሰዓትካ ርኣያ'ሞ ይኣክል’ እንብለሉ ግዜ ሕጂ ይኹን። ሞተር ብዘይብላ ጃልባ ንክሃድም ይሓስብ'ኳ እንተኾነ፣ ካብታ ናብ ግንባሩ ተነጻጺራ ዘላ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቀጭ-ሕርሙ ከምልጥ ኢዩ ማለት ግን ሽሕ ግዜ ኣበደን!

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ… እቲ ዕረ መዓር ኢዩ ጥራይ ተዓገስ፣ እቲ ዓቐበት ጎልጎል ኢዩ ጥራይ ተበገስ። ምስ ሓድነትካ ዘይከኣል ነገር የለን። እቲ ትማሊ ንሓድነት ዓንዲ ማእከሉ ገይሩ ዝመረሸ ኤርትራዊ መንእሰይ፤ ንሃሚ ታንክታት…ንቦሮም-ቦጣጥ ቦለስቲክ ሚሳይላትን ፋንትን ብዲኖ ሓድነትን ጽንዓትን ኢዩ ንብላሽ ገይሩዎ። ኣብዚ ምጅማር ሓድሽ ዓመት 2011 ነቶም ሓድነትና ዝብሕጉጉ ዘለዉ፣ ከም ፍልሖ ንርእሶም ሓቢኦም ናብ ጻሕሊ ህግደፍ ዘላምጹ ዘለዉ ከኣ ኣለልዮም።

ከምቲ ሓደ ደንጎላ ካብ ዝበረኸ እምባ ክጸድፍ እንከሎ ንብዙሓት ኣግራብን ሳዕሪን ሓማቲሉ ዝቐትልን ንገዛ ርእሱ እውን ፈጋዕጋዕ ኢሉ ዝፈናጨልን፤ እዞም ገበነኛ ኢሳይያስ ዝለኣኾም ከክንዲ ደንጎላ ዝኾኑ ሰብ-መሰል ካብቲ ዝነበርዎም እምባ-ትጽቢት ክጸድፉ እንከለዉ ንሓዋሩ ከይኩልስስኹምሲ እቶም ሰብ ሕግብግብ፣ ብእዋኑ ሕሳባትኩም ዕጸዉ ኣሕዋት! ሰዓት ኢሳይያስ ንርኣያ'ሞ ከካብ ዘለናዮ መደቀሲና ንበራበር። እታ ታይም-ቦምብ ንክትፍጀር ቂም-ቂም ትብል ዘላ ንጥፍኣተ ኢሳይያስ ከተበስር ትሕምበብ ኣላ።ናብታ ሰዓት ደጋጊምና ንጠምት። ንንገሮ ድማ! ሰዓትካ ርኣያ ከኣ ንበሎ። ሎሚ ስርዓት ገበነኛ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ኣፍ-ደገ መቓብር በጺሑ ኣሎ። ‘ምንጋር ምንጋሩ ምንግርጋሩ’ ስለዘይተገብረ፤ ኣብ ታሪኽ ኢሳይያስ፣ ብዙሕ ግዜ ንስክላ ካብ ሞት ኣምሊጡ ኢዩ።

ግርህነት መለለይና ንሕና ኤርትራውያን፤ ሎሚ ግን ኣብ ጉዳይ ገበነኛ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዳግማይ ጌጋ ኣይክንደግምን ኢና። ከም ቀደም ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን ከም ዝበሃል፤ ኢሳይያስ ንምንቕንጻልን ፎእ ታሪኹ ንሓዋሩ ናብ ጎዱፍ ንምድርባይን፣ ሕዝ-ግድፍ ምባል ኣኺሉ ኢዩ። እዚ ሓቂ እዚ ኣይረኣየናን ኣሎ ዝብሉ

እንተለዉ ድማ፣ ኣብ ዓይኖም ንዘሎ ቁልዒን ኩልመትን ንክኣልዩ ጥራይ ምሕባር ይሓይሽ። ገበነኛ ኢሳይያስ ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ብዝዕዘቦ ዘሎ ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንሱን እቲ ናብ ህድማን ቅብጸትን ገጹ ዘማዕደወ ጉጅለ ማፍያ ህግደፍን፣ ብዘይካ እታ ከም ስኒ ኣድጊ ንኩሉ ብማዕረ እትብጽሖ ሞት ዝተረፎም ነገር የብሎምን። ይኣክል ቅንጻላ…ይኣክል ምብዳም ሃገርን ምብታን ህዝቢን!

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሃዋሲ ኩነታት፣ መኣድና ዳግማይ ዲያብሎስ ከይኣትዎ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ከም ደቂ ሓንቲ ሰበይቲ ሰሚርና ከነቃብጾ ኣሎና። ብድሕሪ ክፋል 14 ጽሑፈይ “ሓውሲ ደልያ ሰብሲ’ ብዝብል ናይ ዕረፍቲ ጽሑፍ ተፈላሊና ምስ ጸናሕና፣ እነሆ ኣብ ምጅማር’ዚ ሓድሽ ዓመት 2011፣ ደምበ ኣለና ብህዝባዊ ጨግራፍ ዝባን ህግደፍ ንምቕጥቃጥ ኣሃዱ ንብል። ህብዚ ኤርትራ ብጠቕላላ ልዕሊ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቀዳማይ ጸላኢ የብልካን። ገበነኛ ኢሳይያስ ንኣከያይድኡ ብዝምልከት ዝግ ኢልና ኣብ እንሓሰበሉ ግዜ፣ ቀንዲ ድግድጊት ተዓጢቑሉ ዘሎ ውራዩ፣ ኤርትራውያን ናይ ምጽናት ውራይ ኢዩ።

እዚ ሓደገኛ ፖሊሲ እዚ ንኣርበዓ ዓመታት ብስዉር ክሰርሓሉ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ሎሚ ተግባራቱ ከም ጸሓይ በሪሁ ይረአ ኣሎ። ኢሳይያስ ፍጥር ካብ ዝብል ክሳብ ሎሚን ናብ መቓብር ዝኣቱን ካብ ዝተላእኮ ውዲት ንድሕሪት ምንቕ’ውን ዝብል ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ጽሑፍ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ፣ ህዝቢ ኤርትራ ሰሚሩ ኣንጻሩ ከይምክት ናብ ደገ ዝለኣኾም ሳተላይታቱ ገሊጸ ከም ዝነበርኩ ዚዝከር ኢዩ።

እዚ ከኣ ሰባት ንምጽላም፣ ወይ ሕዱር ጽልኢ ሃልዩኒ ንምንጻል ዝተበገስኩሉ ዘይኮነስ፤ ንከነለልዮምን ኣብቲ ኣንጻር ህግደፍ እንገብሮ ቃልሲ ናህሪ ንምውሳኽን ካብ ዝብል ሓልዮት ዝተበገሰ ጥራይ ኢዩ። ኣብ ጉዕዞ ንናጽነት ኤርትራ ምስዞም ሰባት ኣብ ሓንቲ ሎተሪና ተሳፊርና ነበርና። ደቂ ሓደ ውድብን ሓንቲ ሰልፊን ኢና’ኳ ኔርና! ብሓደ መዝሙርን ብሓንቲ ፊስካን ኢና ንምራሕ ዝነበርና። ግን ሰባት ንሰላማዊ ጉዕዞ ህዝቢን ሕብረተ ሰብን ንረብሓ ገበነኛታት ክብሉ ታኮ እናወተፉ  ንዘዕንቅፉ እናሰርሑ፤ ትም ኢልካ ምርኣይ ሕልና ዝቕበሎ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለዚ ብዛዕባ እዞም ሰባት ካብቶም “ስለምንታይ…” ዝብሉ ዋጦትን ኣስናኖም ዝወድኡ ዓቀይቶትን ንዓይ ብዓሰርተ ግዜ ይቐርቡኒ። ከምቲ ‘ማይ ንኹሉ ይወቕዖ’ሞ ንዳዕሮስ የጣቕዓሉ ደኣ’ ዝበሃል፤ ኣብ ምብዳል ህዝቢ ንዝወዓለን ንጹሃት ኣእዳው ንዘይወነነን ሰብ ገና’ውን ብዙሓት ኣባትር ክስዕበኦ ኢየን’ሞ ሽዑ እቲ ጣቕዒት ብዓውታ ክንሰምዖ ኢና።

እቲ ዝገርም ከም ልውየት ቢንት-ኣልሱዳን ነንበይኑ ሕብረን ሰፈታትን ውድባትን “ኣንጻር ህግደፍ ንቃለስ ኣለና” ኢዩ ዝብል ቃንኣን። ንሓድሕደን ከኣ ከም ድሙን ኣንጭዋን ክተሓናፈጣ ይውዕላ። ንተቓለስቲ ሰባት ክዝልፋ ይውዕላ። ዓጀብ!   ዝበሎ ደራፋይ ከምዚ ምስ ተረኸበ ኢዩ! ኣብ ኤርትራ ክንደይ ህግደፍ ከም ዘሎ’ኳ ዘጠራጥር ኮይኑዎም ንገለ ሰባት! ኣብ ጎድኒ ኣምላኽ /ረቢ/ ተጻጊዕና ኣንጻር ሰይጣን ኢና ደው እንብል ክብል ከሎ ህዝቢ፤ ሓደ ሰይጣን ከም ዘሎ ስለዝኣመነ ኢዩ። ሎሚ ግን ኩሉ ኣፍ ዘጽረየ “ተቓዋማይ” ኣንጻር ህግደፍ ክብል ይስማዕ ኣሎ’ሞ፣ ኣብ ኤርትራ ሓደ ህግደፍን ሓደ መራሒኣ ሰይጣንን ከም ዘለዉ ዝግ ኢልና እንተንሓስብ፣ እቲ ሕንትኽትኽ ብሰባት ይፍጠር ከም ዘሎ ንግንዘብ። “ኣንጻር ህግደፍ” ቅድሚ ምባልና ድማ፣ ነቶም ዘረግቲ ከነለልዮም ኣዝዩ የድሊ ኣሎ። ክልተ ሰባት ‘ርእስኻ የላን እንተኢሎሙ’ኻስ ሃሰስ ደኣ በላ’ ከም ዝብልዎ ለባማት፤ ኣብዚ ሓድሽ ዓመት 2011 ገ እናበሉኻ’ዶ ትጋገ ከይከውን ኣሕዋት ኣጸቢቕናን ኣዛዊርናን ንመራመር።

መልእኽቲ ኣለና ንሓድሽ ዓመት፣ ደድሕሪ ሰላም ዓመት፤ ሰባት ንከነለሊ እላቦ። ገለ ሰባት ካብ ጽቡቕ ድሌት ተበጊሶም፣ “ሎሚ ኣብ ክንዲ እገለ ከምዚ ይገብር ነይሩ… እገለ ናይ ቀደም ገበን ነይሩዎ ምባል፤ ኩላትና ብሓባር ከይተፈላለና ኣንጻር ህግደፍ ንመክት” ዝበሉ ብዙሕ ግዜ ጽሒፎምን ተዛሪቦምን ኢዮም። ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ ንጹር ዕላማን ራእይን ብዘይብሎም፣ ኣብ ዘመን ገድሊ ብደም ንጹሃት ዜጋታት ኣእዳዎም ደም ዝተለኸዩ፤ ብድሕሪ ምእሳር ጉጅለ 15 ድማ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ህዝቢ ንምብትታን ብጭቡጥ ምስ ዝለኣኾም ሰባት ተጎዝጉዝካ ምኺድ፣ ፍሬኖኣ ምስ ዝተበትከ እትናብለ ተሳፊርካ ናብ መንገዲ ዓርበ-ረቡዕ ምጉዓዝ ከም ማለት’ዩ። ቃልሲ ኣንጻር ኢሳይያስ ማለት፣ ድብልቕልቕ ወፈራ ዓጺድ ወይ ህድሞ ንምድብዳብ ‘እዚኣ እንታይ ኣላታ ንእሽቶ ተሪፋታ’ እናበልካ ዝስራሕ ማእቶት ኣይኮነን! ንስርናይ ካብ ክርዳድ ምፍላይ የድሊ።

ስለዚ ውድባት /ሰልፊታት/ ኣብቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ቃልሲ ኣንጻር ኢሳይያስ፣ ክንዮ’ዞም ሰብ ድርብ ዕላማ ንዘለዉ ሓቀኛታት ሰባት ክጥምቱን ክመራመሩን ርሱን ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። ውድባትን ሰልፊታትን ብክፉት ልቢ ኣንጻር

ህግደፍ ይቃለሳ ኣለዋ፤ ንመንኮርኮር ሰረገላ ለውጢ እናተኸታተሉ ብመሳምር ዘንፍሱ መራሕቲ ከይተለለዩ፣ ንኽይድ ኣሎና ምባል ግን፣ ግርህነት ጥራይ ኢዩ። ኢሳይያስ ንዝፈልጦ፣ ብዙሕ ሕብርታት ዝሓዘ ነፋሒቶ ኢዩ።

ኣብ ምጅማር እዚ ሓድሽ ዓመት ብከቢድ ጭንቀት ተሳቒይሉ ኣብ ዘሎ ህሞት፤ ሞት ገርገረት ኢሉ ነታ ዝፈርሓ ጽዋእ ንክቕበል ቅልጽምና ብዝተወደበ ኣገባብ ነልዕል። ነቶም ስዉራት ናይ ህግደፍ “ክቡራት ዘብዐኛታት” ከኣ መጋረጅኦም ቀሊዕና ናብ መድረኽ ነውጽኣዮም። ኣባላት ሰልፍታትን ውድባትን ዘይሓጥያትኩም ኣይትሰከሙ፣ ከምቲ ገባር ጽቡቕ ንርእሱ፣ ገባር ክፉእ ከኣ ንርእሱ ዝበሃል ኩሉ መመጋብሩን ሓጥያቱን ይሰከም።

ኣብዚ ሓድሽ ዓመት፣ ሰናይ ትልሚ ንምትላም ንበገስ። ናብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጽበዮ ዘሎ ድቃስ ዘይህብ ሃንቀውታ ንክንበጽሕ፣ ንሓላሉ ከካብ ተሓቢኦሙሉ ዘለዉ ውድባትን ሰልፊታትን ጻህዩና ያዕ ንበሎም’ሞ ጽሩይ ሰልፊ ንህነጽ። ንዕኦም ከየውጻእናን ብንጹር ሃገራዊ ራእይ ዝምርሑ፣ ንባህሊ....ድሕረ-ባይታ....ታሪኽን ዝምድናታትን ኤርትራውያን ዝፈልጡ ውፉያት ደቂ ህዝቢ ከይመረጽናን “እንጻር ህግደፍ ንቃለስ ኣሎና” ምባል ናብ ቀዳድ በርሚል ማይ ምግልባጥ ጥራይ ኢዩ ዝቑጸር። ባህግና ስርዓት ህግደፍ ደምሲስና ንሰላምን ዲሞክራስን እንተደኣ ኮይኑ፣ መራሕትኹም ፈትሹ ንምባል እምበር፣ብስሞም ዝተኸትበ ሕጃብ ብድርብ ማዕተብ እንተኣሰርኩም’ውን ምርጫኹም ኢዩ።

ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ እንገብሮ ጥምጥም፤ ከምቲ ኣብ መበል 16 ክፍለ-ዘመን ዝነበሩ ናይ ኲናት ፈላስፋታት፡- “ናብ ኲናት ቅድሚ ምብጋስካ፣ ቅድም-ቀዳድም ንነብስኻ ፍለጣ። ደሓር’ውን ንጸላኢኻ ፍለጦ’ሞ ሚእቲ ግዜ እንተተዋጋእካ....ሚእቲ ግዜ ክትዕወት ኢኻ” ዝበሉዎ፤ ንሕና ሰብ ጉዳይ’ውን ኣብቲ ሰላምን ራህዋን ንምምጻእ እንገብሮ ዘሎና ተጋድሎ ኣንጻር ገበነኛ ኢሳይያስ ኣብ እንቃለሰሉ ግዜ፣ ቅድም ንነብስና....ደሓር ድማ ንጸላኢና ንፍለጦ’ሞ ኣብቲ ሚእቲ ግዜ እንገብሮ ግጥማት ብርግጽ ሚእቲ ግዜ ክንዕወት ኢና።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ወትሩ ካብ ኤርትራውያን ብፍርሒን ሽቑረራን ተኸቢቡ ዝነብር ሰብ ኢዩ። ኣተሓሕዝኡ ካብ ግዜ ሓለዋ ሰውራ ሜዳ /ገረግር፣ ብሌቓት፣ ዓራግ፣ ዓራረብ ወ.ዘ.ተ/ ክሳብ ጎዳጉዲ ዒራ-ዒሮ ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ፤ ኤርትራዊ ዓሌት ናይ ምጽናት ዘመተኡ ንምትግባር ዘይገብሮ ስለያዊን ናይ ቅንጸላ ገበናትን ከም ዘየለ ተረዲእና። ስለዚ ኣንጻሩ ንምቅላስ ኣብ ዝግበር ምትእኽኻብ ሓያል ትኹረት ከም ዘድሊ ንዝሓለፉ ተመኩሮና ምድህሳስ ጥራይ ይኣክል። ከምቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝቢ ብኣውራጃ፣ ሃይማኖት፣ ብሄር ወ.ዘ.ተ... ንምብትታንን ምጉጅጃልን ተዋፊሮም ዘለዉ ሓሽከት ሰለይቲ፣ ኣብ ደገ’ውን ብዙሕ ቁጽሮምን በበይኑ ዓይነቶምን ሰባት ተዋፊሮም ኣለዉ።

ገበነኛ ኣብ መጀመርያ ግዜኡ እንተዘይተኣሪሙ፣ ብድሕሪ ካልኣይ ሳልሳይ...ራብዓይ ገበን ናብ ቅኑዕ መንገዲ ክምለስ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ድማ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ እንተስ ብቕንጠብጠብ እንተስ ብስዉር ተልእኾ ንሜዳ ኣብ ዝተሰለፈሉ ግዜ፣ ካብ መወዳእታ ስሳታት ክሳብ ግዜ ናጽነትን ሎሚን ገበን + ገበን + ገበናት እናገበረ ክመጽእ ጸኒሑ። ሓንሳብ ቂም ናብ ኩርምቱ ዝነኸሰ ኢሳይያስ፣ ነቲ ጸላኢየይ ኢዩ ዝብሎ ህዝቢ ኤርትራ ብኲናት፣ ጥሜትን ስደትን ንምብታኑ ደቂሱ ኣይፈልጥን። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ “ምንጋር ምንጋሩ ምንግርጋሩ” ስለዘይረኸበ ከኣ፣ ንኣርበዓ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ዝባን ህዝቢ ኤርትራ ከሽካዕልል ጸኒሑ።

ንኣብነት ኣብ ምንቅስቓስ “መንካዕ” ዓቕሉ ጸቢቡሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፤ ከምዚ ሎሚ’ውን ኣብ ባጽዕን ኣስመራን ኣብ ነፍስ-ወከፍ ለይቲ መሕደሪኡ እናቐያየረ ዝነብሮ ዘሎ ህይወት፣ ህይወት ኣባይና ይኹን። ሽዑ’ውን ኣብ ሓደ ለይቲ ክልተ-ሰለስተ ሳዕ መደቀሲኡ ይቕይር ነበረ። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1973 ብክቱር ፍርሒ ተሸሚሙሉ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ነቶም ኣብ ሩባ ነብሶም ዝሕጸቡ ዝነበሩ ተጋደልቲ “ሰላም! ከመይ ውዒልኩም” ኣብ ዝበለሉ እዋን፣ ሰላም ብምባሉ ነገሩ ኣስደሚምዎም “...ንስኻ ደኣ ሰላም ካብ መዓስ ኢኻ ፈሊጥካያ?...ይኣኽለካ በል ሕለፍ መደናገሪ” ምስ በሉዎ፣ ከም ድኻን መስኪንን ተሓጻባይ ማጨሎት ትኽ ኢሉ መንገዱ ቀጸለ።

ኣብ ገረግር ዓሶ ሓሚሙ ናብ ዶክተር ቀሪቡ “ዓሶ ሒዛትኒ ኣላ’ሞ መድሃኒት ሃበኒ” ምስ በሎ፣ “ኪድ ንዓኻ ዝኸውን መድሃኒት የብልናን” ኢሉ ሰጎጎ። ደሓር ኣብ ጥቕኡ ዝነበረ መስርሕቱ ነቲ ዶክተር፣ “ጉዳይ ሂወት ምስ ሰብኣውነት ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነስ የኽፈኣልካ ኢዩ፣ መድሃኒቱ ሂብካ ኣፋንዎ” በሎ’ሞ ከኒንኡ ሒዙ ከደ። ስለዚ ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣዝዩ ዝኸሓነ ጽልኢ ዘለዎ ሰብ ስለዝኾነ፤ እዛ ሃገር ሓደ ወደባት ክሳብ ዝተርፋ ንክቕርድድ ዝጠዓሰሉ ጉዳይ የብሉን። ብድሕሪ 1973 ክሳብ ምፍራም ጉጅለ 15 ዝነበሩ ኢጋጣሚታት

መምሃሪ ጌርና፤ ኣብዚ ናይ ተስፋ ዓመት 2011 ብሓይሊ ሰናድር ይኣክል! ንበሎ። ህግደፍ መሬት ዓደቦና፣ ርስትናን ሃብትናን ዝወረሰ፣ ኣዋልድና ዝዕምጽ፣ ዝዝርፍን ዘራኽስን ዘሎ ሰብኣዊ ሓላፍነት ዘይስምዖ ገበነኛ ስርዓት ስለዝኾነ፤ ብዘይካ ሓቢርና ምጭፍጫፉ ካልእ ኣማራጺ የብልናን።

ኣብ ተኸታታሊ ጽሑፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ኣቶ መስፍን ሓጎስ ከጥቀስ ጸኒሑ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ከም ዝሓበርኩዎ ድማ ኣምባሳደር ህግደፍ ነበር ኣብ ሱዳን ኣቶ ዓብደላ ኣደም ሓደ ካብቶም ቀንዲ ናይ ኢሳይያስ ሳተላይት ኢዩ'ሞ ንዕኡ ዝምልከት ዝርዝራት ኣብ ዝቕጽሉ ጽሑፋት ክስዕብ ምኳኑ ሓቢረ ኣለኹ። ዝግ ኢልና ንከታተል'ሞ ብሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ ኩላቶም ነፋሒቶ ከካብ ተሓቢኦሙሉ ዘለዉ ጎዳጉዲ ቦሎኽ-ቦሎኽ ኢሎም ክወጽኡ ኢዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ከምቲ ባዕሉ ኢሳይያስ፣ ኣብ ሶማል ኣቲኻ ኢኻ'ሞ እዋሓስ ምስ ተባህለ፣ ኣብ ክንዲ ኣግብእ! "ጭቢጢ ኣሎ ድዩ?" እናበለ ዘደናግር ዝነበረን ዘሎን፤ እዞም ሰባት ልኡኻት ኢዮም ኣብ ዝብለሉ ዘለኹ "ጭብጢ ኣሎካ ድዩ?" ዝብሉ 'ጨለታት' ኣንተሳእኡን።

ጭብጢ ማለት ብሓባር ዝተሳእሉዎ፣ ብሓባር ቪድዮ ዝተላዕልዎ፣ ኣብ ግዜ ናይ ጥፍኣት ስምምዖም ናይ ክልቲኦምን መሰኻኽር፣ ሰነዳትን ከታማትን ወ.ዘ.ተ… ማለቶም ኢዩ። ኢሳይያስ ንጉዳይ ስለያ ብዝምልከት ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ስለያ ዓለም ኣዝዩ ዝሰልጠነ ሰብ፣ ብቀትሪ "ሕዉስ ስርዓት" ይብል፤ ብለይቲ ግን ንደቀባት ኤርትራ ዝሓርድን ናይ ማኦ ጸ-ቱንግ ዴሳዊ ስነ-ሓሳብ ከንብብ ዝሓድርን ዲያቆን ሰይጣን ኢዩ። ስለዝኾነ፣ ንሕና ኣብ እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢልና፣ ቢልያርዲ እናተጻወትና ምስጢራቱ ክዕለል ምጽባይ ካዕቦ ግርህና ሒዝካ ናብዛ ክንዲ ቁሸት ዝተቐየረት ዓለምና ምጽንባር ከም ማለት ኢዩ ዝቐጸር።

ሎሚ ኣብዚ ሰናይ ጅማሮ ዓመተ 2011 ንስርዓት ህግደፍ ከድሕን ዝኽእል ሓሶትን ፕሮፓጋንዳን የለን። ብዙሓት ነቲ ኣብ ቆር ቀላይ ኣትዩ ዓፍራ ዘውጽእ ዘሎ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ንምድሓን "ኢድካ ሃባ ክንስሕበካ" ዝዓይነቱ ኣውያት ወኻርያ የስምዑ ኣለዉ። ካብቲ ከም ኣንበሳ ዝጓዝም ዘሎ ድምጺ ህዝቢ ስለዝፈርሑ ግን፣ ንመውደቒኦም እናረኣዩ ኢዮም ንመሬት ዝጽሕትሩ ዘለዉ። ክቡራት ኤርትራውያን! 'ንርስቲ ይዋግኣላ ኣንስቲ' ከም ዝበሃል፣ ንርስትናን መንነትናን እንዓጥቀሉ ግዜ ሎሚ ይኹን። ኣብዚ ዘመነ-ቅብጸት ንኢሳይያስ ካብ ሞት ከድሕን ዝኽእል ሰብ ይኹን ነቢይ የለን።

ሎሚ ህግደፍ ተዛሪቡ ከስምዕን ሃሪሙ ከድምዕን ናብ ዘይክእለሉ ግዜ በጺሑ ኣሎ። ጽቡቕ ገምጋም ስለዝገምገሙ ኢዮም ድማ ኣብዘን ዝሓለፋ 3-4 ዓመታት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን እቲ ገበነኛ ስርዓት "ህግደፍ" ዝብል ቃል ካብ መዝገበ ቃላቶም ፍሒቖም ኣቕሚጦሞ ዘለዉ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ምስ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፣ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ኤሪ-ቲቪን ተባቲኹሉ ዘሎ ግዜ፤ ኣብ ደገ ብዝርከባ ብጉድጉዶ ህግደፍ ዝተነድቃ መራኸቢ ብዙሓን ውብ ሳይታት ገይሮም ከዕገርግሩ ንዕዘብ ኣሎና።

ካብ ጸብጻብ ኣኼባ ካቢኒ ሚኒስተራትን ባዶ መደረ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን መደብ ሸንግሩዋ ንምርኣይ ዝመረጸ ህዝቢ ኤርትራ፤ ምስ ህግደፍ ዝኣሳስሮ ዝነበረ ልሕሉሕ መላግቦ ተበቲኹ ኢዩ። እዘን "…ኦ ህዝቢ ኤርትራ፣ ርኣዮም ነዞም ከደዓት… ነዞም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ቁራስ ወያነ ዝበልዑ ዘለዉ ሰባት ተመልከቶም…" ናይ ቅድሚትን ድሕሪትን መኣዝኑ ዘይፍለጥ ናይ እንጣጢዕ ንዘርእ ኣሎና ሃሌ-ሉያ… መዝሙር "…ኤርትራውያን ኩሉንትናይ ንዓኺ…ዋዕላ እንክቃላዕ…እገለ ወሪዱ…ኣጀንዳ ኢትዮጵያ" ዋእ እዞም ተልመዴን ብህግደፍ እግሪ ንምትካል ታተ…እግሪ ሃብኒ ሰንበተ!!! እናበሉ ዘንፋሕኹ ዘለዉ ኳኹቶን ለኺኹቶን ናበይ ገጾም ኢዮም ዝኸዱ ዘለዉ? ሎሚ'ኳ ዘመነ-ኢንተርነትን ዘመን ምዕቡል ስርዓተ-ሓበሬታን ኢዩ።

ኣይኮነን'ዶ ነዚ ከም ኣጉዶ ኣብ ዝጸበበት ዓለም ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራስ ነቲ ኣብ ገማግም ሩባ ተከዘን ለሰታት ኣንቶረን ምስ ኣራን ጓል ኣራን ኣሕኡ ዝነብር ዘሎ ሰታይ ጸባ ኤርትራዊ ጓሳ'ውን ብዛዕባ ኢሳይያስን ህግደፍን ንምድንጋሩ ዝከኣል ኣይኮነን። እዞም ሰባት ነቲ ህዝቢ ኤርትራ መንነቱ ንምርግጋጽ ዓጢቕዎ ዘሎ ብኒሕ ዝተወልወለ ሓያል ጎማዲ ሴፉ፤ ክርእይዎ ኣይደለዩን። እዚ ድማ ንዕቀት ኣብ ደገን ውሽጢን ንዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓበሩ ነቶም ንምዕራብ ከጥፍእዎ ዝሓሰቡ ኣቐዲሙ ኣህቲፍዎም ኢዩ'ሞ ሎሚ'ውን እዞም ብንቕሓቱ እናሽቀጡ መጻወቲ ኢሳይያስ ክገብርዎ ዝሓሰቡ ዘለዉ፣ ኣብ ዓመተ 2011 ናብቲ ዝጸድፍሉ ገደል ከማዕድዉ'ምበር፣ ናብ መዋጽኦ ገጾም ከንቃዕርሩስ ዝከኣል ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብጽንዓቱ ዘረጋገጾ ናጽነት፣ ድርብን ሕጋዊን ጋማ ረፈረንደም ኣብ ዝገበረሉ ግዜ ከኣ፣ ብ99.9% "እወ" ንናጽነት ክብል ኣድሚጹ። ኣብቲ እዋን ምእዋጅ ናጽነት እተን ቀዳሞት ንሃገርና ኤርትራ ዝፈለጥኣ፣ ኢጣልያ፣ ሱዳን፣ ሕ.መ.ኣሜሪካ፣ ኢትዮጵያ፣ ግብጺን የመንን ነበራ። ሎሚ ካብ 1993፣ ብፍላይ ድማ ካብቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኤርትራዊ ዓሌት ንምጽናት ክብል ዝኣጎዶ ናይ ባድመ ሓዊ ንደሓር ብዝሰዓበ ህልቂት፣ ጥሜትን ስደትን ህዝቢ ኤርትራ ኣበይ በጺሑ ኣሎ? ኣብዚ ዘለናዮ ዓመተ 2011 ህዝቢ ኤርትራ **"ናጽነት" "ፈደረሽን " "ምሕዋስ ምስ ኢትዮጵያ"** ዝብላ ሳናዱቕ እንተዝቐረባሉ ኣየነይተን ሳጹን'ኮን ብወረቓቕቲ ምመልኣት! ስለምንታይ'ከ? እቲ ሕንቅልሕንቅሊተይ እምበኣር ሎሚ ገለ ካብቶም ብዓሰርተ ኣጻብዕቶም ፈሪሞም "እወ ንናጽነት" ዘድመጹን እቶም ኣብ ግዜ ረፈረንደም ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ፣ "ኣይነድምጽን" ኢሎም ዝኸሓድዎን፤ ጥፍኣቱ ክዉን ንምግባር ዘይቅዱስ ልፍንቲ ገይሮም ምህላዎም ኢዩ።

ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ግርንቢጥ ክትወጽእ፣ ነዚ ገበነኛ ብደም ዝተሓጽበን ፈራሕን ኢሳይያስ፣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፍኡ ነቲ ኣብ ሰርወ ዝተሓብአ ሻፎኻ ሃሰስ በሎ። 'ምስዚ ኩሉ ቅንዕናና'ኳ ዕዉራት ንወልድ ኣሎና' ከም ዝበለቶ ከልቢ፤ እቲ ብቕኑዕ መንፈስ ንቃለስ ኣሎና'ሞ ንጎነጽ ገዲፍካ ንዓ ንኢሳይያስ ብሰላም ስዩም ነብሎ ዝብሉ'ኻ ዘለዉ ሰባት፣ ጽባሕ ቢጊሓት ዕዉር ዕላማ ክወልዱ ምኳኖም ኣይትዘንግዕ።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ናባና እትሰድዎ መልእኽቲ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢዩ፡-

alenakoena@gmail.com

<u>ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።</u>

<u>ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና</u>

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 16 ክፋል) - ኣለና

THURSDAY, 27 JANUARY 2011 20:14




ሰላም ክቡራት ተኸታተልቲ ጽሑፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ'። ብድሕሪ ክፋል መበል 15 ናይዚ ጽሑፍ፣ ንክፋል መበል 16 ብዓቢ ሃንቀውታ ክትጽበዩ ከም ዝጸናሕኩም ይስደደለይ ካብ ዝነበረ መልእኽቲታት ተገንዚበ።

ኣብዚ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዕርበተ-ጸሓይን ቀብሪን ህግደፍ ንምርኣይ ሃንቀው ዝብለሉ ዘሎ ወሳኒ ህሞት፣ ከምቲ ብተደጋጋሚ ክንሕብሮ ዝጸናሕና ንመንኮርኮር ታሪኽ ንድሕሪት ክመልሱ ዝህቅኑ ዘርኢ ክርዳድ ኣብ ማእከል ህዝቢ ከም ዝነበሩን ዘለዉን ከም ጸሓይ ቀትሪ ኣዝዩ ዝበርህ ሓቂ ኢዩ።

ሎሚ ግን ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ እናተመመዩን እናተጋለጹን ይኸዱ ስለዘለዉ እነሆ እቲ ቀዳማይ ምግምማዕን ሰንከልከልን ርኢናዮ ኣሎና። ካልኣይን ሳልሳይን ምግምማዕን ምፍንጫልን ሰብ ድርብ ተልእኾ ድማ ክስዕብ ኢዩ። 'ንእሾኽ እሾኽ ተውጽኣ ኣራግጻኻ ግን ኣይትቕይር' ከም ዝበሃል፤ ጸገምናን ሽግርናን ንሕና ኤርትራውያን ሓጺርን ሓላፉይን ኢዩ'ሞ፤ ትማሊ ዝነበረ ታሪኽና ሎሚ'ውን ዳግማይ ንምድጋሙ እጅገና ክንሰብስብ: መልሓስና ከነሕጽርን ቅልጽምና ከነሐይልን ይግባእ።




ከምቲ ሰገን ርእሳ እንተቐበረት ሙሉእ ኣካላታ ዝተሓብአ ይመስላ ዝበሃል፤ ኢሳይያስን ደቂ-መዛሙርቱ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ካብ መሾምበባ ህዝቢ ንምኽዋል ኣራእሶም ናብ ምሕባእ በጺሖም ኣለዉ። "ንሕና ህግደፍ ኢና" ምባል ካብ ዘቋርጹ ሓያሎ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ።

ኣባላት ህግደፍ ምስ ኩላቶም እሙናት ደገፍቶም ከኣ ሽሙ ከም ዝጠፍኦ ንህቢ ናብዚን ናብቲን ክገላበጡ ይረኣዩ ኣለዉ። ህዝቢን ደቂ ህዝቢን ኣለና፣ ንሳቶም እቶም መሳወርቲ ሓዊን እቶም ኣብ ከውታ ለይቲ ምስ ህግደፍ

ዝቆራቖሩ፣ ብቀትሪ ድማ ናይ ተቓወምቲ ካምቻ ዝለብሱ ግን ነበርቲ ይመስሎም ይኸውን'ምበር ኣይክህልዉን ኢዮም። ርእሶም እንተቐበሩ'ውን ካብ ዓይኒ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣይክኸወሉን ኢዮም።

ነቲ ኣብ ዓመተ-2001 ዝተራእየ ሓያል ዲሞክራስያዊ ፍሕሕታ ህዝቢ ኤርትራ ንምዅላፍ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ምስታ ኣብ ዘይመዓልታ ብሃታ-ሃታ ዝጫጭሓ ህግደፍ ዘይመሃዞን ዘይተግበሮን ውዲት ኣይነበሮን። ኣብ ማእከል ሃገር ንዝለዓል ህዝባዊ ተቓውሞ በቲ ሓርበኛ ተጋዳላይ ካብ ሳሕል ተሓንጊጥዎ ዝኣተወ ንጻላኢ ዝሰጎጎሉ ጠበንጃ ንምድሳቕ ሰፊሕ መደብ ኣዋደደ። ናብቲ ክበጽሖ ዝደሊ ጥርዚ ንምብጻሕ፣ ኣቐዲሙ'ውን ናይ ጥፍኣት ባይታ ኣዳልዩ ነይሩ ኢዩ። ንሰራዊት በታቲኑ፣ ንሃገር ብምልእታ ከኣ ንኣውራጃዊ ምምሕዳራት ኣፍሪሱ ብዞባታት ዝበሃል ሓደገኛ ምክፍፋል በታቲኑዋ ነይሩ ኢዩ። ጸገሙ  ነቲ ኣብ ደገ ዝነበረ ኣስታት ፍርቂ ካብ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያትን ሓደስቲ ወለዶ ኤርትራውያንን ከመይ ምግባሩ ዝብል ሓያል ዕዮ-ገዛ ተጓነፎ።

ኣንጊሁ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ፣ ነቲ ኤርትራዊ ዓሌት ናይ ምጽናት ፖሊሲኡ ንምትግባር ኣይደቀሰን። ነቲ ናይ ሕንፍሽፍሽ ስራሕ ብቑዓት፣ እከይ ስራሓት ንምትግባር ኣዝዮም እሙናት፣ ምስ ናይ ወጻኢ ዘብለጭልጭ ሕብርታት ብቐሊል ክታለሉ ዘይክእሉ፣ ብክቱር እምነት ኢሳይያስ ጥራይ ነቲ ሰራም ዕዮ ከም ግቡኦም ርእዮም ብኣዝዩ ውሑድ ገንዘብ ከርተት ክብሉ ዝኽእሉ ሰባት ክመርጽ ነበሮ።

ኣብ ዝሓለፈ ብረታዊ ቃልሲ ምስ ኢሳይያስ ብዝነበሮም ዝጠበቐ ዝምድናን ዕርክነትን ከምኡ'ውን ሓባራዊ ክታም ገበን ዝኸተሙ፣ ኣብ ጽላተ-ሙሴ ከም ዝተጻሕፈ ዓሰርቱ-ትእዛዛት እግዚኣሔሄር፣ ኢሳይያስ ንዝሃቦም ትእዛዛት ብምሉእ እምነት ዝትርጉሙ ደቂ-ዕቁብ ክረክብ ነበሮ። ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ከም ዝተሓበረን ኣብ ክፋል መበል 15 ከም ዘተንባህኩዎን እቶም ፍሩያት ኢሳይያስ ዝለኣኾም ናይ ጥፍኣት ልኡኻት ሕጂ'ውን እንደገና ዓው ብዝበለ ድምጺ፤ ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣቶ ዓብደላ ኣደምን ኢዮም። ነዞም ሰባት እዚኣቶም ከይፈለጥናን ካብ ደምበ ተቓውሞ ከይሰጎግናን ኣንጻር ህግደፍ ተቓሊስና ክንዕወት ኢና ምባል የዋህነት ጥራይ ኢዩ።

ብድሕሪኦም ዝተሰርዐ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ኤውሮጳ፣ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ማእከላይ ምብራቕን ኣውስትራልያን ስዉር ቃፍላይ'ውን ኣሎ። ግን ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝግበር ሓያል ጥምጥም ነዞም ብዕያር ኢሳይያስ ዝተመዝኑን ኣብ ማሕፉዳ ዕሉል ገበነኛ ሓለቓኦም ፍሉይ ሰፈር ዘለዎምን ጽምዲ ሰባት እንተደኣ ፈሊጥናዮም፣ ብድሕሪኦም ዘለዉ ሃሱሳት ህግደፍ ዝገብሩዎ ውቕይ የለን። ኣብዚ ነዞም ሰባት ብዝምልከት ዝጸሓፍ ዘሎ ምስጢራዊ ተልእኾ፣ ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ዝተባህለ ሓልዮት ቃልሲ ህዝቢ'ምበር ምንም ውልቃዊ ጽልኢ የብለይን።

እቲ ዘጉሂ ጉዳይ ከኣ 'ንተከዘ ዝደለኽዋ ብሕምብርቲ ንሳ ዝመጻትኒ ብቅርቅርቲ' ከም ዝበሃል ጽባሕ ቢጊሓት እቶም ኣብ ውሽጢ እዞም ልኡኻት ዝመርሑወን ዘለዉ ውድባትን ሰልፊታትን ዘለዉ ሃገራውያን ኣባላት ከይተረደኦም ውሕጅ ህዝቢ ገማጢሉ ከጽድፎም ምዃኑ ኢዩ። ስለዚ ዓር እብለኪ...ክር እብለኪ እንተኣቢኺ ግን ንነብሪ ይበልኪ! ንመሪሕነትና ኣይነጋልጽን ከም ፓፓጋሎ ንዝበሉዎ ክንደግም ኢና እንተበሉ ናታቶም ምርጫ ኢዩ። ምግላጽን ምምሓውን መስርዕ ሳተላይታት ህግደፍ ግን ገና ክቕጽል ኢዩ።

ንሎሚ ብዛዕባ ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ኢና ክንጅምር። ዓብደላ ኣደም ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ። ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘበርከቶ ግደ ከም ኩላቶም ስለ ናጽነት ዝተጋደሉ ደቂ ኤርትራ፣ ታሪኹ ኣብ ውልቃዊ ደብተሩ ተመዝጊቡ ኣሎ። ከምዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ጥርዚ ምትእኽኻብ ደቂ ዕቁብ ኢሳይያስ፣ ስለምንታይን ብከመይን ኢዮም ኣብ መወዳእታ ከምዚ ክኾኑ በቒዖም? ንሱ ሕልሚ ነይሩዎ ኢዩ! በብሓደ ንደቀባት ኤርትራ ምጽናትን በብቑሩብ ድማ ሓደ ዝዓይነቶም ጉጅለ ምጥርናፍን። እዚ ሰባብ ሜላ እዚ ከኣ ትማሊ ኣብ ግዜ ናጽነት ዝተጀመረ፣ ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዓንበርቦብ ዝተማህዘ ዘይኮነስ፤ ካብ ጥንቲ ካብ ጥቅምቲ ዘርኢ ክርዳድ ቋጺሩ ዝተበገሰሉ ቀንዲን ዋናን ዕላማ መንገዱ ስለዝነበረ ኢዩ።

ዕርክነት ኢሳይያስን ዓብደላ ኣደምን ካብ መጀመርታ ሰብዓታት ዝጀመረ ኢዩ። ከምቲ ጥቡቕ ዕርክነት ግዜ ሰብዓታት ምስ ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉን ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ዝነበሮ፣ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ንዓብደላ ኣደም ክመርጾሉ ዝኸኣለ ጉዳያት ነይሩዎ ኢዩ። ናብዞም ሰባት እዚኣቶም ዝቐርብ ዘሎ ንጹር ተልእኾ ህግደፍ፣ ባዕላቶም ጥራይ ኢዮም ክምልስሉ ዝኽእሉ'ምበር ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ጉዳይ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ዝተራእዩ ጠበቓታት "ፈሊጠ ኩሉ" ኣየድልን ኢዩ። 'ተሓጓማይ ከለዎስ ተሓዝ ቀርኒ ይጠርጥ' ከም ዝበሃል፤ ሕጂ'ውን ስለቲ ስዉር ተልእኾ ኣቶ ዓብደላ ኣደም፣ ብወገን፣ ብሃይማኖት ይኹን ብብሄር ወይ ዝምድና ምጥባቕ ይኣክል።

ጉዳይና ጉዳይ ህዝቢ ኢዩ፣ ክሳብ መሰረታዊ መዕለቢ ዝረክብ ከኣ ኩሉ ህግደፍ ንምዕናው ዝሕግዝ ኣገባብ ክንክተል ኢና።

ንሰባት ነናቶም ምሃብ ጽቡቕ ኢዩ። ኣቶ ዓብደላ ኣደም ብልክዕ ንምዝራብ ምስ ኩሉ መምዘኒን ኣመለኻኽታን ተጋዳላይ ዝወሃቦ ዝነበረ ሓላፍነት ዝግበኦ ኣይነበረን። ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብ ተዋጋኢ ኣሃዱታት ሰባት ሓለፍቲ ንክኾኑ ዝነበረ ቀንዲ መምዘኒ ቆራጽነት፣ ትብዓት፣ ሓልዮት፣ ብጻያዊ ፍቕሪን ተወፋይነትን ኢዩ። ንኣብነት ቀዳሞት ወተሃደራውያን መራሕቲ ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበሩ ከም ሳልሕ ጠጠው፣ በራኺ ፈንቅል፣ ተኽሉ ሽሪፍ፣ በርሀ ጻዕዳ፣ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ወ.ዘ.ተ. ክጥቀሱ ይኽእሉ። ብመንጽር እዘን መምዘኒታት ኣብ ኣወሃህባ ሓላፍነት ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም እንተርኢና ግን እታ ቀንዲ መምዘኒት ንሓላፍነት “ቆራጽነት” ኣይተዓደላን። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ፣ ካልኦት ምስኡ ዝነበሩ ክምስክሩ ይኽእሉ ኢዮም።

ኣቶ ዓብደላ ኣደም ኮሚሳር ጋንታ ኮይኑ ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ፤ ኣብ 1974 ግራት ኣውሊዕ /ሰሜናዊ ባሕሪ/ ኣብ ዝተገብረ ውግእ ሓድ-ሕድ እግሩ ምስ ተወግአ ከም ቆልዓ በኸየን ነበዐን። ሽዑ መራሕ ጋንታ ዝነበረ ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ ተኽሉ ሽሪፍ “…እንታይ ኮንካ ትበኪ ኣለኻ? እዚ እኮ ሰውራ ኢዩ፣ መውጋእቲ ኣሎ መስዋእቲ’ውን ኣሎ። ከምዚ ትበኪ እንተኾንካ እንታይ ክትገብር ንሜዳ ወጺእካ?” ድሕሪ ምባሉ ንሳሕል ሰደዶ።

ኣብ 1977 ዓ.ም. ኣብ ሰምሃር /ሳሊና/ ኣብ ዝተገብረ ሓያል ጥምጥም፣ ብዙሕ ግዜ ከቢድ መስዋእቲ ይኸፍል ነይሩ ኢዩ ውድብ ህዝባዊ ግንባር። ብፍላይ ኣብ ጋብላታት ሳሊና፣ ከባቢ ስጋለት ቀጣን፣ ሲነማ ኣይዳን እንዳ ሚኪኤልን ዝነበረ ጽዕጹዕ ውግእ ዝወዓሉ ይምስክሩ። ሽዑ ኣብቲ ጽንኩር ግዜ ኢዩ ተጋዳላይ ገረዝግሄር ዓንደማርያም /ውጬ/ ናይ ሎሚ ሜጀር ጀነራል፤ ነቲ ረሽራሽ ዝተኩስ ዝነበረ መድፍዕ-ዓጂ “ንክልቴና ኣልጊብካ በለና!” ዝብል ግርንቢጥ፣ ግን ሓቀኛ መድሕን ትእዛዝ ዘመሓላለፈሉ። ኣብቲ ተጋዳላይ ሞት ኣብ ቅድሚኡ ንመልኣከ-ሞት ኣኸቲላ ተኹድደሉ ዝነበረት ወሳኒ እዋን፣ ኣቶ ዓብደላ ኣድም ከም ሓላፊ ሰራዊት ብዙሕ ግዜ ሰጋእ መጋእ ኣርእዩ ዝነበረን ዝተነቕፈሉን።

ኣብ ውግእ ባረንቱ ክራማት 1985 ዓ.ም. ሰራዊት መራሒ ተኻፊሉ ዝነበረ ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም፣ ኣብቲ ባረንቱ ንምምላስ ብተደጋጋሚ ብሰራዊት ደርግ ዝግበር ዝነበረ ሓያል ግጥም፣ ብፍላይ ድማ ጀነራል መርእድ ንጉሰ 60 ታንክታት ኣምሪሑ ናብ ሳዋ ንምቕራጽ ዝህንደደሉ ዝነበረ ሃዋጺ ግዜ፤ ብዘይ ትእዛዝ ላዕለዋይ ሓላፊኡ ንወገን ሰሜናዊ ምዕራብ ክሳብ ከባቢ ቢሻ በጺሑ ከም ዝነበረ ታሪኹ ይነግር።

እዚ ታሪኽ’ዚ ምጽሓፍ ማለት ሰብ ወይ ሰባት ንምንእኣስ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ሜላን ስልቲን ጉዳመኛ ኢሳይያስ ኢዩ ዘነጽረልና። ኣብ ወተሃደራዊ ሕጊ ህዝባዊ ግንባር ከም ዝፍለጥ ኣይኮነን’ዶ ሓላፊ፣ ተራ ተጋዳላይ እውን ሓንቲ መዓልቲ ሰገጥ እንተኢሉ ወይ እንተሃዲሙ ናብ ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ከም ዝእሰር ብዙሕ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ስለዚ ኢሳይያስ ነቲ ጉዳይን ባህርያትን ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ወትሩ ጸብጺቡ እናተቐበለ ስለምንታይ ኢዩ መመሊሱ ሓላፍነት ዝውስኾ ዝነበረ? ኢልና ኣብ እንመራመረሉ ግዜ ሓደ መተኣሳሰሪ ገመድ ከም ዝነበሮምን ዘለዎምን ክበርህ ይኽእል።

ኢሳይያስ ኣብ ኲናት ዝሕጥ ንዝበለ ዝምሕር ሰብ ኣይነበረን። ንኣብነት ኣብቲ ብዕለት 21 ለካቲት 1984 ዓ.ም. ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል /ውቃው እዝ/ ንምድምሳስ ዝተገብረ መጥቃዕቲ፣ ነቶም ብሰንኪ ባህሪ ተደናጊዮም መሬት ብምቕታሩ ናብ ምዱብ ቦትኦም ክበጽሑ ዘይከኣሉ ታንከኛታት ክፍለ-ሰራዊት 74፤ ንጽባሒቱ ከም ዝእሰሩ ዝገበረ ሰብ ኢዩ።

ኣብ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት /ህዝባዊ ግንባር/ ኣመራርጻ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ካብ ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ብዘምጽእዎ ነጥቢ ዘይኮነስ፣ ኣብ ኲናት ብዘርእይዎ ትብዓትን ናይ ምምራሕ ተመኩሮን ኢዩ ዝወሃብ ዝነበረ። ካብ ምጅማር ሰብዓታት ክሳብ ግዜ ናጽነት ዝነበሩ ስዉኣትን ህሉዋትን ወተሃደራውያን መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብቲ መዳፍዕ ከም ነጎዳ ሓምለ ዝነጉደሉ ዝነበረ ግዜ፣ ኣይኮነን’ዶ ህድማ ሰገጥ ምባል እውን ኣየርኣዩን። ስለዚ ምምራጽ ንሓላፍነት ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ብኢሳይያስ፣ ናቱ መምዘኒ ጥራይ ከም ዝነበሮ ክንርዳእ ንኽእል።

ኣቶ ዓብደላ ኣደም ብድሕሪ ምዝላቕ ባረንቱ ኣብ ብርጌድ 44 መራሒ ቦጠሎኒ ኮይኑ ተመደበ። ብባህርይኡ ወረታት ናይ ምእካብ ልምዲን ሰባት ናይ ምጽላምን ምብታንን ፍሉይ ተውህቦ ዝተዓደለ ሰብ ኢዩ። ብዘይካ እቲ ምስ ኢሳይያስ ዝኣሳስሮም ጠባይን ኣተዓባብያን ከኣ፣ ኣብ ሙሉእ ግንባር ንዝነበረ ኩነታትን ወረን ቆጺሩ የቕብሎ ስለዝነበረ ኢዩ መመሊሱ ሓላፍነት ዝውሰኾ ዝነበረ። ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ነቲ ኣብ ስርሒት ኮማንዶ ኣስመራ /ምዕናው 33 ነፈርቲ ኲናት/ ወሳኒ ተራ ዝነበሮ ገዲም ተጋዳላይ መኮንን ተኽለ /ጉብጣን/ ኣብ ምድስካል ዓቢ ግደ ነበሮ። ብሰበቡ ዝደስከለን ሓላፍነት ዝነከየን ጅግና ተጋዳላይ መኮንን ተኽለ ከኣ ኣብ ኣሶሳ /ወለጋ/ ተሰውአ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ስርሒት ኮማንዶ ኣስመራ ዝነበሮ ታሪኽን ተራን እውን ኣብታ ተጋዳላይ ሰለሞን ድራር ዝጸሓፉ "ቅያ ኮማንዶና" መጽሓፉ ኢሳይያስ ብዝገበሮ ጸቕጢ ጅግንነት ጉብጣን ክጸሓፍ ኣይከኣለን።

ከምቲ ኢሳይያስ ንባህርያቱ፣ መንነቱን ታሪኹን ሓቢኡ ዝጓዓዝ፣ ኣቶ ዓብደላ ኣደም'ውን ካብ ግዜ ምስላፉ ክሳብ ካብ ሱዳን ምህዳሙ ብዙሕ ግዜ ተገማጣሊ ምስሊ ይሕዝ ነበረ። መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቀይሕ ዝተማሃረን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ከተማ ኣቘርደት ዝቐጸለን ተጋዳላይ ዓብደላ፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ ወዲ ኣቘርደት'ምበር ወዲ ዓዲ ቀይሕ ኮይኑ ክፍለጥ ይደሊ ኣይነበረን።

ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም እሙን ዓርኪ ኢሳይያስ ስለዝነበረ፣ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1984 ዓ.ም. ንስዒድ ሳልሕ ኣብ ከሰላ ንምቕንጻል ሓደ ዕዮ-ገዛ ተዋህቦ። ምኽንያቱ ከኣ ሻቕሎት ኢሳይያስ ብዛዕባ ጉዳይ ጀብሃ ኣይሃድኣን ስለዝነበረ ኢዩ። ወላ'ኳ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብ1981 ዓ.ም. ብወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ጠቕሊላ ካብ ሜዳ ኤርትራ እንተወጽኣት፤ እቶም ቀንዲ መቐናቕንቲ ኢሳይያስ ዝነበሩ መራሕታ ከም በዓል ስዒድ ሳልሕ፣ መልኣከ ተኽለ፣ ወዲ ሓሰብ፣ ወልደዳዊት ተመስገን ወ.ዘ.ተ. ብሂወቶም ስለዝነበሩ ድቃስ ይረክብ ኣይነበረን።

እቲ ኣብ ቻይና ምስ ኢሳይያስ ብሓደ ዝተማሃረን ኣብ ውግእ ሓድ-ሕድ ወኪ-ዛግር ክሳብ ናላይን ክዋከንን ፊት ንፊት ሰራዊት ጀብሃ መሪሑ ዝተዋግኣን ቀዳማይ ኣስጋኢ ስዒድ ሳልሕ ኣቕዲሙ ክጠፍእ ስለዝነበሮ ኢዩ ድማ ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ነቲ ስርሒት ንምፍጻም ካብ ኢሳይያስ ዝተላእከ። መጽናዕቲ ተወዲኡ ነይሩ ኢዩ፣ ስዒድ ሳልሕ ኣበይ ከባቢታት ከም ዝንቀሳቐስ፣ ምስ በዓል መን ከም ዝኸይድ፣ ኣዘውቲሩ ዝኸደና ክዳን፣ ዝኣትዎ ኣብያተ ሻሂን ቡንን፣ ኣዝማዱን ኣዕሩኽቱን፣ እንታይ ይፈቱ እንታይ'ከ ይጸልእ... ዝኣክል መጽናዕቲ ምስ ተገብረ ኢዩ ከኣ ናብ ኣሮማ ዝተባህለት ቦታ ውዒሉ ኣጋ ምሸት ብሞቶር ሳይክል ናብ ከተማ ከሰላ ክኣቱ እንከሎ ዓብደላ ኣደም ምስ መንግስተኣብ ዝተባህለ ብጎዞሞ ቀጥቂጦም ዝቐተልዎ።

ስዒድ ሳልሕ ተራ ሰብ ዘይኮነስ፣ ብህዝቢን መንግስቲን ሱዳን፣ ከምኡ'ውን ብመንግስታት ዒራቕን ሶርያን ኣዝዩ ፍሉጥ ስለዝነበረ ናዕቢ ከም ዘይተርፍ ፍሉጥ ኢዩ። በቲ ተግባር ቅትለት ፖሊስን ጸጥታን ሱዳን ከቢድ ዳህሳስን ተፍትሽን ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ይፍለጥ ስለዝነበረ፣ ዓብደላ ኣደም ብህጹጽ ድሕሪ "ዕዉት" ፍጻሜ ናብ ሜዳ ንክምለስ ብዝተዋህቦ መምርሒ መሰረት፤ ንሓንቲ ደቒቕ'ውን ትኹን ደው ከይበለ ተዳልያትሉ ብዝነበረት ፍልይቲ ቶዮታ መኪና ናብ ለኣኺኡ ኢሳይያስ ብስራት ወረ ሒዙ ኣተወ። መንግስተኣብ መሳርሒ'ምበር እሙን ወዲ ውሻጠ ስለዘይነበረ፣ ኣብ ሱዳን እንተጸንሐ ከም ሻሙ...ብጸጥታ ከሰላ እንተተኣስረ'ውን ንኢሳይያስ ምንም ዝገብረሉ ጣዕሳ ስለዘይነበረ ኣቓልቦ ኣይተገብረሉን። ኣብ መበል ካልኣይ መዓልቲ ከኣ ብፖሊስ ከሰላ ተታሕዘ።

ቅንጸላ ስዒድ ሳልሕ ኣብ መላእ ሃገር ሱዳን ተሰምዐ። እቲ ወረ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ልሒሙ ክሳብ ናብ ቤት-መንግስቲ ዒራቕ ተቓልሐ። መንግስቲ ዒራቕ ብዝገበሮ ከቢድ ጸቕጢ ንቀታሊ ስዒድ ሳልሕ ብህጹጽ ናብ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ተገብረ። ኣብ ከተማ ካርቱም ኣብ ዝነበረ ናይ መወዳእታ ብይን ድማ ኣምባሳደር ዒራቕ ዝተረኽበሉ፣ ዓብደላ እድሪስ'ውን ኣብ ዝነበረሉ መጋባእያ፤ ኣብ ልዕሊ መንግስተኣብ ናይ ሞት ብይን ተዋህበ። መንግስተኣብ ንዝተገብረ ቅንጻላ ስዒድ ሳልሕ ኣሚኑሉ ኢዩ። ንሱ ኣብ ሃገር ሱዳን ናይ ሞት ጽዋእ ክቕበል ከሎ፣ እቲ ምስኡ ኣብ ምቕንጻል ስዒድ ሳልሕ ዝነበረ ዓብደላ ኣደም ግን ምስ ለኣኺኡ ኢሳይያስ ኣብ ሳሕል ድሙ-ድሙ ይሰቲ ነበረ።

ጉዳይ ኣቶ ዓብደላ ኣደም ኣብ ሓደ ክፋል ጽሑፍ ክጠቓለል ኣይኮነን። እዚ ከም መእተዊ ኢዩ፣ ኣብ ዝቕጽሉ ክፋላቱ ከኣ ካብ ግዜ ናጽነት ዝነበሮ ኣሉታዊ ተራ፤ ብድሕሪ ካብ ካርቱም ምህዳሙ ክሳብ ንዝተፈላለያ ውድባት፣

ሰልፍታትን ከምኡ'ውን ንዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምብታን ዝገብሮ ዝነበረን ዘሎን እከይ ስራሓት ክንርኢ ኢና።

ኣቶ ዓብደላ ኣደም ካብ ካርቱም ምስ ሃደመ ረድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ብዛዕባ ምህዳሙ ገለጸት። ብ13 መስከረም 2002 ከኣ ንምህዳሙ ብዝምልከት ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝርዝራቱ ተጻሕፈ። ሽዑ ብዛዕባ ምህዳሙ ንዝምልከት ኣብ ክልተ ጋዜጣታት ሱዳን'ውን ተጻሒፈን ተነበበን። እቲ ትያትሮ ብዙሕ ዕምቆት ኣይነበሮን፣ ነቲ ሙሉእ እምነት ኣንቢሩ ጽባሕ'ዶኾን ፍትሒ ንርኢ ዝብል ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ግን ንነዊሕ ዓመታት ተሰዊሩዎ ጸንሐ።

ዓብደላ ኣደም ቀቅድሚ ካብ ካርቱም ምውጽኡ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ኮይኑ ምስ ዘዝመጾ ሰብ "እዚ ስርዓት'ዚ...ህግደፍ ዝብልዎ ጸላእኩ..." እናበለ ኣንጻር ህግደፍ ንይምሰል ክዛረብ ጀመረ። ካብ ሽዑ ዝጀመሮ ድራማ ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ፣ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ፋሕ-ብትን ከም ዘእተወን ኣሉታዊ ተራ ከም ዝተጻወተን ክንዕዘብ ንኽእል።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ናባና እትሰድዎ መልእኽቲ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢዩ፦

alenakoena@gmail.com

**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**

**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 17 ክፋል) ብ ኣለና

FRIDAY, 11 FEBRUARY 2011 05:18



ከምቲ ንቡር፣ ብሰላምታ እየ ክጅምር። ሰላም ንክቡራንን ክቡራትን ተኸታተልቲ ጽሑፋት 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ'። ብድሕሪ ክፋል 16 ንኣቶ ዓብደላ ኣደም ብዝምልከት፣ ኣብ ቅትለት ስዒድ ሳልሕ ከም ዘይወዓለ ዝጸሓፍኩዎ መኣረምታ፤ ብዙሓት ዜጋታት ቅዱስ ርእይቶኦም ጽሒፎሙለይ ኢዮም። እቲ ዘይጋን እቲ ዘይሰርሕ ሰብ ጥራይ ኢዩ ዝብል ርእይቶ ከኣ ኣሎኒ።

"ተጋግየ" ምባል፣ መለለዪ ርእሰ ተኣማንነት'ምበር "ይግባይ" ማለት ኣይኮነን። እዚ ንዓይ ብንጽል ንሓደ ዕስሪት መዓልታዊ ሂወተይ፣ ንደምበ ኣለና'ውን ክቡር ግዜኦም ዝወስድ ዝነበረን ዘሎን ጽሑፋትን ሃገራዊ ጎስጓሳትን፣ ብዘይካ ንታ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ንክትመጽእ ኩላትና ደለይቲ ፍትሒ እንጽበያ ዘለና ሓርነት፤ ዶላራት ዝኸፍለና ሓለቓ /Boss/ የብልናን። ደሞዝናን ደሞዝ ናይቶም ሓቀኛታት ተቓለስቲን እቲ ጽባሕ ኣብታ እንፈትዋ ምጭውቲ ሃገርና ኤርትራ ዝትከል ህዝባዊ መንግስቲ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ "ቅድሚ ጌጋ ኣቐዲሙ ክሓስብ ነይሩዎ! ቅድም ኣብ ሰሰሙን ጽሑፍ ይሰድድ ነይሩ ሎሚ ምድንጓዩ ኣይግድን...ዝጸሓፍ ተወዲኡዎ ኢዩ ወ.ዘ.ተ..." ዝበሃል ሃበስ-ቀደስን ንጉድለት ካብ ልክዑ ንላዕሊ ምምጣጥን ብዝለመዱ ኣሕዋት ክስማዕ ጸኒሑ ኣሎ።

ናይቶም የዋሃት ደቀባት ከምኡ ክኸውን እንከሎ፣ እቶም ኣብ ግሁድን ስዉርን መጻወድያ ህግደፍ ኣትዮም ከም ቁርዲድ ምስ ቆርበት ንክሸየጡ ንነብሶም ኣግእዞ ሕልና ከሊኦም፤ ከም ቃቓዊት ደርሆ እናሻዕ ነገር ዝጽሕትሩ ወራዙት ማዕዶ ከኣ ቅድም ቀዳድም ነብሰኹም ፈትሹ። እዚ ጉዳይ'ዚ ጉዳይ ናይቶም ብኤርትራውነቶም ዝሕበኑ ደቂ ቆላን ከበሳን ሰብ ርስቲ፤ ጉዳይ እቶም ውድቀት ህግደፍ ናይ ኮን'ዶ'ኾን ትንቢት ዘይኮነስ፤ ታሪኻዊ ግድነት ምኻኑ ዝኣምኑን ብትብዓት ዝቃለሱን ኢዩ'ሞ ውሻጠኹም ጎርጉሩ ኢለዮም ጥራይ ክሓልፍ።

ይቕሬታ ናይ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ባህሊ ኢዩ። ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብድሕሪ ናጽነት ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት፣ ከምኡ'ውን ኣብዘን ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝቃለሳ ዘለዋ ውድባትን ሰልፊታትን ብዙሓት ጉድለታት እናተገብሩን እናተራእዩን ሕሜታ'ምበር ይቕሬታ ዝብል ጽሑፍ ምርኣይ ልሙድ ኣይኮነን። "ተጋግየ" ምባል ከኣ ኣብቲ እንቃለሰሉ ዘለና ስርዓት መታን ከስርሓና ከም ባህሊ ክልመድ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ንሕና ደምበ ኣለና፣ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሜዳ ካብ ዝተሰለፍናሉ መጀመርያ 70ታትን ብድሕሪኡን ብዘይካ ስንክልናናን ኢንዳስትሪ ሩስያ ዘፍረዮ ሓጺን-መጺን ተሰኪምና ንኸይድ ኣሎና'ምበር፤ እንሕተተሉ ቅንጣብ ገበን ብዘይምህላውና ከኣ ሓበንን ሙሉእ ርእሰ ተኣማንነትን ይስመዓና።

ዘለናዮ ግዜ ወሳኒ ቃልሲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ገበነኛ ስርዓት ኢሳይያስን ዝካየደሉ ዘሎ ግዜ ኢዩ። ኣብ ዘመነ-ህግደፍ፣ መንግስቲ ኤርትራ ማለት...መንግስቲ ውልቀ-ሰብ ኢሳይያስ ማለት እምበር ናይ ህዝቢ ስርዓት ወይ መንግስቲ ማለት ኣይኮነን። ኤርትራ፣ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ከም ቃሕ ዝበለቶ ዝቐያይራን ዝበናጥሳን ሃገር ካብ ትኸውን ነዊሕ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ግን ስለምንታይ ገለ እሕሕሕ!... ዝብሉ ሰባት ዘይተረኽቡ ኢልና ክንሓትት ባህርያዊ ኢዩ። እዛ ብክቡር ሂወት ደቃ ዝተረኸበትን ብከበድቲ ኣዕጽምቲ ዝተሓጽረትን ኤርትራ ናብ ንቡር ኩነተ-ህላዌ ንምምልሳ፣ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣሰር'ቶም ፋኖታት ሰብ ስረ ንክንረግጽ ንጽዋዕ ኣሎና።

ጉዕዞ ሕብረተ-ሰብ ምስ ታሪኽ ተኣሳሲሩ ስለዝኸይድ፣ ናብ ድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ኣብ እነንብበሉ ግዜ እቶም እሕሕሕ!... ክብሉ ዝኽእሉ ደቀባት ኤርትራ ካብ 1973 ዓ.ም. በብመዓልቶም እናቐረሞም ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መኣዲ ኤርትራዊ ዜግነት እቶም ናይ መወዳእታ ተሪፎም ዝነበሩ ጆጋኑ ኣብ 2001 ብስም ‘ጉጅለ 15’ ኣብ ጎዳጉዲ ዒራ-ዒሮ ብዘሐዝን ኣገባብ ኣህሊቑዎም ኢዩ ገበነኛ ኢሳይያስ።

ኣብ ታሪኽ 50 ዓመታት ኤርትራ መን ኢዩ ንኢሳይያስ ገበነኛ ኣይነበረን ወይ ኣይኮነን ኢሉ ዝጣበቐሉ? መን’ዩ ንስርዓት ኢሳይያስ ብስለያዊ ሽርሒ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ፋሕ ብትን ኣየእተወን ኢሉ ዝምሕለሉ? መን ኢዩ ንህግደፍ ካብ ዓመተ ምምስራታ 1994 ክሳብ ሎሚ ኤርትራዊ ዓሌት ናይ ምጽናት እትገብሮ ዘላ ስዉር ተግባራት፣ ኣይፋላን ኢሉ ዝከላኸለላ? መን ኢዩ ንኢሳይያስ ኣንጻር ኤርትራውያን ውግእ ሓድሕድ ኣይኣወጀን ኢሉ ዝነግረና? ስለዚ ኢሳይያስ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ እንተደልዩን ነቲ ቅድሚ ኣርባዓ ዓመታት ተኾልኪሉዎ ዝወፈረ መርዛም ዘርኢ ክርዳድ ከተግብር እንተኾይኑን፤ ስራሕ ስለያን ሽርሒን ፈጺሙ ከቋርጾ ወይ ከዛሕትሎ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ገበነኛ ኢሳይያስ ኣብዚ ካብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ተባቲኹሉ ዘሎ ግዜ፤ ጅግና ኤርትራዊ ከኣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምቕንጻሉ ቀጭ-ሕርሙ ኣጻዊዱ ዝከታተለሉ ዘሎ ወሳኒ ህሞት፣ ብዘይካ ስለያዊ መሓውር ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን፤ ከምኡ’ውን መልሓስ ሚኒስትሪ ዜናን ካልእ ዝተረፎ ምርኩስ የብሉን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 2001 ዓ.ም. ብርእዮ ምስ ተበደለ፣ ሃገራዊ ቃልሱ ከጓሃህር ኢዩ ዝጀመረ። መሪሕነት ህግደፍ ድማ ንንቕሓትን ኣመለኻኽታን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ስለዘእተወት፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዲሞክራሲ ዝሕለኸሉ መንገዲ ሃሰው ካብ ምባል ኣየዕረፈትን።

ስለዚ ነቲ ኣብ ደገ ዝነበረ ጉሁር ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ማይ ዝሑል ከፍስሱሉ ይኽእሉ’ዮም ተባሂሎም፤ ሓዲኦም ብዘይካ መዝሙር <u>“ሰላማዊ ቃልሲ”</u> ካልእ ኣማራጺ ኣገባብ ንከይመጽእ ኣበርቲዑ ዝሰርሕ…ሓዲኦም ድማ ንዘዝተመስረተ ውድብን ሰልፊን ከም ዘራጊቶ ናብ ማእከሎም እናኣተወ ክበታትን ብገበነኛ ኢሳይያስ ብደቂቕ መነጽር ዓይኒ /ኦክያለ/ ዝተመርጹ ሰባት ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣቶ ዓብደላ ኣደምን ምንባሮም ኣይንጠዓሰሉን ኢና።

ኣብ ዝሓለፈ መበል 16 ክፋል፣ ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ካብ ሰብዓታት ኣትሒዙ እሙን ዓርኪ ኢሳይያስ ከም ዝነበረ ንምሕባር ምስቲ ዘርእዮ ዝነበረ ብዙሕ ድኽመታቱ ሓንጊሩዎ ይጓዓዝ ከም ዝነበረ ንምትእስሳር እምበር፤ ካብ ውግእ ሳሊና ሃዲሙ…ኣብ ምርብራብ ባረንቱ ኣንሳሒቡ’ሞ ንዑ ፈራሕ ንበሎ ዝዓይነቱ ጽሑፍ ኣይነበረን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ኣብ እትትንትነሉ ግዜ፤ ስግር-ስግር ኢልካ ከም 2+2=4 ምግባሩ ኣምበይምጸገመን።

ግን ኣብዚ “ቅድም ንኢሳይያስ ደሓር ከኣ ንሳተላይታቱ ነለልዮም” ብምባል ዝጸሓፍ ዘሎ ኣርእስቲታት፤ ከምቲ መሰረት ዘይብሉ ኣብ ሑጻ ዝተነድቀ ህንጻ ከይከውን ብማለት እየ ንጉዳያት ኣቶ መስፍንን ኣቶ ዓብደላን ካብ ሰራውሮም ንምትሓዝ ዝፈተንኩ። ከምኡ ስለዝኾኑ ኢዮም ድማ እቶም ካብ ነዊሕ ዓመታት ምስ ኢሳይያስ ብ’ሕኽኽኒ ክሓክካ’ ደቂ ናይ ደም ዕቁብ ኮይኖም ዝተጓዕዙ ገለ ጀነራላት መንግስቲ ህግደፍ፤ ኣብዚ ናይ ለውጢ ዘመን ንጉዳይ ህዝቢ ረጊጾም ክሳብ <u>“ኣኽር ጣልጋ ኣኽር ጂንዲ”</u> ብምባል ምስ ዕሉል ገበነኛ ንክጓዓዙ ዝመረጹ።

ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ብምኽንያት ውግእ ሓድ-ሕድ ቅድሚ 30 ዓመታት ናብ ሱዳን ምስ ወጸት፣ ነቶም ብሂወት ዝነበሩ መሪሕነታ ንምቕንጻል ኢሳይያስ ኣይደቀሰሎምን። እቲ ቀደም ዝነበረ ፍጻሜ ምስዚ ናይ ሎሚ ጉዳይን ኣርእስቲን ከነተኣሳስሮ እዋኑ ኣይነበረን። ግን ኢሳይያስ ነቶም ክሳብ መወዳእታ ምሳይ ይጓዓዙ ኢዮም ዝበሎም ሰባት፤ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣብ መጋርያ ገበናት ኣእትዩዎም ከም ዝነበረ ንምትንባህ ዝዓለመ ምትእስሳር ጥራይ ኢዩ።

ካብቲ ኣብ ወደብ ፖርት ሱዳን ንተጋዳላይን ላዕለዋይ ሓላፊ ክፍሊ ወተሃደራዊ ሃንደሳን፣ ደሓር’ውን ብድሕሪ ምፍራስ ‘ግንባር ናደው’ ኣብ 1988 ኣማሓዳሪ ከተማ ኣቑርደት ዝነበረ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ነበር ሱሌማን ህንዲ ዝተፈተነን ዝፈሸለን ናይ ምቕታል ዕለት፣ ኣብ መላእ ሱዳን ንዝነበሩ ናይ ጀብሃ ካድረታትን ኣርካናትን ከም በዓል ንስዒድ ሳልሕ፣ ማሕሙድ ሓሰብ፣ ሃይለ ጋርዛ ወ.ዘ.ተ… ዝተገብረ ናይ ቅትለት ስጉምቲ ኢሳይያስ ብዝሃንደሶ ውዲት ተኸታታሊ ምስጢራዊ ስርሒታት ተኻይዱ ኢዩ።

ሽዑ ካብቶም ኣብቲ ከባቢ ብብዝሒ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ሓደ፣ ኣቶ ዓብደላ ኣደም ኢዩ ዝነበረ። ነቲ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝእዝዞ ዝነበረ ተዋጋኢ ሰራዊት ገዲፉ "ናብ ዝምልከቶ ኣካል፦ ብጻይ ዓብደላ ኣደም ብኣድላዪ ጉዳይ ካብ ሜዳ ናብ ፖርት-ሱዳን፣ ከሰላን ካርቱምን ይንቀሳቐስ ስለዘሎ ኣብ ጉዕዞኡ ኣድላዪ ምትሕብባር ንክግበረሉ ንላቦ" ዝብል ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሳይያስ ዝተጻሕፈ መንቀሳቐሲ ወረቐት ሒዙን መኪና ተፈልያትሉን ኢዩ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ።

ተንቀሳቒሱ ማለት ቀቲሉ ማለት ከም ዘይኮነ ብሩህ ጉዳይ ኢዩ። ምስቶም ሎሚ ኣብ ስራሕ መንግስቲ ዘለዉ፣ ሽዑ ግን ኣብ እግርማይካ (ከባቢ ከሰላ) ዝነበሩ ኣባላት ስለያን ጸጥታን /ክፍሊ 72/ ኮሎኔል መልኣከ ገብረማርያ፣ /ወዲ ፊተውራሪ/ ኣቶ የማነ ተስፋይ /ኣማሓዳሪ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ/፣ ካብ ስራሕ ህግደፍ ዝተጣየሱ ተጋደልቲ፤ ከምኡ'ውን ምስቲ ንተጋዳላይ 'ሓንገላይ' ቀቲሉ ብምባል ድሕሪ ምጥርጣሩ ብሰብ ኣብ ከሰላ ዝተቐትለ ኣበድ ዝተባህለን ምስቲ ንወዲ ጋርዛ ኣብ ካርቱም ንምቕታል ዕማም ተዋሂቡዎ ዝነበረ ሓፋሽ-ውድብ ህዝባዊ ግንባር ነበርን ብዙሕ ግዜ ኣብ ከሰላን ካርቱምን ኣኼባታት ይገብር ነይሩ ኢዩ ኣቶ ዓብደላ ኣደም።

ኣነ ምባል ኣብ ስነ-ምግባርና ዘይቅቡል ቃል ኢዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ግን ምስክርነት ኮይኑ ስለዝስምዓካ ኣነ ንክትብል ትግደድ ኢኻ'ሞ፣ "ኣነ" ብምባለይ ብዙሕ ይቕሬታ ክቡራት ተኸታተልቲ! ካብ መፋርቕ ሰማንያታት ክሳብ 1991 ኣብ ከሰላን ከባቢኣን ኢሳይያስ ብዘዋደዶ ተንኮል ኣንጻር ተጋደልቲ ጀብሃ ነበር ይግበር ንዝነበረ ቅንጸላን ጭውያ መካይንን ነቶም ኣብቲ ስርሒት ብኢሳይያስ ዝለኣኹ ዝነበሩ ሰባት፤ /ዝርዝር ኣስማቶም ይጽናሕ/ ጸብጻባቶም ዝቕበል ዝነበርኩ፣ ነቲ ጸብጻብ ድማ ሰኒደ ናብ ዓንበርቦብ /ሳሕል/ ዝልእኮ ዝነበርኩን ሰብ ኣነ እየ። ነታ ብትእዛዝ ገበነኛ ኢሳይያስ ካብ ከሰላ ተጨውያ ናብ ኤርትራ ዝኣተወት ቀዳመይቲ ላንድ ክሩዘር /ለይላ ዑልዊ/ ናይ ዓብደል-ቃድር ጀላኒ፣ ናብ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ ኣብ ከተማ ከረን ዘረከብኩዋ ኣነ እየ። ይኣክል "ኣነ'የ!"

ክፍሊ ስለያን ጸጥታን /72/ ብትእዛዝ ኢሳይያስ ኣብ 1993 ክትብተን እንከላ፣ ሓላፊ ናይቲ ምኩር ኣሃዱ ዝነበረ ተጋዳላይን ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ነበርን ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሞን ኣብ ውሽጢ ረድዮ መሪናዮ ኣኼባ ጌሩልና ኣብ ዝነበረሉ መዓልቲ፦

"...ንስኹም ኣብ ክፍሊ 72 ኣብ ዝነበርኩምሉ ግዜ፣ ብዙሕ ምስጢራት ኢኹም እትፈልጡ። ስለዚ ናብ ዝተመደብኩም ተመደቡ ናብ ዝኸድኩም ኪዱ፤ ምስጢር ከተውጽኡ የብልኩምን" ኢሉና። ይዝከረኒ ሽዑ ዝቐረበት ሓንቲ ኣገዳሲት ሕቶ ነይራ፦

"...ካብ ከባቢ ሞሮኮ ክሳብ ፓኪስታን ዝተዘርግሐ መርበብ ግብረ-ሽበራ ጂሃድ ንኤርትራ ኣንጻላልዩዋ ኣሎ ኢልካ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ጂሃድ ከበባ ኣብ ዘለናሉ ግዜ ስለምንታይ ኢዩ ክፍሊ 72 ንክፈርስ ዝተወሰነ?" ትብል።

ኣቶ ጴጥሮስ'ውን ብላዕሊ ተገዲዱ'ምበር ናቱ ድሌት ከም ዘይነበረ ንለባም ኣምተሉ ዝዓይነቱ ዘረባ፦

"...ይፍረስ ስለ ዝተባህለ ጥራይ ኢዩ ዝፈርስ ዘሎ እዚ ዓቢ ኣሃዱ" በለ። ስለዚ እቶም ዕድመ ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ንምንዋሕ ተባሂሎም ዝተገብሩ ምስጢራትን ገበናትን ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ክንገሩ ኣለዎም። ብኡ መሰረት ድማ ናይ ኩሉ መቐጸሪ ዘይርከቦ ገበናት ተሰካሚ ኢሳይያስ ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ቅልጽም ኣንጻሩ ክምክት ስለዝግባእ።

ልክዕ'ዩ ሎሚ ገበናት ውልቀ-ሰባት ምጽብጻብ ግዜኡ ኣይኮነን። ካብ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ ክሳብ ግዜ ናጽነትን ሎሚን ብቐንዱ ብኢሳይያስ፣ ከምኡ'ውን ብተለኣኣኽቱ ዝተፈጸሙ ገበናት ብዙሓት ኢዮም። ብዘይካ'ቶም "ኣብ ጽንኩር ኩነታት ዝተወስዱ ስጉምትታት" ተባሂሎም ዝምኽነየሎም ገበናት፤ ኣብቲ ኢሳይያስ ብምስጢር ዝወልዖ ኲናት ባድመ'ኳ (ብ21 ታሕሳስ 2005 ብሕጋዊ ኣካል ሕቡራት ሃገራት ዝተዋህበ ምስክርነትን፣ መንግስቲ ህግደፍ ዝኣመነሉ ምጅማር'ቲ ኲናት ብኤርትራን) ብመምርሒ <u>"ፕረዚደንት"</u> <u>"ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ"</u> <u>"ዋና ጸሓፊ ህግደፍ"</u> <u>"ኣቦ መንበር ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ"</u> ዝኾነ ኢሳይያስ ዝተዋህበ ንጹሃት መንእሰያት ናይ ምርሻን ተግባራት ንብዙሓት ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ንገለ ብድሌት ንገለ ከኣ ብኣስገዳዲ ኢድ ኣርሲሑ ኢዩ ስርዓት-በጋሚንዶ ህግደፍ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ናይ ቃልሲ ዓመታት እቶም ክልተ ፍሩያት ኢሳይያስ ህዝቢ ንምፍልላይን ሰልፊታት ንምብታንን ዘዋፈሮም ሰባት ብተኸታታሊ ክግለጹ ጸኒሖም ኢዮም። እቶም ጭብጢ ኣሎ ዲዩ እናበሉ ገና ምስዞም ልኡኻት ዘይተባተኹ ኤርትራውያን ድማ ምስ ግዜ ሓቂ ንክርእዩ ይጸበዩ።

ስለምንታይ ኢዮም እቶም ንኢሳይያስ ውሽጡን ውሻጥኡን...ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፈጸሞም ገበናት ኣጸቢቖም ዝፈልጡ፣ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከኣ ዝለዓለ ሓላፍነትን ናይ ዓበይቲ ምስጢር ተኻፈልቲን ዝነበሩ ሰባት፣ ካብ ኤርትራ ወጺኦም ኣብ ደምበ ተቓውሞ /ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ/ ምስ ተጸንበሩ ብዛዕባ ገበናትን ሕቡእ ዕላማታትን ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ሓንቲ ቃል ብጭቖ ዘይበሉ? እቶም ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ፣ ኣብ ውድብ ሻዕብያ ከኣ ኣብ እዋን ደርሆ-ነቆ ዝተሰለፉን መጓዕዝቲ ኢሳይያስን ከም ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣቶ ዓብደላ ኣደምን ኣይኮነን'ዶ ንሕቡኣት ምስጢራት ብዛዕባ እቲ ብዙሓት ተጋደልቲ ዝፈልጥዎ ምስጢራት ሳሕል'ውን ክዛረቡን ኪጋልጹን ዘይመረጹ?

ነዚ ብዝምልከት ኣቶ ዓብደላ ኣደም ካብ መንግስቲ ህግደፍ ሃዲሙ ምስ ተባህለ፣ ብመርበብ ኢንተርነት ዓዋተ.ኮም ብዕለት 16 ግንቦት 2004 ቃለ መሕትት ገይሩ ከም ዝነበረ በዚ ተጻሒፉ ዘሎ ኣድራሻ ክፊትኩም ከተንብቡን ክትመራመሩን ትኽእሉ ኢኹም።

http://www.awate.com/portal/content/view/3118/9/ ካብቲ ሽዑ ዝቐረበሉ ቀንዲ ሕቶታት ብዛዕባ መስውእቲ ኢብራሂም ዓፋ፣ ጉዳይ መንካዕ፣ ብዛዕባ መንነት ኣብ ስልጣን ናይ ዘለዉ ሰባት፣ ብዛዕባ ዝተሃርሙን ዝተቐጥቀጡን ተጋደልቲ ወ.ዘ.ተ...ኢዮም።

ንኣቶ ዓብደላ ኣድም ወላ'ኳ 59 ሕቶታት ቀሪቡሉ እንተነበረ፤ ብዛዕባ ጉዳይ ኢብራሂም ዓፋ "ኣብ ኩናት ኢዩ ተሰዊኡ'ምበር ኣይተቐትለን" ክብል ዝመለሶን፤ ብዛዕባ እቶም ኣብቲ ንሱ ዝነበረሉ 1972-73 ብትእዛዝ ኢሳይያስ ዝቐተሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ "ዝፈልጦ የብለይን" ኢሉ መልሲ ምሃቡ ንመስደምም ነበረ። ኣቶ ዓብደላ "እዞም ኣብ ስርዓት ህግደፍ ዝለዓለ ሓላፍነት ሒዞም ዝርከቡ ሰባት ናይ መንነት ቅልውላው ከም ዘለዎም ኢዩ ዚዝረብ" ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፤ "ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ ምንም ዝፈልጦ ነገር የብለይን" ክብል ኢዩ መሊሱሉ።

ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ብዛዕባ መበቆልን መንነትን ክንዛረብ ዘየድሊ'ኳ እንተኾነ፣ ብድብድቡ ክሕደት ምስ ምንታይ ኢዩ ክቖጽሮ ህዝቢ ኤርትራ? ስለዚ ኣቶ ዓብደላ ኣደም መንነትን መበቆልን እዞም ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ጠፊኡዎ'ዶ ክንብል ንኽእል! ስለዚ ንጉዳይ ኣቶ ዓብደላ ኣደም ደምዲምና ናብ ካልእ እዋናዊ ጎስጓስን ቅንጸላ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ንምስማዕ ሓቢርና ክንስርሕን፤ ኣሕጽር ኣሕጽር ኣቢለ ናብተን ቀንዲ ፍሩያት ጉዳያት ክሰግር እየ። ንዘቕርቦ ጉዳይ ከኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ተሓታቲ እየ።

ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት ንቁሩብ ኣዋርሕ ኣማሓዳሪ ኮይኑ ኣብ ዝተመዘዘሉ ግዜ፣ ንሱ ኣብ ዝነበረሉ፣ ብዛዕባ እቶም ካብ ከረንን ሓጋዝን ብህግደፍ ዝተኣሰሩ ኤርትራውያን ዜጋታት እስላም ምስ ሃደመ ምንም ዘተንብሆ ቃል ዘይምንባሩ ንመስደምም ነበረ። ኣገባብ ኣተኣሳስራ "ጨሓማት" ከምዚ ኢዩ። ቅድም ቀዳድም ኢሳይያስ፣ ንኤርትራ ኣብ ቅድሚ ዓለም ግዳይ 'ግበር ሽበራ' ከም ዝኾነት ንምምሳል፣ ናብ ህዝቢ ራዕዲን ፍልልይን ንምእታው፣ ጽልኢን ምጥርጣርን ኣብ መንጎ እስላምን ክርስትያንን ንምትእትታውን ዓለማዊ ቆላሕታ ንምርካብን ብምባል ናብ መላእ ኤርትራ፤ ብፍላይ ናብ ከባቢ ሰሜናዊ ባሕሪ ብዓቢ ምስጢር ዘዋፈሮም ሽውዓተ ሰባት ኣርቲፊሻል "ጂሃድ" ነይሮም ኢዮም።

መነመን ይበሃሉ ኣበየናይ ከባቢ ይንቀሳቐሱ ነይሮም? እንታይ ዕንወታት'ከ ፈጸሙ? ሎሚ'ሽ ኣበይ ኣለዉ... ዝርዝሩ በብሓደ ተሰኒዱ ኣሎ። ንጉዳይ ምንቅስቓስ "ጂሃድን-ጸረ ጂሃድን" ዝኪታተልን ዝውድብን ምስጢራዊ ሓላፍነት ተወሂቡዎ ዝነበረ፣ ክሳብ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣውቃፍ እናሰሎኾ ዝኪታተል ዝነበረን ደሓር ናብ ፓኪስታን ተላኢኹ ምስጢራዊ ስልጠና ዝወሰደን ሰብ ነይሩ ኢዩ። "ጨሓማት" ንምእሳር ኣብ ዝግበር ዝነበረ እከይ ወፍሪ ከምዚ ኢዩ፦ ኣብ መሳጊድ እናኸዱ ብምስጢር "እዚ መንግስቲ'ዚ ናይ ክርስትያን መንግስቲ ኢዩ። መሰል እስላም ሕሉው ኣይኮነን። ስለዚ ንመሰልና ክንቃለስ ኣሎና..." ዝብል መርዛም ስብከት ንሓደ ሰብ ይነግሩዎ።

እቲ ዝተነግረ ሰብ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤ/ጽ ፖሊስ ወይ ናብ ቤት ጽሕፈት ጸጥታ ሓበሬታ እንተዘይ ኣቕሪቡ "ጂሃድ ኢዩ" ብዝብል ጭብጢ ዘይብሉ ስዉር ክሲ ይእሰር ነበረ። ካብቶም ሽዑ ኤርትራዊ ዓሌት

ንምጽናት ዝእሰሩ ዝነበሩ ዜጋታት ድማ ተፈቲሑ ናብ ስድራ ቤቱን ህዝቡን ዝተመልሰ ሰብ የለን። ስለዚ ገበነኛ ኢሳይያስን ሰልፊ ህግደፍን፤ ኣቶ ዓብደላ ኣደም ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት ኣማሓዳሪ ኮይኑ ተመዚዙ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ከባቢ ንዝተገብረ ገበናት ኢሳይያስ ስለምንታይ ከቃልዕ ኣይከኣለን?

እምበኣርከስ ኣቶ ዓብደላ ካብ ዓመተ-2002 ክሳብ ሎሚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣለኹ እናበለ ምንም ምስጢር ከምሉቕ ካብ ዘይደለየ፣ ወዲ ዕቑቡ ንኢሳይያስ ኢዩ እንተተባህለ እንታይ ተወሳኺ ጭብጢ የድሊ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ቀዳማይ ጸላኢኡ ኢሳይያስን ህግደፍን ምዃኖም ኣስሚሩ ከፈልጠሉ ዝግባእ መድረኽ ኢዩ። ብዛዕባ ኢሳይያስ ብድሕሪ ውድቀቱ ህዝቢ ኤርትራ ክሰምዖ ዝምነዮ ምስጢራት ድማ የለን። ንህዝቢ ጀርመን ተረሲዑ ዝነበረ ምስጢራት ሂትለር ሎሚ ምንጋሩ እንታይ ፋይዳ ይረኽበሉ? ስለዚ እቲ ኣንጊሁ ዘርኢ ክርዳድ ብዝተለመ ገበነኛ ኢሳይያስ ዝተፈጸመ ምስጢር ህልቂትን ጥፍኣትን ንኤርትራውያን ንሎሚን ሕጂን ጥራይ ይኹን!!!

ኣብ ደገ ንዝንቀሳቐሳ ውድባትን ሰልፊታትን ንምብታን ካብ ህግደፍ ዝተላእከ ሰላዩ ኢዩ ኣቶ ዓብደላ ኣደም። ብድሕሪ ኢሳይያስ፣ እቶም ረዚን ናይ ምብትታን ዕዮ ገዛ ሂቦም ዘፋነዉዎ ከኣ ኣቶ ዓብደላ ጃብርን ሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስን ኢዮም። እቶም መፋነውቲ ኣብ ናይ መወዳእታ ምፍናዉ ግዜ ቀንዲ ቀዳማይ ዕማሙ ንናይ ኣድሓኖም ገብረማርያም ሰልፊ ምብትታን ክኸውን ከም ዘለዎ ኢዮም ነጊሮሞ። እቲ ኣብ እንዳ መስተ ቮድካ /Vodka/ ጥራይ ዝሰማምዖ ዓብደላ ጃብር፣ ኣብ ግዜ ስኽራኑ'ውን ገለ ምስጢራት በጨቕ የብል ነይሩ ኢዩ። ኮይኑ ድማ ኣቶ ዓብደላ ካብ ሱዳን ሃዲሙ ንዓዲ እንግሊዝ ምስ ኣተወ እቲ ንምንቅስቓስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዝከታተል ዝነበረ ሱዳናዊ በዓል ስልጣን ደድሕሪኡ ናብ ለንደን ከይዱ ረኺቦ። ኣቶ ዓብደላ ኣደም ካብ ካርቱም ንህግደፍ "ከዲዑ" ክነሱ ኣብ ሓጺር ግዜ'ውን ናብታ ኣምባሳደር ኮይኑ ዝሰርሓላ ዝነበረ ሱዳን፣ ውድብ ክምስርት እየ ብምባል ተመልሰ።

ስነ-ጥበባዊን ድምጻዊን ኣቶ እድሪስ መሓመድ ዓሊ፣ ንዓብደላ ኣደም ብዛዕባ ኣንጻር ህግደፍ ክግበር ዝኽእል ቃልሲ ብዓቢ ምስጢር ኣካፊሉዎ ከም ዝነበረ፣ ባዕሉ እድሪስ መሓመድ ዓሊ ኣብ ዝተኣሰረሉ ግዜ ኣብ ክፍሊ መርመራ "ብዛይካ ንዓብደላ ኣደም ንማንም ሰብ ኣይተዛረብኩን" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ ኢዩ። ምናልበት ምስ እድሪስ መሓመድ ዓሊ ዝተወደቡ ሰባት ነይሮም ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፤ ምኽንያቱ ብድሕሪ ምእሳሩ በዓል ዶክተር ጣሃ መሓመድ ኑርን ካልኦት ብዙሓት ሰባትን ተኣሲሮም ኢዮም።

ናብ መድምደምታ ገጽና ንኺድ! ኣቶ ዓብደላ ካርቱም ኣብ ዝነበረሉ ግዜ:- "...ኣብዚ ሕጂ እንምስርቶ ውድብ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ፈጺምና ከነእቱ የብልናን" ዝበሎም ሰባት ነይሮም። ንሱ ተጋዳላይ ሻዕብያ ነይሩ ውድብ ክምስርት ተፈቒዱሉስ፣ ስለምንታይ ደኣ ከምኡ በለ? ብድሕሪ ምስረታ ውድብን ጥምቀት <u>"ተቓዋማይን"</u> ኣቶ ዓብደላ ኣደም፣ ኣብ (EPM) እንክሎ ብዙሕ ዝበሃል ነገር እኳ እንተለዎ ንሱ ገዲፍካ እቲ ናይ ስልጣን ህርፋኑን ተመሪሑ ክኸይድ ዘይምድላዩን ኣብኡ እዩ ንመጀመርታ ግዜ ምስጢራቱ ተጋሂዱ።

ኣብቲ ጉባኤኦም "...ሕጂ ኣቦ መንበር ዘይኮንኩ ኣይትብል ገና እዚ ውድብ ክሰጋገር ኣለዎ፡ ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣቦ መንበር እንተኾነ ኣይትቃወም" ክብሉ ዝመኸረዎ ኣባላት ኤሮም ዝብል ርጡብ ዘረባ ሰሚዕና። ንሱ ግን ድሕነት ናይ ውድብን ደምበ ተቓውሞን ከይገደሶ ኣቦ መንበር ክኸውን መሊሱ ድምጽታት ኣኻኺቡ ኣቦ መንበር ኮነ። ሽዑ'ውን ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ንኣቶ ኣድሓኖም ገብረማርያም:- "...ናይቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ተሓባበርቲ ዜጋታት ኣስማት ሃበኒ" በሎ። እዚ'ኸ ክቡራት ደቀባት ብኸመይ ኢዩ ክሽረፍ?

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ክምስርት ከሎ ዓብደላ ኣደም ኣቦ መንበር እቲ ውድብ ንክኸውን ዘራፍ ይብል ነበረ። ድሕሪ ክንደይ ልመና ግን ናይ ወጻኢ ጉዳይት ሓላፊ ክኸውን ተሰማምዐ። ጸኒሑ ኣቶ ዓብደላ ኣቦ መንበር ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ግን ቅልውላው ግሃድኤ መመሊሱ ገደደ። ብገለ ኣባላት ባይቶ ድማ ነገሩ ብኣኼባ ንክፍታሕ ተደጋጋሚ ጻውዒት ተገብረ። ኣቶ ዓብደላ ኣደም ሰሚዑ ከምዘይሰምዐ ኣጽቀጠ። ውድብ ድማ ብ2008 ናብ ክልተ ክፋላት ተፈንጨለ። ዝተሰከሞ ረዚን ህዝባዊ ሓላፍነት ስለዘይነበሮ ከኣ እዚ'ውን ዕጅብ ኣይበሎን።

ኣብቲ ዝተረረፈ ኣካል ከም ኣመሉ ምፍልላይ ክፈጥር ብዙሕ ጸዓረ። ነቶም ይቐርቡኒ እዮም ኢሉ ዝርእዮም ብኣካልን ብተሌፎንን እናረኸበ ክፍኣት ናይቶም ካልኦት ዝወዳደርዎ ኣባላት መሪሕነት ከዛረብ ይውዕል ነበረ። ሰነድን ደቃይቕን ናይ ኣኼባታት ምሓዝ ልምዲ ዘይብሉ ኣቶ ዓብደላ፣ ብዘይካ ንዝዝተሰርሐ ምፍንጣሕ ካልእ ዕዮ-ገዛ ዘይብሉ ልኡኽ ኢሳይያስ'ምበር መራሒ ህዝባዊ ቃልሲ ኣይነበረን። ኣብ መጨረሽታ "ምስዚኣቶም

ክስራሕ ኣይክእልን እዩ” ብምባል ክድብል ድሕሪ ምጽናሕ ብ2009 እቲ ውድብ ናብ ክልተ፣ ምስቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝተፈንጨለ ናብ ሰለስተ ተገማምዐ።

ኣቶ ዓብደላ ኣደም ካብ ቀደሙ ካብ ምስ ዝኾነ ኣባል ናይ ካልኡት ውድባት ንላዕሊ ምስ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ኢዩ ኢሂን ምሂን ዝበሃሃል ዝነበረ። ንምንታይ ደኣ’ሞ ኣቐዲሙ ምስ ካልኡት ውድባትን ሰልፊታትን እናዓንደረ ከሎ ምስ ውድብ (EDP) ኣይተዛመደን ወይ ኣይሰመረን? እዚ ክሳብ ሕጂ ክፍታሕ ዘይተኻእለ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኢዩ። ስለዚ በብዘለዉዎ ነናቶም ዕዮ ገዛ ተዋሂቡዎም ስለዝነበረ፣ ሓደ ኮይኖም ንህዝባዊ ማዕበል ክመርሑ ኣይደለዩን።

ነቲ ዘለዉዎ ውድባት ኣዳኺሞም ኣብዚ ሕጂ ዝጥርጠር ዘሎ ዕርቂ ምስ መንግስቲ ህግደፍ ንክኣትዉ ካብ ዝነበሮም መደባት ጥራሕ እዩ ክኽውን ዝኽእል። ድሮ’ኳ ገለ ውብሳይታት ብዛዕባ ዘተ ምስ መንግስቲ ህግደፍ ብዝምልከት ኣንፈታት ቅድመ-ምድላዋት ይገብራ ኣለዋ። ንክልተ ባንደራታት ጥራይ ከይኣክል ነታ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሰይተቡኡ ዝፈልጣ ነውራም ኣርማ ህግደፍ ኣብ መርበባት ብዘይ ሕፍረት እናሰቐልካ “ኤርትራዊ ሰልፊ… ጅግና ወዲ ህዝቢ ሰልፊ…ወ.ዘ.ተ…” እናተባህለ ዝግበር ዘሎ ኩሽማን’ከ ናበይ ገጹ ኢዩ ከምርሕ! ምቕናይ ጥራይ’ምበር ተተፋሒሩ ዝወጽእ ጉዳት ክንሰምዕ ኢና።

ናብ ጉዳይ ኣቶ ዓብደላ ኣብ እንምለሰሉ ግዜ፣ ብሓለቓኡ ልኡኽ ሓሊቦ ከይበሃል ያኢ! ብፍላይ ካብ መፋርቕ 2009 ዓ.ም. ጀሚሩ ዝዋፈረሉ ዘሎ ሞራል ህዝቢ ዝትንክፍ ፖለቲካዊ ጎስጓስን መናዋሪታትን ከኣ፡- “…ዋላ ሓንቲ ትጠቅም ውድብ የላን። ኩለን ብላሽ እየን። እዚ ውድባት ኩሉ ተፈንጢሑ ከም ብሓድሽ ክስራሕ ኣለዎ። ወይ ነዚ ኩሉ ውድባት ረሲዕካ ሓድሽ ውደባ ክመሃዝ ኣለዎ። በዘን ውድባት ክመጽእ ዝኽእል ራህዋ የለን… ዋዕላ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። ብኹሉ ዜጋ ክኹነን ኣለዎ…እቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝመላለሱ ዘለዉ ናይ ወያነ ኣጀንዳ ንምትግባር ኢዩ ዕላምኦም ወ.ዘ.ተ…” እናበለ ክሰብኽ ይስማዕ ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ኣቶ ዓብደላ ኣደምን ደቂ ዕቁቡን፣ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ኒሕን ሓቦን ዝመለለይኡ መኸተ ኣንጻር ህግደፍ ብምንም ተኣምር ክዕንቅፍዎ ኣይክእሉን ኢዮም። ገበነኛ ኢሳይያስ ብዓመጽ’ምበር በቲ በዓል ኣቶ መስፍን ሓጎስን ተኸተልቱን ዝዝምርዎ ዘለዉ፤ ምቅንብባር ፒያኖ ህግደፍ ዘወሃሃዶ መዝሙር <u>“ሰላማዊ ቃልሲ”</u> ካብ ዘለዎ ስልጣን ክእለ ዝከኣል ኣይኮነን። መዝሙር ንዝሓዝካዮ ዕላማ ዝገልጽ፣ ዓሚቑ ስነ-ጥበባዊ መትኒ ዘለዎ፣ ንስራውር ደም ካብ ባህርያዊ ትእዛዞም ኣውጺኡ ዘሰራስሮም ሓያል መሳርሒ ኢዩ። ክልተ ዝተፈላለየ ዕላማ ዘለዎም ስርዓታት ወይ ሰባት ከኣ ኣብ ታሪኻዊ መዋእል ሓደ ዓይነት መዝሙር ቃንዮም ኣይፈልጡን ኢዮም። ሎሚ ዘገርም ተርእዮ ርኢና። ናይ ክልተ ኣንጻራት ዝመስሉ ሓደ መዝሙር ንሰምዕ ኣሎና። መዝሙር ሰላም ህግደፍን…መዝሙር ሰላም መስፍን ሓጎስን። ኣየገርምን’ዶ!

እዞም ሰባት ከምዚ ምባሎም ብዘይካ ንሕቡእ ዕላማ ንካልእ ክኸውን ከቶ ኣይክእልን ኢዩ። ካልኡት ሰባት “ሰላማዊ ቃልሲ” እንተበሉ የምሕረሎም ኢዩ፣ እቲ ምንታይ ንገበነኛ ኢሳይያስ ሱሩን ሰራዊሩን ስለዘይፈልጡ። ሎሚ እቲ ንኢሳይያስ ከንድድ ተደጒሉ ዝነበረ ጓህሪ፣ ደፊንዎ ንዝነበረ ሓሙኽሽተ ጋሊሁ ይቀላቐል ኣሎ። ስለዚ እዚ ቃልሲ እዚ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ክዕወት ኢዩ። ሽዑ ኢየን ሓርበኛዊ ዲዮን ወጮ ሕፍረትን ወዋንኣን ዘለልያ።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ንዝኾነ ጉዳይ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቡና፡-

alenakoena@gmail.com

<u>ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።</u>

<u>ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና</u>

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ፣ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 18 ክፋል) ኣለና

TUESDAY, 15 FEBRUARY 2011 23:28

**“ኣነ ቲፋኖስ፣ ንሱ ድጉል መንካዕ”**




*በታ እንምነያን እንቃለሰላን ዘለና ኣዝያ ጥዕምቲ ቃል ክፍልም። ሰላም! ክቡራት ተኸታተልቲ ‘ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ’። ናትና ግብረ-መልሲ ዝጽበ ሰናይ ዘመን ይመጽእ ኣሎ’ሞ ቆጽሊ ሰተሰምሃር ክንንስንስ፣ ክንሕበን ከም ቀደምና ክንተሓዋወስ…ቆፎና ክንመልእ መዓርና ክንብርብርን ለጋዕና ክንሓልብን ቀሪብና ኢና!*

ንቲፋኖስ ኣብ ፊልም ሚለኑ ዘሎ ወናም ተዋሳኣይ ዘይፈልጥ የብልናን። ህዝቢ ኤርትራ እታ ፊልም ‘ሚለኑ’ ምስ ተዘርግሐት ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ኢዩ ንገበነኛ ኢሳይያስ “ቲፋኖስ” ዝብል ስም ዘጠመቖ። ኢሳይያስ እቲ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተዋህቦ ሓድሽ ስም ሽዑ ንሽዑ ኢዩ ተነጊሩዎ።

“ጽቡቕ ስም’ዩ! ኣነ ቲፋኖስ ንሱ ከኣ ድጉል መንካዕ ምዃኑ እፈልጥ እየ” ክብል ከኣ መለሰ። ፊልም ‘ንእሸቶ ሓወይ ክንዲ ሓሙተይ’ ምስ ተዘርግሐት ኣብ ወርሓ ኣቢሉ ምስ ሓደ ላዕለዋይ መኮነን ሓይልታት ምክልኻል ኣጋ ምሸት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ሻሂ ንሰትየሉ ኣብ ዝነበርና ግዜ፦

“እሞ ክገድፈካ እየ፣ ቲፋኖስ ኣትዩ ስለዘሎስ ቆጸራ ኣሎኒ ናብ ገዝኡ ክኸይድ እየ” በለኒ። ኣይተረደኣንን! “ንመን ቲፋኖስ ኢኻ ትብል ዘለኻ?” ኢለ ሓተትኩዎ። “ቲፋኖስ ደኣ ዓምና ኢሳይያስ’ምበር መን ኣሎ ካልእ!” በለ። ምግራመይ ኣየቋረጽኩን፣ ብህዝቢ ኣስመራ ብታሕቲ-ታሕቲ ቲፋኖስ ከም ዝበሃል እፈልጥ ነይረ እየ፤ ግን እቲ ሓላፊ ሰብ ነቲ ናቱ “ፕረዚደንት” ‘ቲፋኖስ’ ኢሉ ብኣቃጫጭ ክጽውዖ ምስምዐይ ገረመኒ። ትም ኣይበልኩን፦

“ንሱ’ኸ ቲፋኖስ ከም ዝበሃል ይፈልጥ’ዶ ይመስለካ” ሓተትኩዎ። “እሂናይ ደኣ! ኣነ’ኳ ባዕለይ ቲፋኖስ ኢለ እየ ዝጽውዖ። ነታ ሳጓ መጀመርያ ምስ ሰምዓ ‘ኣነ ቲፋኖስ፣ ንሱ ከኣ ድጉል መንካዕ’ ምዃኑ እፈልጥ እየ ኢሉኒ ነይሩ” ክብል ኣዘንተወለይ። ስለዚ ንሎሚ ቅያር ናይቲ ፎእ ተግባሩ እንተኾነና፤ “ቲፋኖስ” ኢለ እየ ኣብዛ ክፋል እዚኣ ክጠቕሶ’ሞ፣ እቲ መጸውዒ ብዘይካ ሳጓ ኢሳይያስ’ምበር ካልእ መልእኽቲ የብሉን።

ሳዕሪ ኣጉዶ ብማይ ዓብያስ ማይ ንከይኣቱ ትከላኸል ከም ዝበሃል፤ ዕሉል ገበነኛ ዲክታተር ቲፋኖስ ብደቂ ኤርትራ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተሰቒሉ ምዃኑ ክሒዱስ ነዚ ሕያዋይን ረሰዓይን ህዝቢ፦ “ድጉል መንካዕ” ዝብል ቅጽል ስም ሂቡዎ። ሎሚ ምንም እንተኣዕገርገረን እንተሓሰወን መዓልቲ ግዝኣቱ ኣኺቲሙ ኢዩ። እቶም ንቲፋኖስ ካብ ቀደም ዘለለይዎ ደቀባት ብሰንኪ ግርህነቶም እናቐደመ ጻጽይዎም ኢዩ። ንሕና ኤርትራውያን ጽሕፍቶና ስለዝኾነ ክሳብ መዓልቱ ዘእክል ዲያብሎስ ተዓዲልና።

ኣብዚ ንሃገርና ኤርትራ ባርዕ ህዝባዊ ማዕበል ዘካብበሉ ዘሎ ርሱን እዋን፤ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ካብ ድቃስ እንበራበረሉ ወሳኒ ግዜ ሎሚን ሕጂን ኢዩ። ቅድሚ ሎሚ ገበነኛ ቲፋኖስ ንምውጋን /1973፣ 1993፣ 2001/ ብዙሓት ወርቃውያን ዕድላት ኣሕሊፍና ኢና’ሞ፣ ሎሚ ነዚ ኣልማዛዊ ዕድል ንክንጥቀመሉ ሃንቀውታ ሚልዮናት ንሰላምን ዲሞክራሲን የጕላዕልዕ ኣሎ። ብዘይካ ብመንገዲ ሓድነት ድማ ብውድበይ ውድብካ፤ ሰልፈይ ሰልፍኻን መልክዑ ዝሓለፎ ህርፋን ሽመትን ናብቲ እንብህጎ ዓወት ንምብጻሕ ከጸግመና ኢዩ። ስለዚ ንቲፋኖስ ካብ ስልጣኑ ንምምንካል ሎሚ ሓደ ንኹን! ሎሚ ስለ ፍትሒን ድሕነት ሃገርን ርእሰ መስዋእቲ

ክንከፍልን ስልጣን ንህዝቢ ከነረክብ ክንምሕል፤ ቶባእ ንፍልልይ…ጀባእ ንህዝባዊ መንግስቲ ኢልና ንብተኽ ደቂ ሃገር።

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ፈጺሙ ኣይቀሰነን። ወላ'ኳ ንንቕሓቱ መዝሚዞም ንሃገራዊን ዲሞክራስያዊን ጉዳዩ ናብ ገምገም ጸድፌ ሸለው ከብልዎ እንተዘይደቀሱ፤ 'ኣለና…ኣለኹ'ምበር'፤ "የለናን የለኹን" ኣይበለን። ነዚ ብዓቢ ኒሕን ሓቦን ዝብገሶ ዘሎ ዳግማይ ታሪኽ ንምስራሕ ግን ነቲ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ከዳዕን ገበነኛን ቲፋኖስ ሰብ ማዕተብ መጓዕዝቱን ካብ ሎሚ ንከለልዮም ድምጺ ሃገራዊ ደወል ካብ መዓሙቕ መቓብር ሰማእታትና ይደሀ ኣሎ።

ኣብ ቱኒዝያ ዝተጀመረ ህዝባዊ ኣብያ፣ ናብ ግብጺ ቀጺሉን ተዓዊቱን። ናብ የመን፣ ሱዳን፣ ኣልጀርያ፣ ኢራን፣ ባሕረይን፣ ጂቡቲ…ወ.ዘ.ተ…ብናህሪ እናሸበበ ይቕድመና ኣሎ። እዚ ብህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተራእየ ሽግ /Torch/ ከኣ ገና ኣይቀሃመን ዘሎ። ስርዓት ህግደፍ ብዛዕባ እዚ ንዓለም ዘዛርብ ዘሎ እዋናዊ ወረታት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብጭቕ ኢሉ ዘይምዝራቡ ብዘይካ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቐት፣ ክሳብ ክንደይ ራዕዲን ሽበራን ኣትዩዎ ከም ዘሎ ኢዩ ዘመልክት።

ቲፋኖስ ን2011 ዘሰጋግሮ ዕምሪ ንምርካብ፣ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን ግዜ ንምዕዳግን ኣብ ሸበድበድ ኣሎ። ኩላቶም ጀኬራቱ ድማ ድቃስ ዘይህብ ሰፍ ዘይብል ዕዮ ገዛ ተዋሂቡዎም ኣሎ። ብኣንጻሩ ከኣ ማዕበል ህዝባዊ ተቓውሞ ደንደስ ሓጹር ህግደፍ ፈንጢሱ ድዋዕዋዕ እናበለ ንዝግለፍ ገሊፉ ጽሬት ውጽኢት ቃልሱ ንምርኣይ ኣብ ዓቢ ሃንቀውታ ኣሎ። ምስ'ዚ ኩሉ'ውን እቲ ካብ ቅድሚ ደርዘን ዓመታት፤ ብፍላይ ድማ ካብ ዓመተ-2007 ንደሓር ኣብ ውሽጢ ከበላላዕ ዝጸንሐ ዕሹግ ቁስሊ ጀነራላት ንክትኮስ ናብ ርብዒ ጎደል በጺሑ ይርከብ ከም ዘሎ ኣይተሳሕተን። ሎሚ ኣብ ማእከል ሰብ ጽሮራታት ህግደፍ ብጋህዲ ምንዕዓቕ፣ ምጽርራፍ፣ ምዝልላፍን ክቱር ውድድርን ህልኽን ኣብ ዘለወሉ ግዜ፣ ብዘይካ ሓደ ምኽን ካልእ መድሃኒት የብልናን።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሃዋሲ መድረኽ ንሕና ኤርትራውያን ነታ ኢሳይያስ ንምጽዳፍ ራን…ራን! ትብል ዘላ ኣትናብለ ደፊእና ናብ ናይ ታሪኽ ጎዱፍ ንምጽዳፉ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ "ኣለና" ንበል። ዕምሪን እስትንፋስን እንተሂብናዮ ግን ንሱን ደቂ ማሕበሩን ብሪሞት ዝቆጻጸሩዎ ገለ ነገር ክምህዝ ኢዩ። ፕሪዚደንታዊ ምርጫ፣ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት፣ ናጻ ፕረስ፣ ጽገናዊ መንግስቲ ወ.ዘ.ተ… ንምትእትታው ክፍትን ኢዩ ቲፋኖስ።

ነዚ መርዛም ተኽእሎ'ዚ ኣብ ግምት ኣእቲና፣ ነቶም ዕድመኡ ከናውሑን ስቓይ ህዝብና ከኻዕብቱን ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ዘለዉ ሰለይቱ፣ ብሓደ ማእዶ ዝተጠምሩ መሻርኽቲ ጥፍኣት ኤርትራውያን ንከነለልዮም ሎሚን ሕጂን ንሕተት ኣሎና። ቲፋኖስ ካብ ግዜ ምስላፉ ክሳብ ሎሚ ኤርትራዊ ዓሌት ንምጥፋእ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረን ዘሎን ስዉርን ግሁድን ሸርሒታት ንበይኑ ኣይነበረን። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓመትን ፍጻሜን ኣእዳዎም ብደም ንጹሃት ኤርትራውያን ዝተለኸዩ መሻርኽቲ ነይሮሞን ኣለዉዎን።

ስለዚ ባህግና ንሰላም፣ ንፍትሒን ደሞክራሲን እንተኾይኑ፤ ኩሉኹም ስለ ህዝቢን መሬትን ኤርትራ ብትግሃት እትቃለሱ ዘለኹም ደቀባት ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ወውሽጥና ዘሎ ጸህያይ ቅድም ቀዳድም ያዕ ንበሎ። ምስ ስርናይ ዝተሓወሰ ክርዳድ ከይፈለና ባህጊ ልብና ክሰምር ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ዓለም ክርዳድ ዘይብሉ ስርናይ፣ ዓለቕቲ ዘይብሉ ቀላይ የለን'ሞ፤ ንቃልሲ ህዝቢ ከዕንቅፉ ሀርድግ ዝብሉ፤ ዘጸልሙን ቆጽለ-መጽሊ ዝጽሕፉን እንተረኣና ኣይንገረም። ደምበ ኣለና ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ተተሓሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ ኣንጻር ውልቀ-መላኺን ደቅ ማሕበሩ ገበነኛታትን ኣብ ምጅማር እምበር ናብ ርብዒን ፍርቂን'ውን ኣይበጽሐን ዘሎ።

ምስ ብዙሓት ተቓለስቲ፣ ብሓባር ኣዒንቲ ህዝቢ ኤርትራ ንምኽፋት እንገብሮ ዘለና ዘመተ ከኣ ገና ክቕጽል ኢዩ። በቶም ቀትሪ ኤርትራውያን፣ ለይቲ ግን ጸረ-ኤርትራውያን ዝግበር ዘሎ ታኮን ዕንቅፋትን ድማ ሞቶር ህዝቢ ኣምሪሕና ክንሰግሮ ኢና። ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ክሳብ ፍጹም ዓወት መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ መስዋእቲ ንምኽፋል ድሉውት ኣሎና። ንድሕሪት ክንምለስ ዘይኮንናስ ንድሕሪት ቁሊሕ'ውን ከም ዘይንብል እቶም ብዓወት ህዝቢ ኤርትራ ዝላገጹን ዝጠራጠሩን ይረድኡ። ንሕና ደምበ ኣለና ክሳብ ገበነኛ ቲፋኖስ ተቖንጺሉ ዝቕበር ወይ ከም ምልካውያን ቱኒዝያን ምስሪን ሃዲሙ ዝብል ዜና ኣብ ሰማያት ኤርትራን ዓለምን ብማዕበል ዝፍኖን ዝስማዕን ዝዓጠቕናዮ ስረ፣ መሊስና ደኣ ድርብ ቁልፊ ንገብረሉ'ምበር ኣይክነዝልቖን ኢና። እዚ ከኣ ሕልናዊ ሕድሪ ኢዩ።

ቃልሲ እቲ ‘ድጉል መንካዕ’ ዝበሎ ‘ቲፋኖስ’፣ ሎሚ ኣብ ዘመን ተስፉ ወይ ትማሊ ኣብ ጉዳይ ጂ.15 ኣይኮነን ተጀሚሩ። ኣይሰመረን’ምበር ንምቕንጻሉ ኣብ 1973፣ ሓደ ተጋዳላይ ብብረት ክቕትሎ ክብል ተታሒዙ። ጥይት ተተኲሳ ኢያ! ግን እቲ ቀታሊ ኣብ ክንዲ ሕልፍ ምስ በሎ ብድሕሪኡ ዝሃርሞ፤ ምስ ተጸግዖ ናብ ግንባሩ ክትኩሰሉን ገበነኛ ‘ቲፋኖስ’ ንሻምብቆ ብረት ንላዕሊ ሰዲዱ ናብ ኣየር ከም ትትኮስ ገበረ። ኣብ ግዜ ምልዕዓል 1973 ድማ ሓለፍቲ ዝለኣኹዋ መስርዕ ሃንደሳ ንክትኣስሮ ወይ እንተኣበየ ንክትቀትሎ ኢላ ከይዳ ናብ ቅድሚኡ ምስ በጽሐት፤ ገበነኛ ‘ቲፋኖስ’ “...ተተንቀቕ!...ሰጥ በል... ሪት ለስ...ሚት ኪድ!” ኢሉ ብወተሃደራዊ ትእዛዝ ናብ ዝነበረቶ ቦታ ንክትምለስ ኣዘዛን ተመልሰትን።

እዚ ኩሉ ጉዕዞን መንገዲ ጥፍኣትናን ግን ንበይኑ ኣይነበረን ዕሉል ማፍያ። ሕጂ’ውን ንበይኑ ኣይኮነን ኣንጻር ህዝባዊ ማዕበል ዝጎዩ ዘሎ። ኣለዉዎ ኣብ ናይ ጥፍኣትና መኣዲ ዝተሰርዑ ኤርትራውያን። ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ተገሊጹ ዝነበረ ንጉዳይ ገበነኛ ‘ቲፋኖስ’ ኣብ ትትንትነሉ ግዜ፣ እቲ መንገዲን ኣገባብን ናብ ድሕሪት ጸኒሕካ ናብ ቅድሚት፤ እንደገና ከኣ ብኣንጻሩ ስለዝገማጥለካ ኣብዚ ዱሮ ውድቀቱ ነቲ ኣሉ ናይ ምባል ባህርያቱን ዝኸሓነ ጽልኡ ንኤርትራውያንን ንምርኣይ፤ ቅድሚ 37 ዓመታት ንዝነበረ ኩነታትን ባዕሉ ዝጸሓፎ ክሕደትን ክንምልከት መሪጸ። እታ ኣብ 1973 ዓ.ም. ዝጸሓፋ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ጥራይ ትንበብ ዝነበረት መጽሓፈ “መንካዕ”፤ ብዙሕ ጉዳት ስለዝነበራ፣ ኣብ 1982 እንደገና’ውን ኣብ 1983 ብዘዋሪ መልእኽቲ /ሰርኩላር/ ከካብ ዝነበረቶ ኣሃዱታት ብህጹጽ ከም ትእከብ ገበረ። ካብዛ ምላቑ ንሎሚ ገለ ክጸዊ።

እዚ ጽሑፍ’ዚ ካብታ ባዕሉ ዝጸሓፋ መጽሓፍ ‘መንካዕ’ ዝተቆንጨለ ኢዩ። ስለዚ እቲ ጂ.15 ዘቕረብዎ፣ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ክሳብ ሎሚ ኣብ ድሮ ዓወታት ቱኒዝያውያንን ምስራውያንን እውን ዝሓቶ ዘሎ ጉዳያት፣ ትማሊ ዘይኮነስ ቅድሚ ትማሊ ኣብ ምጅማር ጉዕዞ ንጥፍኣትና ዝነበረ ሕቶ ደቂ ህዝቢ ኢዩ። ቅድም “መንካዕ” ሎሚ’ውን “ድጉል መንካዕ” ዝብል ስም ዝተጠመቕና ንሕና ኤርትራውያን ሎሚ ዘይከም 1973 ኣጸቢቕና ተፋሊጥና ኢና። ኣብቲ ሎሚ እንገብሮ ሓዝ-ተተሓሓዝ ‘ቲፋኖስ’ ምንም ኣይከምልጥን ኢዩ። ካብ ፍልም ክሳብ ሎሚ ኣንጻሩ’ምበር ኣንጻር መሪሕነት ዝተኻየደ ተቓውሞ ኣይነበረን። ተንኮሉን ክፍኣተ-ግብሩን ንምፍላጥን ንዕኡን ነቲ ንሱ ዝዘርኦ ክርዳድ ንምጥፋእን ከኣ እንታይ ንግበር ንምባል መታን ክሕግዝ፤ ካብዛ ቀያሕ ቃል ክሳብ ዳሕረወይቲ ቀያሕ ቃል ከምዘለዎ ናቱ ጽሑፍ ኢዩ። ኣቓልቦ ንምግባር ግን ነተን ኣገደስቲ ጉዳያት ኣስሚረለን ኣለኹ። መጀመርታ ጥቕሲ፦

<<... እዚ ኣወንታዊ ምዕባለ እዚ ንጻላእቲ፣ ንተበለጽትን ኣድሓርሓርትን ደስ የብል ከምዘይነበረ ድማ ኣየጠራጥርን። ንኹሉ እዚ ዓወታት እዚ ጎልቢብካ፣ ጌጋታት ፈቲሽካ ንምግናንን ዚግበር ዚነበረ ፈተነታት ድማ ኣድሓርሓርን ኣዕናውን ኢዩ። ነቲ ዝወጸ ናይ ስራሕ መደብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ናይቶም ተበለጽቲ መዕነውቲ ምንቅስቓስ ዕንቅፋት ይኸውን ስለዝነበረ፣ እቲ ዘቕርብዎ ዚነበሩ ሓሶት ንምግላጽን ንምትንታንን፤ እቲ ዘዳለወቶ ጽሑፍ ንምቕራብ፣ ናይ ህ.ሓ. ታሪኽን ዘሎ ህሉው ኩነታትን ናይቶም ተበለጽቲ መንነትን ስልትታቶምን፤ ኣብ መንጎ ኣባላት መሪሕነት ዚነበረ ዘይምርድዳእ ይኹን ካልእ ኩሉ ንሓፋሽ ተጋደልቲ ዘደናግር ዚነበረ ሕቶታት ንምብራህ፤ ዘለዎ ናይ ስራሕ መደብ ንምግላጽን ተጋደልቲ ምእካብ ኣድላይ ኮይኑ ስለ ዚረኸበቶ በቲ ዚነበረ ኩነታት፤ ካብ ነፍስ-ወከፍ ሓይሊ ሽሽዱሽተ ተወከልቲ ኪስደዱ ሓቲታ፣ ሰብዓ ዚኾኑ ተጋደልቲ ብ6 /11/ 1973 ተኣከቡ።

ከምዚ ዝኣመሰለ መግለጺ ንተጋደልቲ ምቕራብ፣ ኣዝዩ ስለዘስግኦም በቲ ዚነበረ ርሱን ኩነታት ብምብላጽ መሪሕነት ነቲ መግለጺ ኪትህብ ኣብ ዚተቐረበትሉ፦ ... ሆ...ሆ ኢሎም ነቲ ኣኼባ ከም ዘቋርጽ ምስ ገበሩ፤ መሪሕነት ኣብ ዘይብሉ ብገዛእ ፍቓዶም ተመሻጢሮም፣ ሓንቲ ካብ 10 ሰባት ዚቖመት፤ 10 መዓልቲ ዝዕድሚኣ “መርማሪት’’ ኢሎም ዝሰመይዋ ሽማግለ መረጹ።

ከዱ ... ደየቡ! እቲ ናይ “ብሓቂ ስራሕ’’ ድማ ሽዑ ጀመረ። “እዛ መሪሕነት እዚኣ ክትወርድ ኣለዋ! ሓድሽ ኣካል ኪንመርጽ ኣሎና!” እናበልካ መዓት ጽውጽዋያት ንምዝንታው ለይትን መዓልትን ንምዝንታው ድቃስ ሰኣኑ። ብዙሓት ብስምዒት ሆ... ! ዚብሉ ዚነበሩ፣ ተጋደልቲ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ስብከት ምስ ተጀመረ፥ ሰገጥ ኪብሉ ጀመሩ። “ስለምንታይ ግን’’’ ዚብል ሕቶ ድማ ካብ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኪመጽእ ጀመረ። ሓደ-ክልተ “ስለምንታይ ተጋደልቲ ካልእ እዮም ዚሓቱ ዘለዉ‘ምበር መሪሕነት ትውረድ መዓስ ኢሎም?” ኣብ

ዚበሉሉ ግዜ፣ ሓደ ካብቶም ዋና ተራኣይቲ ናይቲ ምንቅስቓስ “ሕጂ እንተዘይበሉ ነቲ ክስታት ምስ ርኣይዎ ኪብሉ‘ዮም” በለ። እቲ ናይ ብሓቂ ስራሕ ድማ ኣብ ክንዲ “ምምርማር” ክስታት ምእካብ ኮነ።

ተጋደልቲ መሪሕነት ትውረድ ምእንቲ ኪብሉ ክስታት ምእካብ ኢዩ። ኣብተን ዝተወሰና ዓሰርተ መዓልቲ፣ ከምሕሉዎ ላዕልን ታሕትን ተወናጨፉ:: ንዝኾነ ሓላፍ መንገዲ ከምዚልምን፤ ክምስምስ እናበሉን ኣብ ውሑዳት ደቓይቕ “ዕርክነት” ኪፈጥሩ ካዕካዕ እናበሉን; “ብዛዕባ መሪሕነት ወይ ካልኦት መራሕቲ እትፈልጦ ጌጋታት እንታይ ኣሎ? ዝረኣኻዮ ጌጋታት ኣሎ‘ዶ?... ተቖጺዕካ ትፈልጥ’ዶ?... ስለምንታይ?...’’ እናበሉን ብኻልእ ማእለያ ዘይብሉ ኣድሓርሓሪ ስልትታት እናተጠቕሙን ካብቲ እቲ ተኣኪቡ ዚነበረ ተጋዳላይ ዚሃቦም ናይ ምምርማር ሓላፍነት ወጺኦም፣ ነቲ “ኪምርመር ኣለዎ!... ኪፍለጥ ኣለዎ” እናበሉ ዘረሳስኑዎ ዚነበሩ “ዚተፈትሐ” ናይ ኣባላት መሪሕነት ዘይምርድዳእ ብጸግዒ ገዲፎም ነተን ብዘይ ገለ መሰረት ዘልዓልወን “ዲሞክራሲ የለን’’... “መሰል ተጋደልቲ ኣይሕሎን’ዩ’’ ... “ናይ ምምሕዳር ጉድለት ኣሎ’’ ዚብሉወን ክስታት ሓቂ ንምምሳል “ጭቡጥ ነገር’’ ኪእክቡ ግዜ ወሲኾም፤ ብዕለት 3/12/1973 ነቶም 70 ተጋደልቲ ኣኪብዎም።

እቲ ሓቅነቱ ዘይተረጋገጸ ወረቓቕትን ባዕላቶም ዚፈጠርዎ ዶኩመንትን ክይምርመር’ሞ፣ ብዝያዳ ክይቅልዑ ስለዝፈርሑ፤ ናብቲ ዝተዓደመ ኣኼባ ከቕርቡዎ ከለዉ፥ በቲ ሓደ ወገን “ካብ 700 ንላዕሊ ዚኸውን መረጋገጺ ወረቐት ኣሎና’’ እናበሉን እናተጀሃሩን፤ በቲ ሓደ ድማ ድሮ ኪቃልዑ ጀሚሮም ስለዚነበሩ ብድብድቡ ኣብ 13 ነጥብታት ጸሚቖም ከቕርብዎ ከምዝኾኑ ገለጹ።

እቲ ሓፋሽ ተጋዳላይን ቅድም ተዘንጊዑ ዚጸንሐን ግን እዚ ነጥቢ’ዚ ኪሓልፎ ስለዘይከኣለ፣ እቲ ኣብ 700 ወረቐት ዘሎ ሓቂ እንተድኣ ኮይኑ ኢዩ እቲ ካብኡ ዚጽሞቕ ሓቂ ኪኸውን ዚኽእል እምበር፤ እቲ 700 ሓቅነቱ እንተድኣ ዘይተረጋጊጹ እቲ ጽማቑ ትርጉም ስለዘይህልዎ፥ ቅድም እቲ ካብ “700 ንላዕሊ: ዚበሃል ወረቓቕቲ ናይ ክስታትን ጉድለታትን ይቕረብ’ሞ፣ ድሕሪኡ እቲ 13 ጽማቑ ሓቅነቱን ሓሶቱን ይረጋገጽ ምስ ተባህሉ፤ ዓይኖም እናሓሰዩ “ግዜ ክይወስድ ኢልና’ምበር’’ እናበሉ፣ ግፉፍ ሓሶቶምን ዚፈክርዎን ዘጋነንዎን ኩሉ ቀረበ።

1. <u>ተጋደልቲ ናይ ርእይቶ ምሃብ መሰል ተኸልኪሎም</u> ፣ /ብመሰረቱ ሓሶት። ከምቲ ንመሪሕነት ዚቐረቦም መልሲ ዚተዋህበ/።

2. <u>ናይ ሓይልታት ኣብ ውግኣት ዚፍጸም ጌጋታት፤</u> /ከምቲ ንመሪሕነት ዚቐረበ’ሞ መልሲ ዚተዋህበ/።

3. ናይ መነባብሮ ፍልልይ’ኳ እንተዘየለ፣ <u>ኣድልዎ ዘርእዩ ሰባት ኪእረሙ፤</u> /እዚ ዕዉር ሓሶት’ዚ ኣብቲ ኣኼባ ብዝያዳ ተቓሊዑ/።

4. <u>ሕግታት ከም ብሓድሽ ናብ መጽናዕቲ ኪኣቱ፤</u> /እዚ ንስምዑለይ ዚቐረበ’ምበር ኣብ ህ.ሓ. ካብ ሰማይ ዚወረደ ዘይሰውራዊ ሕጊ ኣይነበረን። ወትሩ ምስ ሓድሽ ምዕባለታት ድማ ይቕየር ነይሩ ኢዩ።/

5. <u>ንውጉኣትን ድኹማትን ኣብ ዚግበር ምንባይ ዘሎ ጉድለታት፤</u>/እዚ‘ውን ንመመላኣታ ዚቐረበ‘ምበር ዚነበረን ዘሎን ንነዊሕ እዋን ዚጸንሐ ሽግር ኢዩ። ብዛዕባ ምንባይ‘ሲ ክንደይ‘ኳ።/

6. ናይ ክፍልታት ዝምድና /ብመሪሕነት/ ብሩህ ኪኸውን፣ /ናይተን ዚነበራ ክፍልታት ዝምድና ንጹርን ብሩህን ኢዩ። ኣብቲ ናይ መሪሕነት መልሲ ብሩህ'ዩ።/

7. ንናይ ጸላኢ ስለያ ዚቃወም ጽኑዕ ክፍሊ ኪግበር፣ ናይ ቅድም መርመራታት ድማ ኪምርመር።

እዚ'ውን ኣብቲ ብመሪሕነት ዝተዋህበ መልሲ ብሩህ'ኳ እንተሎ፣ ብተወሳኺ መብርሂ ኣድላይ ኢዩ። ቅድሚ'ቲ ሓይልታት ኣብ ሓደ ቦታ ምእካቡ፣ህ.ሓ ብናይ ሰለይቲ ወራር ብዙሕ ተመኩሮ ነይሩዋ'ኳ እንተኾነ፣ ብድሕሪ ምትእኽኻብ ናይ ሰለይቲ ዋሕዚ ዚበዝሓሉ ኣብ ገረግር ነበረ። ናይቶም ሰለይቲ ተልእኾታት ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ተነጻሊ ጉጅለ "ናይ መንካዕ" ንምፍጣር፣ ሰባት ምቕታል፣ ትሕዝቶ ኣጽዋርን ዚመጽሉን ምፍላጥ፤ መቓምጦ ሓይልታትን ካልእ ውሽጣዊ ኩነታት ንምፍላጥ ብስምዒታትን ብትንታነን ምእታው፣ ብረት ሒዝካ ምህዳም... ወ.ዘ.ተ... ነበረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ህ.ሓ. ሓለዋ ሰውራ ወይ ናይ ጸጥታ ወይ ናይ መርመራ ዚበሃል ፍሉይ ክፍለ-ስራሕ ኣይነበረን። መብዛሕትኦም ሰለይቲ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፣ ክትዕ፣ ስራሕን ዕለታዊ መነባብሮን ይገብሩዎ ብዝነበሩ ትዕዝብትን ምክትታልን ተመዝሒቖም ይወጹ ነይሮም። ዚኣክል መርመራ ምስ ተገብረሎም ድማ ግቡእ መቕጻዕቶም ይቕበሉ። ካብቶም ዚለኣኹ ዚነበሩ ሰለይቲ ካብ ውጹዓት ደርብታት ዚመበቆሎም ኢዩ። ስራሕ ካብ ምስኣን ዘይጠቅም ገንዘብ ተቐጺሮም ዚለኣኹ ዚነበሩ ይመሓሩ ነይሮም ኢዮም። ብዛዕባኣቶም ድማ ናይ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኣኼባ እናተገብረ መግለጺ ይወሃብ ነይሩ ኢዩ። እዚ ናይ ሰለይቲ ነጥቢ ሓደ ካብቲ እቶም ኣዕነውቲ ዚሰብኩሉ ዚነበሩ ኢዩ። ጌጋታት ፈጺሙ ኣይግበርን ነይሩ ማለት ዘይኮነስ፣ ህ.ሓ. ሰለይቲ እትምርምረሉ ተኣምራታኣዊ ኮምፒተር ስለዘይነበራ፤ ኣብ ዘድሊ መውቃዕቲ ተዘውትር ኢያ።

ናጻ ንዝኾኑ ድማ ህ.ሓ.፤ ሰምቢሮም ኢዮም'ሞ ከየካፍኡና ንቕተሎም ኣይትብልን ኢያ። ኣበሳ ዘይብሉ ብክሲ ቀሪቡ ዝተመርመረ ብናጻ ይልቀቕ። ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስምብራት ቅርሕንቲ ግን ቀልጢፉ ስለዘይጠፍእ እቶም ኣዕነውቲ ኣንቀሳቐስቲ ነቶም ናጻ ዚተለቁን ብኣኦምን፣ ኣብ ግዜ ናይቲ ምንቅስቓስ ብዙሕ ሸቑጦሙሉ ኢዮም። ሕሉፍ ሓሊፉ ንሓደ-ሓደ ካብቶም ኣብቲ መርመራ ናይ ሰለይቲ ዚሳተፉ ዚነበሩ ኣንቀሳቐስቲ "ስለምንታይ? ንስኻ'ኸ ትምርመር'ዶ ኣይነበርካን?" ይበሃሃሉ ኣብ ዝነበርሉ ግዜ፣ "ተኣዚዘ'' ዚበሃል መልሲ ይወሃብ ነይሩ። ዘገርም ሰልበጣ'ዩ! እቲ ናይ ቅድም መርመራታት፣ ይመርመር ዚብል ነጥቢ ግን ብመሰረቱ ካብ መሪሕነት ቀሪቡ ዚነበረ ኢዩ። ምኽንያቱ ድማ ነቲ ዚበሃል ዚነበረ ሓሶት ዝያዳ ንምርግጋጽ ኢዩ።

8. ኣብ ከበሳ ብዙሕ ጌጋታትን ጉድለታትን ኣሎ። /ኣብቲ ናይ መሪሕነት መልሲ በሪሁ ኣሎ።/

9. ኣከታትባን ኣመጻጽኣን ሓደስቲ ጌጋታት ኣሎ። / እዚ'ውን ዚኣክል መልሲ ተዋሂቡዎ ኣሎ።/

10. ርክብ ምስ ህዝቢ ብጌጋ። /እዚ 'ውን ተመሊሱ።/

11. ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ስራሕ ይወሃበን። /እዚ ብፍላይ ነተን ኣብቲ እዋን'ቲ ዚነበራ ደቀንስትዮ ዚትንከፍ መሰረት ዘይነበሮ ሓሶት ኢዩ።/ መጀመርያ ምስ መጻ፣ ናይ መጀመርያ ደቀንስትዮ ስለዚነበራ ብኣድናቖት ተቐቢለን፤ ንምትብባዐን ዚግበር ዚነበረ ሓልዮት ደረት ኣይነበሮን። በቲ ዚነበረን ሕልምታትን ናይ ኣተዓባብያ መበቆልን ሽግር ግን ልዕሊ ሕጊ ንምኻን ሸብዳዕዳዕ ኢለን። ኣብ ዝተቐጽዓሉ ግዜ፣ "ኣዋልድ ተቐጺዐን" ዚብሉ

መኹዘይዘይቲን ንሳተንን ዳኣ'ዮም ግጉይ ኣረኣእያ ዚነበሮም'ምበር ናይ ደቀንስትዮ ተራን ቦታን፤ ብዛዕብኡ ዝነበረን ዘሎን ኣረኣእያስ ሰውራዊ ቦትኡ ዚሓዘ ኢዩ።

12. <u>ናይ ኢድሪስ ሰይድ ምርፋት።</u> እዚ ኣድሓርሓሪ እዚ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ንምፍጣር ይፍትን ስለዚነበረ ተኸሲሱ ከም ዚተረፈተ ቅድሚ'ቲ ኣኼባ ፍሉጥ ነይሩ ኢዩ። ኣብቲ ኣኼባ'ውን ተገሊጹ ኢዩ።

13. <u>ብዛዕባ ሕጋዊ ኣካል፤</u> ከም ትምህርቲ ንተጋደልቲ ኪግለጽ። /እዚ'ውን ኣይተዘከረን ምእንቲ ከይበሃል ኢዩ፤/ ብመሪሕነት ብሩህ መግለጺ ድማ ተዋሂቡዎ ኢዩ።

ነቲ 13 ነጥብታት ንምርግጋጽ ዘቕርቡዎ ዚነበሩ "ምርኩስ" ነቲ ቅድም ዘቕረቡዎ ነጥብታት ዚመሳሰል ኪኸውን እንከሎ፣ መብዛሕትኡ ሓሶት፤ ገሊኡ ዚተጋነነ ፣ ሓደ ሓደ ውድዓዊ ኩነታት ዘየማልአ ዚነበረ ጉድለታት፤ እቲ ቁም-ነገር ኣለዎ ዚበሃል ድማ ካብቲ መሪሕነት ድሕሪ ምትሕንፋጽ ኣውጺኣቶ ዚነበረት ናይ ስራሕ መደብ ዚነበረ ነጥብታት ኢዩ።

እቲ ኣብ 13 ነጥብታት ዚጸመቖዎ ነገር ትርጉም-ኣልቦነቱ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ተኣኪቡ ዚነበረ ምስ ተኸሸሐ፣ /ተጋግዮም ዚነበሩ ብዙሓት ናብቲ ናይ ሓፋሽ መስመር ምስ ተመልሱ/ ዳሕራይ <u>ብታሕቲ-ታሕቲ መሪሕነት ነቲ 13 ነጥብታት ተቐቢላቶ</u> ዚብል ሓሶት ኣሎ። ኣብ'ቲ ኣኼባ ግን መሪሕነት ነቲ ብስም 13 ነጥብታት ዚቐረበ ውዲት፣ ስጥያ ኢያ ዚኸሽሓቶ'ምበር፣ ዚተቐበለቶ 13 ነጥብታት ኣይነበረን። ኣብቲ ኣኼባ'ቲ ኣብ መደምደምታ ስምምዕ ዚተገብረሉ ካልእ ተወከልቲ ተጋደልቲ ካብ ሓይልታትን ክፍለ-ስራሓትን ዚካፈሉዎ ኣኼባ ተዓዲሙ "መሰል ተጋደልቲ እትሕሉን" ... "ንመሪሕነት እትቆጻጸርን" ነቲ ወረቓቕቲ እትምርምርን ሓዳስ ኮሚተ ኪትምረጽ ኢዩ።

ህ.ሓ. ምስ ናይቲ ካብ ዚፍጠር ዘሕለፎ ናይ ምዕባለን ውድብን ዚተመሓላለኸ፣ ናይ ቅድሚትን ድሕሪትን ጥውይዋይን ናይ ምእካብን ምብታን ተመኩሮታት፤ ዲሞክራስያዊ ፊተውራሪ ውድብ ከምዚኾነ ኣየጠራጥርን ኢዩ። ከም ዲሞክራስያዊ ውድብ መጠን ድማ መሰል ተጋደልቲ ኣብ ሕግታቱ ኣስፊሩ ብግብሪ ከም ዚትጉም ሓድሽ ነገር ኣይነበረን።

<u>ሓደ-ሓደ ጌጋታት ኣይፍጸምን ነይሩ ማለት ኣይኮነን።</u> ሕጊታት ነቲ ዚፍጸም ጌጋታት ኣሪሙ መሰል ተጋደልቲ ንኽሕሉ ኢዩ ተገይሩ። እዚ ኩሉ ብሩህ እንከሎ ግን እቶም ተበለጽቲ ብሕልፊ ነቲ ሓድሽ ተጋዳላይ ከደናግሩ ይጽዕሩ ስለዚነበሩ፣ "መሰል ተጋደልቲ እትሕሉ" ዚብል ነገር ብመሰረቱ ቅኑዕ'ኳ እንተዘይነበረ፣ ኣብቲ ዚነበረ ናይ ምስግጋር ኩነታት ከምዚ ዚስርሓ ሽማግለ ሃልያ ኣይሃልያ ዚመጽእ ምቅይያር ስለዘይነበረ፣ ግጉይነቱ ንምርግጋጽ መሪሕነት ነቲ ርእይቶ ተቐበለቶ።

...ኩሉ እዚ ናይቲ ዚነበረ ናይ ምስግጋር እዋን ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ነቶም ተበለጽቲ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ንምኽሻሕን ዚተወስደ ቅኑዕ መርገጺ ኢዩ። ካልእ ይትረፍ መሰል ተጋደልቲ እንታይ ከምዝኾነን፣ ከመይ ጌርካ ከም ዚሕሎን ሕጋዊ ኣካል እንታይ ከም ዚኾነን፣ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ ብኸመይ ከም ዚካየድን ንድፊ ስኢላ ዝሃበት መሪሕነት ባዕላ ኢያ።

እቶም ተበለጽቲ ግን ድሕሪ'ቲ ተቐንጢጦም ዝተቐልዕሉ ኣኼባ'ውን ኪእረሙ ኣይደለዩን።እቲ ካብየ ክፍለ-ስራሓትን ሓይልታትን "መሰል ተጋደልቲ እትሕሉን'' "እትቆጻጸርን'' "እትምርምርን'' ሽማግለ ንምምራጽ፣ ዚተወከለ ካብ 65 ተጋደልቲ ዚቖመ ኣካል ብ9/12/1973 ተኣከበ።

ናይታ ሽማግለ ምቛምን ስራሓታን ድሮ ድማ ተነዲፉ ዚነበረ ነጥብታት ምስ ኣጽንዐ፣ እታ ሽማግለ ቁጽራ 11 ኪኸውን ተሰማምዐ። እቶም ኣዕነውቲ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ኣብታ ሽማግለ ዓብላሊ ቁጽሪ ንኽህልዎም ኮነ ኢሎም ዓጢቖም ስለዝነበሩ፤ ቅድሚ ምምራጽ፣ ምምራጽ ብጋህዲ ይኹን ዚባሃል ርእይቶ ምስ ቀረበ፤ <u>የለን ብምስጢር</u>

<u>ኪኸውን ኣለዎ</u> ኢሎም ተኸራኺሩ። እቲ ሽማግለ ግን ከቢድ ሓላፍነት ኪስከም ስለዝኾነ፣ ነቶም ዚምረጹ እንተወሓደ <u>ናይ ክልተ ዓመታት ኣገልግሎት</u> ዘለዎም ይኹኑ፣ ዚብል ቅኑዕ ርእይቶ ምስ ቀረበ'ውን ተቓዊሞም፤ ሓደ-ሓደ ካብቶም ቀንዲ መራሕቲ ኢዶም ኪስሕቡ ኣፈራርሒ።

… እቶም ተበለጽቲ ግን በዚ ኣይተዓግቱን። "እቲ ምርጫ ናይ መሪሕነት ኢድ ነይሩዎ፣ ኣውራጃዊ ኢዩ፣ ወገናዊ ኢዩ፣ …'' እናበሉ ኣብቲ ኣኼባ ንዘይወዓሉ ተጋደልቲ ከም ብሓድሽ ንምድንጋር "ብዓይነይ ርእየ'' እናበሉ ጭቡጥ መረጋገጺ ዘይብሉ ሓሶት እናነፍሑ ምዕግርጋር ቀጸሉ። ዝኣኽሎም ገይሮም ብሓሶት ንህዝቢ የነዓዕቡ ነይሮም። ኣብ መወዳእታ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ምስ ተኸሽሑ ናይ ኣውራጃታት ምክፍፋል ገዲፎም፣ ናይ ብሄራት ምክፍፋል ንኽምጽኡ፤ "ብሄረ ትግረ ኣብ መንጎና ኣትዮም ተጻዊቶሙልና'' ኪብሉ ጀመሩ። ሕጂ'ውን ነዚ ንምኽሻሕ ኣድላይ ኮይኑ ተረኺበ። ድማ መጸ።>> ናይ ጥቕሲ መወዳእታ።

እቲ ኩሉ በቶም ምሁራት ዝቐረበ ሕቶታት ናብ ገበነኛ ኢሳይያስ'ምበር ናብ መሪሕነት ኣይነበረን። ሸዑ ኢሳይያስ ነቶም ምሁራት ንምእሳርን ንምቕንጻልን ዝመሃዞ ጥበብ "ዕርቂ ኣብ መንጎ ኣባላት መሪሕነት ዝነበሩ፣ ተውልደ ኢዮብ ሰለሞን ወልደማርያምን ኣስመሮም ገረዝግሄርን'' ዝብል ነበረ። ኣብ 2001 ነቶም ምኩራት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ንምእሳርን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ንምጽናትን ኲናት ኣብ ባድመ ከፈተ። ቃልሲ ኣንጻር ኢሳይያስ ማለት እምበኣር፣ ቃልሲ ኣንጻር ዞባዊ ግብረ-ሽበራ ማለት ኢዩ። ቲፋኖስ ንመን ዘይሃወኸ! ንኹላተን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ሃገራት ጥራይ ዘይኮነስ፤ ኣህጉራዊ ሽበራ ንምትእትታው'ውን ኣይደቀሰን። ስለዚ ነዚ ዕሉል ካብ ዝስለፍ ብዘይካ ዘርኢ ክርዳድ ካልእ ዘይተለመ ገበነኛ ሰብ፣ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ ኢና ፍትሒ ክተኩብ ክንልምኖ ንዝብሉ ዘለዉ ሰባት፣ ናብ ተዓዘብቲ ንገድፎም።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ንዝኾነ ጉዳይ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቡና፡-

alenakoena@gmail.com

<u>**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**</u>

<u>**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**</u>

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ፣ ንዘርኢ ክርዳድ - (መበል 19 ክፋል) ብኣለና

THURSDAY, 24 FEBRUARY 2011 06:14



ሰላም ኣብ ዘዘለኹም ክቡራት ደቂ ኤርትራ! ብፍላይ ድማ ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ፣ ንኹለን ኤርትራውያን ደቀንስትዮና ናይ ቃልሲን ጽንዓትን ሰላምታ ይብጻሕክን።

ከምቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ኣብ ምርግጋጽ ዝነበረክን ዕዙዝ ተራ፣ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣንጻር ዓማጺ ስርዓት ህግደፍ፣ ሓርነትን ዲሞክራሲን ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ዘሎ ኩለንተናዊ ቃልሲ ካባኽን ዝህሉ ዓቢ ሃገራዊ እጃም ከም እተበርክታ ንኣምን።

ንሕና ኤርትራውያን ኣብዚ ሃገራት ከባቢና ብህዝባዊ ማዕበል ዝናወጻሉ ዘለዋ ናይ ተስፋ ዘመን፣ ሓደ ዓቢ ምህሮ ቀሲምና ኣሎና። ኣብተን ምስ ኤርትራ ብምንጽጻር ናብ ተዛማዲ ናይ መነባብሮ ጸጋታት ዝጸንሓ ሃገራት ከባቢና ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ ከም ሊብያን ባሕሬይንን ዝኣመሰላ ልዑል መነባብሮ ህዝቢ ዝተራእየለን ሃገራት፣ ህዝቢ ኣንጻር እቶም ውልቀ-ምልካውያን ክለዓዓል እንከሎ፣ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ግን ኣንጻር ናይዚ ካብ ሙሉእ ዓለም ዝጨከነ መራሒ፣ ብሕጊ ኣራዊተ-ዘገዳም ዝምራሕ ስርዓት ህግደፍን ለመጫት ተሓባበርቱን ዛጊት ድምጺ ሓደ ኤርትራዊ ሰብ'ኳ ኣይተሰምዐን። እዚ 'ንለባም ኣምተሉ' ዝዓይነቱ፣ ዓቢ ምህሮ ኢዩ።

እቲ ገበነኛ ኢሳይያስ ብታሕቲ-ታሕቲ "ቃዛፊ ሰብኣይ ጓልና" እናበለ ምስ ሙዓመር ቃዛፊ ፍሉይ ዝምድና ዝመስረተሉን ተስፋ 40 ዓመታት 'ንግስነት' ዝገበረሉን ቃዛፊ፣ ብዝህባዊ ጎል ንክሰዓር እታ ህዝቢ ሊብያ ሒዙዋ ዘሎ ኩዕሶ ናብ ኣርያ-ሪጎለ በጺሓ ኣላ። በዓልቲ ቤቱ ንሙዓመር ቃዛፊ ኣብ ሳሃራ፣ ሓላይብ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ዓሌት ራሻይዳ ዘለዎም ሰባት ኢያ።

ኢሳይያስ ሰብኣይ ጓልና እናበለ ኣብ ዝዐረኸሉ ግዜ፣ ብፍላይ ኣብ ግዜ ኲናት ባድመ፣ ዝተራቐቐ ሚሳይላት ሂቡዎ ከም ዝነበረ ኣብ 2000 ዓ.ም. ኣብ ኣስመራ ይዝረብ ነይሩ ኢዩ። ኢሳይያስ ንራሻይዳ ከም ብሄር ካብ ዝተቐበለሉ ግዜ ሰዓታት፣ ንመጀመርያ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ንዝነበሩ ካብ ኤርትራን ሱዳንን ዝተኣኻኸቡ ብስም ተቓወምቲ ሱዳን /ሙዓራዳ/ ዝፍለጡ ጉጅለ ብድሕሪ ምዝዛም እቲ ኲናት ኣኼባ ገይሩሎም ነበረ።

ሽዑ፦ "ንሕና ጸገም ኣሎና። መንነትና ከነረጋግጸሉ እንኽእል ባይታ ስኢንና...ኤርትራውያን ዲና ወላስ ኣይኮንና...በዚ ኤርትራውያን ኣይኮንኩምን ንበሃል፣ ብሱዳን ድማ ሱዳናውያን ኣይኮንኩምን ንበሃል!" ኢሎም ኣብ ዝሓተቱሉ ግዜ ኢሳይያስ፦

"...ካብዚ ዘለናዮ ቦታ ክሳብ ሳሃራ ሓላይብ ዘለዉ ራሻይዳ ኩላቶም ኤርትራውያን ኢዮም። ኣብ ዝኾነ ግዜ እንተ መጺኦም ከኣ ኤርትራዊ መንነት ክንህቦም ንኽእል ኢና" ክብል ዝመለሶ ሕቶ ብገርሂ ኣይነበረን። ብድሕሪኡን ቅድሚኡን ብዙሓት ተወላዶ ራሻይዳ ናይ ኤርትራ መንነት ወረቐትን ፓስፖርትን ረኺቦም ኢዮም። መብሩክ እቲ ሚልዮነር መራሒ "ሙዓራዳ" ዋና ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ተሰነይ ነበረ። እልቢ ዘይብሉ ንብረት ከኣ ብስም ትራንዚት ካብ ወደብ ባጽዕ ናብ ከሰላን ኣስመራን ይነግድ ነበረ። መብሩክ ንስይቲ ቃዛፊ ዘመዳ ከም ዝኾነ ኢዩ ዝውረ። ካብ ኣስመራ ንዱባይን ካይሮን ኣብ ዝገሸሉ ግዜ ድማ ናብ ትሪፖሊ ከይበጽሐ ኣይምለስን ነበረ። ስለዚ ስዕረት ቃዛፊ ሞት ኢሳይያስ ኢዩ'ሞ፣ ንዕኡ ከኣ ሞት ክናና ይግበረሉ።

ኣድማ ሰሜን ኣፍሪቃ ብዝወልዖ ባርዕ ኣብ ሱዳን ናይ ተመሃሮ ምልዕዓል ተራእዩ። ኣብ የመንን ጂቡቲ’ውን ከምኡ ኣድማታት እናተገብረን ማዕጾታት ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻት እናተኻሕኩሐን እንከሎ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ብሰንኪ ጨፍጫፊ ሜላ ኢሳይያስ ዝጸመመን ዝዓወረን ህዝቢ፤ ጥዑይ እዝኒን ዓይኒን ዘለዎ ሰብ ከም ዘይተረፈ ኢዩ ምሂሩና ዘሎ። ብሓቂ እቶም ብሓለንጊ ጥሜት ዝማሰኑ ዜጋታትና ኣድማ ክገብሩ እንተዝኽኡ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ዓለም ኣብ ጎደና ማይ ኣባ-ሻውል ክብገሱ ነይሩዎም። ህዝቢ ምስሪ ኣብ ሜዳ ታሕሪር ንመንግስቲ ዘነቓንቐ ኣድማ ኣብ ዝገብሩሉ ዝነበሩ ግዜ፣ ከምኡ’ውን ህዝቢ ሊብያ ንገለ ከተማታት ተቖጻጺሩ ኣብ ዘለወሉ፤ ክሳብ እዚ መዓልቲ’ዚ ገለ ላዕለዎት ጀነራላት ቃዛፊ ዝነበሩ ኣዘዝቲ’ውን ኣብ ጎድኒ ህዝቦም ኣብ ዝወገኑሉ ግዜ፣ ካብዛ መልኣከ-ሞት ዘንጸላለዋ ሃገርና ኤርትራ ሓንቲ እሕሕ! ትብል ናይ ተቓውሞ ቃል ዘይምስማዕና ብጋህዲ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ብከመይ መንገዲ ከም ዝመጽእ ንንገር ኣሎና።

ሎሚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራስ ይትረፍ እዚ ኣብ ሰላምን ዲሞክራሲን ዘለወሉ ሃገራት ተሰዲዱ፣ ካብ ህግደፍ ዓሰርተታት ኣሽሓት ማይላት ርሒቑ ዘሎ ህዝቢ’ውን ናብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ህግደፍ ቀሪቡ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብር ኣይከኣለን።

ስለዚ ካብቲ ኩሉ ህዝቢ ዝደልዮ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ለውጢ ክርከብ ካብ ዘይከኣለ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣገባብ ቃልሱ ክቕይር ጥራይ እምበር ደድሕሪ <u>“ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ”</u> ዝብሉ ምስ ህግደፍ ለይቲ-ለይቲ ብሓንቲ መሰንቆ ዝዝምሩ ሰባት ምድንጋጽ ይኣክል። ስለምንታይ ደኣ ኢዮም ሎሚ እዞም ሰላማዊ ቃልሲ ዝብሉና ዘለዉ መራሕቲ፣ ነዚ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሙሉእ ዓለም ብሓንቲ መዓልቲ ምልዕዓልን ሰላማዊ ሰልፊን ንክገብር፤ ወይ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ንክምክት ብስም ሰልፎም ቅንጣብ ጻውዒትን ተበግሶን ዘይገበሩ? ‘ዝግ ድሕሪ ዋንጫ’ ዝብልዎ ሰታዮ ስዋ ከምዚ’ዩ። ዝግ ኢልና ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ፣ ሓጺር ዝዕድመኦም ገና ሓደስቲ ብህግደፍ ዝተደርሱ ትያትራት ክቕልቀሉ ኢዮም።

ለውጢ ኣብ ግዜ ገበነኛ ኢሳይያስ፣ ብዘይካ ብሓይሊ፣ ብካልእ መንገዲ ክመጽእ ከም ዘይክእል እነሆ እዚ ዘመናዊ ቅልውላው ካብ ቃላት ንላዕሊ ብግብሪ ኣነጺሩን ኣብሪሁን ምሂሩና ኣሎ። ስለምንታይ ኢዩ ኣብዚ ርሱን እዋን፤ ኩላቶም ኣህዛብ ጎረባብቲ ኤርትራ ሆሆሆ! እናበሉ ኣብ ዘለዉሉ ግዜ፣ እንኮ ድምጺ ዘይሰማዕና? ኦ! ክቡራት ደቀባት ኣገባብ ቃልስናን መንገድናን ብግብሪ ነጊሩና ኣሎ እዚ ግዜ’ሞ ደጋጊምና ንሕሰብ። ሎሚ ኣረግቶት ኣቦታትን ኣደታትን ንኢዶም ማይ ዘሕጽቦም ውላድ ኣብ ዝሰኣንሉ ግዜ፣ ሰብ ሞይቱ ንመርድእ ዝለኣኽን ጉድጓድ ዝኹዕትን ኣብ ዝተሳእነሉ ምጽኣታት፤ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብር መንእሰይ ካበይ ኢዩ ክመጽእ?

እቶም “…ዝግ ጥራይ በሉ! ኣብ ውሽጢ ዝወደብናዮም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣለዉና’ሞ ብዓቕሊ ንጸበዮም” እናበሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝመስሎ ኣገባብ ቃልሲ ንከይጥቀም ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ሓንቲ ደርፊ ጥራይ ክደርፉ ዝጸንሑ፤ ኣበይ ደኣ ኣለዉ እቶም “ናይ ውሽጢ” ተባሂሎም ክሕተቱ ይግባእ። ንሎሚ ዘይኮነ ኣይኹን! ኣብዚ ገበነኛ ኢሳይያስ ኣፈርክቡ ኣባት-ነፍሱ ኮለኔል ሙዓመር ቃዛፊ ዝሰምዓሉ ዘሎ ርሱን ግዜ፤ ናቱ ሞት ንምስማዕ ኣፈርኩቡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝስመዓሉ ዘሎ ወሳኒ እዋን፣ ንመዓስ ኢዮም ክብገሱ እቶም “ኣብ ውሽጢ ኣለዉና” ዝበሃሉ ዝነበሩ?

ኢሳይያስ ናብ ህርመት ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ክምለስ እንተኾይኑ፣ ሳጥናኤል ናብ መንበረ-ታቦት ክሰግድ ይቐልል። ለውጢ ክመጽእ ኢዩ፣ ኣገባብ ኣመጻጽኣ ለውጢ ግን ኢሳይያስ ካብ ግዜ ሰብዓታት ክሳብ ሎሚ ባዕሉ ብዝፈጠሮ ሓሸውየን መሽጎራጉርን፣ ብደቀባት ኤርትራ ብርግጽ ክህረም ኢዩ። ሎሚ ኣብ መመዓልቲ ኣፈርኩቡ  ዕሉል ገበነኛና ንሰምዕ ኣሎና። ጽባሕ’ውን ሞቱ ክንሰምዕ ቀሪብና ኢና። ርሑቕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ፣ ግድነት ሞት ኢሳይያስ ክንሰምዕ ኢና! ክሳብ ዕለተ ሞቱ ግን ዳግማይ ከይንደናገርን ንዘለኣለም ከይንጠፍእን ብተኸታታሊ ምስጢራቱን ምስጢራት ደቀ-መዛሙርቱን ክጸሓፍን ክንበብን ይግባእ።

ምስጢራት ገበነኛ ኢሳይያስ ጽሒፍካ ቀለምን ወረቐትን ክትውድእ’ምበር ነቀይ ዝብል’ውን ኣይኮነን። እዚ ንመዓልቲ ደም ሰብ እንተዘይ ኣፍሲሱን ጥርሙስ ብሉ-ለበል እንተዘይጨሊጡን ክንቀሳቐስ ዘይክእል ዕሉል ገበነኛ፤ ከምቲ ብተደጋጋሚ ክንጽሕፎ ዝጸናሕና ብድሕሪ ድኻሙን ሞቱን  ኣብርሃም ወዱ ንምንጋስ ዝነበሮ ጥሙሕ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሚዑ ኢዩ። “…ብድሕረይ ገና ኣብርሃም ወደይ ክገዝኣኩም ምኧኑ ፍለጡ።” ኣብ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ብድፍረትን ብድዐን ዝድርብዮ ዝነበረ ዘረባ ኢዩ።

ሕልሚን ጋህዲን ነንበይኑ ስለዝኾነ ግን፣ ኤርትራ ካብ ጽላሎት ኢሳይያስን ኣብርሃም ወዱን ከም እትድሕን ጥርጥር የለን። ጽሑፋት 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ኣብዚ ርሱን እዋን ናብ ህሉው ኩነታት ከባቢናን ተራ ኤርትራውያን ተቓለስቲን ብዝያዳ ኣቓልቦ ጌርና ኣብ እንጽሕፈሉ ዘለና ግዜ፤ ንኣመጻጽኣ ናብ ስልጣንን ኣጀማምራ ምልኪን፤ ከምኡን'ውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጉታት ዝሰርሑ ዝነበሩን ዘለዉን ተቓለስቲ-መሰል ውልቀ-ሰባት ካብ ምቅላዕ ደው ኣይክንብልን ኢና። ኣብቲ ሕልሚ ኢሳይያስ ንግስነት 30-40 ዓመታት ዝሓልመሉ ዝነበረ ዓመታት፣ ወራስ ዓራት ወዱ ንምግባር ዝትልሞ ዝነበረ ዘርኢ ክርዳድ ካብ ህዝብና ኣይተኸወለን።

ኣብርሃም ወዱ ኣብ ኣስመራ ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤል እናተማህረ እንከሎ፣ ንመሳትኡ ምቕጥቃጥ ምሂሩዎ ነበረ። ንወዲ ተጋዳላይ ኪሮስ ዓወር እናሃረመ ምስ ኣሸቑረሮ፣ ኣቡኡ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ወዱ ሒዙ ከደ። ንኣብርሃም ኢሳይያስ ምስ ረኸቦ ክሃርሞ ዝከኣል ኣይነበረን። ግን "ኣቦኻ ተኸኽ ዘብለና ዘሎ ከይኣኽሎስ ንስኻ ከኣ ንደቅና ተኸኽ ከተብሎም!" ጥራይ ኢዩ ዝበሎ። ኣብርሃም ነታ ዘረባ ተሰኪሙ ናብ ኣቡኡ ኢሳይያስ ከደ። ኣይደንጎየን ድማ ንገዲም ተጋዳላይ ኪሮስ ዓወር ብሰንኪ እታ ዘውጽኣ ዘረባ ናብ መቑሕ ዒራ-ዒሮ ዳጎኖ።

ኢሳይያስ ኣብዚ ሎሚ ዘለዎ ጥርዚ ንምብጻሕ ምልኪ መዓስን ብከመይን ኢዩ ጀሚሩ? ምእካብ ገንዘብ'ከ ብከመይ ለመዶ? ምስጢር ንዝፈልጡ ሰባት ምጥፋእ ስለምንታይ ኢዩ ከም ቀዳማይ ዕማሙ ገይሩ ካብ ዓላ 1970 ክሳብ ሎሚ ክቕጽሎ ጸኒሑ? ኣንጻሩ ተቓውሞታት ከም ዝነበሩ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ብከመይ ኢዩ ንኹሉ ተቓውሞታት ዝዕወተሉ ዝነበረ? ሎሚ'ኸ ኣብዚ ዱሮ ስንና ነኺስና ህዝባዊ ስልጣን ንምትካል ንሸባሸበሉ ዘለና ግዜ ንክንዕወት እንታይ ክንገብር ከም ዝግባእ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ወደባት ዓቲቡ ክሓስቦን ክመራመረሉን ኣለዎ።

ኢሳይያስ ካብ ዝስለፍ ንኩሉ ኤርትራዊ ንቕሓቱ እናመዝመዘ ክጻወተሉ ዝጸንሐ ጉዳመኛ ቆርበት በጊዕ ዝተኸድነ ተኹላ ኢዩ። ሎሚ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ናብ ኣፈፌትመቓብር ተቓሪቡሉ ኣብ ዘሎ ህሞት፣ከም ደርሆ ዓርቢ ስቕለት ተኣሲሩሉ ዘሎ ወቕቲ ብዘይካ ሞት ኣብ ቅድሚኡ ዝረኣዮ ዕድል የለን። ሎሚ እቶም ኢሳይያስ ክጸንሕ'ዩ ዝብሉና ዘለዉ ተጋግዮም ኣለዉ፤ ኢሳይያስ ኣይክጸንሕን ኢዩ። ኤርትራ በቶም ቀንዲ እሙናቱ ጀነራላትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ኣብ ትሕቲ ጽላል "ፕረዚደንት ኢሳይያስ" ኣላ'ምበር፣ ሎሚ ኣካልን ሓንጎልን ኢሳይያስ ብሰንኪ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝሓለሞን ዝፈሸሎን ሕልሙ፣ ብድሕሪ ናጽነት'ውን በብዓመቱ ከኳንፎ ዝጸንሐ ብድሆ፣ ከምኡ'ውን በዚ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ዝልሕም ዘሎ ባርዕ ህዝባዊ ሃልሃልታ ናብ ኣዝዩ ዝገደደ ሕማም ተሰጋጊሩ ከም ዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብድሕሪ እቲ ከርብሓኒ ይኽእል ኢዩ ኢሉ ዝወልዖ ኲናት ባድመ፤ ዝነበሮ መዋጥርን ናይ ዕርበተ-ሕልና ርእሰ-ኲናትን ኣብ ርጉእ ኩነተ-ህላወ የለን ኢሳይያስ። ከምቲ ምራኻ ዝሞታ ላም ንነዊሕ ኣዋርሕ ብዓረም /ቆርበት ውላዳ/ ትሕለብ፤ ሎሚ እቶም ብእምነት ኢሳይያስ ዝምሕሉ ዝነበሩ ሰባት፣ መቓብሩ'ምበር ኣካል ኢሳይያስ ዳግማይ ክርእዩ ኣይኮኑን። ከምቲ ኣቦ ኣንበሳ ክመውት ቅበር፣ ኣንበሳ ክመውት ከኣ ዓዲ ወዓል ዝበሃል ምስላ ኣቦታት፤ እዞም ሎሚ ኣብ መስርዕ ኢሳይያስ ተሰሪዖም ንህዝቢ ዘደናግሩ ዘለዉ ግሁዳትን ስዉራትን መጣቓዕቲ ኣብቲ ጽባሕ ንግሆ ዝህሉ ሓመድ-ድብ ገበነኛ ኢሳይያስ 'ወድነይ መዓረየ!...' እንተኢሎም ንርኢ። 'ዝሰሓተ ኲቱ ጓል ጽግድም የእቱ' ከም ዝበሃል፤ ኣብ ግዜ ሰንከልከል ገበነኛ ኢሳይያስ ዳግማይ ከይንስሕት'ሞ ተጣዒስና ናብ ዘይንምለሰሉ ቅራር ከይንኣቱ ግን፣ ሎሚ ንሕሰብ ደቂ ኤርትራ።

ኣብዚ ሃገርና ኤርትራ ብዘይፍታሕ ግርጭታት ኣዘዝቲ ሓይልታት ምክልኻል ተዋጢራትሉ ዘላ ግዜ፤ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ብቑሮቶ ዝልጠፍ ዝነበረ እሹግ ቁስሊ ክትኮስ ቀሪቡ ኢዩ። ናይ ስልጣን ባዶሽ ከይፍጠር ድማ እቶም ክሳብ ሎሚ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝተወደቡ፤ ኣንጻር ህግደፍ ዝዓጠቑ ተዋጋእቲ ሰራዊት ተቓወምቲ ውድባት፤ ኩነታት ብዘረጋግእ ሓያልን ብሕጊ ዝምእዘዝን ብሃገራዊ ሰራዊት ክትክኡ ግዜ ይቕድመና ኣሎ። ብዛዕባ ጽባሕ ክንሓስብን መጻኢ ዕድል ወለዶታት ክንውስንን እዚ መድረኽ ብዓቢ ደወል ይጽውዕ ኣሎ። ቅድም ቀዳድም ግን ነቲ ሃገር ከረጋግእ እንጽበዮ ምቛም ሃገራዊ ሰራዊት ይጽንሓለይ ዘይበሃል ዕዮ ገዛ ኤርትራውያን ክኸውን ይግባእ።

ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ፣ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንመሪሕነት እቲ ውድብ'ውን ፈላሊኻ ግዛእ ብዝብል ፎእ ሜላ ከም ዳማ ተጻዊቱሎም ኢዩ። ኩላቶም ኣባላት መሪሕነት ውጹእ ምልካዊ ምንባሩ ይፈልጡ

ነይሮም ኢዮም። ብዘይካ ሓደ ንካልእ ከጥቅዕ’ምበር ሓቢሮም ክምክትዎ ኣይተራእዩን። እቲ ተመኩሮ እቲ ሎሚ ክንመሃረሉ ኣሎና’ምበር ደምበይ ደምበኻ፤ ኣውራጃይ ኣውራጃኻ፣ ሃይማኖተይ ሃይማኖትካ ወ.ዘ.ተ…ዋሕስ መጻኢት ኤርትራና ኣይኮነናን ኢዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ መግትኢ ስለ ዘይተገብረሉ ገበነኛ ኢሳይያስ፣ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ መዳርግቲ ዘይብሉ ምጽናት ዓሌት ፈጺሙ። ካብ ሙሉእ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓደ ዓጢቑሉ ዝነበረ ተባዕ ኣባል መሪሕነት፤ ጅግና ኢብራሂም ዓፋ ጥራይ ነበረ። ዕድል ኤርትራውያን ኣይጸበቐን! ወዲ ዓፋ’ውን ከምቶም ቅድሚኡ ዝተመንከሉ ተቐዚሙ። ቀቅድሚ መስዋእቱ ብኣባላት ጉጅለ ባህሊ እቲ ግንባር ሓንቲ ኣንጻሩ ዝተደርፈት፣ ንሳንሱር ሓሊፋ ናብ ካሴት ዝተመልአት ደርፊ ነይራ ኢያ። ኣቓልቦ ዝገበሩላ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ኢዮም ዝነበሩ። እታ ካሴት ቁጽሪ 23 ኮይና፣ ደርፊ ኣንጻር ኢሳይያስ ድማ ብወገን ቢ /B/ ኣሎ። ክፋል ናይታ ደርፊ ከምዚ ይብል፦

“…ሰላም ኣይትሃቦ ሓፋሽ ንኢሳይያስ ጎይታ

ከም ትኪ ኪበንን እቲ ናቱ ዊንታ

ከም ዘይደግም ወትሩ ምድካሩ

ሓንሳብ ንሓዋሩ ካብ ዶብ ምስጋሩ

በዚን በቲን ተዋጢሩ ከሎ

ኣዳግሞ ንደርግ ኣኸትሎ

ዝተበገሰ ሻምላኻ ኣልዕሎ

እዋናዊ ሕቶኻ ኣልዕሎ…” ዝብል ትሕዝቶ ነበራ። ዝኾነ ዜጋ ነታ ካሴት ረኺቡ ኽሰምዓን ከረጋግጽን ይኽእል ኢዩ። ኢሳይያስ ከይቀደሙኻ ምቕዳም ዝብል ሜላ ኣጸቢቑ ተመኩሩሉ ዝነበረ ፍሉይ ክእለቱ ስለዝነበረ፤ ንሰባት ፈላልዩን ደሊሉን ንኢብራሂም ዓፋ’ውን ኣብ ጎቦ ዓጋመት ኣቐንጸሎ። እዞም ኣብ ምቕንጻል ወዲ ዓፋ ሳዕሳዕቲን ኣባ-ጓይላን ዝነበሩ ኣቐዲመ’ውን ዝርዝር ዝነበሮም ተራ ገሊጸዮ ዝነበርኩ ሰባት፤ ክሳብ መወዳእታ ምስ ኢሳይያስ’ምበር ምስ ህዝቢ ኤርትራ ክጓዓዙ ከም ዘይክእሉ ስለዝፈልጡ ወትሩ ክዕንቀፉና ኢዮም። ኢሳይያስ ዘለዋ ኤርትራ’ምበር፣ ንሱ ዘይብላ ኤርትራ ምንም ኣይንታዮምን ኢያ።

ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ /ሻዕብያ/ ሓሸከት ግርጭታት ተሰኪሙ ናብ ናጽነት ዝኣተወ ክነሱ፣ እቶም ህዝቢን ተጋዳላይን ዝመረጾም ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ማእከላይ ሽማግለን ዝተዋህቦም ሓላፍነት ኣይፈጸሙን። ኣብ ሜዳ ተጋግዮም…ኣብ ኣድማ ተጋደልቲ 1993 ተጋግዮም…ኣብ 2001 ተጋግዮም…! ኣብ መወዳእታ ድማ ከምቲ ምስ ኣጻወድካዮ እንደገና ክትመልሶ ዘይከኣል ታይም ቦምብ፣ በቲ ዘሕደሩዎ ስንኩል እምነት ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ግዳይ ስቓይን ሞትን ኮኑ።

ብሰንኪ ሽለልትነት፣ ዕብዳን ንስልጣን፣ ስኽራን ብሙብጽዓ ኢሳይያስን እሉኽ ህልኻትን ሓደ ኣንጻር ብዙሓት ተዓወተሎም። ንሱ ክሳብ ኣሰር ሑስኒ ሙባረክ ዝስዕብ ገና እንጀራ ዓለም እናበልዐ እንከሎ ከኣ፤ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ናብ ዒራ-ዒሮ ድሕሪ ምስፋሮም ብዘይ ኣውያት፣ መግነዚን ጥብ እትብል ንብዓትን ተቐብሩ። እቲ ንብዓት ንውሽጢ’ዩ! ምንጩ ከም ዘይነጽፍ ፈለግ ድማ ጀለምታ ብኽያት ኤርትራውያን ንንብዓት እቶም ብሰንኪ ሕሱም ገዛኢ ኢሳይያስ ኣቦን ኣደን ዝሰኣኑ ደቂ ጴጥሮስ ሰለሞንን ካልኡትን ተኸቲሉ፣ ወትሩ ይፈስስ ኣሎ። እቲ ግርጭት ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ወላ’ኳ ካብ ምጅማር ሰብዓታት ዝተኸስተ እንተነበረ፣ ብዝያዳ ዝጎልሐስ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባአ 1987 ኢዩ።

ብመሰረት ቻርተር ቀዳማይ ውድባዊ ጉባአ፣ ዝቕጽል ካልኣይ ውድባዊ ጉባአ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ክልተ ዓመታት ክግበር ኢዩ ዝነበሮ። ናይ ግድን ብውድባዊ ጉባአ ክውሰኑ ዝነበሮም ዓበይቲ ጉዳያት፣ ከም ጉዳይ ስምረት፣ ምትእትታው ሕብረት ሶቬት፣ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፣ ጉዳይ ውግእ ሓድ-ሕድ ወ.ዘ.ተ… ነይሮም ኢዮም። እንተኾነ ገበነኛ ኢሳይያስ ከም ዋና ጸሓፊ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ ንክምረጽ ክዕመሙ ዝነበሮም ብዙሓት ምስጢራውያን መደባት፣ ከም ምቕንጻል ምሁራት፣ ምሕቃቕ ጀብሃ፣ ምቕንጻል ኢብራሂም ዓፋ፣ ምትዕርራይ ዝምድናታት ወጻኢ፣ ምኽዕባት ገንዘብ ወ.ዘ.ተ… ስለዝነበሩዎ፣ ውድባዊ ጉባአ ካብ ክልተ ዓመታት ናብ ዓሰርተ ዓመታት ኣሰጋገሮ።

ኢሳይያስ ነቲ ኣብ ሳሕል ዝተጀመረ ምስጢራዊ ጉባኤ ሰልፊ፣ ብሓጺር መግለጺ ናይ መሰዋእቲ ኢብራሂም ዓፋ ከፈቶ። መዓስን ኣበይን ከም ዝተሰውአ ከይገለጸ ድማ ናይ ሓደ ደቒቕ ዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምግባር፣ ናይ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ጸብጻብ ክህብ ምዃኑን ብድሕሪኡ ድማ ንሱ ካብ ሓላፍነቱ ንጉባኤ ከረክብ'ሞ፣ ነቲ ጉባኤ ዝመርሕዎ ሰባት መሪጽና ጉባኤና ክንቕጽል ዝብል ሓሳብ ኣቕረበ፡፡ ብድሕር'ዚ ኢሳይያስ ሰልፊ መዓስን ብከመይን ከምዝተመስረተ ሰፊሕ መግለጺ ተንተነ። ሰልፊ ክምስረት ዘድለየሉ ምኽንየት ኢሳይያስን ብጾቱን ኣብ ቻይና ንትምህርቲ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ መንግስቲ ቻይና ሰልፊ እንተዘይመስሪትኩም ኣብ ዓወት ክትበጽሑ ኣይትክእሉን ኢሉ ስለዘእመኖም ነበረ። ካብኡ ሓሊፉውን መንግስቲ ቻይና ነቲ ቅዋም ናይቲ ሰልፊ ብትግርኛን ብዓረብኛን ነዲፉ ከምዝሃቦም ሓበረ። ሽዑ ነፍስ-ሄር ዑስማን ሳልሕ ሳበን ነፍስ-ሄር ኢድሪስ ገላውዲዮስን ነቶም ተማሃሮ ክበጽሑ ኢሎም ንቻይና ከይዶም ነበሩ። እቶም መራሕቲ ሰውራ ዝነበሩ፡-

"…ነቲ ጽሑፋት ንሕና ንሜዳ ሒዝናልኩም ክነከይድ ይሓይሽ፣ ምኽንያቱ ንሰኻትኩም ብሱዕዲ ዓረብ ኣቢልኩም ንሜዳ ስለትምለሱ መንግስቲ ጸገም ክፈጥረልኩም ኢዩ። ንሕና ግን ቲኬትና ብግብጺ ስለ ዝኾነ ጸገም የብልናን" ድሕሪ ምባሎም፣ ነቲ ቅዋም ሒዞሞ ከዱ። "ብድሕሪኡ" በለ ኢሳይያስ ኣብ መግለጺኡ፡- "ብድሕሪኡ እቲ ቅዋም ኣይረኣናዮን። በዓል ሳልሕ ዑስማን ሳበ ከኣ ሓዊ ከምዝንደድዎን ፈሊጥና፡፡ ናብ ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፍን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤን 1977 ዓ.ም. እቲ ውድባዊ ጉባኤ መታን ክዕወት፤ ማለት ኣድሓርሓርቲ ብፍላይ ድማ ናይ የሚን ሓይሊ መታን ሰሊኾም ከይኣትዉና 4ይ ዙርያ ካድር ብምምስራት ንኩሎም ናይ የሚን ባእታታት ናብቲ ዙርያ ካድር ከም ዝስደዱ ጌርና። ድሕሪ ምስዳዶም ምርጫታትና ብዘይ ጸገም ክነካይድ ዝከኣልናሉ ዓቢን ዕዉትን ስልቲ ኢዩ ነይሩ" ክብል ብሓበን ገለጸ፡፡

እንደገና "…ይኹን እምበር እቲ ኣብ 1977 ዓ.ም. ዝተመርጸ ማእከላይ ሽማግለ ሰልፊ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ግንባር ብሰንኪ ግርጭት ዝኣክል ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ተኣኪቦም ዝኾነ ውሳኔ ክሕልፉ ኣይከኣሉን" ብምባል ነቲ ጉባኤኛ ሓደጋ ወደቐ፡፡ እቲ ጉባኤ ትሒም ትሒም ክብል ምስ ጀመረ ድማ ኣስዒቡ ገበነኛ ኢሳይያስ፣ ከምዚ ይብል፡- "…. እቲ ግርጭት ካብ ድሑር ዝኾነ መስፍናዊ፣ ኣውራጃዊ፣ ሃይማኖታዊን ወገናዊን ዝዓብለሎ ኰይኑ ብሓለፈኒ'ባ ቐደመኒ ዝኣመሰሉ ተንኮላት ዝዓብለሎ ምዃኑ ኣይሰሓትናዮን" በለ። ውልቀ-ምልካዊ ኢሳይያስ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብቲ ውድብ ንሱ ንበይኑ ጥራሕ ይሰርሕ ከምዝነበረን እቲ ኩሉ ጽንኩር ኩነታት ከም ምሕራር ከተማታት፣ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ፣ ምድምሳስ ጀብሃ ወ.ዘ.ተ…ንበይኑ የካይዶ ምንባሩን፤ እቶም ብጾቱ ከንቱ ምዃኖምን ክገልጽ እንኮሎ ዓቢ ዕላማ ዘይነበሮ ኣይኮነን።

ኢሳያስ ዘመሓላልፎ ዝነበረ መልእኽቲ ሕጂ'ውን ንዓይ እነተዘይመሪጽኩም ዋጋ የብልኩምን ብምባል፣ ነቶም መሳርሕቱ ዋጋ ከምዘየውጽኡ ድሕሪ ምግባር ነቶም ብክፍሊ ታዕሊም ናይ ህ.ግ. እኳ ዘይሓለፉ ዝኾኑ ኣባል ሰልፊ ዘይፈልጦም ከም በዓል የማነ ገብረኣብን ሓጎስ ገብረሂወትን /ክሻ/ ናብ ስልጣን ንምምጻእ ዝተገብረ ዝተራቐቐ ተንኮል ኢሳይያስ ኣብቲ ጉባአ ተራእየ፡፡ ጉባኤኛ ግን ንኢሳያስ እቲ ግርጭት መን ምስ መን ኢዩ? ትሕዝቶ ግርጭት ብዝርዝር ንክገልጸ ብርቱዕ ጸቕጢ'ኳ እንተገበረሉ፤ ነቲ ግርጭት ብዝርዝር ክገልጸ ከምዘይደሊ ብምግላጽ፡- "…እቲ ግርጭት እንተድኣ ገሊጸዮ ህ.ግ ከም ውድብ መጠን ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ" ብምባል ክሓልፎ ፈቲኑ ነበረ፡፡

ጉባኤኛ ጸቕጡ ብምቕጻል ንኢሳይያስ፡- "…በርኔንተ! (ብ'ሽንቱ) ኢኹም ትሰውኡ ዘለኹም ኢኻ እኮ ትብለና ዘሎኻ" ምስ በልዎ፣ "ኣነ በርኔንተ! ትሰውኡ ኣለኹም ኣይበልኩን። እዞም ሓለፍቲ እዚኦም ድማ ተኣኪቦም ከም ጥርኑፍ ኢዮም ምስራሕ ኣብዮም እምበር ብውልቂ ካባይ መምርሒ እንተተዋሂብዎም ግን ስርሖም ይፍጽሙ ነይሮም ኢዮም" ኢሉ ብምግላጽ ንነብሱ ክንእድን ነቲ ጉባኤኛ ክዳዓዕስን ፈተነ፡፡

ጉባኤኛ በዚ እውን ምዕጋብ ምስ ኣበየ፣ ኣሽካዕላሉ ኣየቋረጸን፡- "…እንተደሊኹም ሕጂ ኣብዚ ሓንቲ ኮሚቴ ምረጹ፣ እታ ኮሚቴ ኣጻርያ ውጽኢቱ ትነግረኩም" በለ፡፡ ጉባኤኛ ኮሚቴ ንምምራጽ እናተዳለወ እንከሎ ኢሳይያስ፡- "…እታ ኮሚቴ ንዓይ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ መጺኣ እንተሓተተትኒ ካብዛ ሕጂ ዝዛረባ ዘለኹ ንላዕሊ ሓንቲ ቃል ከምዘይዛረብ ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ይሕብረኩም ኣለኹ" ክብል ኣጉባዕበዐ፡፡ "እንታይ ድኣ ክትገብር ኢና ነታ ኮምቴ ንመርጻ ዘለና?" እንተበልዎ፤ "ኣነ መፍትሕ ክህባ ኢየ፣ ኣርካይቭ መርሚራ ውጽኢት ትገልጸልኩም" ብምባል ነቲ ነገር ኣህሰሶን ኣሽካዕለለን።

ብድሕኢ'ዚ ዝነበሮ ሓላፍነት ናብ ጉባአ ኣረኪቡ ናብ ምርጫ ክኣቱ ስለዝነበሮ፣ ናብ ምምራጽ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሰገረ። ከም ዲሞክራስያዊ ሰብ "ሰለስተ ሰባት ነቲ ጉባአ ዘካይድዎ ንምረጽ" ይብል'ሞ ንሰብ ዕድል ክህብ ሰለዘይደሊ፣ ባዕሉ ከምቲ ኣብ ምምራጽ ንኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍ ኣብ ኣኼባ ባሊነኪ ዝገበሮ፦ "ኣነ ከም ዝመስለኒ ግዜ ካብ ነጥፍእ ድሩዕ፣ ባዱሪን ኣብርሃ ካሳን እንተዝመርሕዎ ይሓይሽ፣... ነዚ ዝቃወም ኣሎ ዲዩ?" በለ። ተቓዋሚ ስለዘይነበረ ድማ ብኡ ጸዲቑ እቶም ዝተጠቕሱ ሰባት ነቲ ጉባአ መርሕዎ። ከም ልሙድ ንኢሳይያስ ዝቃወም ሰብ ድማ ኣይተረኽበን፡፡ እቶም ኢሳይያስ ባዕሉ ዝረቖሖም ሰባት ግን ነቲ ኣኼባ ከምቲ ንሶም ዝደልይዎ ክመርሕዎ ስለዘይከኣሉ፤ እቲ ጉባአ ጠገለ ዘይነበሮ ብሓደ ሰብ ዝተዓብለለ ነበረ። ውሳኔታት ይሓልፈሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ድማ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ተንሲኡ "...ምሕዝነትና ምስ ሰውራ ፍልስጥኤም ክግለጸልና ኣለዎ" በለ፡፡ ኢሳይያስ'ውን ተንሲኡ ትዕቢት ብዝመልኦ ኣቓጫጭ፣ "...ሰሚዕኩሞ'ዶ! ሓደ ብጻይ ሕጂ ዝበሎ...! ምሕዝነትና ምስ ሰውራ ፋለስጢን ኣብዚ ጉባኤ ሰልፍና ክጥቀሶ ይደሊ ኣሎ፡፡ ፋለስጢን ሓደ ግዜ 200 ካላሽን ስለዝሃቡና ዲና ኣብዚ ጉባኤና ሽሞም ክንጠቕሶም ደልዩ? እዚ'ሞ ናይ ጋንታ ኣኼባ ኮይኑ ማለት ኢዩ፣ ኣነ የለኹሉን" ክብል ኣጉባዕበዐ፡፡ ኣብ ኢጋ መወዳእታ ናይቲ ጉባአ ማሕሙድ ሸሪፎ፦ "...እዚ ህ.ግ. ዝብል ሽም ኣብዚ ከባቢ ሓሳስያ ፈጢሩ ስለዘሎ እቲ ሽም እንተንቕይሮ'ውን ምሓሸ" ዝብል ርእይቶ ኣቕሪቡ ነበረ። ስለዚ ምልኪ ገበነኛ ኢሳይያስ ሰራውር ዝሰደደ ደኣ'ምበር ኣብ ግዜ ናጽነት ኤርትራ ዝተራእየ ሃንደበት ኣንበጣ ቀውዒ ኣይኮነን።

ኣብ ዝቕጽል ክፋል ጽሑፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ፣' ምስ ህሉው ኩነታት ከባቢናን ሃገርናን ብምዝማድ፤ ኢሳይያስን ገለ ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ግዜ ቃልሲ ናብ ወጻኢ ብዛዕባ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ምምልላስ፣ ብዙሓት ተጋደልቲ ካብ ሜዳ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምስ ተላእኩ ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት፣ ምንቅስቓስ መርከብ 'ኣንጀሎ'፣ ምእካብን ኣጠፋፍኣን ገንዘብ ህዝቢ ኤርትራ...ኣጥፊእካ ናይ ምጥፋእ ስራሕ ኢሳይያስን ክንርኢ ኢና። እቶም ንኢብራሂም ዓፋ ዝቐተሉ ተጋደልቲ፣ ብመንገዲ ሶማል ናብ ድሬ-ዳዋ /ኢትዮጵያ/ ተላኢኾም ብከመይ ሓቐቑ? ብዝምልከትን ክቕጽል እየ።

ክሳብ ሽዑ ድማ ሰናይ ቅንያት!

ንዝኾነ ጉዳይ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ለኣኹለይ፦

alenakoena@gmail.com

<u>**ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።**</u>

<u>**ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና**</u>

<u>***ዕድመ ን 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ***</u>

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

# ትልሚ፣ ንዘርኢ ክርዳድ (መበል 20 ክፋል) መ ደ ም ደ ም ታ - ኣ ለ ና

WEDNESDAY, 09 MARCH 2011 16:14




መደምደምታ ዘይብሉ ጉዳይ የለን'ሞ፣ እዚ መበል 20 ክፋል ጽሑፍ'ዚ መደምደምታ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ክኸውን ኢዩ። ምስ እዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ጉያ ኣብ ዘድልየሉ ዘሎ ወሳኒ ናይ ለውጢ ግዜ፣ ዝቕጽሉ ጽሑፋት ኣለና፡- **"ዋዜማ፤ ዘመነ- ቅብጸት ኢሳይያስ!"** ብዝብል ኣርእስቲ ክትክኡ ኢዮም።

ሎሚ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ገበነኛ ኢሳይያስ ይሳሓግ ኣሎ። ኣብዚ ብዝኾነ ይኹን ዕርፊን መራኹስን ተደጊፉ ክትንስኣሉ ዘይክእለሉ ወሳኒ ናይ ዓፍራ ግዜ፤ ንሱን ማሕፉዳኡ ህግደፍን ሓንሳብን ንሓዋሩን ከም ሕማም ፖልዮ ክቕልዑ ኢዮም። በዚ ከኣ ትልሚ ዘመነ-ዘርኢ ክርዳድ ኣብቂዑ ዋዜማ ዘመነ ቅብጸት ኢሳይያስ ኣትዩ ከም ዘሎ እነሆ ተበሲርና።

ኣብዚ ዝቕጽል ሓድሽ ናይ ቃልሲ፣ ጽንዓትን ተስፋ ዓወትን ምዕራፍ ኩሉ ወደባት ኤርትራ ንፍልልዩ ኣወንዚፉ ብህጹጽ ክብገሰሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ንምምይያጥ በብዘለናዮ ብዓቕምና ክንጽሕፍ ኢና'ሞ ከም ትማሊ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየና። 'ለባም ክጋገ መራግእቲ ነይገድፍ' ከም ዝበሃል፣ ኣብ ከምዚ ናይ ጫው-ጫውታ ግዜ ብህግደፍ ንዝተዘራረገ ፍቕሪ ኤርትራውያን ከርግእ ዝኽእል ለባም ሰብ ይረኸብ። ብፍላይ ድማ መንእሰይ ወለዶ ነቶም ኣብ ዝሓለፉ ደርዘናት ዓመታት ክቃለሱ ዝጸንሑ ኣቦታትን ኣያታትን ናይ ቃልሲን ሰነድ ክቕበሉ መድረኽ ይጽውዖም ኣሎ።

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና ገበነኛ ኢሳይያስ ካብ ቅድም ክሳብ ሎሚ ኤርትራውያን ንምትላል ዝጥቀመሎም ዝነበረ ጥበባት፣ ንዝደልዮም መጓዕዝቱ ብከመይ ዝኣመሰለ ኣገባብ ናብ ዓቢ ሓላፍነት የሰጋግሮም ከም ዝነበረ፣ ኤርትራ ብመንነታ፣ ባህላ፣ ቁጠብኣን ታሪኻዊ መዋቕራን ብከመይ ዝኣመሰሉ ስዉራት ኣገባባት ክሰርሕ ከም ዝጸንሐ ከነብርህ ኢና። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 20 ናይ ጸልማትን መንደልህጾን ዓመታት፣ ኣብ ውሽጢን ደገን ኤርትራውያን ንምጽናት ከበሮ ዝሃርሙ፣ ዝድብሉን ዝቆጻጸዩን ከመይ ዝኣመሰሉ ሰባት ይኣኻኽብ ከም ዝነበረ ብዘይ ቃል-ዓለም ክጸሓፉ ኢዮም። ደምበ ኣለና ኣብ ህሉው መድረኽ ቃልሲ ዘለና ንጹር ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፣ ብፍላይ ኣብ ውድባትን ሰልፊታትን ኤርትራውያን፣ ኣብ ኣተኣላልያ ገበነኛ ስርዓት ህግደፍ፣ ኣብ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ኣብ ዝምድና ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ራእይና ኣብ መጻኢት ኤርትራ ወ.ዘ.ተ... ብንጹር እናኣዛነቕና ከነቕምጦም ኢና።

ቅድሚኡ ግን ክብሎ ዝደሊ እንተሎ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ክፋላት ጽሑፋት 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ኣብ መርበብ ወብ-ሳይታትኩምን መደበራት ረድዮታትኩም ንምዝርጋሕ ዝገበርኩምልና ዓቢ ሃገራዊ ድጋፍ፣ ከምኡ'ውን ናይ ሞራልን ጽንዓትን ጽሑፋት ዝሰደድኩም ብስም ደምበ ኣለና ልባዊ ምስጋና ከቕርበልኩም እደሊ። ጽሑፋት ደምበ ኣለና ብሳላ ንኡድ ሃገራዊ ንያትኩም ክሳብ ሎሚ ከም ዘለና ሓርፋፍ ገምጋም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተኸታቲልዎ ኣሎ። ካልእ ብዙሓት ብተደጋጋሚ ትሓትዎ ዘለኹም ንጉዳይ መጽሓፍ ዝምልከት ኢዩ። መጽሓፍ 'ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ' ካብ ትውዳእ ብዙሕ

ኣዋርሕ ገይራ ኣላ። እዛ ካብዚ ኣብ ኢንተርነት ዝጸሓፍ ዝነበረን ዘሎን ፍሉይ ትሕዝቶ ዘለዋ ታሪኻዊት መጽሓፍ፣ ብዛዕባ ናይ መሕተሚኣ ዝኸውን ፋይናንስያዊ ፍታሕ ምስ ግዱሳት እዘራረብ ከም ዘለኹ እናሓበርኩ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ተሓቲማ ናብ ኢድኩም ከም እትበጽሕ ከበስረኩም እደሊ።

ካብ 100 ኢመይላት ሓንቲ ክርዳድ እረክብ ከም ዝነበርኩ እናሓበርኩ፤ ክሳብ መወዳእታ ናብ ጽሩይ ማይ እንበጽሕ ዓይኒ ማይ ዜዘርጉ ኣብ ቀቅድሜና እንተጸንሑና ኣይንግረምን። ኣብ ጽሑፋት ኣለና ብዛዕባ ሕቡእ ተልእኾ ገዳይም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ነበር ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣቶ ዓብደላ ኣደምን ከንዲ ቅንጣብ ዝጠራጠረሉ ጉዳይ የብለይን። ምቕናይ ጥራይ'ምበር እቲ ሓቂታት ዓበይቲ ፋናለታት ወሊዑ ክንርእዮ ኢና። ከምቲ ብዘይ ፍራቻ እናተጠዋወየት መንገዲ ተደናግር፣ ኣብ መወዳእታ ግን ትጋጮ ወይ ትጸድፍ መኪና፤ እዞም ሰባት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ መልከዖም እናቐያየሩ መንነቶም ክሓብኡ'ኳ እንተጸንሑ፤ ናይ ምክሽሻሕ መድረኽ ቀሪቡ ኣሎ'ሞ ኣብቲ ተሓምበለ የራኽበና። ኣለና ወይ ደምበ ኣለና ብዘይካ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ገለ ውድባትን ሰልፍታትን፣ ኣብ ልዕሊ ኩላተን ውድባትን ሰልፊታትን ኤርትራ ብሓፈሻ፤ ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ /EPDP/ ድማ ብፍላይ ዘለዎ ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ጽባሕን ድሕሪ-ጽባሕን ዝቕይሮ ኣይኮነን።

እንተ እቶም "መን ኢዩ ኣለና? ስለምንታይ ተሓቢኡ ይጽሕፍ ኣሎ…እዚ ኣብ እገላ ኢዩ ዓዱ ኢሎሞ…ካብ ደቂ ስግር ኣይኮነን… ብሳላ ተሓባባርተይ ደጊም እነህልኩም ስሙን ስእሉን…" እናበሉ ዓተር ከም ዝበልዐት ከብዲ ዓቐሎም ዝጸበቦም ጃንከታትን ሓሰር ንፋይ ደቀባት ኤርትራን፣ ከምቲ 'መሬት እንተትግምጠልስ ኩዕንቲ'ኳ ምጸገብና' ዝበለቶ ህበይ፤ ሓመድ ኤርትራ እንተተገልበጠ ንዓና የሕዝነናን ዝርንዝሕ የንብዓናን። ንሳቶም ግን ኤርትራ እንተተገልበጠት ተፋሒሩ ዝወጽእ ዓጽሚ ኣባሓጎ ስለዘይብሎም፣ ብዛዕባ ህዝቢን መሬትን እዛ ሓላል መሬት ቅንጣብ ሓልዮት የብሎምን።

'ሓደ ጣዕዋ ዝሓወሰ ኣሓና ክብል ይነብር' ኮይኑ ነገሩ፤ በዓል ጣፍ እንክሎስ በዓል ኣፍ ኣብቲ ጽንኩር ናይ ፈተነ ተጋድሎ ገበርኩን ፈጸምኩን ክብሉ ሰሚዕናዮም። እዚ ድማ ታሪኽ ደቀባት ኤርትራ ብሰንኪ ህግደፍ ዋና ስኢኑ ከም ዘሎ ኣነጺሩ ኣርእዩና ኣሎ። ኣለና ግን! ከም ዘለና ድማ ኣብ ጉዳይና ዋናታትን ተዓጣቕን ኮይንና ዳስና ክንስልም ኢና። ኩሉ ተበግሶኦም ከኣ ንኣቶ መስፍን ሓጎስ ወይ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምክልኻል ዘይኮነስ፤ ነቲ ነቕ-ነቕ ዝበለን ናብ ቅብጸት ዝጠመተን እራራ ህግደፍ ከይወድቕ ንምሕላው ዝተዋህቦም ሕድሪ-ለይቲ ጥራይ ኢዮም ዝፍጽሙ ዘለዉ። ኣለና ወይ ደምበ ኣለና ድማ ንጃህራ ዘይኮነ ከም ኩላቶም ተቓለስቲ ኤርትራውያን ኣብ ብልሒ መላጸ ረጊጽና፣ ብዓይኒ ዕንቀኑ ሓሊፍና ናብ ብርሃን ናጽነት ዝኣቶና ኢና። ክሳብ ሞት ኢሳይያስ እንሰምዕን ጸሓይ ክሕደት ዓሪባ ጸሓይ ደቀባት ትበርቕን ፍቕያ ህዝቢ ኮይንና ንመሬት ከንውግሓ'ምበር ንድሕሪት ኣይክንጥምን ኢና።

ዝነውሐ መንገዲ መጺእና ኢና፣ ሎሚ ቀሪብና ኢና! ብትኽክል ኣብ ቅብጸት ኢሳይያስን ድርኩኺት ዓወትን ኣሎና። ጉዳይና ከምቲ ጓሶት ሰብ ህጣራታት ሕሉብ፦ "ጽዐ…ጽዐ፣ ጸባ ጓል ልዐ! ብራሕ ብመኸደን ልኻይ ብቶፋ" ዝብልዎ ዝነበሩ፤ ጉዳይ ሃገርና ኤርትራ ድማ ዘይከምቶም ናይ ኮን'ዶ'ኾን ዓወት ብሰላማዊ መንገዲ ጥራይ ዝምህለሉ ሕቡኣን ዛቑኖት ህግደፍ፤ ድሕሪ ብዙሕ ምሕቋንን ውረድ-ደይብን ክጽዒ፣ ልኻይን ብራሕን ነንበይኑ ክፈላለ ኢዩ። ቀንዲ ኣቓልቦ ደቀባት ኤርትራ ናብዚ ብሓያል መቑሕ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሳቒ ዘሎ ገነበኛ ኢሳይያስ ከተኩር ይግባእ። ብዛዕባ መንነት ኢሳይያስን ደቀ-መዛሙርቱ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን፤ ኤርትራዊ ሃገራውነት ንምህሳስን ብኡ ኣቢልካ ድማ ሃገረ-ኤርትራን ህዝባን ናብ ሃው ዝበለ ጸድፊ ንምጥፋእን ካብ ቅድሚ ዕስራ ዓመታት ብሓፈሻ፣ ካብቲ ብመደብን ዕላማን ዝወልዖ ድሕሪ ኲናት ባድመ ድማ ብፍላይ ክግበሩ ዝጸንሑ ክፉኣት ተግባራትን ብዘይ ቃል-ዓለምን ንሕስያን ክጸሓፉ ኢዮም። ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ጽፈ ክርዳድ ዝጸፈየ ዕሉል ገበነኛን ማፍያን ኢሳይያስ ኣነጻጺርካ ምምሓው፣ ናብ ህዝቢ ዝለሓመ ሕማም ጉልሓይ ምፍዋስ'ምበር ዕልዋ መንግስቲ ኣይኮነን።

እቶም ዘለቕለቕ ንዝበለ መናብሮም ንምስትኽኻል "ንኢሳይያስ ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራይ ኢና ካብ ስልጣኑ ክንኣልዮ ንኽእል…እዛ ጎነጽ እትበሃል ስም ኣይተስምዑና፣ ንጣብ ደም ዝበሃል ክንርኢ የብልናን…" ዝብሉ ዘለዉ እንጉይ ወጋሕታ፤ ዘይተረድእዎ ነገር ኣሎ። ካብቲ ከንቱን ተበላጺን ሃንቀውትኦም እቲ ካብ መሳጊድን ኣድባራትን ኤርትራ ዝቃላሕ ዘሎ ጸሎትን ብኽያትን ህዝቢ ኤርትራ፤ እቲ ካብ መዓሙቕ ምድረ-በዳ ሲናይ ናብ ሰማያት ዝግዕር ዘሎ መቓልሕ ዘይብሉ ኣውያት ገንሸላት ደቂ ህዝቢ ኤርትራ፤ እቲ ካብ ጥሙይ ኣኽብዲ

ሕጻናትና ናብቲ ከብዲ ዝፈጠረ ዝጥራዕ ዘሎ ነጋሪት ከም ዝብርትዕ ዘንጊዖሞ ኢዮም። 'ጨልማይ መልሀዩ ረቢ ሸባዩ' ከም ዝብሃል ምስላ ብሄረ ትግረ፣ ብጥልመትን ክሕደትን ኪዳን ዝኣሰሩ ለባማት መሰልን ምሁራትን ህዝቢ ኤርትራ ኣለልዩዎም ኣሎ፣ ኪዳኖም ኪዳን ወኻርያን ኣ'ኹን ከም ዝኾውን ድማ ጥርጥር የለን። ንሕና ኤርትራውያን ስለ ህዝብን ሃገርን ኢልና ኣብ እንቃለሰሉ ዘለና ወሳኒ ህሞት፣ ኣዒንትና ካብ ሎሚ ናብታ እንብህጋ ሓራ ኤርትራ እምበር ናብ እንሓልማ መንበር ክንጥምት ክሕደት ንሰማእታት ኤርትራ ኢዩ። 'መላጸ ኣይሕበጥ ንዝሓበጠ ከበርቅሕ' ከም ዝተባህለ፤ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ለውጢ ንምምጻእ ትጽቢት ዝተገብረሎም ኤርትራውያን ሓቢጦም ተሪፎም ኢዮም።

ሎሚ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ኣደራዕ ናይቲ ፍሉጥ ጸላኢኡ ህግደፍ ጥራይ ከይኣኽሎ፣ ግዳይ ሕቡእ ተንኮላት ናይቶም **'ዘይፍሉጣት ህግደፍ'** መራሕቲ ገለ ሰልፍታትን ተበለጽቲ ቁንጣሮ ምሁራትን ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፤ ብዘይካ ብዝኾነ ኣገባብ ንፋሺስት ኢሳይያስ ምእላይ ካልእ ኣማራጺ ንምድላይ ዝግበር ሓሸውየ ዕድመ ኢሳይያስ ንምንዋሕ ዝሀረም ዘሎ ኮቦሮታት ጥራይ ኢዩ። ኣብዚ ሎሚ እዋን "ንኢሳይያስ ብሰላማዊ መንገዲ **ጥራይ** ኢና ክንኣልዮ ዝግባእ" ማለት ኣብ ውሽጡ ዘይተበርበረ፣ ብመዓር ዝተሸፈነ ምቁር መርዚ ኣሎዎ። እዚ ድማ "ኤርትራ ብሃይማኖት፣ ኣውራጃ፣ ውድባት፣ ሰልፌታት፣ ብጉዳይ ዶብ... ምሕደራ፣ ወ.ዘ.ተ... ትሳቐ ስለዘላ፣ **"ንሕና"** ክሳብ ገለ መተንፈሲ እንረክብ ኢሳይያስ ኣብ ስልጣኑ ይጽናሕ፤ እቲ ምንታይ ንሱ ጥራይ ኢዩ ጠሚሩ ክሕዘና ዝኽእል" ዝብል ቅኔ ኣብ ውሽጡ ኣሎ። "ኢሳይያስ ይጽናሕ" ምባል ኣንጻር ሓያል ማዕበል ምሕንባስ ስለዝኾነ፣ ነቲ ዘይከኣል "ሰላማዊ ኣገባብ" ዝብል መርዛም ፖሊሲ ንሓንጎል መንእሰያት ከዘናብሉን ኣመንጊዖም ንሰባት ምቁር መርዚ ከስትዩን ወሪሖም ኢዮም።

ምስ ኢሳይያስ ጉዳይ ሰላማዊ ቃልሲ ዘዐውት እንተዝኸውንሲ ኣድማ ተጋደልቲ 1993 ከምኡ'ውን ጉጅለ 15 ብሰላማዊ ኣገባብ ለውጢ ንምምጻእ ኢዮም ሓቲቶም ዝነበሩ'ምበር ዝለገሙዎ ምንሽር ኣይነበረን። ናጻ ጋዜጣታት ብዘይካ ጉዳይ ቅዋም፣ ሃገራውነትን፣ ባህሊን ምዕባለ ቋንቋታት ኤርትራን፤ ኣብ ዓንቀጻተን ዝጸሓፍኦ ኣንጻር ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ኣይነበረን። ኣብዚ ሎሚ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ መመሊሱ እናቐረበ ዝመጽኣሉ ዘሎ ናይ ተስፋ ግዜ፣ብመራኸቢ ፓልቶክ ሓደስቲ ድርሰታት ይንበቡ ከም ዘለዉ ኩሉ ኤርትራዊ ደላይ ሰላምን ፍትሒን ከድህበሉ ይግባእ። ኣብቲ ጽውጽዋይ ብዛዕባ'ዚ መድርኽ'ዚ ዝስማዕ ዘሎ ውዳሴ-ሃለሉያ፣ "...ኢሳይያስ ተጋግየ ኣለኹ እንተኢሉ፣ ንእሱራት ክፈትሕ እየ እንተ ኢሉ፣ ቅዋም ከተግብር እየ እንተኢሉ ... ወ.ዘ.ተ እ ን ተ ኢ ሉ...ናብ ኣስመራ ክንኣቱ ን'ኽእል ኢና" ይብል። ብሓቂ ንምግምጋም ግን ኢሳይያስ ኣብ ስልጣን ኣብ ዘለወሉ ግዜ ብሓቂን ብሕልናን **"ተጋግየ"** ክብል ይኽእል'ዶ ኢልና ናብ ባህርያት ኢሳይያስ 1970፣ 1973፣ 1993፣ 2001 ዓመተ-ምህረታት ተመሊስና እንተገምገምና ምሓሸ።

ገለ ሰባት ብፍላጥ ድዮም ብዘይ ፍላጥ ኣብ መድረኽ ፓል-ቶክ ቀሪቦም ኣብ ዚዛረብሉ ግዜ ዓቢ ታሪኻዊ ጌጋታት ክፍጽሙ ንሰምዕ ኣሎና። 'ዓው ኢልካ ኣይትዛረብ እዝኒ ኣለዎ ገረብ' ከም ዝበሃል፤ ገለ ምሁራት ኣብ መድረኽ ፓል-ቶክ ዓው ኢሎም ኣብ ዚዛረብሉ ግዜ ሰማዒ ሰብ ዘሎ ኣይመሰሎምን። ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ቁናን ኣረኣእዮኦም ከዝርግሑ ጸኒሖም ኢዮም። ገለ'ውን ኣብ ጉዳይ ጉጅለ 15 /G15/ ትንታነታት ይህቡ ኣለዉ'ሞ፣ ከምቲ ንንጉስ ወዲ እልፉ "...መን ኣሎ ዝወዓለ ምስኡ...እነህ'ንዶ ዝናርካ ብሙሉኡ ዘይኮነስ! እነህን'ዶ ዝናርካ ተወዲኡ" ተባሂሉ ዝተዘምየሉ፣ ኣብ ጉዳይ ጉጅለ 15 ብዝምልከት ዝወዓልና ኣሎና'ሞ ዝግ በሉ ክንብል ንደፍር።

እቶም ሰባት ተሓቲቶም ኣብ ዝምልስሉ ዝነበሩ ግዜ፣ **"...ንጉጅለ 15 ዘራኸቦም ብሓደ ምፍራሞም ጥራይ ኢዩ"** ኢሎም መሊሶም ኣለዉ። እቶም ብሓደ ዝፈረሙን ብኢሳይይስ ዝተኣሰሩን ገዳይም መሪሕነት ሎሚ ገና መርድኦም ካብ ስንጭሮ ዒራ-ዒሮ ብወግዒ ኣብ ዘይተነግረሉ ግዜ፣ ኣብ እንዳ ጠበቓ ከም ዝተፈራረሙ ሰብ ውዕል፤ ብዘይካ ፌርማ ናይ ዕላማ ሓድነትን ንኤርትራ ብዝምልከት ሓባራዊ ራእይን ኣይነበሮምን ምባል ዓገብ ኢዩ። እዚ ክሕደት'ዚ ብትኹረት ክረአ ዝግብኦን ክሳብ ዕለተ-ፍዳ ንኢሳይያስ፣ ኣብ ርእስና ፍሉይ ከብሒ ጌርና ከነቐምጦን ኣዝዩ ኣድላዪ ኢዩ። ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃን ማሕሙድ ሸሪፎን፣ ጴጥሮስ ሰለሞንን ሃይለ ወልደንስኣን፣ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄርን ወዲ ከክያን፣ ጀርማኖ ናቲ፣ በራኺ ገብረስላሴን ኣስቴር ፍስሓጽዮንን ፣ ወ.ዘ.ተ... ብዘይካ እታ ኣብ ወረቐት ዝተኸተመት፣ ብፎቶ ኮፒ ናብ ኩላትና ዝበጽሐትን ፌርማ፤ ናይ መቐይሮ ራእይ ኣይነበሮምን ምባል ገዚፍ ናይ ታሪኽ ክሕደት ኢዩ።

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ! ኣብ ዝሓለፈ ክፋል 19 ዝተንከፍኩዎም ዝርዝር መብርሂ ዘይተገብረሎም ጉዳያት ከም ዝነበሩ ኣይረሳዕኩን። ንኣብነት ብዛዕባ እቶም ንኢብራሂም ዓፋ ዝቐተሉ ሰብ ሳይለንሰር ተጋደልቲ ኣበይ ኣተዉ? ከምኡ'ውን ስራሓት መርከብ ኣንጀሎን ኣተኣኻኽባን ምግባትን ገንዘብ ዝብል ከም ዝነበረ ትዝክርዎ ጉዳይ ኢዩ። ብሕጽር-ሕጽር ዝበለ መንገዲ ኣብ እንርእየሉ ግዜ፣ ገለ ካብቶም ንኢብራሂም ዓፋ ኣብ ዝባን እምባ ዓጋመት ዝቐተሉ ተጋደልቲ ምስ 12 ሃንደሳን ስለያን ዝተማህሩ ሰባት ወዲ ሓብቲ ምስ ዝተባህለ ሓላፊኦም ናብ ሶማል ከይዶም ነበሩ። ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሓጅ ሳልሕ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ ኣስመላሽ ኣብርሃ መደብ ትግርኛ፣ ገርህላሰ (እንጦጦ) መደብ ኣምሓርኛ፣ ሓሰን ሽሪፍ መደብ ዓረብ ሒዞም ኣብ ሶማል ዝሰርሑሉ ዝነበርሉ ግዜ ኢዮም እቶም ተጋደልቲ ናብኡ ዝተላእኩ።

ናብ ድሬዳዋ ኣየር ፖርት ኣስሊኾም ስርሒት ክፍጽሙ መደብ ተታሒዙ ስለዝነበረ፣ ካብቶም 12 ተጋደልቲ፣ ክልተ ውፉያት ኮማንዶን ሓደ መንገዲ ዝመርሕን ዝደጋገፍን ኣብ ከቢድ ብረት ዝነበረ ተጋዳላይ፣ ቛንቋ ሶማል ዝፈልጥ 'ሃርጌሳ' ዝተባህለ ሳልሳዮምን ምስ ወዲ ሓብቲ ኣትዮም ነበሩ። እንተኾነ ሰለስቲኦም ኣብ ጥቓ'ቲ ኣየር ፖርት ብሚሊሽያ ክማረኹ ከለዉ፣ ወዲ ሓብቲ ሃዲሙ ተመልሰ። እንደገና ንካልኣይ ግዜ'ውን ተፈቲኑ'ኳ እንተነበረ፣ ኣይሰለጠን። ካብኡ ንደሓር እቶም ንስርሒት ተባሂሎም ናብ ሶማል ኣትዮም ዝነበሩ ኮማንዶ፣ ብመርከብ ኣንጀሎ ናብ ማርሳ ዓጊግ /ሱዳን/ ተመልሱ። እቶም ንኢብራሂም ዓፋ ዝቐተሉ ከኣ ካብ ሽዑ ንደሓር ናበይ ከም ዝኣተዉ ኣይተራእዩን።

መርከብ ኣንጀሎ ኣብ ግሪኽ ብዝቐመጥ ኤርትራዊ ዜጋ ሊቸንሳ ዝወጸላ መርከብ ኢያ ዝነበረት። ኣጽዋር ኣብ ምግዕዓዝ፣ ኮንትራባንድ ስራሓት ኣብ ምክያድን ትነጥፍ ዝነበረት ናይ ኢሳይያስ መርከብ ንግዲ ኢያ ዝነበረት። እዚ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን፣ ንጥፈታት ግብረ-ሽበራ ንምክያድን ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ስለያ ኣዋፊሩ ዝሰርሓሉ ዘሎን ሚልዮናት ገንዘብ፣ ካብ ሽዑ ዝእከብ ዝነበረ ኢዩ። ስለዚ ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ ዝተገልጸ፣ ምስ እዋናዊ ኩነታት ከባቢና መታን ክንከይድ፣ ነቲ ዝሓለፈ ብከምዚ ሕጽር ዝበለ ዓጽየ ናብቲ ርሱን እቶን ንኺድ።

እዚ ግዜ ናይ ጫውጫውታ ግዜ ኢዩ። ኣብ ውሑዳት ወብ ሳይታትን ፓል ቶክን ዝስማዕ ዘሎ ፍኑው ድምጺታት ዕድመ ኢሳይያስ ዘጻንሕን ዘናውሕን እምበር ዕድመኡ ዘሕጽር ኣይኮነን። ሎሚ ንኢሳይያስ ኣብ ምእላይ እንታይ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ንጠቐም ኣብ ዝብል ወሳኒ ሕቶ፤ ደቀባት ኤርትራውያን ከይንጋገ ሓደራን ሕድሪን ሰማእታትና ክብል እግደድ። እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ኢሳይያስ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ንክበጽሕ ክንደይ ክሳውዲ ጀጋኑ ኤርትራውያን ቆሪጹ ከም ዝመጸ ምግንዛብ የድልየና ኣሎ። ናይ በረኻ ሕቡእ ቅንጸላ ከይኣክል ብድሕሪ ናጽነት ክንደይ ደቀባት ጸኒቶም ከም ዘለዉ ስለምንታይ ኢና እንርስዕ! ሎሚ ኤርትራ ካብ ሙሉኣት ሃገራት ዓለም እታ ዝደኸየትን ዝለዓለ ግፍዒ ዝትግበረላን ሃገር ዘይኮነትስ ኣጉዶ ኢያ ኮይና ዘላ።

ስለምንታይ ኢና ነቲ ትማሊ ዝነበረ ምክፍፋል ኤርትራ ብዞባታት ረሲዕናዮ! ስለምንታይ ኢና ህግደፍ ዘተኣታተዎ ፍልልይ ኣውራጃን ሃይማኖን ዘይስቆረና? ስለምንታይ ቅድሚ ሎሚ ኣብ ናይ ታሪኽ መዛግብቲ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ምእሳርን መቑሕን ንጳጳስ... ስለምንታይ ሞባእ ኣብያተ-ቤተ ክርስትያናት ብመንገዲ ኣማሓዳሪ መንበረ ፓትሪያርክ ዕሱብ ይፍታሄ ዲመጥሮስ ናብ ካዝና ሓጎስ ክሻ ንክእከብ ትእዛዝ ተዋሂቡ? ስለምንታይ ኣድባራት ብኮሎኔል ይመሓደርን ንዋየ - ቅዱሳት ኣድባራት ናብ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኣረክቡ ይበሃልን ኣሎ? ስለምንታይ መራሕቲ ዝተፈላለያ እምነታት መቑሕን ሞትን? ስለምንተይ ዜጋታት ብፍሉይ ቤት ፍርዲ ይቕጥቀጡ?...ስለምንታይ ንሃገራዊ ቅዋም ናብ ከብሒ ኢሳይያስ ... ስለምንታይ ኢና ንከይንሰማማዕ ተሰማሚዕና?

ኣብዚ ሎሚ ህዝብታት ንመሰሎም ዝብገስሉ ዘለዉ ግዜ፤ ኣብ ምእላይ ኢሳይያስ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ ኢና እንኣምን እንተበሉ ናታቶም እምነት ኢዩ ኢልና ክንሰምዖ'ኳ ግቡእና እንተኾነ፣ ኢሳይያስ ግን ብሰላማዊ ኣገባብ ስልጣኑ ከረክብ ይኽእል'ዶ ክቡራት ኣሕዋት? ቅዋም ብከመይ ኢዩ ከተግብር ኢሳይያስ? ፕረዚደንታዊ ምርጫን ምምስራት ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓትን'ከ ብሂወቱ እንከሎ ብሓቂ /ብዘይ ሽፈጥ/ የፍቅድ'ዶ ዝኸበርኩም ተመነይቲ? ኢሳይያስ ንሓንቲ ካብዘን ነጥብታት ካብ ዘተግብር ርእሰ-ቅትለት ክፍጽል ኢዩ ዝመርጽ። ስለዚ ገለ ሰባት ካብ ዘይምፍላጥን የዋህነትን ነዚ ከንቱ ትንቢት ክደጋግሙ እንከለዉ፤ ብላዕሊ ግን ኣዋፈርቲን ተኸታተልቲን ዋናታት ኣለዉዎ እዚ ዘረባ። ኣብዚ ወሳኒ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸቢብ በዓቲ ዓቕሉ ክሳብ ዝጸቦ

ሂወት ንምርካብ ዒቕ ኢሉሉ ዘሎ ግዜ፣ ገለ ምሁራት ኤርትራውያንን ገዳይም ተጋዳልቲ ህዝባዊ ግንባር ነበርን ነቲ ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎ ኢሳይያስ “ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራይ” ምባሎም ድማ ናይ ነገር ጣቋ ኣይኮነን።

ኢሳይያስ እዚ ካብ ከበባ 1973 ዘምለጠ፣ ኢሳይያስ እዚ ካብ ግሩህ ኣድማ ተጋደልቲ 1993 ንስክላ ዝወጸ፤ ኢሳይያስ እዚ ኲናት ባድመ ወሊዑ ንዘስግእዎ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ብድብያ ዝቐፈደ፣ ኢሳይያስ እዚ ንሃገራዊ ቅዋም ኣምኪኑ ንሃገራዊ ባይቶ ዝበተነ…ኢሳይያስ እዚ ነታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዓጽዩ ንመላእ መንእሰይ ኤርትራ ናብ ሓመድ ሳዋ ዘንገርገረ…ኢሳይያስ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ “እዚ ፈገር ህዝቢ” እናበለ ብሓለንጊ ጥሜት ዝገረፈ…ኢሳይያስ እዚ ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሃገራት /የመን፣ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ ሶማል፣ ጂቡቲ/ ዝሃወኸን ብናይ ሳሕል ስነ-ሓሳብ ዝምራሕን ሰብ ከመይ ኢሉ ኢዩ ኣብዚ ዘመነ ኣካሒዳ ፍትሒ ክወልድ?

ሎሚ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብር ካብ ዘይከኣለ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ክስለፍ ይኽእል’ዶ? እቲ ክዉንነት በሪሁ ኣሎ። ሓቂ ኢዩ ሎሚ ለውጢ ንህዝቢ ኤርትራ ወላ’ኳ ብዙሓት ሰባት ብዋጋ ህልቂት ኤርትራውያን ንመንበሮም ክብሉ ዘይደልዩዎ እንተኾኑ፤ ፈቲና ጸሊእና ለውጢ ካብ ውሽጢ ሃገርና፣ ካብቲ ጎድኒ ህዝቢ ዝኾነ ሰራዊት ጥራይ ኢዩ ዝብገስ። እቲ ብሕልፈት ግርጭታት ዝዘቕበበ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ክንዲ ነንዝቐደመ ግርጭት ምፍታሕ፤ ነቲ ኣብ መንጎ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝነበረ ዘይምስምማዕ መመሊሱ ቡቕሊን ኮረንሾን ይውስኸሉ ስለዝነበረ፣ ሕጂ እታ ከም ኩዕሶ ዝኸበበት ስርዓት ናይ ምብታና ሰዓት ኣኺሉ ኢዩ። ዕሉል ገበነኛ ኢሳይያስ ምልኪ ትማሊ ኣይኮነን ዝጀመሮ። ‘ፈላሊኻ ግዛእ’ እታ ኣዝዩ ዝጥቀመላ ግናይ ስልቲ፣ ካብ ቀደም ኢዩ ጀሚሩዋ። ከምቲ ኣብ ግዜ ኲናት ባድመ ንታሕተዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ድርዳር ናቖፉ፣ ንላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ከኣ ዶላራት እናኸፈለ ዘሕንኖም ዝነበረ፤ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ’ውን ንተራ ተጋደልቲን ንላዕለዎት ሓለፍቲን ዝወሃብ ዝነበረ ፖለቲካ ነንበይኑ ኢዩ ዝነበረ።

ንተራ ተጋደልቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ፦ “…ዕላማና ሰብ ብሰብ ምዝመዛ ዘይብሉ፣ ዲሞክራስያዊ…ማሕበርነታዊ…ቀስ ብቐስ ከኣ ዴሳዊ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ኢና ንቃለስን ንስዋእን ዘለና!…” ዝብል ኣስተምህሮ ክዝርግሕ እንከሎ፤ ምስ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ርክብ ግን፦ “…ማዕርነት’ዶ ዲሞክራሲ’ዶ ዝበሃል መሰጋገሪ ሜላ’ምበር ኣብ መላእ ኣፍሪቃ’ውን ዝሰርሕ ኣይኮነን። ነዚ ህዝቢ’ዚ ብበትሪ ጥራይ ኢና ከነመሓድሮ እንኽእል። ኣብ ዓለም ከም ስኒ ኣድጊ ማዕረ ዝበሃል ነገር የለን…ስለዚ ‘በትር ተጽንዓ ለሃይለ መንግስት’ ዝበሃል ዝነበረ ኣዘራርባ ካብ ሓቂ ዝተበገሰ ዘረባ ኢዩ…” ይብሎም ነበረ። ‘ዓሻ ጠሓኒት ምስ ፈታሊት ተዋግዕ’ ዝበልዎ ከምዚ ኢዩ፣ እቲ ምንታይ ኢሳይያስ ናብ ሕልሙ ዘብጽሕ ስንቂ ከዳሉ እንከሎ፤ ተጋዳላይ ግን በታ ሓንቲ እምነቱ “ናጽነት” ትብል ጥራይ ደጋጊሙ መሓለ።

ኢሳይያስ ብሓደ ኢዱ ክርዳድ ብካልኣይ ኢዱ ከኣ ጭማራ ሒዙ ዝወፈረ ውዲተኛ ሰብ ኢዩ። ኣብ ግዜ ገድሊ ዘተኣታተዎ ስራሕ ማፍያ ድማ ክሳብ እዛ ቀሪባ ዘላ ዕለተ-ሞቱ ዝገድፎ ኣይኮነን። ኣብቲ ንሰባት ናብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ቃልሲ ዘዋፍረሉ ዝነበረ ግዜ፣ ፍርቂ ካብቲ ዕዮን መስዋእቲን ንገዛእ ረብሕኡ የውዕሎ ከም ዝነበረ ደንጒዩ ኢዩ ተረዲኡና። እቲ ግሉጽነት ዘይነበሮ ኣገባብ ኣተኣኻኽባ ገንዘብ ብዘይካ ንሱን እቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ ውሑዳት እሙናት ተሓዝቲ ገንዘብን ካልእ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ‘ኣንጭዋ ትሕለፍ ምእንቲ መጎጎ’ ክብሉ እንከለዉ፤ ኢሳይያስ ከም ኣንጭዋ ሓሊፉ ንሳቶም ግን ከም መጎጎ ንዘለኣለም ድዋዕዋዕ ኢሎም ጠፍኡ። ስለዚ ሎሚ’ውን ንሕና ኣብ ጉዳይ ኢሳይያስ ‘ኣንጭዋ ትሕለፍ’ ኢልና ከይንጋገ፣ ዓቢ ጥንቃቐ ንግበር።

ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ሞት ኢሳይያስ ክንሰምዕ ኢና። ዓመተ-2011 ድማ ዕርበተ ጸሓይ ገበነኛ ኢሳይያስ ክትከውን ኢያ። እዞም ኣብ ደገ ተቓለስቲ ዝመስሉ፣ ንደምበ ተቓውሞ ከም ኣብዑር መኸዳ ዓውዲ ንዓሰርተ ዓመታት ሸንኮለል ዘበሉዎ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ነበር፤ ሽዑ ኣብቲ ፍትሒ እተጉላዕልዓሉ ዓመት የራኽበና። ‘ሓጢኣትን ንብረትን ተዋህላላይ’ ከም ዝበሃል፣ እቶም ከም ቫይረስ ናብ ደም ኤርትራውያን ኣትዮም ሸንኮለል ዘበሉዎ ገበነኛታት ንሓጥያቶም ዝኸውን መስፈሪ ኣይርከብን። ገለ ካብቶም ሓጥያተኛታት ኣብ ዓመተ-2001 ቀትሪ ምስ ማሕሙድ ሸሪፎ ይውዕል፣ ምሸት ከኣ ምስ ዓብደላ ጃብር የምስዩ ነበሩ። ካልኦት’ውን ቀትሪ ምስ ጴጥሮስ ሰለሞን ምሸት ኣብ መንበሪ ገዝኡ ምስ ኢሳይያስ ዘሕልፍዎ ዝነበረ ግዜ ክሕሻሕ ምኳኑ ኣይንጠራጥርን። ተቓወምቲ ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ክእሰሩ ምኳኖም ኣብ ምጅማር ኲናት ባድመ ኢዩ ተወሲኑ። ስለዚ

ካብ መቑሕን መስገደልን ኢሳይያስ ኣምሊጥና! ኡ...ፍ! ተመስገን እንተበሉ ኣይንግረምን ኢና። 'ንዓይ ነንጭዋስ ኣብ ለቕታ' ዝበለቶ ኣንጭዋ  ነዚ'ዩ ዝመስል'ሞ ወዳጇ! ኣጠማጥማ ቆቢዕ!...እንተ ኣዒንቲ'ሞ ኣይግድን!!

ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ናብ ገበናት ዝተኻፈሉ ሰባት ኣይትጸብጽቡ፣ ዝብል ርእይቶታት ክስማዕ ጸኒሑ ኢዩ። እዚ ልክዕ ኣበሃህላ ኢዩ፣ ብሓቂ ኢሳይያስ ኤርትራውያን ንምጽናት ካብ ዝተበገሰላ ዕለት ንብዙሓት ደቀባት ናብ ገበን ከም ዝኣትዉ ዝገበረ፤ ናይ ገበነኛታት ገበነኛ ኢዩ። እቶም ብህዝቢ ክፍለጡ ዝግበኦም ብድርብ ውክልና /Double agents/ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምብትታን ንምእታው ዝተላእኩ ሰባት ገና ኣብ ነፍስ-ወከፍ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ኪግለጹ ኢዮም።

'ጾባ ላም ይፍላሕ፣ ጾባ ጤል ይጽናሕ' ከም ዚበሃል፤ እምበኣር ብዛዕባ ናይ ሜዳ ገበናትሲ ክሳብ ህዝባዊ ስልጣን ዝትከል ምጸንሐ! ግን እቶም ናይ ቀደም ገበናቶም ክይኣክል ገና እዝንና ስግንጢሮም እናሰምዐ ትም ክንብል ሕልናና ምቕባል ዕጭ ኢሉና ኢዩ። ኩቦ ጥሒሉ እምኒ ጸምበለል ኢሉ ኮይኑ ያኢ! ሰባት ኣብ ሓደ ግዜ ኣንጻር ህግደፍ...ኣንጻር ወያነ...ኣንጻር ዋዕላ...ኣንጻር እገዳ ክብሉ ንሰምዕ ኣሎና። ናብ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምስግጋር ገና ኣብ ድልድል /ቢንቶ/ ኣይበጻሕናን፤ ኩላትና ደለይቲ ለውጢ ኣብ መሰጋገሪ ታንኳ ተሰቒልናሉ ዘለና ተኣፋፊ ግዜ፣ ብሓደ ሓይሊን ድምጺን ሳቫያ! ንዕርበተ-ኢሳይያስ ኢልና ንዝለል!!

ኣብ ቱኒዝያ ዝተወልዐ ሓዊ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ተኻሲሱ ንዝነበረ ሕብስቲ ኣብሲሉ ኣሎ። ኣብ ሊብያ ካብ ዘሎ መጋርያ ድማ ፍንጫል ፍሊፊላ ናብ ኤርትራ ክሰግር ኢዩ'ሞ ሕብስቲና ከነብስል ድሉዋት'ዶ? እወ መንግስቲ ይሙት ድሉዋት!!!

**ኣብ ሓድሽ ኣርእስቲ ብሰላም የራኽበና!**

ናይ ኢ-መይል ኣድራሻይ እነሆ፡-

alenakoena@gmail.com

**<u>ኣለና፣ ከም ነጎዳ ሓጋይ ድምጺ ዕቡሳት ኢዩ።</u>**

**<u>ኣለኺ+ኣለኻ+ኣለኽን+ኣለኹም= ኣለና</u>**

**ሞት ክናና ንኢሳይያስ!**

**መወዳእታ ክፋል**

**ጽሑፍ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ።**